ኣዳላዊ- ኣህጉራዊ ማሕበር ኣይፋል ንሥናት
ለካቲት 2009
ISBN 978-0-903517-21-8
ትርጕም ካብ ቋንቋ ኢንግሊዘኛ-ብ ኣብራሃም ምሕረተኣብ
ዝተሓትመሉ-ጥቅምቲ 2011

ኣብ ካልእ እንተዘይተጠቒሱ፡ እዚ ሕታም ኣብ ትሕቲ ኣበርክቶ ዘይንግዳዊ ብርኪ 'ኣላይክ' 2.0 ሕብሩት ንግስነት ብሪጣንያ፡ እንግሊዝን ዌልስ ፍቓድ ዝተዋህቦ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ (http://creativecommons.org/licenses/by-nc-sa/2.0/uk/) ተመልከት።

# ኣገባባት ንዘይኣጻዊ ጎስጓስ

## መወከሲ-መጽሓፍ

**The ‘Handbook for Nonviolent Campaigns’ is prepared by War Resisters’ International (WRI) in 2009.**

**Translated-- by Abraham G. Mehreteab – in October 2011.**

**Printed—by Eritrean Antimilitarist Initiative with the support of Stiftung Umverteilen**
**With the cooperation of Connection e.V.**

**Contact E-mail: socialempowerment@hotmail.com**

# ምስጋና

ነዚ መወከሲ-መጽሓፍ ንምድላው ዝተገብረ መስርሕ ዝተፈላለየ ደረጃታት ተሳትፎ ዝነበሮ ናይ ሓባር ጻዕሪ እዩ ነይሩ። መብዛሕትኡ እቲ ናይ ምስንዳእ ስራሕ ብኣህጉራዊ ኣሰናዳኢ ሽማግለ እዩ ተዓሚሙ። እቶም ኣብ'ዚ ሰፈሮም ዘለዉ ዓንቀጻት ካብ ነጻ መርበብ ሓበሬታ WRI ዝተወስዱ እዮም። (http://wri-irg.org/pubs/NonviolenceHandbook); እዞም ኣብ'ዚ መርበብ ሰፈሮም ዘለዉ ትሕዝቶታት ብቐጻሊ ዝመሓየሹ እዮም።

**ምውህሃድ**
ሆዋርድ ክላርክ
ጃቪየር ጋራተ
ጆንነ ሸሃን

**ኣሳናዳእቲ ሽማግለ**
ሆዋርድ ክላርክ
ጃቪየር ጋራተ
ጆንነ ሸሃን
ዶሪ ዊልስናክ

**ምስንዳእ ቅዳሕ**
ሻኖን ማክማኒሞን
**ኣቀማምጣ**
ፌሞኒክ
**ናይ ግራፋት ኣሰራርዓ**
ቦሮ ኪታኖስኪ

**ኣበርከትቲ**
ኤሪክ ባኽማን፡ ሮበርታ ባሲክ፡ ጁንግሚን ቾይ፡ ሩበን ዳሪዮ ሳንታማሪያ፡ ኢ.ፒ፡ ሂላል ደሚር፡ ሩት ሂለር፡ ጆረገን ጆሃንሰን፡ ብርያን ማርቲን፡ ማርቲን ስመድጀባኽ፡ ኣንድርያስ ስፔክ፡ ማጅከን ሶረነሰን፡ ሮኤል ስቲነን፡ ፌርዳ ኡልከር፡ ስቴላን ቪንታገን።

**ኣጽፈፍቲ**
ኣብ ምድላው መስርሕ ናይ መወከሲ-መጽሓፍ ብምትንታን ዕውት ኣበርክቶ ዝገበሩ እዞም ዝስዕቡ ክምስገኑ ይግባእ፡ ሃንስ ላመራንት፡ ታሊ ለርነር፡ ቪኪ ሮቨር፡ ቸስተርፊልድ ሳምባ፡ ክሪስቲን ሽቫይሰር፡ ቪቪየን ሻርፐለስ፡ ጂል ስቴርንበርግ።

# ትሕዝቶ


## 1 ብዛዕባ መወከሲ-መጽሓፍን ኣጠቓቕምኡን 9

## 2 ሌላ ምስ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ 12

-ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ እንታይ ማለት'ዩ? ስለ ምንታይከ ንጥቀመሉ? 12
-ታዕሊም ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ 16
-ንስኻን ጉጅለኻን 19
-ካብ ታሪኽ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ እንታይ ንመሃር? 24
-መጽናዕታዊ ጉዳይ- ታዕሊም ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣብ ግዜ ምንቅስቓስ - ሲቪላዊ መሰላት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (ሕ.መ.ኣ) 28
-መጽናዕታዊ ጉዳይ- ናይ ህዝቢ ሓይሊ ኣብ ሰረብያ (ኦትፖር) 31

## 3 ጸታን ዘይጎነጻውን 33

-ጸታ እንታይ ማለት እዩ? 34
-ስለ ምንታይ ናይ ሰላም ምንቃስቓሳት ኣብ ጸታዊ ጒነጽ ዝዋስኡ? 36
-ናይ እስራኤል 'ኒው ፕሮፋይል' ኣብነት ምትእስሳር ሰላምን ጸታዊ ጉዳያትን 37

## 4 ንምውዳብን ምስላጥን ታዕሊም ዘገልግሉ ዕማማትን መስርሓትን 39

-ብሓባር ምስራሕ 40
-ንታዕሊም ንምውዳብ ዘድልዩ ኣገደስቲ ነገራት 41
-ንታዕሊም ንምስላጥ ዘድልዩ ኣገደስቲ ዝርዝራት 41

## 5 ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት 45

-ንጎስጓስ ዘይጎነጻዊ ዝገብሮ እንታይ እዩ? 45
-ውጥን ንዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት 49
-ሃናጺ መደብ 59

-ናይ ቢል ሞየር ውጥን ተግባራዊ ምንቅስቓስ (ው.ተ.ም) 62
-ንምዕባለ ናይ ምንቅስቓስኩም ንምትንታን ዝሕግዙ መሳርሒ 64
-መልክዓት ናይ ዘይጎነጻዊ ተግባር 67
-ደረጃታት ኣማዕባብላ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ 69
-ተራ ናይ መራኸቢ ብዙሓን (ሚድያ) 72
-ንጎስጓስ ዝኸውን መጽናዕታዊ መምሪሒ 79

## 6 ውደባ ንውጺኢታዊ ዘይጎነጻዊ ተግባራት 85

-ናይ እብያ መልእኽቲ ምልኣኽ-ንሓደ ተግባር ውጺኢታዊ ምግባር 85
-መርገጺኻ ኣብ ምውሳድ ዘሎ ጭንቀትን ጸቕጥን ምግጣም 93
-ዋዛን ዘይጎነጻዊ ተግባራትን 99
-ብጕጅለ ምስራሕ 104
-መቆጻጸሪ-ዝርዝር ንምውጣን ተግባር 122
-ተራ ኣባላት- ኣብ ቅድምን ኣብ ግዜ ተግባርን ድሕርኡን 125
-ናይ ሕጊ ደገፍ 127
-ንእሱራት ምድጋፍ (MOC) ናይ ስፓኛ ተመኩሮ 128
-ገምጋም ኣብ ልዕሊ ዝተወስደ ተግባራዊ ስጉምቲ 131

## 7 ዛንታታትን እስትራተጅታትን 135

-ኣህጉራዊ ናይ ጎስጓስ ምሕዝነት ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ 136
-ሲብሩክ -ዊል-ማርኮልስሃይም- ርክባት ሃገር-ሰገር ኣብ ዝተኣሳሰሩ ጎስጓሳት 139
-ኣህጉራዊ ጸረ-ውትህድርና ምረሻታት 142
-ቺለ- ናይ ጋንዲ መረዳእታ ንናይ ቺለ ዲክታተር ኣብ ምንጻግ ንህዝቢ ኣተባቢዑ 143
-እስራኤል- ኒው ፕሮፋይል ካብ ናይ ካልኦት ተመኵሮ ይማሃር 147
-ቱርኪ- ዘይጎነጻዊ ባህሊ ምህናጽ 151
-ኣጠቓቕማ ናይ ኦጉስቶ ቦል 'ናይ ውጹዓት ተዋስኦ' 157
-ብድሆታትን ዓወታትን ኣብ ስራሓት ዘይጎነጻዊ ኣብ ደቡብ ኰርያ 159
-ናይ ሳን ጆስ ደ ኣፓርታዶ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ፡ ኰሎምብያ- ናይ ተቓውሞ፡ ክብርን ትብዓትን ትምህርቲ 161
-ናይ ነቑጣ ቦምብ (ቦምብስፖቲንግ) ኣብ ኤውሮጳ ዝተገብረ ጎስጓስ 166

## 8 ዘይጎነጻዊ ንምስራሕ ዘድልዩ ልምምዳት 171

-ኣእምራዊ ንብረት 171
-ቀዳማይ ልምምድ  ናይ ባእሲ መስመር 172
-ካልኣይ ልምምድ ናይ ሓንጎል ማዕበል 173
-ሳልሳይ ልምምድ  ዓው ኢልካ ምዝራብ 174
-ራባዓይ ልምምድ  ጸታዊ ዝርርብ ንሃነጽቲ ሰላም 177
-ሓምሻይ ልምምድ  ስለምንታይ መምህር ዝበሎ ትገብር? 178
-ሻዱሻይ ልምምድ  ኣብ ቤት ትምህርቲ መን'ዩ ስልጣን ዘለዎ? 179
-ሻባዓይ ልምምድ  10/10 እስትራተጅታት 181
-ሻሙናይ ልምምድ  ገረብ 182
-ታሻዓይ ልምምድ  ናይ ስልጣን የዕኑድ 183
-ዓስራይ ልምምድ  ናይ ፍርሒ ሳዕቤናት 184
-ልምምድ ዓሰርተ ሓደ  ዝርገሐ ናይ ምሕዝነት 185
-ልምምድ ዓሰርተ ክልተ ገረብን ንፋስን ናይ ምትእምማን ጸወታ 187
-ልምምድ ዓሰርተ ሰለስተ ምሕላፍ ውሳነ 188
-ልምምድ ዓሰርተ ኣርባዕተ ተራ ምጽዋት 189
-ልምምድ ዓሰርተ ሓሙሽተ ናይ መስቀል ዝርገሐ 191
-ልምምድ ዓሰርተ ሽዱሽተ  ናይ መድርኽ ተዋስኦ 192
-ልምምድ ዓሰርተ ሸውዓተ  ሜላታት ኣብ ምድልዳል፡ ምክልኻልን - ምዕጋትን 194
-ልምምድ ዓሰርተ ሸሞንተ  ዝርገሐ/ባሮሜትር (መዐቀኒ) 196

## 9 ባዕልኻ ግበሮ!! 197

-መወከሲ-መጽሓፍ ምድላው 197

## 10 ትርጉም ናይ ጎስጓሳዊ ቃላት 199

## 11 ምንጪታት 204

# 1

# ብዛዕባ መወከሲ-መጽሓፍን ኣጠቓቕምኡን

ነዚ መወከሲ-መጽሓፍ ኣብ ምድላው፡ ኣባላት ኣህጉራዊ ማሕበር ኣይፋል ንኵናት (War Resisters' International `WRI') ካብ ተመኵሮ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝርከቡ ጕጅለታትን ዝተፈላለዩ ወሎዶታት ተቓለስትን ምርኩስ ብምግባር ንሕትመት ኣብቒዕዎ። ዓንዲ ማእከል ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ናይ ተሓለኽቲ ብልሕን ተወፋይነትን፡ ከምኡ'ውን ዘማሓላልፍዎ ዓይነት ዘለዎ ሓሳባት- ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሕቶታት ዝልዕል መልእኽቲ፡ ንህዝቢ ተገዳስነት ንኽርኢ ብዛዕባ እንታይ ይኽውን ኣሎ ወይ ክኸውን ይኽእል ንምርኣይን ንምብርባርን፡ ተደናገጽቲ ሰዓብቲ ምስሓብ፡ ወይ ንሂወቶም/ንሂወትና ክትንክፍ ዝኽእል ውሳነ ገለ ነገር ክትብል/ድምጺ ንምርካብ ጠለብ ዘቕርብ መልእኽቲ... ክኸውን ይኽእል። ሓደ ካብ'ቶም ኣምራት ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት እቲ መሰረታዊ ዝኾነ 'ምሕያል' እዩ። እዚ ማለት ብኸመይ ንነገራት ብፍላይ ምስ ካልኦት ተሓባቢርካ ተግባራዊ ትገብር ዝብለ ስምዒት'ዩ።

ብዙሓት ድራማዊ ምስልታት ዝኾኑ ናይ ዘይጎነጻዊ ተግባራት ኣለዉ። ብሓቂ'ውን ንጉዳያት ብድራማዊ መልክዕ ምቕራብ ሓደ ካብቲ ሓያል ጎኒ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ እዩ። በዚ ድማ ህዝቢ ብዙሕ ግዜ ከየስተባሃለሎም ዘሓልፉ ነገራት ብቐሊሉ ንኽሪእዎምን ተግባራዊ ስጉምቲ ክወስድሎምን ክገብር ይፍትን። እዚ ድራማዊ ኣቀራርባ ግን ስቕ ኢሉ ብሃውሪ ዝኸውን ኣይኮነን። እዚኦም ኣብ ናይ ተሓለኽቲ ጕጅለታት ወይ ዋህዮታት፡ ኣብ ዝርርባት፡ ናይ ታዓሊም ርክባት፡ ሕሉፍ ፍጻሜታት ዘሎ ተመኵሮታትን ርእይቶታትን፡ ኣብ ውጥን ምሕንጻጽ፡ ኣብ ልምምዳትን ከምኡ'ውን ኣብ ርክባት ይህነጹ። ብዚ ምኽንያት እዩ ድማ ትሕዝቶ ናይዚ መወከሲ-መጽሓፍ ጕጅለታት ኣብ ዝሰርሕዎን ብኸመይ ከም ዘካይድዎን ንምርኣይ ዝፍትን። ኣብ'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ጽሑፍ ሓደ ደምዳሚ ንድፊ/ሞዴል ኣይኮናን ከነቐርብ ንፍትን ዘለና። እንታይ ድኣ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ዝሰርሑ ሜላታት፡ ከምኡ'ውን ብካልኦት ናይ ፈጠራ ክእለት ዘለዎም ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ተሓለኽቲ ኣብ ኩነታቶም ከዋሃህድዎም ከም ዝኽእሉ ብምእማን ኢና ርእይቶና ንህብ ዘለና።

እዚ ተሓቲሙ ዘሎ መወከሲ-መጽሓፍ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበር ኣይፋል ንኵናት (WRI) ዘለዉ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታ

ዝተመርጹ ሓሳባት የጠቓልል። ገለ ገለ ቴማታት፡ ተመኩሮታት፡ ናይ ጕጅለ ልምምዳት ዘላልዩ ጽሑፋት የዋሃህድ። ኣብ’ቲ ናይ መእተዊ ክፋል፡ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ክንብል ከለና እንታይ ማለትና ከም ዝኾነ ጽሚቕ መላለይ ብምቕራብ፡ ኣገዳስነት ታዕሊም፡ ንጕጅለኹም ዝኾኑ ጉዳያት/ሕቶታትን፡ ከምኡ’ውን ሒደት ኣብነታት ሓጺርቲ ታሪኻውያን ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ የላሊ።

ሳልሳይ ክፋል፡ ሓደ ፍሉይ ኣብነት ኣብ ምንቅስቓሳትና ዝርከብ ናይ ጾታዊ ጭቆና/ጸቕጢ ክርኢ’ዩ።

ራባዓይ ክፋል፡ ጽሚቕ ንውደባን ታዕሊምን ንምስላጥ ዘድልዩ ስራሓትን መሳርሕን የቕርብ።

ሓምሻይ ክፍል፡ ዘይጎነጻዊ ጎሰጓስን ግብራዊ ስራሓትን፡ ሃናጺ መደባትን ተራ ናይ መራኸቢ ብዙሓን (ሚድያን)፡ ብምጥቕላል የብርህ፡

ሻድሻይ ክፋል፡ ንውጺኢታዊ ኣወዳድባ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ዝሕግዙ ኣገደስቲ ሓበሬታ ከቕርብ’ዩ።

ሻብዓይ ክፋል፡ ኣብ ዓለምና ካብ ዘጋጠሙ ዛንታታትን እስትራተጂታትን ከቕርብ’ዩ።

ኣብ’ዚ መወከሲ-መጽሓፍ ገለ ረብሓታት ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣብ ስራሕ ብምግላጽ፡ ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ኣብነታት ክንህብ ኢና። ዘይትፈልጦም ቃላት እንተ ኣጋጢሙካ፡ ኣብ ዓስራይ ክፈል ትርጉም ናይ ቃላት ተመልከት።

ሻምናይ ክፍል፡ ኣብነታት ልምምዳት ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ስርሓት የቕርብ። እዞም ናይ ጕጅለ ልምምዳት ናይ ኣባላት ኣብ ጉዳያትን ነንሕድሕዶም ዘለዎም ኣተሓሳስባ ንምጉልባትን፡ ወይ ነቲ ዝግበር ዘይጎነጻዊ ስርሓትን ጎስጓስን ብጽፈት ንምክያድ ይሕግዞም። ብሓፈሻ ነቲ ልምምዳት ንምክያድ ሓደ ኣሳላጢ ሰብ የድሊ። እሱ ድማ፡ ምስ ኣብነታት ንምልላይ፡ እንታይን ስለ ምንታይን ክገብሩ ከም ዘለዎም ብምግላጽ፡ ከምኡ’ውን ነቲ መስርሕ ምንቅስቓስ ኣብ ምክትታል፡ ብፍላይ ኣብ’ቲ ናይ መወዳእታ ናይ ሓሳባት ምእካብ ድማ ንፈራሓት ተሳተፍቲ ዓው ኢሎም ክዛረቡ ንህዉኻት ድማ ጽን ኢሎም ክሰምዑ የተባብዕ። ናይ ልምምዳት ሓበሬታ ብምልክት ተሓቢሮም ኣለዉ።

ኣንበብቲ ናይዚ መወከሲ-መጽሓፍ፡ ገለ ክፋሉ ንኽትርጕምዎን ወይ ንጕጅሎኦም ከም ዘካፍሉ ተስፋ ንገብር። ደስ ዝበለኩምን ምስ ኩነታትኩም ዝሰማማዕ ክፋል ክትወስዱን ጸገም የለን።

ክፍሊ ዓሰርተ ሓደ፡ ዝተመርጹ ምንጭታት የቕርብ፡ እንተድኣ ኣብ’ዚ መወከሲ-መጽሓፍ ብፍላይ ናዓኹም ኣገዳሲ ነገራት ረኺብኩም፡ ምስ ናይ ማሕበር መርበብ ሓበሬታ (website) ብምውህሃድ ክትጥቀሙሎም

ትኽእሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ናይ ማሕበር መርበብ ሓበሬታ (http://wri-irg.org/wiki/index.php/Nonviolence_Handbook) ብምርኣይ ተወሰኽቲ ሰፋሕቲ ዓንቀጻትን ተመኩሮታትን ምርኣይ ይከኣል።

ኣብ ማሕበርና (WRI) ካብ ምሃብ ከነካፍል ንመርጽ። ካልኦት ሰባት ኣብ ዘይጎነጻዊ ጎሰጓሳትን ታዕሊማትን ዝተማሃርክሞን ዝፈለጥክሞን ከንበቡ ይደልዩ። ስለዚ ተመኩሮኹም ናብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ማሕበርና ከተበርክትዎ ትኽእሉ። ከምኡ'ውን ንገለ ክፋላት ናይዚ ጹሑፍ እንተድኣ ተርጒምክሞ ናብ info@wri-irg.org ክትሰድዎ ትኽእሉ። ንሕና'ውን ናብቲ መርበብ ሓበሬታ ከነእትዎ ንኽእል።

2

# ሌላ ምስ ዘይጎጻዊ ጎስጓስ

## ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ እንታይ ማለት'ዩ? ስለ ምንታይከ ንጥቀመሉ?

ኣብ'ዚ ብዛዕባ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ዘስተምህር መወከሲ-መጽሓፍ ስለምንታይ ተገዳስነት ኣሕዲርካ? ገለ ነገር ዶ'ኾን ክትገብር ደሊኻ ኢኻ? ወይስ ገለ ነገር ከይከውን ክትገትእ ስለ ዝደለኻ ኢኻ? ምናልባት 'ውን ብመንጽር ኣተገባብራ ማሕበራዊ ለውጢ፡ ጎነጻዊ ኣገባብ ዝገደደ ምስሕሓብ ዝፈጥርን ኣብ መወዳእታ 'ውን ፍረ ዘይብሉ ምዃኑን ብምስትውዓል፡ ብዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ክትካእ ኣለዎ ዝብል ርድኢት ሓዲሩካ ይኸውን። ምናልባት'ውን ገለ ሓዲሽ ነገር ንምፍታን፡ ወይ ድማ ጒጅለኻ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣገባባት ውዳበ፣ ጎስጓስን ግብራዊ ኣሰራርሓን  ንምምሕያሽ ሓደሽቲ ሓሳባት ክትረክብ ደሊኻ ትኸውን።

ኣብ'ዚ መወከሲ-መጽሓፍ እቲ መሰረታዊ ናይ ስራሕ መግለጺ ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣብ ድሌት ምብቃዕ ጎነጽ ዝተሞርኰሰ እዩ። ቀጻሊ ጎነጽ ከይተፈጸመ ናይ ኣካላዊ ጎነጽ፡ ወይ ድማ ቅርጻዊ ጎነጽ ተባሂሉ ዝጽዋዕ (ምሕራም፡ ማሕበራዊ ተነጽሎን ጸቕጥን) ክኸውን ይኽእል። እዚ ንጹር መግለጺ ኣይኮነን፡ ካልኦት ዝያዳ ውርጹጻት፡ ዝያዳ ፍልስፍናዊ ዝያዳ ብግዜ ዉሱንነት (ንኣብነት ኣብ ገለ ግዜን ቦታን ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ) ምስ ውልቂ፡ ዝያዳ ግጥማዊ (ስነ-ጽሑፋዊ) ኣቀራርባ ዘለዎም መግለጽታት ኣለዉ።

ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ካብዚ መሰረታዊ መግለጺ ንላዕሊ ከመልክት ይኽእል። ድሌት ናይ ምቅይያር ስልጣን ዝምድናታት፡ ማሕበራዊ ቅርጽታት፡ ጠመተ ኣብ ልዕሊ ምኽባር ንኹሎም ሰብኣዊነት ወይ ሂወት፡ ወይ'ውን ናይ ሂወት ፍልስፍና ወይ ክልሰ ሓሳብ ማሕበራዊ ተግባር የጠቓልል። ነዚኦም ንኽትድህስሱ ነተባብዕ። ኣብ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ፍልልያትን ኣራዳድኣኻ ብኣተኩሮ ምክፋልን ምልላይን፡ ብመንጽር ሓደ ብሓባር ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ክገብር ዝዳሎ ዘሎ ጒጅለ ሃብታም ተመኵሮ ክኸውን ይኽእል።

ብተፈላለየ ምኽንያታት ሰባት ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ይርዕምዎ። ገለ ከም ብቑዕ ተክኒክ ንዘድሊ ማሕበራዊ ለውጢ ስለዝርእይዎ ይጣበቕሉ፡ ካልኦት ድማ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ከም መምርሒ ሂወቶም ገይሮም ዝሰርሑሉ ኣለዉ። ኣብ'ዚ ሓደ ብዙሓት ኣብ መንጎ ዝኾኑሉ ዝርጋሐ ኣሎ። ከም'ዚ ዓይነት ፍልልያት ኣብ ግዜ ጎስጓሳት ክራኣዩ ይኽእሉ። ይኹንደኣምበር ነዞም ፍልልያት ብመትከላዊ መግለጺ ወይ ንዝተወሰነ ጎስጓስ ንምክያድ ዝተዳለወ መምርሒታት ብምጥቃም ምምዕርራይ ይከኣል። ንዝበለጸ ሓበሬታ ናብ (መትከላት ዘይጎነጻዊ ተግባራትን ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ መምርሒታትን ኣብ ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት)።

ኣብ ግዜ ጎስጓስ ገለ ፍልልይት ናይ ኣራዳድኣ፡ መበገሲ ምፍሕፋሕ ክኾኑ ስለዝኽእሉ፡ ግሉጽነት ክህሉ ይግባእ። ንኣብነት ገለ ኣባላት ሜላታት ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ብምጥቃም ንጎነጽ ምግጣምን ምስዓርን ዝብል ክትዕ ክህልዎም ይኽእል። ገለ ድማ እቲ ቀንዲ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣተሓሳስባ ነቶም ኣብ ሰብ ነገርካ ዘለዉ ወገናት ብምሕዋስ ፍታሕ ምድላይ ኢሎም ይከራኸሩ። ፍልልይ ኣብ ዝራኣየሉ ግዜ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ጎስጎስቲ ኣብ ክንዲ ኣብ ናይ መሰረታዊ ኣረዳድኣ ፍልልያት ዝካትዑ፡ ነቲ ጎስጓስ ክትንክፎ ኣብ ዝኽእሉ ነጥብታት ብምልዓል ናብ ስምምዕ ክበጽሑ ይግባእ። እዚ ፍሉይ ኣብነት ፍልልይ (ናይ ምዕዋት ምድላይን ንኩሉ ዝሓቖፈ ፍታሕ ምድላይን) ነቶም ኣብ ናይ ጎስጓስ ምድላው ዝሰርሑ፡ ኣብ ጠለባትን ናይ ዘተ እስትራተጂን ክጸልዎም ይኽእል'ዩ።

ኣብ ልዕሊ ንብረት ክወርድ ዝኽእል ዕንወት ኣካታዒ ሕቶ ክኸውን ይኽእል። ገለ ተሓለቕቲ ኣንጻር ምዕናው ክኾኑ ከለዉ ገለ ድማ ንብረት ምዕናው ከቢድ ኪሳራ ስለዝኾነ ሓያል ማህሰይቲ ኣብ ልዕሊ ተጻባእቲ'ዩ ይብሉ። ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ብዛዕባ ኣገዳስነት ናይ 'ጎስጓስ' ወይ ናይ 'ግብራዊ ስርሓት' መምርሒ ከንቕርብ ኢና። እቲ ምርድዳእ ክሳብ እቲ ግብራዊ ስርሓት ዝካየደሉ እዋን ክድንጉ የብሉን።

ንገለ ሰባት ዘይጎነጻዊ ተግባር ማለት ንተጻባእትኻ ተጻራሪ ጠባያት ምውጋድ፡ ምናልባት'ውን ጽቡቕ ንኩሉ ኩንካ ምርኣይ ክኸውን ከሎ፡ ገለ ድማ ንተጻባእቶም 'ምሕፋር' ወይ ከም ናይ 'ሡናት ገበነኛታት ምቑጻር'፡ ወይ 'ቀጥቀጥቲ'፡ 'ዓሌታውያን፡ ወይ 'ብልሽዋት'፡ ገይሮም ይምድብዎም። ዓው ኢልካ ኣስማት ምጽዋዕ ወይ ናይ ጽልኢ ቃላት ምጥቃም ዝምልከት ኣብ'ቲ መምሪሒታት ክጣቓለል ይኽእል'ዩ። ነቲ መሰረታዊ ፍልልይን ክኸውን ዝኽእል ሓድነት ናይ ኣጠማምታን በቶም ኣብ ክፍሊ ናይ ምድላዋት ንዘይጎነጻዊ ተግባር ተገሊጾም ዘለዉ መቕርብ ጕጅለ ዝባሃሉ ብዝያዳ ሰፊሕን ዓሚቑን ምርድዳእ ክመያየጥሉ ይኽእሉ።



ኣብ ቢልባኦ፡ ኣውራጃ ባስክ (ስፐይን) ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር፡ ኣብ 2006 ኣብ ግዜ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ዓለም ንዝነበረ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ዘርኢ ስእሊ። ስእሊ፡ ብኬም-ሞክ

(ናይ መቕርብ ጕጅለታት’ ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ተመልከት) ዕላማ ናይ ጕጅለታት ሓደ ‘ነጻ መድረኽ’ ፈጢርካ ነቲ ኣብ መንጎኦም ክህሉ ዝኽእል ምጥርጣራት ጋህዲ ንምውጻእን ነንሕድሕዶም’ውን ሓባራዊ ምምህሃርን ክኸውን ይግባእ። እቶም ናይ መቕርብ ኣባላት ጕጅለ ሓደ ምስ ዘይጎነጻዊ ተግባራት ዝተኣሳሰረ ሓረግ ክህልዎም ወይ ክጥቀሙ ይኽእሉ። ከምኒ “ኣብ ቅድሚ ሰብ-ስልጣን ሓቂ ምዝራብ”፡ ነብስወከፎም እንታይ ማለት ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣየኖት ጉዳያት ከም ዘልዕሉ፡ ፍልጠትካ ብሓባር ናይ ምክፋልን ኣታሓሳስባኻ ምስፋሕን ብሓባር ንምስራሕ ምፍታንን ክኸውን ይኽእል።

ተሓለቕቲ ሓባራዊ ኣራእያ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ምህላው፡ መግለጺ ነቲ ንመጻኢ ክንሃንጾ ንፍትን ዘለና ክኸውን የድሊ። እዚ ምስ’ቲ ሞሃንዳስ ጋንዲ ‘ሃናጺ መደብ” ክጣቓለል ይኽእል። (ሃናጺ መደባት ተመልከት)። ከምኡ’ውን ሓሳባት ንሕና/ምንቅስቓስ “ከም ናይ ሰላም” እቲ ባህርያትና ነቲ ክንፈጥሮ እንደልዮ ዓለም ከንጸባርቕ ኣለዎ። “ኣብ ቅድሚ ሰብ-ስልጣናት ሓቂ ምዝራብ” “ ክብሪ ሂወት” ወይ ኣብ ኣኽብሮት ብዙሕነት” ዝብሉ ሓረጋት ክንጥቀም ከለና፡ መሰረታውያን ክብርታት ኢና ነልዕል ዘለና። እሳቶም ምንጪ ናይ ሓይልናን መበገሲ ነቶም ክንበጽሖም እንደሊ ወገናትን እዮም።

> ንመጀመርታ ግዜ ዝወሰድክዎ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ስልጠና፡ ነቲ ብዕለት 15 ጉንበት 2003 ኣብ እስራኤል ዝተገብረ ዘይጎነጻዊ ተግባር ኢለ ዝወሰድክዎ ኢዩ።
>
> ኣነ ቺላዊ ኰይነ፡ ንውትህድርና ብሕልና ዝተቓወምኩን፡ ንነዊሕ ዓመታት ኣንጻር ውትህድርና ክጉስጉስ ዝጸናሕኩን እየ። እቲ ትምህርቲ ብሓቂ የሕዩሉኒ፡ ናብ ዓደይ ተመሊሰ

ዝተማሃርክዎ ንኻልኦት ከካፍል ተሃወኩ፡ ስራሕና ዕዉት ንምግባር፡ ነብስና ምምሃር ኣዝዩ ኣገዳሲ ነይሩ። እቲ ዝቕጽል ዝወሰድናዮ ምስቶም ኩሎም ጕጅለ ኣብ'ቲ ናይ ወተሃደር ህንጻ ቀይሞም ዘለዉ ዘይኩነስ፡ ብዘማዕበልናዮ ሓያል ርእሰ ተኣማንነት፡ ምስቶም ዝለዓለ ደረጃ ሓደጋ ዘለዎም ነበረ። ምኽንያቱ ንዑኡ ንምግባር ተዳሊናን ተማሂርናን ስለዝነበርናን"።

ጃቪር ጌሮተ

## ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ብኸመይ ይሰርሕ?

**ዘይጎነጻዊ ብሰለስተ መገድታት ንጎስጓስ የሐይሎ**

ኣብ ሞንጎ ተሳተፍቲ ጎስጓሰ፡ ምትእምማንን ሓድሕድ ምድግጋፍን ብምጉልባት፡ ሰባት ነቲ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ምንጪ ሓይሊ ክፍትሽዎን ክጥቀምሉን ዕድል ይህቦም። ብዙሓት ሰባት ክሳብ ምስ ካልኦት ተሓጋጊዞም ሓዲሽ ነገር ክሰርሑ ዝጅምሩ፡ ኣብ ውሽጦም ሓያል ናይ ምፍጣር ክእለት ከምዘሎዎም ኣይግንዘቡን።

ብመንጽር ናይ ጎስጓስ ተጻባእቲ፡ ዕላማ ዘይጎነጻዊ፡ ወይ ነቲ ዝተገበረ ናይ ተጻባእቲ ጎነጽ ኣብ ምዕጋት/ምኽልካል ወይ ድማ እቲ ዝተገብረ ጎነጽ ተመሊሱ ነቲ ጎነጽ ዝፍጽም ዘሎ ሓይሊ ፖለቲካዊ ባርዕ ክፈጥረሉ ከሎን እዩ። ካብኡ ሓሊፉ፡ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ነቶም ዓንድታት ስልጣን ናይቶም ጸቐጥቲ ትካላት የዳኽም። (ዓንድታት ናይ ስልጣን ወይ ምሕዝነት ስፔክትሩም ተመልከት) ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣብ ክንዲ ነቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ ተጻባኢ ከም ሂወት ዘይብሎም መሳረሒ ጥራሕ ዝቖጽሮም፡ ተኽእሎታት ብምፍጣር ኣተሓሳስብኦም ንኽፍትሹ ዕድል ይህቦም።

ብመንጽር ካልኦት ኣብ ጉዳይ ዘይተሳተፉ፡ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ፡ ምስ 'ቶም ከም ተዓዘብቲ ጥራሕ ኰይኖም ኣብ ጉዳይ ዘይተሳተፍቲ ወገናት ርክባት ንኽፍጥር ዕድል ይህብ። እዚ ማለት ነቶም ኣብ'ቲ ጉዳይ ብዙሕ ተገዳስነት ዘይርእዩ ወይ ንጡፋት ዘይኰኑን ግን ዕቑር ሓይሊ ዘሎዎም ተሓባበርቲ ንኽኾኑ ምቹእ ኩነታት ይፈጥር።

ንዝያዳ ናይ ምሕዝነት ዝርጋሐ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት

ጀን ሻርፕ ሓደ ካብቶም ጀመርቲ ሙሁራት ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኰይኑ፡ ኣርባዕተ መሰርሓት ናይ ለውጢ ከም ዘለዉ ሓሳባት የቕርብ።

ሀ. ምቕያር፡ ኣብ ገለ እዋን ጎሰጓስ ንሰባት ናብቲ ሓሳብ ናይ ጎስጓስ ከእምኖም ይኽእል፡
ለ. ጸቕጢ፡ ኣብ ገለ ገለ እዋን ጎስጓስ ንተጻባእቲ ወገናት ዋላ ነቲ ኣራእያ ናይቶም ተሓለቕቲ ቅኑዕን ዘይቅኑዕን ከይኣመንሉ ኰለዉ ሓሳቦም ንኽስሕቡ ጸቕጢ ይፈጥረሎም፡
ሐ. ምእንጋድ፡ ተጻባኢ ናይ መውጺኢ መገዲ ንምድላይ፡ ነቲ ዝቐረበሉ ጠለባት ብሙሉኡ ከይመለሰን ስልጣኑ ከይተተንከፈን፡ ሕድገታት ብምግባር ነቲ ጎስጓስ ንምእንጋድ ይፍትን።
መ. ምብትታን፡ እዚ ድሕሪ 1989 ሻርፕ ዝመለኦ ተወሳኺ መስርሕ እዩ። ኣብ ትሕቲ ናይ ሶብየት ስርዓት ዝነበራ ኣብ ቅድሚ ስልጣን ናይ ህዝቢ ብድሆን ሕጋውነተን ሲኢነን ንገዛእ ርእሰን እንደገና ክውድባ ስለዘይከኣላ ካብቲ ዝነበረ ሕብረት ክበታተና ጀመራ።

> ንዝያዳ ኣብ ‘መልክዓት ናይ ተግባር’ ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት።

ትምህርቲ ኣብ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣብ ዝለዓለ ናይ ዓወት ጥርዚ ምንቅስቓስ ዝበጽሐ ይመስል፡ ኣብ ስልጣን ዘለዉ ብምጭናቕ ብፍላይ ዘርእዮ ዘሎ ሓይሊ ይዕወት ኣሎ። እዚ መወከሲ-መጽሓፍ ግን ዝያዳ ኣብ መስርሕ ምጉልባት ጎስጓስ፡ ነቶም ዘለዉ ጉዳያት ህያዋንን ጩቡጣትን ንምግባር፡ ኣብ ምሕንጻጽ ናይ ጎስጓስ እስትራተጂን ከማኡውን ኣብ ምድላዋትን ገምጋምን ስርሓት ዝያዳ ተገዲሱ እዩ ክርኢ። ኣብ'ዚ ጺሒፍናዮ ዘለና እቲ ኣብ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ዝስርሓሉን፡ ብፍላይ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ኣብ “ሰላም” “ጸረ ውትህድርና” “ጸረ ኒኩለር” ከምኡ'ውን ናይ ዝተፈላለዩ ሃገራት ናይ ማሕበራዊ ፍትሒ ምንቅስቓሳት ተመኲሮ መሰረት ዝገበረ እዩ።

## ታዕሊም ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ

ቅድሚ ናብ ጽርግያ ወጺኹም ናይ ሰልፊ ታቤላታት ትሕዙ፡ ወይ ናይ ጎስጓስ ወረቓቕቲ ትብትኑ፡ ግድን ናይ ዘይጎነጻዊ ስልጠና የድልየኩም እዩ ኣይንብልን፡ ብውሕዱ ኣብ መብዛሕትኦን ሃገራት ዘለኹም። እቲ ኲሉ መስርሕ ዘይጎነጻዊ ታዕሊም ኢልና ንጽውዖ ግን... ንጉዳያት ምትንታን፡ ናይ መተካእታ ራኢታት ምሕሳብ፡ ንድፊ ጠለባት ምድላው፡ ናይ ጎስጓስ

እስትራተጂ ምምዕባል፡ ንተግባራዊ ስርሓት ምውጣን፡ ንግብራዊ ስርሓት ምቅርራብ፡ ናይ ግብራዊ ስርሓትን ወይ ጎስጓሳት ገምጋም ምግባር ዘጠቓልል ኰይኑ... እዚ ጕጅለኹም ኣብ ካልኦት ዘለዎ ጽልዎ ከዐቢ ይኽእል። ኣብ ግዜ ግብራዊ ስረሓት ብዝሓሸ ንኽትሰርሑ ይሕግዝ፡ ንዝመጽእ ሓደጋታትን ጸገማትን ብዝሓሸ ንምግጣም፡ ከምኡ'ውን ስፍሓት ናይ ስራሕኩም የዕቢ። ብመሰረቱ፡ ታዕሊም ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ንሓደሽቲ ሓሳባት ንምፍታንን ንመማዕበልን ወይ ንምትንታንን ተመኵሮ ንምግምጋምን ዝኸውን ዉሑስ ቦታ ኣብ ምፍጣር ይሕግዝ።

ዘይጎነጻዊ ታዕሊም ንተሳተፍቲ ኣብ ምጥቃም ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳትን ግብራዊ ስራሓትን ሓባራዊ ዝኾነ ኣረዳድኣ ንኽፈጥሩ ይሕግዞም። ምሉእ ምስታፍ ዘለዎ ትምህርታዊ ተመኵሮ ኰይኑ፡ ሓድሽ ጥበብ ንማሃረሉ፡ ካብ ሕብረተ-ሰብ ዝተማሃረናዮ የዕናውን ጨቋንን ጠባያት ነጥፉኣሉን እዩ። ታዕሊም ንሓደ ጕጅለ ከሐይሎ ይኽእል'ዩ። ሰባት ንዘለዎም ዊሽጣዊ ሓሳባት ብምንጻር ብሓባር ዝሓሸ ምስራሕ ኣብ ዝማሃርሉ፡ ማሕበራዊ ምትእስሳራት ከማዕብሉ የኽእሎም። ታዕሊም ሓይሊ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ንኽንርዳእን ከነማዕብልን ይሕግዘና። ንዘለና ስክፍታ፡ ፍርሒን ስምዒታትን ምክፋል፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ናይ ጭቆና ተራ ንኽንመያየጥ ዕድል ይኽፍተልና። ብውልቀ-ሰብ ደረጃ ክረአ ከሎ ታዕሊም ኣብ ምዕባይ ርእሰ ተኣማማንነትን ኣብ ምንጻር ውልቃዊ ምውህሃድን ሓጋዚ እዩ። ዕላማ ናይ ታዕሊም ንተሳተፍቲ ምሕያልን ኣብ ዝሳተፍዎ ሓባራዊ ግብራዊ ስርሓት ዝያዳ ውጺኢታውያን ንኽኾኑ እዩ። እቲ መስርሕ ታዕሊም ዝተፈላለዩ ልምምዳትን ናይ ስልጠና ሜላታትን ዘለዎ'ዩ። ገለ ካብ ኣቶም ኣብ'ዚ መወከሲ-መጽሓፍ ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ ተጠቓሊሎም ኣለዉ።

ዘይጎነጻዊ ታዕሊም ንህዝቢ ናብ ቀጥታዊ ዘይጎነጻዊ ተግባራት ንኽሳተፍ ብምድላው፡ ኣማዓባብላ ናይ እስትራተጂ ተክኒክን ኣብ እስትራተጂ ንምስታፍ ዘድሊ ጥበብ ብምምሃር፡ ኣብ ናይ ጕጅለ መስርሕን ናይ ጭቆና ጉዳያትን ይሰርሕ። መብዛሕትኡ እዋን ታዕሊም ንሓደ ዝተወሰነ ተግባር ንምድላው፡ ብዛዕባ እቲ ዝኸይድ ዘሎ ጉዳይ/ታሪኽ ንምምሃር፡ ውጥን ምምዕባልን ምትግባሩን፡ ሕጋዊ መዳያቱ ምርዳእን ካልኦትን የገልግል። ንሓደ ጕጅለ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ምቅርራብን ጉጅላዊ ዝምድና ኣብ ምምዕባልን ጹቡቕ ዕድል ይፈጥር። ብመገዲ ናይ ይምሰል ጸወታ (ኣብ ናይ ይምሰል ጸወታ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት። ሰልጠንቲ ኣብ ግዜ ትግባረ ካብ ፖሊስ፡ ሰበስልጣናትን ካልኦት ሰባትን ከምኡ'ውን ካብ ገዛእ ርእሶም እንታይ ከጋጥሞም

ከምዝኽል ብናይ "ይምሰል ጸወታ" ክመሃሩ ይኽእሉ። እዚ ክሳብ ክንደይ ነቲ ተመዲቡ ዘሎ ተግባር ዱልዋት ምህላዎም ንምውሳን ይሕግዞም። ዘይጎነጻዊ ታዕሊም፡ ኣብ ናይ ጎስጓስ ድሌታት፡ ናይ ግዜ ኩነታት፡ ሸቶታት/ዕላማ ናይ ታዕሊም፡ ተመኵሮን ህላወ ናይ ተሳተፍትን ዓለምትን ብምምርኳስ ካብ ሰዓታት ክሳብ ኣዋርሕ ክዝርጋሕ ይኽእል።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ተመልከት።

**ተራ ናይ ዓለምቲ**

ዓላሚ፡ ንሓደ ጕጅለ ኣብ ኩሉ ምምሃር መስርሕ ከሳልጥ ዝኽእል ሰብ ማለት'ዩ። ብዛዕባ እቲ ኣርእስታት ናይቲ ትምህርቲ ፈላጥ ክኸውን እኳ እንተለዎ፡ ኩሉ ክፈልጥ ኣለዎ ማለት ግን ኣይኰነን። ዕላማ ናይ ዓላሚ ተሳተፍቲ እንታይ ከም ዝሓስቡን ከም ዝገብሩን ክነግሮም ዘይኰነስ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓሳባት ንኸማዕብሉ ይመርሖም።

ኹሉም ታዕሊም ንዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ዝደልዩ ጕጅለታትን ማሕበረሰባትን ኣብ ከባቢኦም ኣሰልጣኒ ከም ዘይብሎም ንግንዘብ። ይኹንደኣምበር እንተድኣ ንስልጠና ዘድልዮም ኣየናይ ዓይነት ጥበብ/ክእለት እዩ ኢሎም ተረዲኦም፡ ድሮ እቶም ጥበባት ኣማዕቢሎሞምን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣምታትውን ተጠቒሞሙሎም ከም ዝኾኑ ይግንዘቡ። ብሓባር ዘለዎም ክእለትን ተመኵሮን ብሓደ ብምውዳድ ናይ ዓለምቲ ጋንታ ክትምስርት ትኽእል። እንተድኣ ተኻኢሉ እቲ ጋንታ ናይ ተሳተፍቲ ማለት ካብ ደቀ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን፡ ካብ ዝተፈላለዩ ዕድመን ድሕረ ባይታ ናይ ዓሌትን ዘንጸባርቕ ክኸውን ይግባእ።

**ድሌት ናይ ዓለምቲ**

- ጽቡቕ ናይ ጉጅላዊ ፍልጠትን ናይ ጕጅለ ዲናሚካዊ/ምንቅስቓሳዊ ውህደት ምስትውዓል። ዓላሚ፡ ንነፍስወከፍ ሰልጣኒ ብግቡእ ናይ ምስታፍን ብነጻ ሓሳቡን ተሞኩሩኡን ከም ዘካፍል ንምግባር ዓቢ ተራ ይጻወት።
- ተረድኦ ናይ ዘይጎነጻዊ ስራሓትን ጎስጓስን። ዝኾነ ተመኵሮ እንተድኣ ዘየለ ኰይኑ፡ ነቲ ጕጅለ ንምሕጋዝ፡ ዓላሚ ንመጽናዕቲ ዝሕግዙ ጉዳያትን ልምምዳትን ክጥቀም ይግቦኦ።
- እቶም ቅኑዓት ልምምዳት ብኸመይን መዓስ ትጥቀመሎምን ምምሃር። ድሌትን ኣካይዳ ናይቲ ጕጅለ ብግቡእ ምጥማት።

**ንታዕሊም ክኾኑ ዝኽእሉ ኣርእስታት**

- *ታሪኽን ፍልስፍና ኣብ ዘይጎነጻዊ ተግባራትን ዘይጎነጻዊ ስርሓትን።*
- *መኸተ ኣንጻር ጭቆና፡ ናይ ዓሌት/ዘርእን ናይ ጾታዊ ምንቅስቓሳትን፡ (ኣብ ምዕራፍ ሰለስተን ዓሰርተ ሓደን ተመልከት)።*
- *ምዕባለ ናይ ጎስጓስ እስትራተጇዊ፡ (ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት)።*
- *ናይ ሓባርን ቁልጡፍ ውሳነ ምግባር (ብጕጅለ ምስራሕ ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተን ውሳነ ምሕላፍ ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተን ተመልከት)።*
- *መቕርብ እንታይ ምዃኑን ኣብ ውሽጢ ጕጅለ ዘለዎ ተራን (ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ናይ መቕርብ ጕጅለን ቅድምን ድሕርን ተግባራት ዘሎ ተራ ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተን ተመልከት)።*
- *ክእለታት ከም ናይ ሕግን ናይ መራኸቢ ብዙሓን ስራሕ፡ (ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ናይ ሕጊ ደገፍ , ተራ ናይ ሚድያ ኣብ ምዕራፍ ሓምሽተን ተመልከት)።*

## ንስኻን ጕጅለኻን

*እዚ መወከሲ-መጽሓፍ ንጕጅለታት'ዩ ተጻሒፉ፡ ምናልባት ንፍሉይ ዕላማ ወይ ቴማ ብሓባር ዝተኣኻኸቡ ጕጅለ፡ ምናልባት'ውን ብዘለዎም ሓባራዊ ኣራኣእያ/ስምዒት ኣብ ሁሉው ኩነታት ናይ ዓለም ብዕርክነት ወይ መቕርብ ዝተኣኻኸቡ ጕጅለ፡ ምናልባት ንሓደ ኣጋጣሚ ጥራሕ ዝቖሙ ጕጅለ። ዋላ እቲ ናይ ወልቀ-ሰብ መርገጽ ዝበሃል ኩሉ ግዜ ናይ ጕጅለ ደገፍ የድልዮ እዩ። ኣብ ክፍሊ ሓሙሽተ ዘሎ ናይ ጎስጓስ ክፋል ነቶም ንነዊሕ ብሓባር ኰይኖም ክሰርሑ ዝመደቡ ጕጅለ ብዝያዳ የገልግል። ክፍሊ ኣርባዕተ (ምድላው ንተግባራዊ ስርሓት) ግን ነቶም ንተወሰነ ፍጻሜ ንምትግባር ብሓባር ዝቖሙ ጕጅለ ዝያዳ ኣገዳስነት ክህልዎ ይኽእል።*

*ብሓባር ዝጸንሑ ሓያላት ጕጅለታት፡ ብሓደ ብጽቡቕ ብምስራሕን ነንሕድሕዶም ብምድግጋፍን፡ ናይ ምንቅስቓስ ብርተዐ ይፈጥረሎም። ጕጅለታት ብዝተፈላለየ መልክዓት ብሓባር ክመጹ ይኽእሉ'ዮም፡ እቶም ዝያዳ ውጹኢታውያንን ሕጉሳትን ዝባሃሉ፡ ብዛዕባኦም ገለ ፍልይ ዝበለ ነገር ዘለዎም ይመስሉ፡ ገለ ዘጕላዕልዖም ፍሉይ ባህርያት ብናይ ገዛእ ርእሶም ፈጠራ ዝገበርዎ ምልክት ይገብሩ። እዚ ዝኾኑሉ ብናይ ጕጅለ ፍሉይ ምውህሃድ ኰይኑ፡ ናይ ዝተፈላለየ ድሌትን ዓቕሚ ናይ ኣባላት ውጺኢት የንጸባርቕ።*

*እዚ ክፍሊ፡ ከም ኣባል ናይ ጕጅለ ኰንካ ክትሓስቦ/ከተሰላስሎ እትኽእል ኣራእያታት ከቕርብ እዩ። ንገሊኦም ጕጅለ ብዕቱብ ዝዛረቡሉን*

ኣገዳሲ ውሳነ  ዝገብረሉን፡ ገለ ካብኣቶም ኣብ መስርሕ ዝዓቢ'ዩ ክኸውን።

**ንጕጅለ ምሕያል**

እቲ ብመጀመርያ ክረአ ዝግብኦ ክሳብ ክንደይ ምስቲ ኣሳራርሓ ናይ ጕጅለን ኣራእዮምን ህዝቢ ተገዳስነት ገይርሉ ኣሎ ዝብል'ዩ። እዚ ንገዛእ ርእሱ ምኽንያት መወዳእታ ዘይብሉ ምስሕሓብ ክኸውን ይኽእል፡ ስለዚ ሚዛን ምሕላው ኣገዳሲ ይኸውን፡ ከምኒ ኣብ መንጎ ንምብህሃል/ምዝርራብ ዓቕሊ ዘይብሎም ቀልጢፎም ናብ ግብራዊ ስርሓት ጥራሕ ክኸዱ ዝደልዩን፡ ከምእዩውን ዝያዳ ንጹርነት ብምድላይ ብዛዕባ ዕላማታቶምን ጉዳዮምን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንምክታዕ ቁሩባት ኣብ ምኳን፡ ጕጅለኦም ምስ መን ርክብ ክገብር ከም ዘለዎን እንታይ ዓይነት ስራሕ ክፍጽም ከም ዝኾነ ኣብ ግምት ምእታው፡ ወይ እቲ ጕጅለ ብኸመይ ንገዛእ ርእሱ ክውደብን ክሰርሕን ከምዘለዎ፡ ክመያየጡ ዝደልዩ ክኸውን ይኽእል። ብዝኾነ ሓደ ሓዲሽ ጕጅለ ናይ ገዛእ ርእሱ መንገዱን ኣንፈቱን ከለሊ ዝከኣሎ ክጽዕር ኣለዎ፡ ገለ ኣብ መንጎ ነቲ ህዝቢ ናብ ካልእ ክስሕብዎ/ክጠውይዎ ይኽእሉ'ዮም። እንተ ድኣ እቲ ጕጅለ ብዙሕ ሓይልን ተበግሶታትን ኣለዎ ኰይኑ፡ ንኡስ ጕጅለ ብምቛም ፍሉያት ቴማታት ክዋሃቦም ይኽእል። እንተ ድኣ ኣብ'ቲ ጕጅለ ብዘሰሓሕቡ ፖለቲካዊ ፍልስፍና ወይ ኣራእያታት ዘለዎም ሰባት ኣለዉ ኰይኖም፡ ብግልጺ ክፍለጥን እቲ ፍልልይ ኣብ ክንዲ ንተበላሓትነት ዝዓግት፡ ምንጪ ናይ ሓይሊ ክኸውን ይግበኦ።

ጕጅለኹም ዓቢን ንኩሉ ኩፉትን ወይ ንእሽቶይን ብመቕርብ ዉሱንን እንተኾነ፡ ሓደስቲ ሰባት ሓንጎፋይ ኢልኩም ክትቅበሉን ነብሲ-ወከፍ ከኣ እጃሙ ከበርክት ዕድል ምሃብ። (ናይ መቕርብ ጕጅለ ተመልከት) እዚ ከልዕሎ ዝኽእለሉ ነገራት ኣለዉ፡ ንጉዳያት ባህላዊ ብዙሑነት፡ ናይ ዝተጨቆኑ ባህሪያት፡ ናይ ደርቢ፡ ዓሌትን ናይ ጾታ ኵነታትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ እቲ ጕጅለ ዘሎ ሓይሊ ይኾኑ። ነዚኦም ጉዳያት ኣብ ምእላይ'ውን ንገዛእ ርእሱ ሓደ ምንጪ ናይ ምስሕሓብ ክኸውን ይኽእል፡ ሸለል ምባል ድማ ዝበኣሰ ክኸውን ይኽል። ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሕቶታት ንምፍታሕ ሓደ ሓጋዚ ዝኾነ ሃዋህው ክትፈጥሩ የድሊ።  ክፍሊ ሰለስተ (ጾታዊ ጉዳያት) ገለ ኣብነታት ከቕርብ እዩ።

ብሓፈሻ፡ ብጀካ እቶም ልሙዳት ዝኾነ ርክባት፡ ንነዊሕ ብሓባር ክሰርሕ ዝመደበ ጕጅለ፡ ገለ ፍሉያት ርክባት ክገብር ኣገዳሲዩ፡ ወይ ድማ ካብቲ ምዱብ ርክባት፡ ንፍሉይ ጉዳያት ግዜ ምውሳን የድሊ። ኣብ ገለ

እዋናት እዚ ፍሉይ ቆላሕታ ኣብ ናይ ክእለት ምልውዋጥ፡ ናይ ኀስጓስ ዕቤት፡ ወይ ዝያዳ ዝርዝራዊ ጠመተ ኣብ ፍሉይ ናይ ኀስጓስ ኣርእስቲ፡ ከተኩር ይኽእል። ኣብ ገለ እዋናት'ውን እዚ ዝያዳ ጉጅላዊ ኣንፈት ዝኾነ ስርሓት ኰይኑ፡ ንጥፈታት ናይ ስኒት ዝምድና ዝፈጥሩ (ምስራሕ ጭርሖታት፡ መዝሙር/ደርፊ) ወይ ነናይ ጒጅለ ምምሕያሽ ክሕግዙ ዝኽእሉ ሜላታት ምርኣይ ክኸውን ይኽእል።

**ፍልልያትካ ምድህሳስ (ምፍታሽ)**

ኣብ ገለ እዋናት ሓደ ንዘይጎነጻዊ ጕጅለ ነቶም ምስ ዘይጎነጻዊ ኀስጓስ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ኣብ ግምት የእትዮም ክርእይዎም ሓጋዚ እዩ። እዚኦም፡ ከም ዓይነታት ዘይጎነጻውን ሳዕቤናቱን፡ ክብርታት/ወግዕታት፡ ኣራእያታት፡ ከም 'ውን ዕላማታት የጠቓልሉ። ዝኾነ ጉዳይ ንናይ ኣባላት ነዊሕ ሰረት ዘለዎ እምነት  ዝትንክፍ እንተድኣ ኣሎ፡ ነቲ ፍልልይ ብምኽባር፡ ከም ናይ ጕጅለ መርገጽ ዕላማ ምኻኑ ዘይኰነስ፡ ናብ ምክፋል ናይ ሓሳባትን ኣራእያታትን ዝዓለመ ክኸውን ኣለዎ። ነንሕድሕድካ ብቐሊሉን ዝሓሸን ምርድዳእ፡ ነቲ ብሓባር ክትገብርዎ እትደለዩ ነገራት ዓሚቕ ሰረት ንኽህልዎ ይገብር።

ከም ኣብነት ንሕቶ ዘጎነጻዊ ኀስጓስ ክንወስድ ንኽእል። ንሓደ ጕጅለ ተወፋይነት ንዘይጎነጻዊ ኀስጓስ ኣሕባሪ ረቛሒ ክኸውን ይኽእል፡ እዚ ግን ናይ ግድን ኣይኰነን። መብዛሕትኡ ግዜ ብፍላይ ኣብ መንጎ እቶም ዘይጎነጻዊ ኀስጓስ ንውሱን ዕማም ጥራሕ ክጥቀሙሉ ዝተዳለዉን፡ እቶም ከም ንነዊሕ ክኸይድ ዝኽእል ፍልስፍና ጌሮም ዝሓዝዎን ፍልልይ ኣሎ። ገለ ጉዳያት ብሓባራዊ  ኣዋጅ ናይ መትከላት ክካየዱ ይከኣል፡ ኢልና ርእይቶና ንህብ። (መትከላት ንዘይጎነጻዊ ስራሓትን መምሪሒ ንዘይጎነጻዊ .ኣብ ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት) ይኹንደኣምበር ዋላ እቲ ንዘይጎነጻዊ ተግባራት ተወፋይነቱ ዝገለጸ ጕጅለ፡ ብዛዕባ ካልእ ሸነኻት ዝተፈላለዩ ኣቐዲሙ ዝሓዞ ኣተሓሳስባታት ንኽልቲኡ ኣሉታውን ኣወንታዊ ናይ ዘይጎነጻዊ ኀስጓስ ክህልዎ ይኽእል። ምዝታይ ኣብዞም ጉዳያት  ኣበራባርን ዋላ'ውን ጸላዊ ክኸውን ይኽእል፡ ብግቡእ እንተ ዘይተኻይዱ ግን ንምስሕሓብ ከጋድድን ከባላሹን ይኽእል።

ፍልልያት ንምፍታሽ እቲ ብተዛማዲ ውሕስ ዝበሃል መገዲ፡ እቲ ብመዐቀኒ ክብርታት (ስፔክትሩም ልምምዳት) ዝፍለጥ ኣገባብ ኢዩ። ሓደ ሰብ ዝተፈላለየ ሕቶታት ብምድላው፡ ኣብ ፍልልያት ናይ ኣራእያ፡ ተግባራዊ ስርሓት፡ ከም 'ውን ረቛሒታት፡ ፍተሻ የካይድ። እቶም ሕቶታት ናብቲ ጕጅለ ብምቕራብ፡ ኣብ ክልተ በላሕቲ/ተረርቲ ነገራት ከም ዝሓስቡ ይግበር፡ 1) ዘይጎነጻዊዶ ወይስ ኣይፋል፡ 2) ባዕለይ ክገብሮ

ይኽእል ነይረ ወይ ኣይፋል፡ ይኾኑ። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ኣካይዳ ጸኒሑ ናብ "ኣነ ኣካል ናይ ጕጅለ ክኸውን ወይ ኣይከውንን፡ ክምርሕ ይኽእል።

> ("ናይ ስፔክትሩም/ባሮሜትር" ልምምዳት ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት።)

ጕጅለኹም እንታይ ንከዐውት'ዩ ዝቃለስ? ዝብል ሕቶ ሓደ ቀሊል መልሲ ጥራሕ ክህልዎ ይኽእል፡ ይኹንደኣምበር ነብሲ-ወከፍ ሰብ ኣብ ጕጅልኡ ክሳተፍ ከሎ፡ ተወሳኺ ዕላማታት ክህልዎ ይኽእል። ሰባት፡ ዝተፈላለዩ መስመራት ኣተሓሳስባ ወይ ስምዒታት ኣብ ሓደ ጕጅለ ንኽዋስኡ ክመርሖም ይኽእል። ገለ ቀሊል ነገራት ብምጥቃም ከም ብጽምዲ ናይ ልምምድ ምልላይ ብምግባር፡ ሰባት፡ ስለምንታይ ናብ ጕጅለ ክመጹ ከም ዝመረጹ ዕድል ብምሃብ፡ ብጽቡቕ ኣጀማምራ ክላለዩ ይኽእሉ።

ብሓፈሻ እዚ መወከሲ-መጽሓፍ፡ ልዕሊ ብመጠኑ ንማሕበራዊ ለውጢ ዝሕግዙ ማእከላይ ሓሳባት፡ ብኸመይ ኣብ ግብራዊ ስርሓት ክትጽመዱ ከም ዘለኩም ዘኽእል ኣራእያታት ኣይድህስስን፡ እዞም ከም ዚኦም ዝኣመሰሉ ኣራእያታት፡ ካብ ጕጅለ ናብ ጕጅለን ብዝተፈላለየ ትርጉማት ብዙሕ ፍልልያት ኣለዎም። ኣብ'ዚ እቲ ዕላማ ሓደ ዓይነት ኣካይዳ ንምፍጣር ዘይኰነስ፡ ናይ ሰባት ንነገራት ብዝተፈላለየ መልክዕ ከም ዝርእይዎም ንምርዳእን  ንምግንዛብን እዩ፡ እንተድኣ ጕጅለኹም ሓደጋ ከምጽእ ዝኽእል ነገር ንኽፍጽም የሰላስል ኣሎ፡ እኹል ናይ ምድላው ግዜ ክትወስዱ የድሊ፡ ነብሲ-ወከፍኩም ኣብ'ቲ ግብራዊ ስርሓት እተምጽእዎ ኣራእያታት ብንጹር ምርዳእን፡ ነቲ ሓደጋ ንምምካት እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ ክትገብሩ ከም ትመርጹ ምፍላጥ የድሊ።

ነቲ ትዋስእሉ ዘለኹም ኵነታት ብኸመይ ትርድእዎ፡ እንታይ ዓይነት ሜላታት ከም ትመርጹ ክትንክፎ ይኽእል። ገለ ርእይቶ ወሃብቲ "ሕጋውን ዘይሕጋውን መልክዓት ናይ ግብራዊ ስርሓት" ኢሎም ናብ ክልተ ይመቕልዎም። ይኹንደኣምበር ህሉው ኵነታት ናይ ከባቢ ንኩሉ ክልውጦ ይኽእል። ኣብ ሓደ ዕጹው ሕብረተ-ሰብ፡ ቀለልቲ  "ክብሃሉ ዘይግቦኦም ብምባል" ወይ ነቲ ጸጥታ ብሕጋዊ መገዲ ምፍራስ፡ ገዚፍ፡ ምናልባት'ውን ተባራዒ፡ ምናልባት'ውን ዘይጠፍእ ህውከትን፡ ጽልዋን፡ ክህልዎ ይኽእል።

ኣብ ካልእ ኵነታት፡ "ዘይሕጋዊ" ተግባር ከምኒ ሲቪላዊ ዘይምእዙዝነት፡ ወይ ኣድማታት፡ ኣብ ቁጽጽር ክውዕሉ ወይ ናብ ንቡር ምምላስ ይከኣል። ወይ ካብ ዘይተሳተፍቲ "ኦህ ንሳቶም እዮም፡ ሕጂውን እንደገና ይገብሩ ኣለዉ" ኢሎም ተገዳስነት ምስኣን፡ ወይ ተሳተፍቲ

ንገዛእ ርእሶም ብምሒር ምድግጋም ክደኽሙ ይኽእሉ። ገለ ናይ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ስነ-ሓሳባውያን፡ (Doug McAdam, Sidney Tarrow, and Charles Tilly, Dynamics of Contention, Cambridge University Press, 2001, ገጽ 7-9 ተመልከት ) ኣብ ክንዲ ሕጋውን ዘይሕጋውን ኢልካ ምፍልላይ፡ መስመር ዝሓለፈ/ጠሓሲን ዝተገትአ/መስመሩ ዘሓለወ ተገባራት ኢልካ ምፍልላዮም ዝያዳ ኣገዳሲ ምዃኑ ርእይቶኦም ይህቡ። ምኽንያቱ ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ግብራዊ ስርሓት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ብኽመይ ከም ዝጽሎ ኣፍልጦ ይህብ። ገለ ኣብ ውሽጢ ጉጅለኹም ዝረአ (ንኣብነት፡ ኣራእያ ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት) ፍልልያትውን፡ ካብ ዝተፈላለየ ኣተናትና ናይ ግብራዊ ስራሕኩም ብመንጽር ህሉው ኩነታት ዝመንጨወ ክኸውን ይኽእል።

(ንዝያዳ ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ተመልከት)።

**እንታይ ትደሊ?**

ከም ሓደ ተሓላቓይ፡ ካብቲ ጉጅለ እንታይ ከም እትደሊ ክትሓስብ ኣሎካ። ንዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ሰባት ክስሕብ ዝኽእል ጉጅለ ዲኻ ትደሊ? ብዙሕ ናይ ሓባር ኣታሓሳስባታትን እምነትን ዘለዎምን፡ ሓያል መልእኽቲ ዝገብሩ ጉጅለዶ ክትሕወስ ትደሊ? ንኽልቲኦም ከጣምር ዝኽእል መገዲኸ ኣሎዶ? ንኣብነት፡ ንዘይጎነጻዊ ብመገዲ ሰፊሕ ጎስጓስ ዝሰርሑ ናይ መቕርብ ጉጅለ ኣካል ክትከውን ትኽእልዶ?

ክሳብ ጉጅለኹም ግብራዊ ስርሓት ዘየካየደት፡ ክሳብ ክንደይ ጽልዋ ክህልወካ ከም ዝኽእል ክትፈልጥ ኣይትኽእልን። ክሳብ ብግልጺ ናብ ህዝቢ ዝቐርቡ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ጉጅለታት እንታይ ዓይነት ተኽእሎታት ክኸፍቱ ከምዝኽእሉ ኣይስተብህሉን። ኣብ'ቲ ናይ መጀመርታ ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ላስ ማድረስ ደ ላ ፕላዛ ደ ማዮ ኣብ ቦኖስ ኣይረስ፡ 14 ደቀ-ኣንስትዮ ጥራሕ እየን ተሳቲፈን ነይረን፡ ገለ ካልኦት ሓያላት ምንቅስቓሳት ካብዚ ብዝነኣሰ ዓቕሚ ዝጀመሩ ኣለዋ።

ገለ ቀለልትን ነኣሽቱን ግብራዊ ስርሓት፡ ዝኾነ ሰብ ካብ ዝሓሰቦ ንላዕሊ ዓበይቲ ውጺኢታት ይፈጥሩ። በቲ ሓደ ወገን ድማ፡ ብዙሓት ግብራዊ ስርሓት ኣዝዮም ንኣሽቱ ውጺኢታት ክህልዎም ከም ዝኽእል ምርዳእ የድሊ። ሓደ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ጉጅለ ክስተውዕሎ ዘለዎ፡ እቲ ሙሉእ ናይ ሓባር ግብራዊ ስራሓቶም፡ ሓያል ዝኾነ ዕማም ከምዘለዎን፡ እንታይ ዓይነት ስራሓት ክገብር ከምዝኻኣለ ክትንትንዎ ይግባእ። ስለዚ እዚ መወከሲ-መጽሓፍ ንተግባራዊ ስራሓት ኣብ

ምቅርራብ፡ ጎስጓስ ኣብ ምዕባይን፡ ንዝተገብረ ስራሓት ኣብ ምግምጋምን ሓገዝቲ ነገራት የጠቃልል።

## ካብ ታሪኽ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ እንታይ ንማሃር

እስኪ ኣብ ታሪኽ ናይ ሃገርኩም ምልስ ኢልኩም ኣስተብህሉ፡ ፍጻመታት ናይ ዘይጎነጻዊ ስርሓት፡ ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ኣድማታት፡ ምሕሳም፡ ወይ ካልኦት ዓይነታት ህዝባዊ እብያታት ክትዕዘቡ ኢኹም። እቲ ምኽንያት-- ንመሰላት ናይ ሸቃሎን ሓረስቶትን፡ ሓርነት ካብ ባርነት፡ ናይ ምምራጽ መሰል ንደቀ-ኣንስትዮን ንብረት ዘይብሎም ህዝብን፡ ናይ ዓሌትን ጾታን ማዕርነት፡ ካብ ጎበጣ ነጻ ምኳን፡ ትረኽቡ። ብሓጺሩ፡ እቶም ጠንቅታት ሰፊሕ መስርዕ ዝሓዘ ናይ ዘይፍታሓውን ዓብላልን መልክዓት የጠቃልሉ። እዚ ኰይኑ ግን፡ ክሳብ ዕስራ ክፍለ-ዘመን--- ብፍላይ ክሳብ ናይ ሞሃንዳስ ጋንዲ ኣብ ደቡብ ኣፈሪቃን ህንድን--- ምንቅስቓሳት ዘይጎነጻዊ ስራሕ ንማሕበራዊ ለውጥታት ከም ሓደ ርዱእ እስትራተጂ ክዛራረብሉ ኣይጸንሑን።

ኣብ ልዕሊ ተግባር ዝገበር ህዝብን ተቐበልቲ ናይ ተግባርን ብዝፈጥሮ ውጺኢት ብምርኣይ፡ ጋንዲ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ፍሉይ ሓይሊ ከም ዘለዎ ይኣምን ነይሩ። ከም ናቱ ኣራእያ፡ ማሕበራዊ ምሕዝነት ንጻዕርታት ናይ ምዕብላል፡ ምዝመዛ፡ ወይ ናይ ህዝቢ ጭቆና፡ ክስዕር ይኽእል። ከም እምነት ናይ ጋንዲ ንተጻረርቲ ኣካላት ንዝገብርዎ ኩሉ ምቅዋም፡ ምሕማይ፡ ጥራሕ እኹል ኣይኰነን፡ ሰባት ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓላፍነትን ጠባያትን ክሽከሙ ግዴታ ኣለዎም። ናጽነትን ፍትሒን ዝጥለቡ ጥራሕ ዘይኰኑስ፡ እቲ ምንቅስቓስ ንገዛእ ርእሱ ዝተሰረተሉ ኰይኑ፡ ብተግባር ክንጥቀመሎም ዘለና መሰረታት እዮም። ጋንዲ ብዛዕባ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ሓሳባቱ ንምዕባይ፡ ዝተፈላለዩ ዓንቀጻት ጺሒፉ ነይሩ። እቶም መራሕቲ ብምትሕብባር ናይቶም ተመራሕቲ ከም ዝምርኰሱ ንምዕዛብ ናይ መጀመርያ ዋላ እንተዘይነበረ፡ ጋንዲ ኣብ ናይ ሲቪላዊ ተቓውሞኡ ከም ማእከላይ እስትራተጂ ገበሮ። 'እቲ ናይ መጀመርያ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ መትከል' ዝጻሓፎ፡ 'ምስ ኩሉ ዘዋርድ ዘይምትሕብባር እዩ'፡ ጋንዲ እቲ ዝበለጸ ብልሓተኛ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ሓሳቢ ዘይኰነስ፡ --ነቲ ናቱ ተመክሮ ከም ሓደ "ምስ ሓቂ ዝግበር ምርምር" ገይሩ ክዛረብ ይመርጽ ነይሩ፡ -- ኰይኑ ግን ኣብ ገለ መሰረታውያን ዝኾኑ ይጸቅጥ ነይሩ። ቀዳማይ፡ ኣድላይነት ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ዲሲፒሊን ኣብ ግዜ ጎስጓስ፡ ካልኣይ፡ ንሽግራት ናይ ዘተጸገሙ ህዝብታት ንምሕጋዝ ኣብ ኣድላይነት ናይ ሃናጺ መደባት ዘተኰረ መደባት። (ሃናጺ መደባት ገጽ...) ጋንዲ ህንዲ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ከም ምንባራ መጠን፡

እቲ ሃናጺ መደባት ዝበሃል ኣብ መንጎ ውሽጣዊ ናይ ሃይማኖት ዝፍጠር ምስሕሓብ ንምቕናስ፡ ኣብ ናይ ጾታን ደርብን (ካስት) ኣገባባትን ፍልልያት ንምእራም፡ ኣንጻር ማሃይምነትን ድንቁርናን ምቅላስ፡ ኣብ ጽሬት፡ ኣብ ናይ ምግቢ ምህርትን ክዳውንትን፡ ብነብስኻ ምሕዳርን ንኽጠቃልል ኣስፊሑ።

ኣብ'ቲ ጋንዲ ኣበጊስዎ ዝነበረ ጎስጓስ፡ መብዛሕትኦም ተሳተፍቲ ውሑዳት ካብ ናይ ጋንዲ መትከላት ጥራሕ ብምቕባል፡ ንህንዲ ካብ መግዛእቲ ዓዲ እንግሊዝ ብመገዲ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ነጻ ንምውጻእ ዝተዳለዉ ነበሩ፡ ይኹንደኣምበር ልክዕ ከምቲ ጋንዲ ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ከም ሓደ ናይ ቃልሲ ሂወቱ ዝቕጽሮ ዝነበረ፡ ካልኦት ከምኡ ኣይነበሩን። መብዛሕቶኦም ፍሉጣት ናይ ፖለቲካ መራሕቲ፡ ነቲ  ሃናጺ መደባት ከም ምስላዊ ኣገዳስነት ጥራሕ ሃብዎ። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ጠባያት መብዛሕትኡ እዋናት ይደጋገም ነይሩ'ዩ፡ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ዕውት ዝኾነሉ ብብዙሓት ምንቅስቓሳት ክሰራሓሉ ከሎን፡ መብዛሕትኦም ተሳተፍቲ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ንኹነታቶም ከም ቅኑዕ እስትራተጂ ብተግባር ክቕበልዎ ከለዉን፡ ዉሑዳት ብዘለዎም ናይ ፍልስፍናዊ ተወፋይነት ክገልጹ ከለዉን እዩ። ኣብነት ናይ ህንዲ ቃልሲ ንናጽነት፡ ንብዙሓት ኣንጻር መግዛእቲ ዝሰዓቡ ካልኦት ምንቅስቓሳት ብፍላይ ናይ ኣፍሪቃ ዓቢ ጽልዋ የሕዲሩ፡ ሰባት ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ እንታይ ምዃኑ ከጽኑዑን፡ ኣዮኖት እዮም ውጺኢታውያን ዝገብርዎም፡ ብኸመይ ዝያዳ ዕዉት ክትገብሮ ይከኣል፡ ዝብል ብሰፊሑ ክርእዩ ጀመሩ። ድሕሪ 60 ዓመት ሞት ናይ ጋንዲ፡ ተቓለስቲ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ገና ኣብ "ንሓቂ ምምርማር" ተጸሚዶም፡ ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ውጺኢታዊ ዝገብሮ ባይታ ናይ ትምህርቲ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳዓበየ ይኸይድ ኣሎ።

### እንታይ'ዩ ይሰርሕ

ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣገባባት፡ ከከም ኩነታቱ ይፈላለ እዩ። ድሕሪ ውድቀት ናይ ፊሊፒንስ ስርዓት ማርቆስ ኣብ 1986ን ብፍላይ ድማ ውድቀት ናይ ሚሎሸቪች ኣብ 2000 ኣብ ሰርብያ፡ "ናይህዝቢ ስልጣን" ዝብል ኣዘራርባ ምስ ተቐልቀለ፡ ገለ ተዓዘብቲ ንናይ "ግብራዊ ስርሓት መሐበሪ" ማለት ብዛዕባ ህዝባዊ ዘይጎነጻዊ ስርሓት ኣንጻር ብምትላል ምርጫ ክዕወቱ ዝፍትኑ ብልሹዋትን መለኽትን ስርዓታትን ካብ ስልጣን ምእላይ፡ ዝብል ክዛረቡ ጀመሩ። ብርግጽ ኣብ መንጎ ውድቀት ናይ ሚሎሸቪችክን ኣብ ካልእ ዝተራእዩ "ናይህዝቢ ስልጣን"፡ ምምስሳላት ኣለዎም። ገለ ካብቶም ኣብ ሰርብያ ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ብፍሉይ ፈጠራዊ ክእለት ኣንጻር ሚሎሸቪች ዝተጠቐምሉ፡ ሕጅውን እንተኾነ ንኻልኦት

ምንቅስቓሳት ብምስልጣን ይዋስኡ ኣለዉ። ይኹንደኣምበር ኣብ ነብስ-ወከፍ ኩነታት፡ ምንቅስቓሳት ኣየናይ ምስ ኩነታትና ይሳነን ክሰርሕ ይኽእል ኢልን ናይ ገዛእ ርእሰን ትንታነታት ክገብራ ይግበአን።

ብዙሓት ሰባት ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣብ ልዕሊ ሱር ዝተኸለ ባርባራዊ ስርዓት ንዝህልዎ ኣድማዕነት ብጥርጣረ ይርእይዎ። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት ምቅዋም ከቢድ ክኸውን ይኽእል። ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ "ቅልጡፍ ፍታሕ" ከየቕርብ ይኽእል-- ከምኡ'ውን ዕጥቃዊ ቃልሲ። ገለ ሓሳባውያን ምንቅስቓሳት ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝምለሱ ኣለዉ፡ ኣብ መወዳእታ ግን ካብ ህዝቢ እንዳተነጸሉ፡ ዕድሚኦም ንምንዋሕ ኣብ ምዝራፍን ምጭዋይን ጽግዕተኛ ምዃን፡ ኣብ ሓጺር ድማ ናብ ናይ ዕጡቓት ከተርቲ ምምቕቓል የስዕበሎም። ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ግን ብዝተፈልየ ይሰርሕ። ኣብ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ምጅማር መስርሕ ብምኽፋት፡ ምንቅስቓሳት ክቆጻጸርዎ ዝኽእሉ ማሕበራዊ ባይታት ብምስፋሕ፡ እቲ ስርዓት ዝእግዶ ድምጽታት ዕድል ይህብ። ኣብ 1970ታትን 80ታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ናይ ላቲን ኣመሪካ፡ ዘይጎነጻዊ ስርሓት ኣንጻር ምቕጥቃጥ፡ ብደይ ድሃይ ምጥፋእን ናይ ሞት ህልቂትን፡ ንፍርሒ ክስዕር ዝኽእል ኣብ ምህናጽ ናይ ማሕበራዊ ምትሕቝቛፍ ዝዓለመ ነበረ።

ኣብ ናይ ቀደም ደንበ ሶቬት፡ ዝያዳ ጭቆና ንኽይመጽእ ወይ ናይ ሶቬት ወተሃደር ምትእትታው ንኸይህሉ ኢሎም፡ ብዙሓት ንምቅዋም ኣዝዮም ይጥንቀቑ ነይሮም። ኣብ 1970 ኣብ ግዳንስክ፡ ፖላንድ ኣርባዕተ ኣድማ ዝገበሩ ተቐቲሎም ነይሮም፡ ኣብ 1980 ሶሎዳርኖስክ ምስ ቆመ፡ ናይ ግዳንስክ ኣደምቲ ኣብ ክንዲ ኣብ ጽርግያ ወጺኦም ዝምክቱ፡ ኣብ መራኸቦም ንርእሶም ድኣ ሓብኡ። ንሓድሽ ስርዓት ሃንቀው በሉ፡ ንጠለቦም ግን ንሓደ ኣገዳሲ ቀዳማይ ደረጃ፡ ብወግዒ ምምስራት ነጻ ናይ ሸቃሎ ማሕበር ኾነ። ኩላቶም ሸቃሎ ናይ ፖላንድ ዝሓብሩሉ፡ ዝብል ዉሱን ዕላማ ነበሮ። ፖላንዳውያን ምሁራት ነዚ ከም "ዉሱን ሰውራ" ገይሮም ይገልጽዎ። ከም'ዚ ዓይነት ኣካይዳ እንከሎ፡ ናይ ሶሊዳርኖስክ ናይ ምውዳብ ዓቕሙ ንመንግስቲ ስለዘፍርሖ፡ መንግስቲ ናብ ወታሃደራዊ ሕግታት ምእዋጅን ምእሳር ሓያሎ ተቃለስትን ኣተወ። ኣብ ሓጺር ዓመታት ግን ካብቲ ድሩት ዝበሃል ብምሕላፍ፡ ግዜ ናይ ካልኦት ሕቶታት ምቕራብን ኣዝዮም ተንከፍቲ መልክዓት ናይ ዘይጎነጻዊ ተግባራት ኣብ ፖላንድ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ሙሉእ ዞናታት ሶቪየት ተጀመረ።

መብዛሕትኦም ናይዚ መወከሲ-መጽሓፍ ኣንበብቲ፡ ኣብ ትሕቲ ናይ ሶቬየት ኮሚኒስት ወይ ናይ ላቲን ኣመሪካ ናይ ወታሃደራት መለኸቲ ዘይኮነስ፡ ኣብ ዝያዳ ናይ ምዝራብ ነጻነት ዘለዎም ሕብረተ-ሰባት ዝነብሩ እዮም። ንኹነታትና ንምፍላጥ እንጥቀመሉ ቀጻሊ ዋሕዚ ናይ ቅርጽታት

ዝፈጠሮ፡ ማሕበራዊ ዘይተገዳስነት ስለዘጋጥም፡ ተቓለስቲ የማርሩ። ኣብ ሕብረተ-ሰባትና ጎነጽ ወይ መብዛሕቱኡ እዋናት ክሸፈን/ክሕባእ ኣለዎ፡ ወይ ከም ቅቡል ይውሰድ። ካብ ናይ መንግስቲ ጎነጻት ክሳብ ንህዝቢ ዘጥፍእ ኣጽዋራት፡ ናይ ማሕበራውን ክባብያውን ጎነጻዊ ማህሰይቲን ጎይቶት ናይ ኣሻንጉሊት መራሕቲ ኲይኖም፡ ናይ ካብ ሩሑቕ ዝምዘዝ ጎነጽ ዝጥቀሙን የጠቓልል።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ገፊሕ ኣማራጽታት ናይ ተግባራዊ ስርሓትን ብቐጻሊ ዝለዋወጥ ዶባት--- ኣለወን። ኣብ ትማሊ ወሰንቲ ዝነበሩ ኣብ ሎሚ ግን ልሙዳት ዝኾኑ። ዋላ እቲ ኣፍራሲ ዝብሃል ዝነበረ ተገቲኡ።

## ተራ ናይ ሰላም ሰባት

ኣብ ማሕበርና (WRI) ዘለና፡ ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ከም መትከል ኢና ንቕበሎ። ነዚ መስመር ስለ ዝወሰድና ከም ንኡሳት ክፉል ከም ዘቑጽረና ብምግንዛብ፡ ምስ ካልኦት ዋላውን ምስ ናይ ሰላም መትከላትና ዘይካፈሉ ሰባት፡ ብሓባር ክንሰርሕ የገድደና። ኪኖ ዘረባታትን ናይ ሓጸርቲ እዋናት ሜላታትን ምርኣይ፡ ንጡፍ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ መልክዓት ብምዕባይ፡ ንኩሉ ስርዓታት ጸቕጢ ንምብዳህ ሃናጺ ኣማራጽታት ንደሊ። እዚ ማለት ነቶም ዕላማታት፡ ካብ ናይ ሰላም ሰባት ወይ ጸረ ዅናት ሓሊፉ፡ ንብዙሓት ሰባት ብዘዕግብ መገዲ ብግቡእ ብምንጻር፡ ከምኡ'ውን ንኻልኦት ዋላ ናይ ሰላም ፍልስፍና ግድን ዘይስዕቡ ሰባት ንምስሓብ፡ ሜላታትን ናይ ኣዋዳድባ ቅርጽታትን ንጥቀም።

ናይ ሰላም ሰባት ዕላማታትና ንምዕዋት ጒንጽ ስለ ዘይመርጹ፡ ኩሉ ፈጠራዊ ዓቕምና ናብ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣማራጽታት ከነውፍር ይገብረና። ኣብ ታሪኽ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት፡ ናይ ሰላም ሰባት ኣብ ምምዕባል ዘይጎነጻዊ ሜላታት ናይ ትግባረ፡ ኣብ ደረጃ ታክቲክን ናይ ኣወዳድባ ቅርጽን ኣገዳሲ ናይ ፈጠራ ተራ ተጻዊቶም። ንኣብነት ኣብ 1940ታት ኣብ'ቲ ናይ መጀመርታ ናይ ኣመሪካ ናይ "ሓርነት ጉዕዞ" ኣንጻር ናይ ዘርኢ ምፍልላይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ 1950ታት ዝነበረ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣንጻር ናይ ውግእ ኣጽዋር፡ ናይ ሰላም ሰባት ተበግሶታት እዮም ዝነበሩ። እዚ ፈጠራዊ ኣጠቓቕማ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ በቶም ጒጅለታት፡ ንዝያዳን ዝሰፍሐ ኣጠቓቕማ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ባይታ ነቶም ዝሰዓቡ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓሳት ዕድል ከፈተ። ታዕሊም ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ድሒሩ'ዩ ዝተቐልቀለ፡ እቲ ናይ ፈለማ ንተሳተፍቲ ኣብ ግዜ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ተቓውሞ ከጋጥሞም ዝኽእል ጎነጽ

ንምድላዎም ነበረ። ዝቕጹሉ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ታዕሊማት ኣብ ምዕባይ ዝያዳ ተሳታፍነት ናይ ዓይነት ምንቅስቓሳት፡ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ።

ጋንድን ማርቲን ሉተር ኪንግን ኣብ ምንቅስቓሳቶም ዓበይቲ ምልክታት ብምኳኖም፡ ገለ ሰባት ዕዉት ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ዝገብራ ምንቅስቓሳት ኣብ "ዝና ዘለዎ መራሒ" ብምምርኳስን እዩ ዝብል ሓሳባት ከጥርዩ ጀመሩ። ንዓና (WRI) ግን ተሳተፍቲ፡ ኣብ ህቡባት መራሕቲ ጥራሕ ከይተሞርኰሱ፡ ዘይጎነጻዊ ተግባር ንኹሎም ዓቕሞምን ክእለቶምን ከሐይል ዝኽእል ምንጪ ማሕበራዊ ሓይሊ እዩ ንብል። ስለዚ ድማ ኣብ ውሳነታት ምሕላፍ ዝያዳ ኣሳታፊ፡ መልክዓት ኣዋጻድባ ኣብ መቕርብ ዝተሞርኰሰ ጒጅለታት ብምሓዝ፡ (ኣብ ገጽ ...) ከምኡ'ውን ኣብ ታዕሊም ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣሳታፊ እስትራተጂ ዝኾኑ ሜላታት ብምልላይን ምምዕባልን ንኽህሉ ንጣበቕ።

**ውደባ**

ኣብ ገለ እዋናት ዘይጎነጻዊ ብዘይ ገለ ስራሓት ነሻሓት ህዝብታት ኣብ ሓደ ጠሚሩ ገለ ነገር ንምግባር ዝኸሰት ይመስል። እቲ ሓቂ ግን ነዚ ከም'ዚ ዓይነት ምውህሃድ ንምግባር ውደባ የድልዮ እዩ። ብፍላይ እቲ ተግባር ግብረ መልሲ ንኣብ ኩሉ መራኸቢ ብዙሓን ዝወጸ ጉዳይ ቀሊል መልሲ ጥራሕ ዘድልዮ ዘይኰነስ፡ ንሓደ ማሕበራዊ ለውጢ ንምፍጣር ዝግበር ጻዕሪ እንተኾይኑ፡ ጎስጓስ ዝሓትት ይኸውን። ብደገ ክረአ እንከሎ፡ ይብዛሕ ይውሓድ እቲ ህዝቢ ብሓባር ብግቡእ ዝተሰርዐ ይመስል። ቅርብ ኢልካ እንተሪኻዮ ግን ኣብ ውሽጢ ነንሕድሕዶም ብመገዲ ከባቢ፡ ፍሉያት ማሕበራት ምስ ናይ ገዛእ ርእሶም ቴማታትን ኣተኩሮ ዝገብሩ፡ ኣብ ገለ ጉዳያት ሓያሎ ጎስጓሳት ንምክያድ ዝተፈላለዩ ምትእስሳራት ዘለዎም ምንቅስቓሳት ትሪኢ። ዘይጎነጻዊ ኣራእያታት፡ ናይ ኣወጻድባ ሜላን መልክዓት ግብራዊ ስርሓትን ነቶም ዝተፈላለዩ ባእታታት ኣብ ምጉልባትን ንተግባራት ምሕያልን ከምኡ'ውን ሓደስቲ ደገፍቲ ኣብ ምርካብ የዐውት።

## መጽናዕታዊ ጉዳይ፡ ታዕሊም ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣብ ግዜ ምንቅስቓስ ሲቪላዊ መሰላት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (ሕ.መ.ኣ)

ኣብ 1942 እቶም ኣኽረርቲ ሰላማውያን ዝበሃሉ፡ ካብ ኣባላት ማሕበር ንዕርቂ፡ ኰሚቴ ናይ ዘይጎነጻዊ ስርሓት ኣቖሙ፡ ብመገዶም ድማ ጋንታት ኣብ ግዜ ስራሓት ጸረ ዓሌትን ጸረ ውትህድርና መሪሕነት ዝህቡ ኣሰልጠኑ። ካብ'ዚ ድማ ጉባኤ ንዓሌታዊ ማዕርነት ዓበየን ኣብ 1945 ኣብ

ምምዕባል ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ስልጠና ኣብ ምድላዋት ንምንቅስቓሳት ናይ ሲቪላዊ መሰላት ናይ መጀመርታ ማሕበር ኾነ።

ጉባኤ ንዓሌታዊ ማዕርነት ኣብ 1947 ዝጀመረ ንዓሰርተ ዓመታት ዝሸደ፡ ንናይ ከተማ ምፍልላይ ዓሌት ንምብቃዕ ዝዓለመ፡ ኣብ ክልሰ ሓሳባትን ኣብ ናይ ዘይጎነጻውን ኣወዳድብኡን ዘድሊ ዓቕሚ ንምፍጣር፡ ናይ ሓደ ወርሒ ስልጠና ዓውደ መጽናዕቲ ኣብ ዋሽንግቶን ዲ.ሲ የካይድ ነይሩ።

ኣብ መጀመርታ ናይ ምንቅስቓስ ሲቪላዊ መሰላት፡ እቲ ዋዕላ ናይ ደቡባዊ ክርስትያን መሪሕነት ነቲ ምድላዋት ጎስጓሳት ንዘይጎነጻዊ ተግባር፡ ከምኒ ናይ ኣውቶቡስ ምሕሳም ናይ 1956 ናይ ሞንተጎመሪ፡ ኣብ ናይ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ባህላዊ ሃይማኖት ዝተመስረተ ነይሩ። ማርቲን ሉተር ኪንግን ካልኦትን ኣብ ቅድሚ ናይ ከባቢኦም ዘለዋ ቤተ-ክርስትያናት ኰይኖም ነቲ ሆጭ ኢሉ ዝተኣከበ ህዝቢ ኣብ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ይምድሩ ነበሩ። መዝሙርን ጸሎትን ንመንፈስ ናይቲ ማሕበረሰብን ዲስፒሊን ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ የሐይልዎ። ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ ከም ኣገዳሲ ክፋል ናይ ምንቅስቓስ ንሲቪላዊ መሰላት እናኾነ ኣብ ዝመጻሉ፡ ስልጠናውን ናይ ተራ-ጸወታን ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኲንካ ንኽትቅጽል ቃል ምትእትታውን ኣጠቓለለ።

ነቶም ሰራሕተኛታት ናይ ሲቪላዊ መሰላት ነቲ ኣብ ደቡብ ከጋጥሞም ዝኽእል ጕነጽ ንምድላው፡ ሰፊሕ ስልጠናታት ተኻይዱ። እቶም ተሳተፍቲ ናይ ሚሲሲፒ ፍሪደም ሳመር ናይ 1964 ብናይ ክልተ ቅነ ስልጠና ጀመሩ። ናይ ድኻታት ህዝቢ ጎስጓስ ናይ 1968 ናይ ምረሻ፡ ናይ ምእላይ/ማርሻልን ናይ ተሓጋገዝቲ ህዝቢ ናይ ስልጠና መደባት ኣካየዱ።

> ብታሓላቒ ዘይጎነጸዊ ኣብ ሓምለ-ንሓሰ 1998 ብጆነ ሸሃን ዝተዳለወ "ናይ ዓሰርተታት ዓመታት ታዕሊም ንዘይጎነጻዊ፡ ዘይጎነጸዊ ምትግባር" 'ዝብል ዝተወስደ እዩ።.
> http://www.warresisters.org/nva0798-4.htm



ኣብ ጃክሶን፡ ሚሲሲፒ ኣብ ሕብራት መንግስታት ኣመሪካ ብ12 ሰነ 1963 ዘተፈጸመ ኣንጻር 'ኣብ ምሳሕ ኰፍ ናይ ምባል" ሰላማዊ ሰልፊ ንምቅዋም ኣብ ደቡባዊ ኣመሪካ ዝነበሩ ጸዓዱ ኣብ ርእሲ ናይ ሲቪላዊ መሰል ሰልፈኛታት ዘፍሰስዎ ናይ ሽኰር፡ ኬችኣፕን--- ስእሊ ዋይድ ዎርልድ

# መጽናዕታዊ ጉዳይ- ናይ ህዝቢ ሓይሊ ኣብ ሰረብያ (ኦትፖር)



ናይ ኦትፖር ሰብ ከበሮ ኣብ በልግሬድ፣ ሰርብያ

ስእሊ ኦትፖር

ኣብ 1998 ኦትፖር (ምቅዋም) ናይ ሰርብያውያን ጉጅለ መንእሰያት ምስ ቆመ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ንስሎቦዳን ሚሎሸቪክ ኣብ ምውዳቕ ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቱ። ኣብ መጀመርያ ጎስጓሶም ኣብ ምቕያር ኣራእያ ኣብ ምቅዋም ሚሎሸቪክ ዝዓለመ ኰይኑ፡ ንኣብነት ኣብ መራኸብታት ከም ዘይጎነጻዊ ጉሪላ ታክቲክ ኰይኑ፡ (ኣብ መንደቕ ብምጽሓፍ፡ ናይ ጽርጊያ ተዋስኦ ብምግባር፡ ..ወ.ዘ.ተ ..) መብዛሕትኡ እዋን ተገዳስነት ንምስሓብን ፍርሒ ንምቕናስን ዘስሕቕ ነገራት ምጥቃም። ኣበቶም ተፈናጭሎም ዝነበሩ ዲሞክራሲያውን ተቓወምቲ ብቐጻሊ ጸቕጢ ብምግባር፡ ንሚሎሸቪክ ንምምካትን ነቲ ዝነበሮ የዕኑድ ስልጣኑ ንምድኻምን ናይ ሓባር ረቛሕቲ ረኺብሎም።

ብኸመይ ነቲ ስርዓት የዳኸምዎ? ዝብል ሓሳቦም ፡ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ስልጠና ዓውደ-መጽናዕቲ ኣብ ምዝርጋሕ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ሚሎሸቪክ ነቲ ምርጫ ክሰርቆ ምስ ፈተነ ድማ ከጋልጽዎን ኣብ መወዳእታ ከኣ ደው ኣበልዎ። ነቲ ህንጻ ናይ ፓርላማ ህዝቢ ምስ ከበቦ፡ ፖሊስ ክብትኖም ፍቓደኛ ኣይነበሩን። እቲ ኣዝዩ ዘይርሳዕ ስእሊ ናይትን ናብ ፓርላማ ዘምራሓ ዝነበራ ብልዶዘራት እዩ፡ ሕጂውን እቶም ፖሊስ ንምኽልካል ዋላ ሓደ ነገር ኣይገበሩን። ኣብ'ቲ ዝቕጽል መዓልቲ ድማ ሚሎሸቪክ ካብ ስልጣኑ ወረደ።

ኦትፖር፡ ኣብ ናይ ሰርብያ ዲሞክራሲ ምዕዋት፡ ንሚሎሸቪክ ኣብ ምልጋስ ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቱ፡ ይኹንደኣምበር እቲ ዝሳዓበ ዕቤት ናብ ዲሞክራሲ ዘሕዝን ኰነ።

**ጽሑፋዊ ምንጭታት፡**

Bringing Down a Dictator', DVD, 60 minutes, a production of York Zimmerman Inc., Washington, D.C. USA

Albert Cevallos,'Whither the Bulldozer?: Nonviolent Revolution and the Transition to Democracy in Serbia' (US Institute of Peace special report No 72 - downloadable from http://www.usip.org)

The Website for the Centre for Applied NonViolent Action Strategies includes articles by Otpor activists and others on their strategy and tactics: www.canvasopedia.org/content/serbian_case/otpor_strategy.htm.

# 3

# ጸታን ዘይኽጸውን

*'ደቂ ተባዕትዮ ምውጋእ ምስ ዝኣብዩ ከምኡ'ውን ደቀንስትዮ ንውግእ ምቕባል ምስ ዝነጽጋ፡ ውግኣት ደው ክብሉ እዮም' -- ጀስ ዋላስ ሁጋን፡ መስራቲ War Resisters' League።*

**መእተዊ**

ንሰብኡትን ኣንስትን ኣብ'ቲ እነካይዶ ኣንጻር ሡናትን ዘይፍትሓዊ ቃልሲ ክሳተፉ ምድላይና ቀሊልን ጸገም ዘይብሉ ክመስል ይኽእል ይኸውን። ይኹንደኣምበር እንተድኣ ናይ ህዝቢ ክእለት፡ ሓይልን መረዳእታን ብግቡእ ክንጥቀመሉ ደሊና፡ ናይ ጾታ ምንቕቓሕ ኣብ ነብስና ምውዳብ፡ ኣብ ምሕንጻጽ ጎስጓሳትና፡ ታዕሊም ንተግባራዊ ስራሓት ብኸመይ ነካይድን ክንጥቀመሉ የድልየና።

ስለምንታይ? እቲ ምኽንያት፡ 'ጾታ' እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና መግለጽታት ናይ ሰብኣይን ሰበይትን፡ ተባዕታውን ኣንስታውን' ተራታት ንኹልና ስለዝጸሉ እዩ። እቲ ማሕበራዊ ባህሊ ዝፈጠሮ ተባዕታይ ከም ዓብላሊ፡ ድሕር ዘይብል ደፋር፡ ተቖጻጻራይን ንሰበይቲ ድማ ከም ድኽምቲ፡ ተንበርካኺትን ኣገልጋሊትን ምዃና ዝገልጽ ንነፍስወከፍና ኣዝዩ ይትንክፈና። እቲ ኣብ ዘይጎነጻዊ ስርሓትናን ጎስጓሳትናን እንገብሮ ናይ ጾታ ምንቕቓሕ፡ ነቲ ደው ከነብሎ እንጽዕሮ ተመሳሳሊ ዘይፍትሓዊ ብርግጽ ከይነቖጽሎ ይሕግዘና።

ኣብ ጎስጓሳት ጸረ ውትህድርና ውጺኢታዊ እስትራተጂ ንምፍጣር፡ ናይ ጾታ ምንቕቓሕን ኣብ ጾታ ዝተሞርኰሰ ትንታኔታት ምክያድን ኣገደስቲ መሳርሒ እዮም። ጾታ ኣብ ነብሲወኸፍ ግጭት ሓደ ባእታ እዩ። ናይ ግጭት ጠንቂ ከይከውን ይኽእል ይኸውን፡ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ናይ ተባዕታውን ኣንስታውን ግን ስለምንታይን ብኸመይ ህዝቢ ይዋጋእ ቀንዲ ምኽንያት እዮም። ወታሃደራዊ ኣገባባት ዝሰርሑ ኣብ ገለ ሓሳባትን ግምታዊ ኣራእያ ናይ ተባዕትዮን ኣንስትዮን እዩ ዝምርኰስ። ስለዚ እንተድኣ ንግጭት ንምፍታሕ ሓደስቲ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ቅርጽን ኣገባባትን ክንፈጥር ንደሊ ኰይንና፡ ብዛዕባ ጾታ ሓደስቲ ግምታዊ ሓሳባትን ትጽቢትን የድሉዩና እዮም።

ኣብ'ዚ ክፋል'ዚ ናይ ጾታ ምንቕቃሕ ኣብ ስልጠናኹም፡ ጎስጓስኩም፡ ዘይጎነጻዊ ተግባራትኩምን ብዓይኒ ጾታ ንኽትፍትሽሉ ዝሕግዙኹም ኣምራትን ልምምዳትን ከጠቓልል እዩ።




ቅኑዓት ሕቶታት ምቕራብ፡ ዘይጎነጻዊ ታዕሊምን ጾታን፡
ቺያንግ ማይ፡ ታይላንድ፡ ስእሊ...ጆን ሸሃን

## ጾታ እንታይ ማለት እዩ?

ጾታ ማለት-- ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዝፍጠር ናይ ሓሳባት ማሕበራዊ ህንጻት ኰይኑ፡ ንዕማማት፡ ስርዓታት እምነትን ኣራእያን፡ ናይ ሓሳብ ስእልታት፡ ወግዒታትን ከምኡ'ውን ትጽቢት ናይ ሰብኡትን ኣንስትን ዝገልጽ'ዩ። ጾታ ኣብ ሞንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ጥራሕ ዘይኰነ፡ ኣብ ውሽጢ ነብሲወከፍ ጕጅለ ኣብ ናይ ስልጣን ዝምድና ተራ ይጻወት እዩ። እዚ ኸኣ ብዙሕ ማሕበራዊ ጸገማት የስዕብ። ዝተፈላለዩ ባህልታት ኣብ ጾታ፡ ሰብኡትን ኣንስትን ዝሓሸ ክገብርዎ/ሮኦን ክኾንዎን/ናኦን ዘለዎም ከከም ባህሉ ዝተፈላለየ ሓሳባት ኣለዎም። ጾታ ካብ ባህሊ ናብ ባህሊ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኣብ መስርሕ ናይ ግዜ ወይ ኣብ ውሽጢ ሓደ ባህሊ ኣብ ግዜ ቅልውላው ክቕየር ይኽእል እዩ።

### ኣብ ሞንጎ ስነ-ሂወታውን (ሴክስ) ማሕበራዊ/ሓሳባዊ ጾታታት (ጀንደር) እንታይ ፍልልይ ኣለዎም?

ስነ-ሂወታዊ ጾታ (ሴክስ) ነቲ ኣብ ሞንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ዘሎ ናይ ስነ-ሂወታዊ ባህርያዊ ፍልልይ የመልክት፡ ዋላ'ኳ እቶም ፍልልያት ንጽራትን ቀወምትን እንተ'ኾኑ፡ ኣብኦም'ውን ገለ ስነ-ሂወታዊ ፍልልያት ኣለዎም። ናይ ሓሳብ ጾታ (ጀንደር) ግን ናይ ተባዕታውን ኣንስታውን ትጽቢታት

ምርኩስ ብምግባር፡ ብባህላዊ መትከላት፡ ናይ እምነት ኣገባባትን ምስልታትን ኣብ ግምት የእትዩ ዝቖመ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ኣዝዩ ዝተሰረተ እዩ።

## ጾታ ምስ ስልጣንን ፍትሒን ብኸመይ ይዛመድ?

ኣብ ብዙሓት ባህልታት ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ተመኵሮን ኣራእያታትን ከም ልሙድ ነገር ይውሰዱ። ዋላ'ኳ ናቱ መግለጺ ክህልዎ እንተኻኣለ፡ ናይ ተባዕታዊ ጾታ ባህሪ ከም ንቡር መዐቀኒ ይውሰድ። ስልጣን ምሓዝ ብፍላይ ኣብ ናይ ህዝባዊ ስልጣን ከም ናይ ተባዕታይ ቦታ ጥራሕ ይረአ። ኣብ ብዙሓት ባህልታት ደቂ-ተባዕትዮ ከም ርእሲ ስድራ-ቤት፡ መራሕቲ ናይ ማሕበረሰብን ሕብረተሰብን ክውሰዱ ከሎዉ፡ ደቀ-ኣንስትዮ ድማ ከም ሳዓብትን ደገፍትን ይውሰዳ። በዚ ግምታዊ ኣታሓሳስባታት ደቂኣንስትዮን ኣዋልድን ኣብ ንነብሰን ዝትንክፍ ውሳነታት ዳርጋ ድምጺ ከም ዘይብለን የርኢ። እዚ ማለት ባህላዊ ተረኦም ዘይስዕቡ ደቂ-ተባዕትዮ ህዝባዊ ነቐፌታ ከጋጥሞም ይኽእል። ይኹንደኣምበር ጾታ ኣብ ሓሳባት ማሕበራዊ ህንጸት ዝተሞርኰሰ ስለዝኾነ፡ ነቶም ኣብ ተራ ናይ ደቂ-ተባእትዮን ደቀ-ኣንስትዮን ዘለዉ ጸቐጥቲ ኣራእያታት ንምብዳህን ለውጢ ንምምጻእን ይከኣል እዩ። ነዚ ኢና ድማ ናይ ጾታ ፍትሒ እንብሎ።

## ብኸመይ ጾታ ንነብሲወከፍና ይትንክፈና?

ካብታ ዝተወለድናላ ዕለት ጀሚሩ፡ ብመገዲ ማሕበራዊ ህንጸት ብዛዕባ ጾታ ንትንከፍ። ብዝተፈላለየ መገድታት ተባዕታውነት ኣብ ናይ ኣወዳት ኣእምሮ ይሰርጽ። እዚ ደማ ኣብ ሊዕሊኦም ናይ ማሕበራዊ ጸቕጥታት ብምፍጣር፡ ንስሚዒታቶም ብምንጻግ፡ ኣካላዊ ሓይሊ ብምርኣይን ምስ ካልኦት ብምውድዳርን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዕብለላ ዘለዎ ናይ ኣገዳስነት ተራ ከረጋግጹ ይደልዩ። ምቁጽጻር ወይ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ስልጣን ምህላውን ጎነጽን ከም ምልክት ናይ ተባዕታውነት ክራኣዩ ይኽእሉ። ከም'ዚ ዓይነት ምምሕባር ክብረት ናይ ነብሲወከፍ ሰብ የትሕት። ሰብኡትን ኣወዳትን ንውትህድርና ኣጎልግሎት ንምድላው ብባርባራዊ መገዲ ይሳቐዩ። ውግእ ንገዛእ ርእሱ ጾታዊ ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ሰብኡትን ኣወዳትን ኰይኑ፡ ንኽቐትሉ ዝግደዱሉ መስርሕ እዩ።

መብዛሕትኡ ግዜ፡ ኣዋልድ፡ ንፉዓት ሰማዕትን ጽፉፋት ተማእዘዝትን ንኽኾና፡ ኣብ ሕብረተሰበን ክብረተን ከረጋግጻ ንናይ ካልኦት ድሌት ቀዳምነት ብምሃብ፡ ንብልሐን ብምንጻግ ኣብ ሕብረተሰብ ይምሕበራ። ልኡምነትን ንዘይፍትሓዊ ብስቕታ ምቕባልን ከም ምልክት ናይ ሰበይታዊ ይራኣዩ። ከም'ዚ 'ዓይነት ምምሕባር ንናይ ወዲ ሰብ ክብሪ

ለጠቕ ብምባል፣ ንግዳይነት የማዕብል። ነንስትን ኣዋልድን ምክንኻን ዝብል ንፕሮፖጋንዳ ሃልኪ ብምጥቃም፣ ሾናት ንምስዋርን ወይ ሕጋውነት ምልባስን ይጥቀምሉ። ሾናት'ውን ጾታዊ ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ደቀ-ኣንስትዮ ብምዃን፣ ናይ ሓይሊ ጾታዊ ርክባት ከም ሓደ መሳርሒ ናይ ሾናት ይጥቀምሉ።

## ስለምንታይ ናይ ሰላም ምንቃስቓሳት ኣብ ጾታዊ ጐነጽ ዝዋስኡ?

ጾታዊ ጉዳያት ኣብ ግምት ምእታው ንስርሓት ሰላምን ፍትሒን ኣገዳሲ ተረድኦ ይህብ። ሓሳባት ተባዕታውን ኣንስታውን መሰረት ናይ ጐነጽ ኰይኖም፣ ንወተሃደራዊ ረጽሚ ኣብ ምድጋፍ የገልግሉ። ኣብ ግዜ ሰላም ዝረአ ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ኣዋልድን ዘሎ ደረጃ ናይ ጎነጽ፣ ኣገዳሲ መሐበሪ ናይ ሓደ ቅኑዕን ሰላም ዝሰፈኖ ሕብረተሰብ እዩ። ናይ ሾናት ጐነጽ ንኽብቅዕ ዝቃለሱ ናይ ሰላምን ፍትሒን ማሕበራት፣ ኣብ ሕብረተሰቦም ዘሎ ምሉእ ናይ ጐነጽ መልክዓት እንተተረዲኦም፣ ንምብዳህ ዝያዳ ውጺኢታውያን ይገብሮም።

ዕርቂ ብዘይ ጾታዊ ፍትሒ ከም ዘይከኣል ምኻኑ፣ ኣብ ግዜ ሾናት ናይ ጾታ ጐነጽ ግዳያት ዝነበሩ ይሕብሩ። ኣብ ግዜ ሾናት ኣብ ልዕሊ ሰብኡትን ኣወዳትን ዝፍጸም ጾታዊ ጐነጽ'ውን ክቃላሕ ይግባእ። ናይ ሰላም ምንቅስቓሳት ከይረስዕዎም ክሓልፉ ዘይብሎም ጉዳያት ምስ ጾታን ሾናትን ዘሎ ዝምድና- ከም ብብዝሒ ንደቂኣንስትዮ ናብ ውትህድርና ምእታው ምውሳኹ፣ ናይ ደቂኣንስትዮን ኣዋልድን ጥበብን መሪሕነትን ንህንጸት-ሰላም (peace-building) ክህልወን ዝኽእል ተራ፣ ከምኡ'ውን ክሳብ ክንደይ ንሰብኡት ትጽቢታት ናይ ጾታ ንኽዋግኡ የተባብዖም ዝብሉ እዮም።

## ስለምንታይ'ዩ ናይ ጾታዊ ኣራእያ ኣብ ስራሕና ኣገዳሲ ዝኾውን?

መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ማሕበራዊ ለውጢ ዝሰርሑ ሰባት፣ ነብሶም ካብ ውሽጣዊ ሓሳባት ጾታ ነጻ ገይሮም ስለዝኣምኑ፣ ኣብ ውሽጦም ለውጢ ከም ዘድልዮምን ክመሃሩ ከም ዝግቦኦምን ኣይሓስቡን እዮም። ኣብ ጉዳያት ጾታ- ምንቕቓሕ ምግባር፣ ንነብስና ምቕያርን ኣብ ውሽጢ ማሕበር ዘለዉ ኩነታት ምቅያርን፣ ኣገደስቲ ውልቃውን ናይ ኣወዳድባ ለውጢ ስለዝኾኑ፣ እቲ ለውጢ ናይ ቀርጻዊ ጎነጽ (structural violence) ኣብ ሕብረተሰብ'ውን የጥፍእ።

ኣብ ጉዳያት ናይ ጾታ ምስራሕ ቀሊል ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ እቲ ጉዳይ ብዛዕባ ነብሲወከፍና ስለዝኾነ፣ ክንሓልፎ ዘይንኽእል እዩ። ብቐጥታ ስለዝትንክፈና፣ እቲ ጉዳይ ክላዓል ከሎ ንፈርሕ። እንታይ

ክግበር ከም ዘለዎ ኣይንፈልጥን ወይ ክንፈልጥ ኣይንደልን፡ ንዝያዳ ምስሕሓብን ምብትታንን ክንፈርህ ንኽእል። ነቲ ጉዳይ ከም ቀዳማይ ገይርና ኣይንሰርዖን ምባል ቀሊል ክኸውን ይኽእል። እስከ ንነብስና ንምትብባዕ ካልኦት ማሕበራት ብኸመይ ነቶም ሕቶታት ከልዕላ ከም ዝጀመራ ኣብነታት ንርአ።

## ናይ እስራኤል 'ኒው ፕሮፋይል'፡ ኣብነት ምትእስሳር ሰላምን ጾታዊ ጉዳያትን

ከመይ ገይሩ እዩ ሓደ ናይ ሰላም ጉጅለ ንጾታዊ ምንቅቓሕ ኣብ ናይ ሰላም ስርሑ ከወሃህዶ ዝኽእል? እቲ ምውህሃድ ኣብ ናይ ኣወዳድባ መንነትን ቅርጽን፡ ኣብ ግዜ ናይ ኣባላት ታዕሊምን ምልላይን፡ ኣብ ምምዕባል ናይ መደባት እስትራተጂታት ክኸውን ይኽእል።

ናይ እስራኤል ናይ ሰላም ማሕበር 'ኒው ፕሮፋይል' ንነብሱ ከም ኣብ ናይ ወተሃደራት "ሃገር" ክንነብር ኣይንደልን ኢና፡ ዝብሉ ጉጅለ ናይ ደቀ-ኣንስትን ሰብኡትን ከም ዝኾኑ ይገልጽ። ካብ መጀመርትኡ ኣትሒዙ ከም'ዚ ዓይነት ኑጹር መንነት ኣብ ጾታን ሰላምን ዘሎ ርክብ ንጹር ብምግባር፡ ዝኾነ ሰብ ምስ ማሕበር ርክብ ክገብር የኽእሎ። ኒው ፕሮፋይል ነቲ ያታዊ ኣካይዳ ናይ ኣወዳድባ ብምጥሓስ፡ ናይ መሪሕነት ተራታትን ዝኽፈሉ ስራሓትን ንኩሉ ዘዋሪ ብምግባር ናይ ንጥፈታት ሰንሰለት/ደረጃታት ንኸይህሉ ይፍትን። እዚ ማሕበር ንሓደስቲ ኣባላትን ህዝብን ናይ ታዕሊምን ትምህርታዊ መደባትን-- ዓውደ-መጽናዕትታት፡ ሰሚናራት፡ ናይ መንእሰያት ጉጅለታት፡ ከምኡ'ውን ጉባኤታት የዳሉ። ብዙሕ ግዜ ብኸመይ ጾታን ውትህድርናን ምስ ባህልን ሕብረተሰብ እስራኤል ይራኸቡ? ዝብል ትንታነታት ይገብር። ናይ ምሉእ መዓልቲ ናይ መጽናዕቲ ብምክያድ ነቲ ርክባት ብዕምቆት ይርኢ። ካብ'ዚኦም ሓደ ከም ኣብነት ኣብ 2007 ካብ ናይ ወተሃደራት ኣኻብሕ (archives) ናይ ደቂኣንስትዮ ወተሃደራት ስእሊ ብምጥቃም፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ምዕጣቕን ብሓፈሻ ኣብ ናይ እስራኤል ሕብረተሰብ ዘሎ ውትህድርና ሪእዩ። ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉ ናይ መጽናዕትን ምምይያጥን ዕድላት ንኣባላት ኒው ፕሮፋይል ኣብ ትንታነታት ውትህድርናን ኣብ ናይ ስራሕ እስትራተጂካዊ ውጥናትን ዘሎ ጸገማቶም ንምፍታሕ ዝዓሞቐ ናይ ጾታ ፍልጠት የስንቖም። ኣብ'ቲ ናይ ኒው ፕሮፋይል 'ናኣሽቱ ኣጽዋራትን ፎኵስቲ ብረትን' ዝብል መደብ፡ እቲ ማሕበር ኣብ እስራኤል ዘሎ ናይ ኣጽዋር ንግድ ጸገማትን ቅርጽን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብኸመይ ፎኵስቲ ብረት ኣብ ናይ ውልቀሰባት ሂወት ጉድኣት ከም ዘብጽሑ'ውን መርሚሩ እዩ፡ ከምኡ'ውን ኒው ፕሮፋይል 'ጸጥታ' ዝብል ቃል ኣብ ናይ እስራኤል

ባህሊ እንታይ ምኽኑ ደጊሙ ንሽነጽር/ክገልጽ ብኸመይ ከም ዝሕግዝ መጽናዕቲ ኣካይዱ።

> መዘኻኸሪ
>
> እዚ ጽሑፍ ካብ መደብ ኣህጉራዊ ናይ ደቂኣንስትዮ ማሕበር ንዕርቅን ሰራሕቲ ሰላም ንብረት ዝተዳለወ ዝተወስደ'ዩ። (http://www.ifor.org/WPP/index.html) ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ታዕሊም መምርሕታት ዝሰፍሐ ናይ International Women's Partnership for Peace and Justice ኣብ (http://www.womenforpeaceandjustice.org/) ዝርከብ እዩ።

# 4

# ንምውዳብን ምስላጥን ታዕሊም ዘኽልግሉ ዕማማትን መስርሓትን

ኣብ ምውጣንን ምስላጥን ታዕሊም ንዘይኀነጻዊ ኀስጓስ ብቡዙሓት ሰባት ክካፈልዎ ዝግባእ ዝተፈላለየ ዕማማት ይሓትት። ቀዳማይ- ናይ ኀስጓስ ወደብቲ መዓስን እንታይ ዓይነት ታዕሊም ከም ዘድሊ ክስተብህሉ ይግቦኦም። እቲ ጕጅለ ኣብ ምምዕባል ኀስጓስ እስትራተጂ ድዩ ታዕሊም ዝደሊ ዘሎ ወይስ ኣብ ጸታዊ ጉዳያት? ኣብ ዘይኀነጻዊ ስርሓት ዝሳተፍ ሓድሽ ጕጅለ ንምድላው ድዩ ወይስ ንተመኰሮ ዘለዎም ጕጅለ ሓዲሽ ክእለታት/ጥበባት ንኽፈልጡ እዩ ዝዳሎ ዘሎ? ናይ መቕርብ ጕጅለታት ንናይ ሓባር መስርሕ ታዕሊም የድልዮም ድዩ?

ኣድላይነት ናይ ታዕለም ምስ ተወሰነ፡ ዓለምቲ የድልዩ። ከም’ቲ ኣብ ታዕሊም ናይ ዘይኀነጻዊ ኀስጓስ ምዕራፍ ክልተ ተገሊጹ ዘሎ፡ እንተድኣ ዓለምቲ ዘየለዉ ኰይኖም፡ ናይ ጋንታ ዓለምቲ ብሙቛም፡ ታዕሊም ክካየድ ይኽእል። እዚ ክፋል ንምውዳብ፡ ንምውጣንን ንምስላጥ ታዕሊምን ዝሕግዙ ዝርዝር ሓቤሬታ የቕርብ።

ወደብትን ዓለምትን ቅድሚ ናብ ናይ ገዛእ ርእሶም ዕማማት ምእታው፡ ብሓባር ክዛራረቡ የድሊ። ዘይኑጹርነትን ግምታትን ናይ ዓለምቲ ወይ ወደብቲ ዘይብቑዕ ስልጠና ከፍሪ ይኽእል። ታዕሊም፡ ውጥናት ንምፍታን፡ ናይ ጕጅለ ድኽመታት ንምፍታሽ፡ ወይ ዝያዳ ሰባት ናብ’ቲ መስርሕ ንምስሓብ ዝግበር ኣገዳሲ ዕድል ክኸውን ይኽእል። ሓደ ዓላሚ ኣታሓሳስብኡ ነዞም ዕላማታት ኩፉት ክኸውን ኣለዎ።

እንተድእ እቶም ዓለምቲ ኣካል ናይ ጕጅለ ኰይኖም፡ ከም ዓለምቲ ተሮኦም እንታይ ምዃኑ ንጹር ክኸውን ይግባእ። ንሳቶም ነቲ ዘሎ ኩነት፡ ጕጅለ፡ ኀስጓስ፡ ነቲ ናይ ስራሕ ኣካይዳን ወ.ዘ.ተ…፡ ካብ ናይ ደገ ኣሳላጢ ዝሓሸ መረዳእታ እኳ እንተለዎም፡ ናብ’ቲ ስራሕ ብዕምቆት ዝሳተፉ ዓለምቲ፡ ናብ ካልእ ተራ ክሳገሩ ከቢድ ክኾኖም ይኽእል። በዚ ምኽንያት እዩ ድማ ምንጻር ናይ ተራ ኣብ’ቲ መስርሕ ኣገዳሲ ዝኸውን።

ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳትን ኣብ ምዕራፍ ሓምሽተን ውደባ ውጺታዊ ዘይጎነጻዊ ስርሓት ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተን ንዓለምትን ወደብትን እነታይ ክገብሩ ከም ዝግቦኦምን፡ እንታይ ክዕልሙ ከም ዘለዎምን ንመረዳእቶኦም ዝሕግዙ ሓበሬታ ኣጠቓሊሎም ኣለዉ።

## ብሓባር ምስራሕ

1) መብዛሕትኦም ካብቶም ወደብትን ኰሎም ዓለምትን ነቲ ስልጠና ንምውጣን ኣቐዲሞም ክራኸቡ ይግቦኦም። ከከም ኩነታቱ እናራኣዩ፡ ወደብቲ ኣብ  ምሕላፍ-ውሳነታት ንዝያዳ ናብ'ቲ ጕጅለ ምምላስ ከድልዮም ይኽእል። ናይ ዓለምቲ ሕቶታት ንወደብቲ ጕጅለ ንኽዳለዉ ዝያዳ እንታይ ክገብሩ ከም ዝግቦኦም ንምርዳእ፡ ክሕግዙ ይኽእሉ።
2) ሽቶታት ናይ ታዕሊም ንምዕዋት፡ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ከም ዘድሊ ምምይያጥ። ብሓደ መዓልቲ ክግበር ይካኣለዶ? ክንደይ ስዓታት ወይ ቀዳመ ሰንበት ይወስድ? እቲ ታዕሊም መስርሕ ምዕባለ ናይ ጎስጓስ እናራኣኻ በብደረጃታት ክካየድ ይኽእልዶ? ሓደ ጎስጓስ ንምውጣን ተኸታታሊ ታዕሊማት የድልዶ? ገለ ጕጅለታት ናይ ባዓላት መዓልቲ ብምጥቃም፡ ናይ ጎስጓስ ውጥናትን ምድላዋትን ይገብሩ። እንተድኣ ሰባት ንሓደ ግብራዊ ስራሕ ንምግባር ኣብ ጉዕዞ ኣለዉ ኰይኖምስ፡ ከመይ ገይርካ ነቲ ታዕሊም ምወጠንካዮ?
3) ዓለምቲ ብዛዕባ ናይ ተሳተፍቲ ሓበሬታ ክህልዎም የድሊ፡ እቶም ሰባት ንተወሰነ ግብራዊ ስርሓት ጥራሕ ድዮም ብሓባር ዝመጹ ዘለዉ ወይ ምዱብ ርክብ ኣለዎም? እንታይ ዓይነት ናይ ተመኩሮ ደረጃ ኣለዎም? ቅድሚ ሕጂ ታዕሊም ወሲዶምዶ ነይሮም? ዘይጎነጻዊ ተግባራት ገይሮምዶ፡ እንታይ ዓይነታት?
4) ናይ'ቲ ጕጅለ ኣቀራርባ ኣብ ዘይጎነጻውን ታዕሊምን ምዝርራብ። እቲ ጕጅለ መምርሒ ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣለዎዶ? (ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት)
5) ነቶም ናይ ጎስጓስ ወደብቲ ንጹራት ሓበሬታ ናብ'ቲ ታዕሊም ከቕርቡ ምውካስ (ንኣብነት… ናይ ውጥናት ኣንፈታት፡ ናይ ጎስጓስ ድሕረ-ባይታ)። ነቲ ስራሕ ንኻዓሙ ክንደይ ግዜ ከም ዘለዎም ኑጹር ምኻን።

6) እንታይ ዓይነት ጹሑፋት ከም ዘድልዩ ምፍላይ፡ እንተድኣ ኣድላዪ ኮይኑ ድማ ካርታን ስእልታትን ምጥቃም።
7) ቀረባት ንምድላው መን ሓላፍነት ከም ዘለዎ ምንጻር፡ (ሕብርታት፡ ወረቐት፡ ቴፕ፡ ናይ ጹሑፋት ቅዳሓት፡ ናይ መወከሲ-መጽሓፍ ቅዳሓት፡ ንፊልም ዝኸውን ኣቑሑትን ዝኣመሰሉ...) ከምኡ'ውን ንምግብን ወይ ካልኦት ኣድለይቲ ነገራትን ምቅርራባት ምግባር።

## ንታዕሊም ንምውዳብ ዘድልዩ ኣገደስቲ ነገራት

1) እቲ ታዕሊም ዝግበረሉ ቦታ እኹል ናይ ዕማማት ጸወታን ልምምዳትን ዝኸውን ክፍሊ ምህላዉ፡ ነቶም ዝመጹ ክሕዝ ዝኽእል ናይ ክቢ ኰፍ መበሊ ምህላዉ ምርግጋጽ።
2) ንመጽሓፊ ዝኸውን ናይ መንደቕ ሰሌዳ ወይ ወረቐት ምህላው ምርግጋጽ።
3) መግብን ሉስሉስ መስተን ኣገደስቲ'ዮም፡ ሓደ ሰብ ሓላፍነት ንኽወስድ ምርግጋጽ ወይ ንተሳተፍቲ ምስ ካልኦት ክካፈል ዝኽእል ሒዞም ንኽመጹ ምሕታት።
4) ዝዕደል ሓበሬታ- ኑጹር መግለጺ ናይ ታዕሊም፡ ኣገዳስነት ምሉእ ተሳትፎን ክንደይ ግዜ ከም ዝወስድን ወ.ዘ.ተ... ክጠቓልል ይግባእ።

## ንታዕሊም ንምስላጥ ዘድልዩ ኣገደስቲ ዝርዝራት

1) ብጋህዲ ንታዕሊም ንምቕራብ/ምስላጥ ነዊሕ ናይ ምድላው ግዜ ከም ዝወስድ ኣሳለጥቲ ክስተውዕሉ ይግባእ። ናይ ኣሳለጥቲ ተሓጋገዝቲ ኣብ ምዕባይ ዛዕባ ብሓባር ክሰርሑ ኣገዳሲ ኮይኑ፡ መን እንታይ ሓላፍነት ኣልዎን እንታይን ብኸመይን ብሓባር ይሰርሑ ንጹር ክኾነሎም ይግባእ።
2) ንነፍስወከፍ ክፋል ክንደይ ዝኣክል ግዜ ኣብ ምሰላዕ ግብራዊ ምዃን። ነቲ ታዕሊም ብቕልጡፍ ንምክያድ ኢልካ ንጸቕጢ ዘይምብርካኽ።
3) ንታዕሊም ብሌላታት ጀምሮ። ነቲ ስቕታ ብናይ መላለዩ ልምምዳት ስበሮ። እንተድእ እቶም ኣባላት ጉጅለ ነንሕድሕዶም ዝፋለጡ ኮይኖም ጸገም የለን። ሕቶ ሕተት፡ በዚ ድማ ተሳተፍቲ ብዛዕባ ነንሕድሕዶም ክመሃሩ የኽእሎም።



ተሓለቕትን ዓለምትን ደቀንስትዮ ኣብ ግዜ ናይ ጾታ ዘይጎነጻውን መሐየልን ታዓሊም፡ ኣብ ኣፍደገ ናይ እንግሊዝ ናይ ኒኩለር ፋብሪካ ዝተኻየደ (AWE ALDERMASTON)፡ እንግሊዝ፡ ብ ዞዲት ባሮን ዝተሳእለ

4) እንተድኣ ዓለምቲ ብዛዕባ ናይ “ቶም ሰባት ተመኵሮ እኹል ሓቤሬታ ዘይብሎም ኰይኑ፡ ብዘይ ውድድራዊ መገድታት ምሕታት ተጠቀም። ተዓለምቲ ሓበሬታ ከም ዘድልዮም ብምግላጽ፡ ሓደ ሃዋህው ፍጠር። እዚ ግን መን ካብ መን ይሓዪሽ ንምልላይ ኣይኰነን።
5) ኣብ ምጅማር ታዕሊም፡ ንተሳተፍቲ ዘተባብዕ ልምምዳት ምክያድ። ከም’ኒ ቀሊል ናይ ባእሲ (ሃስል፡ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት)
6) ንንጥፈት በብጽምዲ ወይ በብሰለስተ ምስ ንጥፈት ኣብ ዓበይቲ ጕጅለታት ኣማዛዝኖም።
7) ምዱባት ዕረፍቲ እናሃብካ፡ ንዝርርብ ምስ ናይ ምንቅስቓስ ልምምዳት ሓውስ።



ታዕሊም ንምምዕባል ጎስጓስ፡ ቲብሊሲ፡ ጆርጅያ፡
ስእሊ...ኣንድርያስ ስፔክ

8) ግዜ ምሕላው፡ እንተድኣ ድሕሪካ ኣለኻ፡ ገለ ክስገሩ ዝኽእሉ መደባት ምልክት ምግባር። ነቶም ኣብ ድሕሪት ዝስርዑ፡ ከም’ኒ ‘ናይ ተራ ጸወታ ማእዝናት’ ግን ኣገደስቲ ክኾኑ ስለዝኽሉ ዘይምሕላፎም።
9) ወርትግ ናይ ገምጋም ግዜ ይሃሉ፡ ዝተፈላለየ መልክዓት ናይ ገምጋም ተጠቐም። ‘ኣየናይ ብጽቡቕ ተኻይዱ ወይ ዝሓሸ ክኸውን ምኻኣለ’ ነይሩ? ኢልካ ኣብ ናይ መንደቕ ወረቐት (ቻርት) ጻሓፍ። ተኸታታሊ ሕቶታት ብምቕራብ፡ ርእይቶታት ኣክብ፡ ናይ ዙርያ ምኻድ ወይ ናይ ሓንጎል ማዕበል ሜላታት

ተጠቐም። ብጹሑፍ ዝቐርብ ናይ ገምጋም ቅጽታት ንነዋሕቲ ታዕሊማት ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

# 5

# ዘይሕጻዊ ኣሽንሳት

## ንጎስጓስ ዘይጎነጻዊ ዝገብሮ እንታይ እዩ?

ንጹር ተወፋይነት ንዘይጎነጻዊ ይሃሉ ኣያሃሉ ብዘየገድስ፡ መብዛሕትኦም እቶም መሰረታውያን ኣካይዳ ናይ ጎስጓሳት ሓደ ዓይነት እዮም። እዚ ማለት ምርምር/መጽናዕትን ምእካብ ሓበሬታን፡ ትምህርቲ፡ ታዕሊምን ምምዕባል እስትራተጅን ዝኣመሰሉ ሓደ ዓይነት እዮም። እንታይ'ዩ ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ፍሉይ ዘብሎ? ብርግጽ ዘይጎነጻዊ ካብ ጎነጽ ዘይምግባር ንላዕሊ እዩ።

ብዙሓት ንዘይጎነጻዊ ውፉያት ዝኾኑ ማሕበራትን ጎስጓሳትን ናይ ገዛእ ርእሶም ንኣራእየኦም ዝገልጽ ዘይጎነጻዊ መትከላት ኣለዎም። ኣብ መግለጺ መትከላት ናይ WRI፡ ዘይጎነጻዊ ክንብል ከለና እንታይ ማለትና ከም ዝኾነ ይገልጽ።

ዘይጎነጻዊ፡ ንሲቪላዊ ዘይምምእዛዝ ዘጠቓልለ ንጡፍ ተቓውሞን ዝርርብን፡ ናይ ጸቓጢ ኣገባብ ዘይምትሕብባር፡ ካብ ደጋፊ ምኳን ደው ምባል፡ ኣብ ምፍጣር ኣማራጽታት ንሃናጺ ስራሕ፡ ከጣምር ይኽእል። ኣብ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ ዘይጎነጻዊ ኣብ ምስሕሓባት ክኣቱ ከሎ፡ ኣብ ገለ እዋናት፡ ማሕበራዊ ቅርጺ ብምሕያል፡ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ሕብረተሰብ ንዘለዉ ብምሕያል፡ ንኹሎም ፍታሕ ዝደልዩ ህዝቢ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ብምጥቓላል ዕርቂ ንኽፈጥር ይፍትን። ዋላ ኣብ ከም ዚኦም ዝኣመሰሉ ዕላማታት ብቕጽበት ኣይተዓወት፡ ዘይጎነጻውነትና ንውሳነ ታትና ብጽንዓት ከነትርርን ንኻልኦት ሰባት ድማ ክይንሃስን የኽእለና። (http://wri-irg.org/statemnt/stprinc-en.htm)

እዚ ዝስዕብ ዝርዝር፡ ንዘይጎነጻዊ ብፍላይ ዝምልከት ፍሉያት መትከላት ይሕብር። ገለ ካብኣቶም ኣብ ንነብሶም ዘይጎነጻውያን ኢና ኢሎም ዘይኣምኑ ክህልዉ ይኽእሉ፡ ናይ ኵሎም መትከላት ድምር ግን ንሓደ ጎስጓስ ዘይጎነጻዊ ይገብሮ።

### መትከላት ንዘይጎነጻዊ ተግባር

እዞም መትከላት ናይ ዘይጎነጻዊ ናይ ሕብረት መስርሓት ዘይጎነጻዊ ታዕሊም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ከምኡ'ውን ናይዚ መወከሲ-

መጽሓፍ ኣዋህህድቲ ሽማግለን ዝማዕበሉ እዮም። ነዚ ቀሪቡ ዘሎ ዝርዝር፡ ኣብ ጉጅለኹም ንዘተ ከም መበገሲ ሓሳባት ክትጥቀምሎም ነተባብዕ። ብመትከላት ዘይጎነጻዊ ብዝምልከት ኣባላትኩም መርገጺኦም ከመይ ከም ዘሎ ንምርዳእ ዝሕግዝ ናይ እስፔክተሩም/ባሮሜትር ልምምዳት ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከቱ። እንተድኣ ገፊሕ ፍልልይ ኣሎ ኰይኑ፡ እቲ ፍልልይኩም ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስኩም ብኸመይ ከም ዝትንክፎ ንምፍላጥ ምዝርራብ የድልየኩም። ኣብ'ዚ መምርሕታት ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ምርኣይ፡ ከም ሓደ ጉጅለ ዘለኩም ስምምዕ ንምንጻር፡ እቲ ዝበለጸ ሜላ እዩ። (ብዉሕዱ ንዕማማት ጎስጓሳኩም ብዝምልከት)

- ነኽብሪ ነብስ-ወከፍ ሰብ ኣፍልጦ ንሀብ። እዚ መሰረታዊ እዩ፡ ኣፍልጦ ክብርን ሰብኣውነትን ናይ ገዛእ ርእስኻን ናይ ካልኦትን ኣገዳሲ'ዩ።
- ነብስ-ወከፍና ገለ ክፋል ናይ ሓቂ ከም ዘለና ንፈልጥ፡ ዝኾነ ሰብ ኩሉ ክሀልዎ ኣይክእልን። ዝኾነ ኩሉ ቅኑዕ ወይ ኩሉ ጉጉይ ክኸውን ኣይክእልን። ናይ ጎስጓስና ሓበሬታ ምእካብ፡ ትምህርታትን ተግባራትን ነዚ ከንጸባርቕ ይግባእ።
- ንርክባትናን ዲሞክራስያዊ መስርሕ ንምዕባይ፡ ናይ ስራሕ ተግባራትና ክፋትነት ዝያዳ የትኩር። እንሰርሖ መስርሕ ምስ ካልኦት ዘለና ስልጣን ንምግላጽ እምበር፡ ስልጣንና ኣብ ልዕሊ ካልኦት ከነርኢ ኣይኰነን። ንኹሎም ተሳተፍቲ ምሕያል ኣገዳሲ'ዩ። ንርእሰ-ውሳነ  ንምዕባይ፡ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ዲሞክራስያዊ ቅርጽታትና ነዐቢ።
- መሳሪሒና-- (ጠባያትናን ግብራዊ ስርሓትናን) ምስ ዕላማታትና-- (ንሂወት ልዕሊ ኩሉ ምርግጋጽ፡ ንጭቆና ምቅዋምን ፍትሒ ምድላይን፡ ንነብሲ-ወከፍ ሰብ ክበሪ ምሃብ)-- ዝተሳነዩ ክኾኑ ኣለዎም። እስትራተጅና ካብዚኦም መትከላት ክነቅል ይግቦኦ። ብጎነጽ ወይ ምትላል ሜላታት ዓወት ክንረክብ ንኽእል ኢና ኢልካ ክም'ኸነ ኣይከኣልን።
- ካብ ንኻልኦት ጉድኣት ነብጽሕ፡ ብስቓይ ክንሓልፍ ፍቓደኛታት ኢና። ጉድኣት ከነብጽሕ ዘይምድላይና ካብ ነብሲወከፍ ውልቃዊ ክብሪ ዝነቐለን ከምኡ'ውን ከም እስትራተጂ ንምውፋይናን ዕላማናን ኣድህቦ ክረክብ ዘኽእል እዩ። ዋላ እንተድኣ ተጠቒዕና ብጎነጽ ግብረ መልሲ ክንገብር ፍቓደኛታት ኣይንኸውንን። ማእሰርቲ ሳዕቤን ናይ ተግባራዊ ስራሕና ምዃኑ ንፈልጥ፡ ምምላእ ቤት-ማእሰርቲ እስትራተጂ ክኸውን ይኽእል።

- ብመሰረት ዝተሰማማዕናሎም መምርሕታት፡ ንነብስና ንዘይጎነጻዊ ተግባራት ድልዋት ምዃና ቃል ንኣቱ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ፡ ንዛሓሸ ርዲኢትን ልምምዳትን፡ ናይ ምልላይ ርክባት ወይ ናይ ዘይጎነጻዊ ዓውደ-ስርሓት ንምውዳድ ክንፍትን ንኽእል።

### መምሪሕታት ንዘይጎነጻዊ

ኣብ 1930ታት ብጋንዲ ዝተጀመሩ ናይ ስነስርዓት (ዲሲፒሊን) ሕጊ ተመሊስካ ብምርኣይ፡ ብዙሓት ጎስጓሳት ኩላቶም ተሳተፍቲ ንኽሰማምዑ ዝሕተትሉ መምሪሒታት ንዘይጎነጻዊ ኣማዕቢሎም ኣለዉ። መምርሕታት ንዘይጎነጻዊ ምስ መትከላት ዘይጎነጻዊ ሓደ ኣይኰኑን። እቶም መምርሕታት ስምምዕ ኰይኖም፡ ተሳተፍቲ ኣብ ግዜ ተግባራዊ ስርሓት ከመይ ዓይነት ጠባይ ክህልዎም ከም ዘድሊ ይሕብሩ። ("ዝኾነ ዓይነት ኣጽዋር ኣይንሕዝን") ወይ ብዝያዳ ፍልስፍናዊ ሓሳባት ("ከምቲ ክንፈጥሮ እንደሊ ዓለም በዘንጸባርቕ መገዲ ኩላትና ብሓባር ክንእከብ ኢና") ዝብሉ ኑጹራት ሓሳባት ክቐርቡ ይኽእሉ።



ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ኣመሪካ ታዓዛቢ ቤት ትምህርቲ፡
ፎርት በኒንግ ሕ.መ.ኣ  ስእሊ፡ ጆን ሸሃን

ኣብ እንገብሮ ስምምዓት ትርጉም "ዘይጎነጻዊ" ወይ ስለምንታይ መሪጽናዮን ከም ውዱእ ነገር ክውሰዱ የብሎምን። ኣብ ዘይጎነጻዊ ትርጉም ምዝርራብ ዋላ ኣብ'ቲ ዝነኣሰን ስሙር ዝመስል ጉጅለ፡ ዝተፈላለየ ትርጉምን ዘተፈላለየ ደረጃታት ናይ ተወፋይነት ይፈጥር። ስለዚ ድማዩ መምርሕታት ንዘይጎነጻዊ መንፈስ ዘይጎነጻዊ ንተግባራዊ ስራሕ ብምፍጣር፡ ንኩሉ ትጽቢታት ኑጹር ይገብሩ። ኣብ ሓደ ተግባራዊ

ስራሕ፡ ናይ እኩባት ሰባት ድምጺ ናብ ዘይድልዩ ቃላትን ጎነጽን ከምርሑ ቀሊል ክኸውን ይኽእል። ካብ መንግስቲ ተረቒቖም ናብቲ ጕጅለ ብምእታው እውን፡ ስም ናይቲ ጕጅለ ንምኽፋእ፡ ነቶም ሰባት ናብ ጎነጽ ከምርሑ ክደፋፍእዎም ይኽእሉ።  ዋላ'ኳ ነቶም ውሑድ ተመኩሮ ዘለዎም፡ ዘይጎነጻዊ ስምምዕን ዘይጎነጻዊ ታዕሊምን ንብዙሓት ሰባት ኣብ ጎስጓስ ብሰላማዊ መገዲ ክሳተፉ ዕድል ክህብ ይኽእል። ንመትከላት ዘይጎነጻዊ ተግባራት ወደብቲ ክሳብ ክንደይ ውፉያት ይኾኑን ክሳብ ክንደይ ጎስጓስ እስትራተጂ ብዉሕሉል ኣገባብ ተወዲቡን፡ እቲ ኣገዳሲ ነገር ተሳተፍቲ ናይ ሰላማዊ-ሰልፍን ናይ ሲቪል ዘይምእዛዝ ተግባራትን ውጺኢታዊ ጎስጓስ ንኽገብሩ ነቶም መትከላት ዘይጎነጻዊ ከንጸባርቑ እዩ።

ኣብነታት ናይ ዘይጎነጻዊ መምርሕታት

- Faslane 365: http://www.faslane365.org/fr/display_preview/nonviolence_guidelines
- ናይ ላክንሂት ናይ ተግባር ጕጅለ http://www.motherearth.org/lakenheathaction/nv.php3
- ናይ ኣመሪካ ታዓዛቢ ቤት ትምህርቲ : http://www.soaw.org/article.php?id=1093
- መትከላት ናይ ፕሪሽቲና ዩኒቨርስቲ  ተማሃሮ ሕብረት 1997:
- http://wri-irg.org/wiki/index.php/Principles_of_the_Students%27_Union of_the_University_of_Prishtina%2C_1997።

## ውጥን ንዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት

ሰላማዊ ሰልፊ ንበይኑ ንሓደ ውሱን ዠናት ደው ከብል ወይ ሱር ዝሰደደ ዘይፍትሓውነት ክእርም ኣይክእልን። ኣብ'ዚ ዘጋጥመና ዘፍርሕ ናይ ዓለምና ኩነታት ንምምካት፡ ዘይጎነጻዊ ዝመስል ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ.... ናብ ግብራዊ ስርሓት ከይሓሰብካ ብምእታው ወይ ናይ ቀደም ዝተገብሩ ከይጠመትካን ናይ መጻኢ ከየማዕደኻን ምጅማር ቀሊል ክኸውን ይኽእል። መብዛሕትኡ እዋናት ጕጅለታት ነቲ ጸገም ምስ ኣለልይዎ፡ ቀጥታ ናብ ስልቲ/ታክቲክ የምርሑ። ወይ ብግቡእ ንኸይንትንትን፡ ንገዛእ ርእስናን ንኻልኦትን ከይንምህር ንጽገም። በዚ ድማ ናብ ግብራዊ ስርሓት ኣይንበጽሕን ዕላማታትና'ውን ምውቃዕ ፈጺምካ ኣይከኣልን። ሓይሊ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ውጺኢት ድምር ናይ ሓባር ፈጠራዊ ስልቲ፡ እስትራተጅካዊ ኣተሓሳስባን ናይ ተሳተፍቲ ተወፋይነትን እዩ።

ኣብ ፍሉይ ጉዳይ ጸላዊ ለውጢ ንምምጻእ ብዙሕ ግዜ ጎስጓስ የድሊ፡ እዚ ማለት ዝተኣሳሰሩን ቀጻሊ ንጥፈታትን ግብራዊ ስርሓትን ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ንንጹራት ዕላማታት ንምዕዋት ዝግበር እዩ። ጎሰጓሳት ብናይ ሓባር ስክፍታ ዘለዎም ሰባት ይጅመሩ። ተሳተፍቲ ናይ ሓባር ርድኢትን ራኢን ብምምዕባል፡ ዕላማታት ብምንጻር፡ ናይ መጽናዕቲ፡ ትምህርቲን ታዕሊም መስርሕ ይጅምሩ፡ እዚኦም ድማ ኣብ ምሕያልን ምስፋሕን ቁጽሪ ተሳተፍቲ ንግብራዊ ንጥፈታትን ስርሓትን የማዕብሉ።

ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ጎስጓስ ዕላማታት ኣለዎ። ብመጀመርያ ዝተወሰነ ናይ ጎስጓስ ጠለብ ወይ ኑጹራት ዕላማታት እዮም። መብዛሕቶኦም ጎስጓሳት ነቶም ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሕታት ዘለዉ ገለ ሰበስልጣናት ፖሊሲታቶም ይብድሁ። ናብዚ ዕላማ ንምብጻሕ፡ ኣብ ውሳነ ምሕላፍ መስርሖም ሓደስቲ ሮቛሒታት ክፈጥሩ የድሊ-- ብሓደስቲ ሓበሬታ ንኻኣምኑ ምድፍፋእ፡ ነቶም ዝድግፍዎም ብምእማን ወይ ንኽመጾም ዝኽእል ተቓውሞ ኣቐዲሞም ክፈልጥዎ ምግባር ክኸውን ይኽእል። ነቶም ሰባት ከም ሰብ ነገርና እምበር (ዝተወሰነ ዘይፍትሓዊ ነገር ደው ከብሉልና ወይ ኪእለዩልና ዝግቦኦም) ከም ጸላእትና ኣይንቖጽሮምን።

ብተወሳኺ ጎስጓስ ዓቕምታትን ቍጽሪ ተሳተፍቲ ኣብ ምዕባይ ናይ ውሽጢ ዕላማታት ኣለዎ። ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ኣብ መስርሕ ምሕያል ዓቕሚ ሰባት ይፈጥር። እዚ ናይ ውልቀ ምሕያል ዘጠቓልል ኰይኑ፡ (ሰባት ዘለዎም ዓቕሚ/ስልጣን ኣንጻር ጭቆና፡ ምግላል፡ ጎንጽን ተሳትፎ ዘርእዩሉ፡ ሰላምን ሰብኣዊ መሰላት ዝረኽብሉን ዝለማመድሉን)

ከምኡ'ውን ናይ ሓባራዊ ሓይሊ\ስልጣን ዝሃንጽሉ እዩ። ኣብ መስርሕ ጒጅለታት ብኸመይ ወደብትን ሓንጸጽቲ ናይ ፖለቲካ እስትራተጂ ንምኧን ይመሃሩ።

ጎስጓሳት ገለ ካብ እንደልዮ ራኢ ከማሓላልፉ ይግባእ፡ ንዝያዳ ንህልዊ ናይ ስልጣን ቅርጽታት ዝብድህ ጎስጓሳት ከምርሑ ይግባእ። ናይ ጎስጓስ ብዙሕነት ናብቲ እንጽዕረሉ ማሕበራዊ ለውጢ ብምምራሕ ናብ ማሕበራዊ ምሕያል ከምራሓልና ይኽእል። ኣብ እንገብሮ ታዕሊምን ትልምን ንኹሎም ሸነኻት ዘይጎነጻዊ መስርሕ ማሕበራዊ ምሕያል፡ ውልቃዊ ምሕያል፡ ኲማዊ ምሕያልን ናይ ህዝቢ ስልጣንን ኣብ ግምት ከነእትዎም ይግበኣና።

ንሓደ ውጺኢታዊ ዘይጎነጻዊ እስትራተጂ ንምምዕባል፡ እስትራተጅካወዊ ናይ ኣተሓሳስባ ክእለት ከነዐቢ ይግበእ።

## ምምዕባል ውጺኢታዊ እስትራተጂ

ፈጠራ ዝተሓዎሶም ጎስጓሳት ንዕቑር ሓይሊ ዘይጎነጻውነት ንምፍታሽ መገዲ ኣይስእኑን። እንተድኣ ብሓይልን ተኽእሎታት ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ዕጉባት ኰይኖም፡ ጒጅለታት ውጺኢታዊ እስትራተጅካዊ ጎስጓስ የማዕብሉ። እዞም ኣብ ታሕቲ ከም ርኢይቶ ተጠቒሶም ዘለዉ ልምምዳት፡ ንውዕውዕ ስምዒትን ምልዕዓልን ንኽፍጠር ክሕግዙ ይኽእሉ፡ ከምኡ'ውን ውጺኢታዊ ጎስጓሳትን መረዳእታ ብኸመይ ለውጢ ይመጽእ፡ ዝብሉ ሓሳባት የቕርብ።

እንተድኣ ኣብ ናይ ማሕበራዊ ለውጢ ከተምጽእ ኢልካ ኣብ ማሕበረ ኰምካ ትሰርሕ ኣሊኻ፡ ነቲ ለውጢ ንምምጻእ ናይ ጒጅለ መስርሕ ብምውሳድ ውጺኢታዊ እስትራተጂ ምድላው ትኽእል። እዚ ናይ ጒጅለ መስርሕ ድሮ ኣብ'ቲ ጒጅለ ዘሎ ጸጋታት ብምምርኳስ ውዕውዕ ስሚዒትን ተወፋይነት ክፈጥር ይኽእል።

ከም መጀመሪ፡ ብሕቶ መልክዕ ወይ ብመሰረት ምዕራፍ ሸሞንተ ልምምዳት 10/10 ብምጥቃም እቲ ጒጅለ ብዛዕባ ጎስጓሳት ዘለዎ ኣፍልጦ ንኻልኦት ንምክፋል ይድለ ይኸውን፡ ኣብዚ ብኸመይ ለውጢ ይመጽእ፡ ዝፈልጥዎም ውጺኢታውያን ጎስጓሳትን ምኽንያቶምን ምልምማድን ምምይያጥን። ነቲ ዝወሃብ መልስታት ኣብ ዝርዝር ነጥብታት ምሓዝ። መጽናዕታዊ ጉዳያት (ምዕራፍ ሓምሸተ ናይ ጎስጓስ መምሪሒ መጽናዕቲ ጉዳይ) ብምርኣይ'ውን ካብ ዝሓለፉ ካልኦት ጎስጓሳት እንታይ ከም ዝተገብረ ብምርኣይ፡ ምምሃር ይከኣል። ኩሉ እቲ ውጥናት\መደባት ኣየቕርቡን፡ ነቲ ዝነበረ ቆራጽነት፡ ተበላሓትነት፡ ዓቕልን ግን ንዕውት ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት የርእዩ። (ኣብ ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ)፡ ብዛዕባ ጎስጓሳት

ዝገልጹ ፊልምታትን መጻሕፍትን ወይ ኣብ'ዚ መዘክር-መጽሓፍ ዘለዉ ካልኦት ዛንታታት ብምርኣይ ወይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተመልከት)

እንተድኣ ጕጅለኹም እኹል ኣፍልጦ ሃሊዋ፡ ዉሑድ ግዜ ኣለኩም፡ ወይ ነዚ ታሪኻዊ ተመኩሮታት ንምኽላስ\ምርኣይ ዘይከኣል ዝገብር ካልእ ረቛሒ ሃሊዩ፡ ብቐጥታ ናብ ናይ ገዛእ ርእስኹም መስርሕ ብምእታው፡ ዕዉት ዝኾነ እስትራተጂ ንለውጢ ከተማዕብሉ ትኽእሉ።

**ሓጋዚ መስርሕ ክኸውን ዝኽእል**

- ነቲ ጸገም ወይ ኩነታት ምርቛሕን ምግላጽን
- ንምንታይ እቲ ጸገም ከም ዘሎ ምትንታን
- ኣብ ድሌት ናይ ጕጅለ ብምምርኳስ፡ ንጹራት ዕላማታት ዝሓወሰ ራኢ ምፍጣር
- ነቶም ዕላማታት ከዐውት ዝኽእል እስትራተጂ ምምዕባል።

እዞም ደረጃታት ኣብ ታሕቲ ተገሊጾም ኣለዉ።

**ነቲ ጸገም ምርቛሕን ምግላጽን**

ንመብዛሕትኦም ኣብ መዓልቲ ሂወቶም ጸገም ዘጋጥሞም ሰባት፡ ነቲ ጸገም ምግላጽን ምምርማርን ከም ሓደ ባህርያዊ መስርሕ ሂወት እዩ። ገለ ካልኦት ግን ዝያዳ ኾነ ኢሎም ክገብርዎ የድሊ። ዕላማ ናይ'ዞም ደረጃታት፡ ብኽመይ ሰባት ብሓባር ብዘይ-ሰንሰለታዊ ኣሰራርሓ ይኣዙን ኩሉ ዘሳተፈ ንዓሚቕ መረዳእታ ዘይጎነጻዊ እስትራተጂ ንኽህልዎም ንምሕጋዝ እዩ።

ንገለ ሰባት ነቲ ዘሎ ጸገም ወይ ኩነታት ምልላይን ምግላጽን ከም ቀዳማይ ደረጃ ኣዝዩ ቀሊል ክመስል ይኽእል፡ እንተድኣ ብሓባር ክግበር ዘይተኻኢሉ ግን፡ ሰባት ዝተፈላለየ ግምታት፡ ዝተፈላለየ መግለጽታትን በዚ ድማ ዝተፈለየ መልእኽትን ዕላማታትን ክህልዎም ይኽእል። ብዘይኑጹርነት ንመርመራ ዝቐርቡ ጉዳያት፡ ግቡእ ትንታነ ክንገብር ኣይንኽእልን። ብመስርሕ ናይ ሓባር ግዕዞ፡ ውልቀ-ሰባት ናይ ሓባር ተግባራት እናማዕበሉ ተሳታፍነቶም የሐይሉ።

ልምምዳት፡ ክከም ጉዳዩን ኣካይድኡን ብምምርኳስ፡ ኣብ ኩሉ እስትራተጂካዊ ኣተሓሳስባን ናይ ውጥን መስርሕን፡ ሓደ ጕጅለ (“ገረብ ወይ ደማ (‘ናይ ስልጣን የዕኑድ ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ“) ክመርጽ ይኽእል።

**ስለ ምንታይ እቲ ጸገም ከም ዘሎ ምትንታን**

ንቲ ዘሎ ጸገም ንምልዋጥ፡ እቲ ጸገም ስለምንታይ ተፈጢሩን መንከ'ዩ ናይ መጻኢ/ቅሙጥ ዓቕሚ ደገፍቱን ተቓወምቱን ምርዳእ የድልየና። ንተቓውሞ ናይ መእተዊ ነቓዓት ንምርካብ፡ ሃናጺ ስራሕን ወ.ዘ.ተ.. ንምግባር፡ ዘሎ ናይ ስልጣን ቅርጻ ክንትንትኖ ይግበእ። እቲ ዝግበር ትንታነ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብ ግምት ከእቱ ይግባእ፡

**ነቲ ኲነታትን ሱር ጠንቂ ናይ ጸገም ንርዱእዶ ኣሎና?**

- *መን'ዩ ተጠቃሚ መንከ ይሳቐን ብኸመይን? መን'ዩ ነቲ ስልጣን ሒዝዎ ዘሎ፡ መንዩኸ ለውጢ ንምምጻእ ዓቕሚ ዘለዎ?*
- *ኣብ ተራ ናይ ደቂ-ተባዕትዮን ደቀ-ኣንስትዮን ፍልልይ ኣሎዶ?*
- *ነቲ ንለውጢ ዝግበር ጎስጓስ ኣየኖት'ዮም እቶም ሓያል፡ ድኹም ጎንታት፡ ዕድላትን ስግኣትን?* (ትንታነ SWOT)
- *ንመርመራና/ትንታነና ኣየኖት ክልሰ-ሓሳባት ንጥቀም?*
- *ተወፋይነትና ንዘይጎነጻዊ ማሕበራዊ ለውጢ ብኸመይ ንኣተናትናና ይትንክፎ?*

ልምምዳት፡ (‘ገረብ‘) ወይ ድማ (‘ናይስልጣን የዕኑድ’) (‘ናይ ኣራእያ ምሕዝነት’) ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ ዘለዉ ክትጥቀሙ ትኽእሉ። እዚ ልምምድ ነቶም ተዋሳእትን ማሓዙትናን ተጻባእትናን ንምልላይን ምጽናዕን ከምኡ'ውን ብኸመይ ምስ መን ከምንጓዝ እስትራተጂካዊ ውሳነ ክንገብር ይሕግዘና።

**እንደልዮ ራኢ ምፍጣር**

ኣብ ዕላማ ንቕድሚት ንምስጓም፡ ሓደ ጎስጓስ ክበጽሖ ዝደልዮ ራኢ ክህልዎ የድልዮ። እንተዘይኰኑ እቶም ዝግበሩ ተግባራዊ ስርሓት ከም ግብረ-መልሲ ታትን ብቐሊሉ ሸለል ዝበሃሉ ተቓውሞታት ጥራሕ ኰይኖም ክተርፉ ይኽእሉ። ራኢ ሓደ ናይ ነዊሕ ግዜ ህንጡይ ዕላማታት ከጠቓልል ዝኽእል'ዩ። ንጕጅለታት ከበድቲ ሕቶታት ብምልዓል፡ ብዛዕባ

ራኢታቶም ማለት ናይ ዓለም ሰላም፡ ቍጠባዊ ፍትሕን ክህሉ እንደልዮ ሕብረተሰብን ክመያየጡ ምግባር ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣብ'ቲ ነዊሕ ጉዕዞ ናብ ናይ ነዊሕ ራኢ ዘብጽሑ ናይ ሓጺርን ማእከላይን ዝርጋሐ ስለ ዘለዉ፡ እቲ ብዶሆ ኣየናይ ቅድም ክመጽእ ከም ዘለዎ ምልላይ እዩ። ኀስጓሳት ኣብ ምስራዕ ዕላማታቶም ኣብ ወጥርታት ይኣትዉ። ኀስጓስ ነቲ ዝከኣል ዝለዓለ ደገፍ ንምርካብ፡ ብዝታሓተ ናይ ሓባር ሮቛሒ ዝኾነ (ብዙሓት ዝተፈላለዩ ሰባት ክሰማምዕሉ ዘኽእል ነጥቢ)፡ ናይ ሓጺር እዋን ዕላማ ክመርጽ ይኽእል። እዚ ግን እንተድኣ ዓሚቕ ትርጉም ዘይተዋሂብዎ፡ ንቐጻሊ ደረጃታት ማሕበራዊ ለውጢ ዘርኢ እንተዘይኰይኑን፡ ዝኾነ ዝመጽእ ለውጢ ፎኪስን ዘየዕጋብን ክኸውን ይኽእል። በቲ ካልእ ወገን'ውን እንተድኣ ዘይግብራውያን ዝመስል ትምኒታዊ (ኡቶፒያን) ዕላማታት ሒዝካ ቀሪብካ፡ እንተድኣ ዝያዳ ዝጭበጡ መሰጋገሪ ዕላማታት ዘይብልካ፡ ንህዝቢ ንምብርባር ከቢድ ይኸውን። እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማታት ሰወራ ክኸውን ኰሎ፡ ኀስጓሳት ንዉሱናት ዕላማታትን ግን ዝያዳ ተቐባልነት ዘለዎምን መንጠሪ ዕላማታት ምልላይ የድልዮም።

ኣብ ምምዕባል ዕላማታት ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ሕቶታት-

- እቶም ዕላማታት ግብራውያን ድዮም፡ ኣብ እተወሰነ ግዜ ክዕወቱ ይኽእሉ ዶ?
- ህዝቢ ነቶም ዕላማታት ከዐውቶም ከም ዝኽል ይኣምን ዶ?
- እቲ ዕላማ ምስ ናይ ጉጅለ ዕማምን ዓቕምን ይዛመድ ዶ?
- እቶም ዕላማታት ክዕቀኑ ይኽእሉ ዶ? ምስ ተዓወትናኸ ክንፈልጦም ንኽእለ ዶ?
- እቶም ዕላማታት ምስ ናይ ሰባት ናብራ ዝተኣሳሰሩ ዲዮም? ንምስታፍከ ክድርኾም ዲዩ?
- ህዝቢ በቲ ዝርከብ ዓወት ከም ዝሕይል ክስመዖ ድዩ?

| |
|---|
| ልምምዳት፡ ጥዑይ ገረብ ምሕሳብ--- እቶም ኣብ 'ገረብ' ዘለዉ ሕቶታት ተጠቐምሎም፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ሕቶታት ብኣወንታ ክንምልስ ንኽእል ዶ?<br>እንታይ እዮም 'ናይ ስልጣን የዕኑድ' ከዳኸሙ ዝኽእሉ? ናይ ሓጺርን ማእከላይ ዕላማታት? ኣብ ቀንዲ መትከላት ኰይንና እንታይ ንዕልም? ነቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ሕቶታት ብኣወንታ ክንምልስ ንኽእል ዶ? |

**ምምዕባል እስትራተጂ**

ነቲ ጸገም ምስ ኣለለኻዮን ምስ ተንተንካዮን፡ ትደልዮ ራኢ ምስ ሓዝካን ከምኡ'ውን ናብ ራኢ ዘብጽሑ ዕላማታት ምስ ወሰንካ፡ ናብ ዓወት ዘብጻሓካ ውጥን እስትራተጂ ከተማዕብል የድልየካ። ምምዕባል እስትራተጂ ብሓደ ርክብ ወይ ብሓደ ሰብ ጥራሕ ክኸውን ኣይክእልን። ምምዕባል እስትራተጂ መስርሕ ናይ ምሕላፍ ውሳነ፡ ውደባ፡ ምልዕዓል ከምኡ'ውን ምምዕባል ፈጠራዊ እስትራተጂታት ዘጠቓልል እዩ።

ድሕርኡ ዝስዕቡ እቶም መሰረታውያን ኣካላት ንዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ዘቖሙ እዮም። ካብ እቶም ኣብ ምዕራፍ ሸውዓተ ዘለዉ ዛንታታትን እስትራተጂታትን ኣብ ጎስጓስ የገልግሉ።

እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንዓኻን ንጉጅለኻን ኣብ መስርሕ ምምዕባል ናይ ጎስጓስ እስትራተጂ ክሕግዙ ይኽእሉ። ነዚ ድማ ንስኻን ጉጅለኻን ነቲ ስራሕ ኣብ ምጅማር ናይ ጎስጓስ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ብቀጻሊ ክትገብርዎ የድሊ። እዚ መወከሲ-መጽሓፍ ኣብ'ቲ መስርሕ ዝሕግዘኩም ብዙሕ ሓበሬታ ሒዙ ይርከብ።

**ናይ ሓባር መረዳእታ**

ኣብ'ቲ ዘሎ ህልው ሽግር ወይ ኩነታት ናይ ሓባር መረዳእታ ኣሎ ዶ? ስለምንታይ እቲ ሽግር ወይ ኩነታት ከም ዘሎኸ ተንቲንና ዶ/መርሚርና ዶ? እቲ ዝተገብረ ትንተና ንማሕበራዊ፡ ቍጠባዊ ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ቅርጽታት የጠቓልል ዶ ነይሩ? ኣብ ትርጉም ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ናይ ሓባር ተረድኦ ኣለና ዶ? ዝተሰማማዕናሉ መስርሕ ናይ ውሳን መስርሕ ኣሎና ዶ?

**ዘይጎነጻዊ ስነ-ስርዓት (ዲሲፕሊን)**

እቶም ወደብቲ ኣብ መትከላት ዘይጎነጻዊ ተዘራሪቦምን ተሰማሚዖምን ዶ? መምርሒታት ዘይጎነጻዊ ኣለው ዶ? ኩሉ ክርድኦ ብዝኽእል ብኑጹር ቀሪቦም ዶ?

**ምርምርን ሓበሬታ ምእካብን**

እንታይ ንፈልጥን ክንፈልጦ ይግበኣናን? ምርምርና ንስለ ሓቒ ዲዩ ወይ ነቲ ናህና ወገን ሓቅነቱ ምርገጋጽ'ዩ? መን ነቲ እንደልዮ ሓበሬታ ክእክብ ይኽእል? መን ናብቲ ምንጪ ክመርሓናን ክህበናን ይኽእል? ምርምር፡ ካልኦት ብዛዕባ እቲ ጉዳይ እንታይ ይሓስቡ ምፍታሽ የጠቓልል። ሓደ ሜላ ናይ ማሕበረሰብ ገምጋም ንምግባር ናይ ምስማዕ መደባት ምግባር። (www.listeningproject.info ረአ) ናይ ምስማዕ መደባት ንተቓለስቲ ንሓደ

ጉዳይ ዝያዳ ብዕምቆት ንምርኣይ፡ ኣብቶም ቃለ-መጠይቕ ዝገበረሎምን ዝሰምዑን ርክብ ኣብ ምምዕባል፡ ሓበሬታ ምእካብ መሰረት ናይ ዝመጽእ እስትራተጂ ንኽኸውን ይሕግዞም። ናይ ምስማዕ መደባት ኣብ ካምቦድያ፡ ክሮኤሻ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ከምኡ'ውን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተኻይዱ ነይሩ።

### ትምህርቲ

እቲ ሓበሬታ ነቲ ክንረኽቦ ንፍትን ዘለና ህዝቢ ርዱእ ዲዩ? ተራ ናይ ዘይጎነጻዊ ተቓለስቲ ነቲ ምርምር ኣብ ጎስጓስ ብሰፊሑ ክጥቀመሉ ብዝኽእል መልክዕ ክዳሎ፡ ወይ ኣብ'ቲ መስርሕ ንህዝቢ ንምሕጋዝ ክኸውን ይኽእል። ህዝባዊ ትምህርትን ሕልናዊ መስርሓት ዲና ንጥቀም ዘሎና? ክንበጽሖም እንደልዮም ዝተፈላለዩ ዞባታትን ተሓባበርትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ እኹል ናይ ትምህርቲ ንብረት ነማዕብልዶ ኣሎና? እንታይ ዓይነት ካልእ ትምህርታዊ መስርሓት ክንጥቀም ንኽእል? (ንኣብነት…ናይ ጽርግያ ተዋስኦ)? ምንቕቓሕ ንምዕባይ፡ ክሳብ ክንደይ መራኸቢ ብዙሓት ንጥቀመሎም ኣሎና?

### ታዕሊም

ታዕሊም ንክእለታት ምምዕባል እስትራተጂን ውደባን (ንኣብነት ናይ ጉጅለ መስርሕ፡ እስትራተጂካዊ ውጥን፡ ስርሓት ናይ መራኸቢ ብዙሓት) ንምምሃር የድልየና ዲዩ? ህዝቢ ኣብ ዘይጎነጻዊ ስርሓት ንምድላው፡ ታዕሊም ንህብዶ ኣሎና? ታዕሊም ንኩሉ ኩፉትዶ ኰይኑ ኣሎ? ታዕሊምና ንናይ ተቓውሞ ጉዳያት የቕርብዶ ኣሎ? ብኽልቲኡ ወገን ማለት ብሕብረተሰባዊ ኩነታቱን ኣብ ውሽጢ ጉጅለታትናን ዝምድናታትናን ብኸመይ ንቐርቦም ኣሎና?
(ምዕራፍ ኣርባዕተን ልምምዳት 'ዓው ኢ.ልካ ምዝራብ' (ከምኡ'ውን 'ናይ ጸታ ዝርርብ ንሃነጽቲ ሰላም') ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት።

### ተሓባበርቲ

መን'ዮም ተሓባበርትና? እንተድኣ ዝያዳ ተራኺብናዮምከ መኖም ተሓባበርቲ ወይ ደገፍቲ ክኾኑ ይኽእሉ? ብሓባር ክንሰርሕ እንደልዮም ጉጅለታት ብኸመይ ንረኽቦምን ናይ ምትሕብባር ዝምድና ነማዕብልን? (ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት)

**ዘተ**

ምስ መን ከንዛተ ከም እንደሊ ብንጹር ኣለሊናዮዶ ኣሎና? ብኸመይ ርክብ ንፈጥር? እንታይ ከም እንደሊ በሪሁልናዶ ኣሎ? ዕላማታትና ንተጻረርትና ከነዋርድ ዘይኮነስ፡ ንሰላማዊ ፍታሕ ምስራሕ ምኽኑ ነጺሩልናዶ ኣሎ?

**ሃናጺ ስራሕ/ ናይ ኣማራጺ ትካላት**

ጋንዲ፡ ዋላ ኣብ'ቲ ኣረጊት ሕብረተሰብ ንናይ ህንጻ መደባት ከም መጀመሪ ንህንጸት ሓዲሽ ሕብረተሰብ ወሲድዎ ነይሩ። ('ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት') ሃናጺ ስርሓት ንማሕበራዊ ለውጢ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ፡ ንናይ ህዝቢ ድሌት ንምምላእ ተባሂሉ ይሕንጸጽ። (ንኣብነት ናይ ቊጠባ ማዕርነት፡ ናይ ኰማዊ ሓድነት፡ ኣብ ምምዕባል ናይ ዞባ እንዳስትሪ) ከምኡ'ውን ምምዕባል ማሕበረሰብ። ሃነጽቲ ስርሓት ኣብ ጎስጓሳት ናይ ምዕራብ ብዙሕ ግዜ የለውን። ኣብ ምብራቕ ዝያዳ ይጽቀጠሎም። ንዘይፍትሓዊ ኣካይዳ 'ኣይፋል" እንዳበልና፡ ከመይ ጌርና 'እወ" ነቲ ስርዓት ንብል? ከመይ ጌርና ነቲ ራኢ ክንሃንጸ ንጅምር? ንጊዜኡ ዝግበሩ ናይ ኣማራጺ ትካላት ከምኒ ምውዳብ ኣማራጺ መጓዓዝያ ኣብ ምሕሳም ናይ ምፍልላይ/ኣፓርታይድ ኣውቶቡስ ክኾኑ ይኽእሉ።

**ናይ ሓጋጊን ናይ ምርጫ ተግባርን**

ናይ ሓጋጊ ወይ ናይ ምርጫ ተግባራት ከም ትምህርታዊ ስልቲ ወይ ዕላማ ኣካል ናይ ጎስጓስ ድዮም? ብኸመይ ኣብ ልዕሊ ፖለቲከኛታት ጸቕጢ ንገብር? ሓይልና/ስልጣና ብኸመይ ንጥቐመሉ? ህዝቢ ብኸመይ ኣብ'ቲ ተግባር ክሳተፍ'ዩ? ዕላማታትና እንተዘይ ተወቒዖም፡ እንታይ እዩ ውጥናትና?

**ሰላማዊ ሰልፍታት**

ብኸመይ ዘለና ስክፍታታት ብዝሓሸ ክንገልጸ ንኽእል? ነቶም ዘለዉ ብዙሓት ሜላታት ናይ ዘይጎነጻዊ ተግባር ኣብ ግምት የእትናዮምዶ ኣሎና? ('መልክዓት ናይ ተግባር' ኣብ'ዚ ምዕራፍ ተመልከት።) ብዛዕባ ዕላማታት ናይ ሰላማዊ ሰለፍን ብኸመይ ነቲ ንደልዮ ዕላማታት ንምብጻሕ ክሕግዘና ከም ዝኽእሉ ነጺሩልናዶ ኣሎ? ንህዝቢ ብኸመይ ነሳትፎ? ተግባራትና ነቲ ናይቲ ከባቢ ማሕበረሰብ ትርጉም ክህቦ ዲዩ?

**ዘይጎነጻዊ ቀጥታዊ ተግባር/ሲቪል ዘይምእዛዝ/ ሲቪል ተቓውሞ**

ነቲ ንገብሮ ተግባር ደገፍ ንኽንረክብ ዝካኣለና ኩሉ ጌርና? ስራሕና ንማሕበረሰብ ዝያዳ ንኽሳተፍ የተባብዖዶ ወይ ብኣንጻሩ እዩ? እቲ ንገብሮ ኣብ ክንዲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ዝኸውን፡ ብኸመይ ንዕላማና ንቕድሚት የሰጉሞ? ዕላማታትና ኑጹራት ዲዮም? ንተጻባእትና ክጸልዎም ዝኽእል ከም ጸቕጢ ዝኣመስለ ክፈጥር ይኽእል ዶ? ንመን'ዩ ጸቕጢ ዝፈጥረሉ?

ማርቲን ሉተር ኪንግ ጁኔር ካብ ቤት ማእሰርቲ በርሚንግሃም ዝጻሓፎ ደብዳቢኡ 'ከምዚ ኢልኩም ብቕንዕና ትሓቱ ትኾኑ' "ስለ ምንታይ ቀጥታዊ ተግባር? ስለ ምንታይ ኰፍ ምባልን ምምራሽን ወ.ዘ.ተ... ዘተ ዝሓሸ መገዲ ኣይምኾነን ዶ?" ንዘተ ምጽዋዕኩም ብትኽክል ቅኑዓት ኣለኹም። ብሓቒ ናይ ቀጥታዊ ተግባር ዕማም'ውን ንሱ'ዩ። ዘይጎነጻዊ ቀጥታዊ ተግባር ቅልውላው ብምፍጣር፡ ሓደ ፈጠራዊ ወጥሪ ብምምስራት፡ ነቲ ብቐጻሊ ንዘተ ክነጽግ ዝጸንሐ ማሕበረሰብ፡ ነቲ ጉዳይ ንኽገጥሞ ይግደድ፡ ነቲ ጉዳይ ድራማዊ መልክዕ ንኽህለዎ ብምግባር፡ ሸለል ከም ዘይባሃል ይገብሮ።

> ልምምድ፡ ነቲ ጥቕሲ ኣብ ናይ መንደቕ ቻርት ጻሓፍዎ። ነቲ ጕጅለ ንቕልውላው፡ ፈጠራዊ ወጥሪ፡ ማሕበረሰብን ከምኡ'ውን ብኸመይ ንጉዳያት ብድራማዊ መልክዕ ከቕርብ ከምዝኽእል ብኑጹር ፈልዩ ክፈልጦ ሕተትዎ። ('ናይ ምዕባይ ደረጃታት' ተመልከት)

**ዕርቂ**

ዘይጎነጻዊ ኣብ ምስሕሓብ ዘለዎ ጉዳያት ብምእታው ኣብ ገለ ግዜ ዕርቂ ንኽፍጠር ምኽንያት ይኸውን። እዚ ድማ ኣብ ምጉልባት ማሕበራዊ ቅርጺ፡ ነቶም ኣብ ሕብረተሰብ ዝተሃመሹ ብምሕያልን ካብ ኩሉ ወገናት ዝተፈላለዩ ህዝብታት ዝሓቖፈ ሕብረተሰብ ኣብ ምድላይ ፍታሕ ይሰርሕ። (ናይ WRI ማሕበር መትኸላት) ኣብ ናይ ሓባር ዓወት ዲና ክንሰርሕ ጸኒሕና ወይ ነቲ ሓደ ዓወት ነቲ ካልእ ስዕረት? እቲ ዕርቂ ህዝባዊ ዲዩ ወይ ናይ ውልቂ? (ኣብ ገለ ዕውታት ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ናይ ኣመሪካ ናይ ሲቪል መሰላት ምንቅስቓስን ጻዓዱ ናይ ንግዲ ሰባትን ነቲ ዝነበረ ናይ ጸለምቲ እገዳ ሰባት ኣብ ቤት መግብታት ኣሉታዊ ግብረ-መልሲ ንኽይህሉ ብዝብል፡ ብዘይ ዕላዊ መግለጺ እቲ እገዳ ንኽተርፍ ተገይሩ። ኣብ ካልእ ጉዳያት ግን ወግዓዊ ፍጻሜ ብምርኣይ ንዓሌታዊ ኣገባብ ንምእላይ ብግልጺ ተሰሪሑሉ።)

**ምጽንባል**

ዕላማታትና ምስ ወቓዕና፡ ብሓባር ኰይንና ነቲ ዝገበርናዮ ፈሊጥና ግዜ ወሲድና ንዓወትና ንጸንብሎ። ኣብ ገለ እዋን ካብ ዝዓለምናዮ ንላዕሊ ንዕወት፡ ወይ ካልእ ዘይሓሰብናዮ ዓወት ንረክብ፡ ግን ግዜ ወሲድና ብዛዕብኡ ኣይንርዳእን። ናይ ሓባር ገምጋም ኣገዳሲ እዩ። ዓወትናን ፍሽለትናን ብግቡእ ተሰኒዱ ንኻልኦት ምክፋል፡ ከም መምሃሪ ምንጪ ኰይኑ ንዝቕጽል ዕላማታትና ንጥቀመሉ። እንተድኣ እቶም ቀንዲ ተሓለቕቲ ደኺሞም ወይ ካብ ጕጅለ ወጺኦም፡ ነቲ ዝተረኽበ ዓወት ከይርእይዎ ይኽእሉ። ገለ ህውኻት ወይ ስምዒታውያን'ውን እቲ ኀስጓስ ከምቲ ዝደለይዎ ዘይምኻዱ፡ ከይቅበልዎ ይኽእሉ። እዞም ከምዚኦም ሰባት ሓገዝ ይደልዩ እዮም። እቲ ናይ ኀስጓስ መወዳእታ ዝበሃል ካብ ኀስጓስ ደው ምስ እተብል ጥራሕ እዩ። ብካልእ ኣዘራርባ ርእስኻ ምስ ናይ መንደቕ እምኒ እተጋጭዎ፡ ኲሉ ደው ምስ እተብሎ ጥራሕ እዩ።

**ምግምጋም**

እስትራተጂካዊ ዘይኀነጻዊ ኀስጓሳት ከነማዕብል ከለና፡ ብዙሕ ነገራት ኣብ ግምት ከነእቱ የድልየና። እዞም ዝስዕቡ ክንማሃሮም የድልየና፡ - እስትራተጃዊ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ናይ ዘይኀነጻዊ ሓይሊ መረዳእታና ምዕባይ ከምኡ'ውን በቶም ንዓወት ከብጽሑና ዝኽእሉ ውጺኢታዊ ደረጃታት ሓደ ብሓደ ምሕሳብ። እዚኣቶም ኣብ ጉዕዞና ንማሕበረሰብና ከደልድሉን ከሐይሉን ይግቦኦም። ንኀስጓስና ኣብ መወዳእታ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኣብ ኲሉ ጉዕዞና ገምጋም ምግባር ኣገዳሲ እዩ። እንተዘይ ኰይኑ፡ ደንጒና ከነስተውዕለሎም እንኽእል ጌጋታት ክንፍጽም ንኽእል። ኣብ ገምጋም ንኲሉ ተሳታፋይ ክንሰምዖ ይግበኣና። ናይ ርክባትና ሰነዳት፡ ውሳነታትናን ስራሕናን ምዕቃብና ከም ምንጪ ናይ ገዛእ ርእስና ናይ መጽናዕቲ ጉዳይ ክኸውን ይኽእል። በዚ ድማ ዕውታት ዶ ነይርና ኣይነበርናን ብምርኣይ ካብ ተመኵሮታትና ክንማሃር ንኽእል። እስትራተጅናን ዛንታናን'ውን ንኻልኦት ከነካፍሎ ንኽእል።

(‘ናይ ተግባር ገምጋም’ ምዕራፍ ሸሞንተን ‘ናይ ኀስጓስ መምርሒ ናይ መጽናዕቲ ጉዳያት’ ምዕራፍ ሓምሸተን ተተመልከት።

## ሃናጺ መደብ

ከም ኣባሃህላ ጋንዲ፡ ዘይጎነጻዊ ማሕበራዊ ለውጢ ኣብ ቦታ ናይቲ ዝኣረገ ስርዓት ሓድሽ ሕብረተሰብ ወይ ብናቱ ኣጸዋውዓ 'ሃናጺ መደብ' ክህነጽ የድሊ ይብል። ሮበርት ብሮወስ ኣብ (*The Strategy of Nonviolent Defense: A Gandhian Approach*) ዝብል ናይ 1995 መጽናዕቱ ከም ዝገለጾ፡ ንጋንዲ ዘይጎነጻዊ ልዕሊ ተክኒካዊ እስትራተጂ ወይ ምቅዋም ንናይ ወታሃደራዊ ወረራ ዝሓለፈ ኰይኑ፡ ኣብ ሰፊሕ ቃልሲ ንማሕበራዊ ፍትሒ፡ ቍጠባዊ ርእሰ-ምርኰሳ፡ ከባብያዊ\ኢኰሊጂካዊ ውህደት ከምኡ'ውን ዕግበት ርእሰ-ትግበራ ዝብሉ ኣዝዮም ዝተዛመዱ ነበረ። ከም ኣገላልጻ ብሮወስ፡ 'ንሓደ ውልቀ-ሰብ 'ሃናጺ መደብ' ማለት ሰብኣዊ መንነት ብምዕባይ፡ ርእሰ-ምርኰሳን ዘይምፍራሕን ብምፍጣር ውሽጣዊ ሓይሊ ምድላብ ክኸውን ከሎ፡ ንማሕበረሰብ ግን ሓደሽቲ ናይ ፖለቲካ፡ ማሕበራዊን ቍጠባዊ ዝምድናታት መደባት ምፍጣር ማለት እዩ'። ብገለ ምኽንያታት ፖለቲካዊ ሰውራ እንተድኣ ተኻይዱ፡ እሞ እቲ ህዝቢ ድማ ርእሰ-ውሳነ ንኽገብር ክይተዳለወ ጸኒሑ፡ ሓዲሽ ሕብረተሰብ ብቐሊሉ ምፍጣር ኣዝዩ ከቢድ ብምዃኑ፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ሓደሽቲ ገበትቲ/ዲክታተራት ነቲ ስልጣን ክምንጥሉ\ክምንዝዑ ብዙሕ ግዜ ይራኣዩ።

ጋንዲ ንማሕበራዊ ምቕያር ዘድልዩ ሰለስተ ባእታታት ኣቕሪቡ። ንሳቶም ድማ ውልቃዊ ምቕያር፡ ፖለቲካዊ ተግባርን ሃናጺ መደብን። እዚኦም ተኣሳሲሮም ዝኸዱ፡ ንዕውት ማሕበራዊ ለውጢ ኩሎም ብማዕረ ኣገደስቲ ከም ዝኾኑ ይቆጽሮም። እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ባእታታት ንለውጥን ንሓርነት ህንዲ ኢሉ ዘቕርቦም መደባት- ማዕርነት፡ ንትምህርቲ ሓራ ምግባር፡ ቍጠባዊ ርእሰ-ምርኰሳ ምዕባይ ከምኡ'ውን ጽሩይ ከባቢ ምፍጣር ዝጥርንፉ እዮም። ማዕርነት ማለት ምፍጣር ኣሽራም፡ ፖለቲካዊ ጎስጓሳትን ንኩሉ ክፉላተ ዝሓቖፈ ናይ ሕብረት ትካላት የጠቓልል። እዚ ናይ ኰማዊ መስመራት (ሂንዱ\እስላም\ሲክ ወ.ዘ.ተ)፡ ጾታዊ ዘይማዕርነት ብምሕላፍ፡ ናይ ቀጸላታት (ካስት) ምፍልላይ ብፍላይ ነቶም ዘይትንከፉ ዝባሃሉ፡ ከምኡ'ውን ንናይ 'ሂል ዓሌትን ሕማም ደውየ (ብሊፕሮሲ) ዝሳቐዩ ሰባት ዘጠቓልልን እዩ። ጋንዲ ኣብ ናይ ትምህርቲ መደባቱ ኣብ ማሃይምነት ምጥፋእ ወይ መባእታዊ ናይ ምንባብን ናይ ቍጽሪ ክእለት ምዕባይን ትምህርታዊ ጎስጓሳት፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ፍልጠት ኣብ ጥዕናን ንተማሃሮ ኣብ ዘይጎነጻዊ ታዕሊምን ጀመረ። ኣብ ቍጠባ ርእስኻ-ምኽኣል ዝብሉ ጎስጓሳቱ እቲ ዝያዳ ፍሉጥ ዝነበረን ኣብ ምሉእ ህንዲ'ውን ዝግበር ዝነበረ ኣብ ቤትካ ኰንካ ናይ ክዳን ማእለማ እዩ። እዚ እቲ መብዛሕትኡ ብሓባር ዝግበር ዝነበረ ናይ 'ሃናጺ መደብ' ኰይኑ፡ ነቲ

ህንዳውያን ምስ ብርጣንያ ዝነበሮም ናይ ክዳን ትጽቢት ዘይምትሕብባር ኃስጓስ እዩ ነይሩ፡ ቀጥባዊ ርእሰ-ምርኰሳ ዝተፈላለየ ዓይነት እኽሊ ብምግባር፡ ናይ ቁሸት ኢንዳስትሪ ብምህናጻን ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበራት ብምዕባይን ዘጠቓለለ'ዩ። ናይ ከባቢ ጻዕርታት ነቲ ናይ ቁሸት ናባሪ ኩሉ ኣብ ስርሓት ጽሬት ዘዋፈረ፡ እዚ ንህንዳውያን ኣዝዩ ዝተናዕቀ ናይ ካስት ስራሕ ማለት እዩ ነይሩ።



ሲንሰለጆ ኰሎምብያ ናይ መንእሰያት ምስራሕ ሳነዱቕ፡
እሊ..ፖዝ ካሪበ ሲንሰለጆ

ኣብ ሃናጺ መደባት ዘሎ ናይ ስራሕ ክይዲ መሰረታዊ ረብሓታት ኣለዎ። እቲ ናይ መጀመርታ ነቶም ዝያዳ ክሕገዙ ዘለዎም ቅጽበታዊ ሓገዝ ምሃብ'ዩ። ኣቶም ሰባት ከም ውልቀ-ሰብ ዘይኰነስ ብሓባር ከም ማሕበረሰብ ስለ ዝመጹ፡ እቲ ዝገብርዎ ተግባር፡ መሰረታዊ ናይ ዞባ ትካላት ንማሕበራዊ ለውጢ ይሃንጹ። ጋንዲ፡ ሃናጺ መደባት ከም ናይ ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ-- ኣብ መብዛሕትኡ ንዘይምትሕብባር ዝሕውስ፡ ታዕሊም ገይሩ ይሪኦ ነይሩ። ሃናጺ ስርሕ ንሓድሽ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ዘድልዩ ክእለት ንምምዕባል ዕድላት ይህብ።

## ኣብነታት ናይ ሃናጺ መደባት

**ኰሎምብያ**

ካብ 2000 ጀሚሩ፡ ኣብ ሲንሰለጆ፡ ኣብ ኰሎምብያ እትርከብ ናይ ካሪብያን ንእሽቶ ከተማ፡ ካብ ኰሎምብያ ግጭት ዘተፈናቐሉ ህዝቢ ኣብ ምቕባል ካልኣይቲ ዝዓበየት ከተማ ኰነት። እቶም ኣብታ ከተማ ዝነበሩ

መንእሰያት ብናይ መንግስቲ ወታሃደራት፡ ተቓወምቲ ጕጅለታትን ብፍሉያት ሓይሊ/ፓራሚሊታሪ ብሓይሊ ናብ ውትህድርና ንኽኣትዉ ይግደዱ ነይሮም። ካብ ኣቶም መብዛሕትኦም ንስድራ ቤቶም ንምሕጋዝ ኢሎም ብቍጠባዊ ምኽንያታት ናብቶም ሓይልታት ተጸንቢሮም። እቶም ዝተረፉ ናይ ሲንሰለጆ ናይ ሕልና ንምዕስካር ተቓወምቲ ግን ኣማራጽታት ክፈጥሩ ጀመሩ። ኣብ መጀመርያ ብዓውደ-መጽናዕቲ መልክዕ ኣብ ባህሊ ሰላም፡ ዘይጎነጻዊን ናይ ሕልና ተቓወምትን ተዛተዩ። ቀጺሎም እቲ ቀንዲ ምኽንያት ነቶም ናይ ሲንሰለጆ መንእሰያት ናብ ዕስክርና ዝወሰዶም ናይ ቍጠባ ምኳኑ ምስ ኣስተውዓሉ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ናኣሽቱ ናይ ንግዲ ትካላት ብምቛም፡ ናይ ቍጠባ ኣማራጽታት ክፈጥሩ ጀመሩ። እቲ ጕጅለ ካርቶናትን፡ ሳጹናት፡ የሕምልቲ፡ ማርጋሪን፡ ማልያታትን ናይ ብኬሪ ኣቑሑትን ብምፍራይ፡ ንነብሶምን ንቤት-ሰቦምን ኣታውታት ከምጻኣሎም ካኣለ። ናይ'ቲ ጻዕሪ ቀንዲ ዕላማታት ዝነበሩ…

- ናይ መንእሰያት ዕስክርና ምክልኻል
- ጉዱድ ዕስክርና ንምክልኻል ናይ ምትሕግጋዝ መርበብ ምፍጣር
- ንግጭታት ብዘይጎነጻዊ ሜላታት ዝፈትሑ መንእሰያት ምቛም
- መሰረታዊ ድሌት ናይ ስድራ-ቤቶም ዝድግፍ ናይ ቍጠባ እስትራተጂ ምቕራብ።

## ኬንያ

እታ ናይ ኬንያ ናይ ሓምላይ ዕጥቂ/ቤልት ምንቅስቓስ መስራቲት ዝኾነት ናይ ርሑቕ ጠማቲት እትበሃል ዋንጋሪ ማታይ፡ ኣብ 1976 ዝጀመረቶ ንእሽቶይ ናይ ህንጻ ስራሕ፡ ከም ገረብ ምትካል ዝኣመሰለ ዋላ ንዓኣውን እንተኾነ ናበይ ከም ዘምርሕ ክራኣያ ኣይካለን ነይሩ። ንሳ ብመጀመርያ ናብ ናይ ኬንያ ሃገራዊ ቤት-ምኽሪ ደቀ-ኣንስትዮ እማመ ብምቕራብ፡ እቲ ስራሕ ምስ ናይ መንግስቲ ናይ ጫካ ኰሚሽን ኣብ ምሃብ ዘርኢ ብምትሕብባር ከም እተካይዶ ኣቕረበት። በዚ መገዲ ድማ ደቀ-ኣንስትዮ ንዘለዎን ንሂወተን ኣዝዩ ብህጹጽ ዝትንክፍ ገለ ናይ ቍጠባ ጸገማት ክፈትሓለን ይኽእል እዩ፡ ኢላ ተሚጎተት። እዚ ክተገብር ኰላ እቲ እናሰፍሐ ዝመጽእ ዝነበረ ምትእስሳር/መርበብ፡ ናብቲ ናይ 1990ታት ዝተመስረተ ሓምላይ ምንቀስቓስ ከም ዘምርሐን ኣብ ግንባር ኰይኑ ኣንጻር ብልሽውናን ሕብረ-ሰልፋዊ ደሞክራስን ሃገራዊ ጎስጓስ ከም እትገብር፡ ንሳውን ከይተረፈት ናብ ቤት ማእሰርቲ ከም እትኣቱን ከም እትቕጥቐጥን፡ ወይ ኣብ ዝሳዓበ ግዜ ናይ ሳልሳይ ዓለም ሃገራት ዕደኣን ክስረዘለን ኣብ ዝግበር ኣህጉራዊ ጎስጓስ ቀንዲ ዋሃቢት ቃል ክትከውን ከም እትኽእል ሓሳባት ኣይነበራን።

**ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (ሕ.መ.ኣ)**
ኣብ ምዕራብ ሃገራት ዘይጎነጻዊ ምንቅስቓስ ኣብ ሃናጺ መደብ ብዙሕ ከየድሃቡ፡ ኣብ ምቅዋም ግን ዝያዳ የተኵሩ። ይኹን እምበር ኣብ ሕ.መ.ኣ ኣብነታት ናይ ሃናጺ መደባት ነዞም ዝስዕቡ ክጥቀስ ይከኣል። ንሓዋሩ ዝኸውን ብርትዓዊ ዋጋ ክትገዝኦ እትኽእል ናይ ኰማዊ ናይ ገዛ መሬት ምሓዝ፡ ሰራሕተኛ ዝውነኖም ማሕበራት፡ ናይ ዝተሃረማን ግበረ-ስጋ ዓመጽ ቅልውላው ዘጋጠመን ደቀ-ኣንስትዮ መዕቆብን ማእከላትን፡ ኣማራጺ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርታት ምብዛሕ፡ ናይ ከተማ ገደና/ጀርዲናት፡ ብዘይ ጸረ-ባልዕ ናይ ከባቢ ናይ መግቢ ፍርያት፡ ምዝርጋሕ ነጻን ክፉታት ምንጪ ሶፍትዌራትን ስነ-ጥበብን ከምኡ'ውን ርታዓዊ ዝትካእ ጸዓትን ዘጠቓልሉ እዮም። ሃናጺ መደብ ካብ ምትካል ሓደስቲ ነገራት ንላዕሊ እዩ። መብዛሕትኦም ናይ ጋንዲ መደባት ኣብ ዘይጎነጻዊ ዘተኰሩ ኰይኖም፡ ናብ ማዕርነት ዘቋመቱ እዮም ነይሮም። ኣብ ሕ.መ.ኣ ድማ ዕቱብ ስራሕ ኣንጻር ጭቆናን ኣብ ዘይምዕሩይ ቍጠባ ምግጣም ማለት እዩ። ዋላ'ኳ ኣብ ሕ.መ.ኣ ድኽነትን ኣብ መንጎ ሃፈታማትን ድኻታትን ዘሎ ፍልልይ እናዓበየ ይምጻእ፡ ሃናጺ መደባት ነቲ ናይ ንብረት ምህላኽ ንኽቕነስ ሓጋዚ ክኸውን ይግባእ።

## ናይ ቢል ሞየር ውጥን ተግባራዊ ምንቅስቓስ (ው.ተ.ም)

'ውጥን ተግባራዊ ምንቅስቓስ (ው.ተ.ም) ንተቓለስቲ ኣብ ሃገራውን ኣህጉራውን ጉዳያት ዘተኩሩ ከም ኒክለር ጸዓትን ናይ ብረት መሳርሕን፡ ኣብ ማእከላይ ኣመሪካ ዘይምትእትታው፡ ሲቪልን ሰብኣዊ መሰላትን፡ ኤድስ፡ ደሞክራስን ነጻነትን፡ ኣፓርታይድ፡ ወይ ተሓታትነት ናይ ካባቢ፡ ብኸመይ ይትንቱኑ ዝሕግዞም መገዲ ብምፍጣር፡ ንማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ብኸመይ ይግምግሙን ይውድቡን መገዲ ይህቦም። ው.ተ.ም ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ዝተናወሐ ዓመታትን ዓሰርተታት ዓመታትን ብኑቡር ዝጓዓዛሉ ሸሞንተ ደረጃታት ይሕብር። ው.ተ.ም ኣብ ነብሲ-ወከፍ ደረጃ ተራ ናይ ህዝብን ስልጣን ሒዞም ዘለዉን ምንቅስቓስን ይሕብር። ንወደብቲ፡ ኣብ ናይ ምንቅስቓስ ጉዕዞኦም ንዕዉት ምንቅስቓስ ክመርሑም ዝኽእል፡ ናይ ነዊሕ ጉዑዞ ስእሊ ይህቦም።

መብዛሕትኦም ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ሓደ ደረጃ ጥራሓ ኣይኰኑን ዝርከቡ። ምንቅስቓሳት ፖሊሲ ኣብ ምቕያር ብዙሓት ጠለባት ዘለዎም ኰይኖ፡ ንነብሲ-ወከፍ ጠለባቶም ዝገብርዎ ጻዕሪ ኣብ እተወሰነ ደረጃ ይርከብ።

ንቀንዲ ጠለባት ወይ ዕላማታት ናይ ምንቅስቓስ ኣበየናይ ደረጃ ከም ዘለዉ፡ ድሮ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታት፡ ውጺኢታዊ ዝኾነ እስትራተጂ፡ ታክቲክን መደባትን ኣብ ምምዕባል፡ ናይ ሓጺርን ነዊሕን ዕላማታት ምሓዝን ከምኡ'ውን ልሙዳት ዝኾኑ ሕቡኣት ሓደጋታት ንምውጋድን ው.ተ.ም ንታሓለቕቲ ንምግምጋምን ምልላይን ንኽኽሉ ይገብሮም።

ማሕበራዊ ምንቕስቓሳት ምስ ው.ተ.ም ዘለዉ ሸሞንተ ደረጃታት ብግቡእ ከይገጥሙ ይኽእሉ፡ ወይ ብቐጥታ ንኹሎም ክሓልፉ ኣይክሉን ይኾኑ። ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ሓደ ዘይቆሙ ዝያዳ ዳይናሚካዊ ጠባይ ኣለዎም። ዝተፈላለየ ጠለባት ኣለወን። ንነብስ-ወከፍ ጠለብ ዝግበር ጻዕሪ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ው.ተ.ም ደረጃ ይርከብ። ምንቅስቓሳት ንሓደ ጠለብ ምስ ተዓወቱ፡ ናብ ካልእ ኣብ መጀመርያ ደረጃ ዘሎ ጠለብ ንምዕዋት የተኩሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ው.ተ.ም ክልሰ-ሓሳባዊ ሞዴል ጥራሕ ኰይኑ፡ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ተመኵሮ ዝተሰረተ እዩ። ኣብ ጋህዲ ዓለም ማሕበራዊ ምንቕስቓሳት ምስ ው.ተ.ም ወይ ብግቡእ ከይገጥማ ይኽእላ፡ ወይ ብቐጥታ ንኹሎም ደረጃታት ብጽቡቕ፡ ወይ ብትኽክል በቲ ተገሊጹ ዘሎ ክሓልፉ ኣይክእላን።

ናይ ው.ተ.ም ዕማም፡ ንተሓለቕቲ ተስፋን ሓይልን ንምሃብ፡ ናይ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ውጺታውነት ንምዕባይ፡ ነቲ ብዙሕ ግዜ ንውልቀ-ሰባት ካብ ጕጅለ ምጥፋእ፡ ምውጻእን ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ምዕጻው ጠንቂ ዝኾኑ ዘይምትብባዓት ንምቕናስን እዩ።'

> http://historyisaweapon.com/defcon1/moyermap.html
> charts: www.nonviolence.org.au/downloads/moyer_charts.pdf
> ሸሞንተ ደረጃታት ተመልከት

## ንምዕባለ ናይ ምንቅስቓስኩም ንምትንታን ዝሕግዙ መሳርሒ

*ብ ሲልክ ክረዩሰልን ኣንድርያስ ስፔክን*

ተሓለቕቲ ምንቅስቓስኦም ብጽቡቕ ናብ ዓወት እናገስገሰ ከሎ፡ ብዙሕ ግዜ ሓይሊ ኣይስሞየምን። ሓደ ምንቅስቓስ ብኸመይ ይሰርሕን ይዕወትን ምፍላጥ፡ ንናይ ምንቅስቓስ ተሓለቕትን ጉጅለታትን ከሐይል ይኽእል። ኣብ 1980ታት ብቢል ሞየር ዝማዕበለ ናይ ውጥን ተግባር ምንቅስቓስ (ው.ተ.ም) ዝበሃል ነዚ ሓጋዚ መሳርሒ እዩ። ካብቶም ሸሞንተ ናይ ዓወት ምንቅስቓሳት እቶም ኣርባዕተ ተሓለቕቲ ክጻወትዎም ዝግባእ ተራታት ይገልጽ።

### እስትራተጅካዊ ግምታት

ው.ተ.ም ኣብ ሸውዓተ ግምታት እስትራተጂ ዝተመርኰሰ እዩ፡

1. **ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ዝሓለፈ ሓያላት ም'ኳኖም ተረጋጊጽ'ዩ፡** ኣብ መጻኢ'ውን ሓያላት ክ'ኾኑ ከም ዝኽእሉ ምትስፋው።
2. **ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ኣለዉ።** ኣብ ናይ ሕብረተሰብ ዝለዓለ ገስጋሲ ወግዕታት፡ ፍትሒ፡ ነጻነት፡ ደሞክራሲ፡ ሲቪላዊ (በርጌሳዊ) መሰላት መሰረት ዝገበሩ እዮም።
3. **እቲ ቀንዲ ጉዳይ 'ማሕበራዊ ፍትሒ' ኣንጻር 'ስሩት ረብሓታት' እዩ።** ምንቅስቓስ ንማሕበራዊ ፍትሒ ይሰርሕ፡ እቶም ኣብ ስልጣን ዘለዉ ድማ ንስሩት ረብሓታት ይውክሉ።
4. **እቲ ዓቢ እስትራተጂ ኣሳታፊ ደሞክራሲ ንምሕያል እዩ።** ዋሕዲ ሓቀኛ ደሞክራሲ ቀንዲ ምንጪ ናይ ዘይፍትሓውነትን ማሕበራዊ ግድላትን እዩ። ኣሳታፊ ደሞክራሲ ምዕባይ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ዕላማ ናይ ምንቅስቓስ-- ኣብ ትርኪ መሰል ናይ ብሕልና ምንጻግ፡ ወይ ናይ ዓዲ እንግሊዝ መገዲ ንኽይስራሕ ናይ ደው ምባል ተቓውሞ።
5. **እቲ ዒላማ እቲ ንታሓዝቲ ስልጣን ብድሌቱ ስልጣን ዝህቦም ዘሎ ተራ ዜጋ ህዝቢ እዩ።** ኣብ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት እቲ ቀንዲ (ማእከላይ) ጉዳይ ኣብ መንጎ ምንቅስቓስን ተሓዝቲ ስልጣንን ዘሎ መን ናይ ኣብዛሓ ናይ ህዝቢ ደገፍ ይዕወት መንክ ኣብ መወዳእታ ንዝነበረ ኣካይዳ ንምዕቃብ ወይ ለውጢ ንምፍጣር ነቲ ስልጣን ይጭብጦ ዝብል ቃልሲ እዩ።

6. **ዓወት ናይ ነዊሕ ግዜ መስርሕ ድኣ'ምበር ናይ ሓደ ፍጻሜ ኣይኮነን።** ዓወት ንምርካብ፡ ምንቅስቓስ ኣብ ቀጻሊ ነዊሕ ንኡስ-ዕላማታቱ ዕውት ክኸውን ይግባእ።
7. **ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ዘይጎነጻዊ ክኾና ይግባእ።**

## ሸሞንተ ደረጃታት ናይ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት

ሓደ ምንቅስቓስ ነቲ ጉዳይ ከይፈለጠ ምንቅስቓስ ይጅምር። ኣብ ቀዳማይ ደረጃ **ነገራት ከም ንቡር ይኸዱ**፡ ኣብ'ዚ እቲ ቀንዲ ዕላማ ሰባት ንኸሓስቡ፡ ጸገም (ግድል) ከም ዘሎ ንኽርእዩ እዩ።

እቲ ካልኣይ ደረጃ እንታይ ይባሃል ኣሎ ብምስማዕ፡ ናይ ሕጊ መስርሓት ብምክትታል፡ ኣብ ናይ ምምሕዳር ኣካይዳ ብምስታፍን ካልኦትን ብምጥቃም **ኣቶም ስሩታት መስመራት ወይ ኣካይዳ ጉድለታት ከም ዘለዎም ምርኣይ እዩ።** እቲ ምንቅስቓስ እቶም ዘለዉ ትካላት ነቲ ጸገም ክፈትሕዎ ከም ዘይሰርሑ ከረጋግጹ ይግባእ። ስለዚ ድማ ህዝቢ ብገዛእ ርእሱ ተግባር ክወስድ ይግባእ።

ሳልሳይ ደረጃ ናብ ናይ ማሕበራዊ ምንቅስቓስ **ብምዕባይ ናብ ምብሳል** ኩነታት ይመርሕ። ህዝቢ ከዳምጽ ብምጅማር ሓደስቲ ጕጅለታት የቑውም። ነቲ ጸገም ድራማዊ መልክዕ መታን ንኸሕዝ፡ ናኣሽቱ ተግባራት ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ ይጅምሩ። እቶም ታሓዝቲ ስልጣን ብጽቡቕ ኣይስመዮምን፡ ተሓለቕቲ ግን ከም ንቡር ይቕጽሉ።

እንተድኣ እቲ ምንቅስቓስ ብግቡእ ስርሑ ማለት (ሓደስቲ ጕጅለታት ወዲቡን ናይ መርበብን ምምዕባል-ልፍንቲ ገይሩ) **ድሕሪ ገለ ዘበግስ ፍጻሜ** ምስ ተረኽበ፡ ናብ ራባዓይ ደረጃ **ናይ ዜሮ ስዓት** ክበጽሕ ይኽእል። እዚ ናይ ዜሮ ስዓት ብምንቅስቓሳት ክውደብ ይከኣል። ንኣብነት ኣብ ውይል ጀርመን ናይ ህንጻ ቦታ ምትሓዝ፡ ኣብ 1974 ንናይ ጀርመን ጸረ-ኒኩለር ምንቅስቓስ ዘበገሶ እዩ ነይሩ፡ ወይ ብሰበስልጣናት ገለ ነገር ምስ ዝግበር፡ እቲ ተቓውሞ ክጅመር ይከኣል። እቲ ዘበግስ ፍጻሜ (trigger) ብሰፊሑ ብመራኸቢ ብዙሓን ክጽብጸብ ዝኽእል ኮይኑ፡ ናብ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፍታትን ናይ ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ ዘለዎ ዓበይቲ ጎስጓሳትን የምርሕ። ዋላ'ኳ እቲ ምንቅስቓስ ብዙሕ ናይ ህዝቢ ተደናጋጽነት እንተታዓወተ፡ እቶም ሰበስልጣናት ግን ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ብዙሕ ግዜ ተስፋ ኣይቆርጹን።

እቲ ሓሙሻይ ደረጃ ብዙሕ ግዜ ንብዙሓት ተሓለቕቲ ናብ **ናይ ተስፋ ምቕራጽ** የምርሕ። እዚ ኣብ ናይ ምንቅስቓስ ፍጻሜታት ተሳትፎ ብምቕናስን ኣሉታዊ ጸብጻብ ናይ መራኸቢ ብዙሓን የዐቢ።

ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ግን ኣብ ሻዱሻይ ደረጃ እቲ ምንቅስቓስ ኣብ **ናይ ብዙሓት ደገፍ ይዕወት**። ክሳብ ሕጂ እቲ ምንቅስቓስ ኣብ ተቓውሞ ጥራሕ እዩ ከተኩር ጸኒሑ። ኣብ'ዚ ግዜ ግን መፍትሕታት ምቕራብ'ውን ኣገዳሲ እዩ። ዳርጋ ሰለስተ ርብዒ ናይ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ናይ ለውጢ ኣድላይነት ይሳማማዕ እዩ። ኣብ'ዚዩ ድማ ነቲ ትደልዮ ለውጢ ንምዕዋት ኣገዳሲ ዝኸውን። ሰበስልጣናት ንምንቅስቓሳት ከታልልዎም ይፍትኑ። ጸቕጢ ብምፍጣር፡ ሽጣራ ክጻወቱ ይፍትኑ፡ (ከም ናይ ጀርመን መንግስቲ ንናይ ኒኩለር ሓተላ ኣብ ክንዲ ናብ ጎርለበን ዝሰዱ ናብ ኣሃውስ ይሰዱ ኣሎ ዝተባህለ)። እቲ ምንቅስቓስ ነቲ ሽጣራ ደው ከብሎን ናይ ኣማራጺ ፍታሕ ከዐቢ ክሓስብ ኣለዎ።

ሻባዓይ ደረጃ፡ **እቲ ናይ ባሓቂ ዓወት** ነዊሕ መስርሕን ብዙሕ ግዜ ንኽትፈልጦ ከቢድን እዩ። ናይ ምንቅስቓስ ዕማም ንጠለባቱ ንምርካብ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ናይ ኣራእያ ማእዝን ምቕያር፡ ሓድሽ ኣተሓሳስባ ምፍጣርን እዩ። ኣብ ጽዓት ዘለና ኣራእያ ከይቀየርና፡ ንኹሎም ናይ ኒክለር ፋብሪካታት ምዕጻው ነቲ ጸገም ካብ ራድዮ ኣክቲቪቲ ናብ ካርቦን ዲዮሳይድ ጥራሕ'ዩ ዝቕይሮ፡ (ብዝኾነ ግን እሱ'ውን ዓወት እዩ)። እዚ ድማ ከም'ቲ ገለ ደቀንስትዮ ናይ ቤት ጽሕፈት ስራሕ ዕድል ምርካበን ጥራሕ ንቕርጺ ናይ ተባዕታዊ ሕብረተሰብ ኣይቅይሮን'ዩ ዝበሃል እዩ።

ድሕሪ ዓወት ማለት ብናይ ምፍጣጥ ቃልሲ ወይ ንሰበስልጣናት ኣብ ነዊሕ ግዜ ምድኻም፡ እቲ ምንቅስቓስ ነቶም ዝተዓወተሎም ክትግበርሉ ይደሊ። ኣብ ሻሙናይ ደረጃ **ዓወት ምድልዳልን ናብ** ካልእ **ቃልስታት ምሕላፍን** ናይ ምንቅስቓስ ዕማም ይኸውን።

## ኣርባዕተ ናይ ተሓለቕቲ ዕማማት

ኣብቶም ሸሞንተ ደረጃታት ተሓለቕቲ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ዕማማት ኣለዎም። ኩሎም ዕማማት ብሓደ ሰብ ጥራሕ ክካየዱ ኣይክእሉን። ኣርባዕተ ዓይነት ተሓለቕቲ ፈሊኻ ምውጻእ ይከኣል። ነቲ ምንቅስቓስ ክዕወት፡ ኩላቶም ኰይኖም ብብቕዓት ክሰርሑ ይግባእ።

**ተቓዋሚ** (rebel) ሓደ ዓይነት ተሓላቕነት ኰይኑ፡ ብዙሓት ሰባት ምስ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ይምድብዎ። እዚኦም ብዘይጎነጻዊ ቀጥታዊ ተግባራትን ብእዉጅ መገድታትን 'ኣይፋል' ዝብሉ ተቓወምቲ እዮም፡ ነቲ ጸገም ድማ ኣብ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ከም ዝሰፍር ይገብርዎ። ግን በይኖም ከም እንኰ ድምጺ ናይ ሕብረተሰብ ሽግር ምፍላጦምን ከም ሕሉፋት ተራ ምጽዋቶምን ኣብ ሕበረተሰብ ከም ዘይውጺኢታውያን ክኾኑ ይኽእሉ። ተቓወምቲ ኣብ ደረጃ ሰለስተን ኣርባዕተን ከምኡ'ውን ድሕሪ ናይ ምብጋስ

ፍጻሜ ኣገደስቲ እዮም። ይኹንደኣምበር ብዙሕ ግዜ ናብ ካልኦት ምንቅስቓሳት ንምምሳል ኣብ ደረጃ ሽዱሽተ ወይ ድሕሪኡ ይሓልፉ።

**ጸገንቲ** ብዙሕ ግዜ ኣብ ምንቅስቓሳት ብጽቡቕ ኣይራኣዩን። ንውድቀት ናይ ህሉው ኣሰራርሓ ዘረጋግጹ ወይ ናይ ኣማራጺ ፍታሓት ዘማዕብሉ ግን ንሳቶም እዮም። ብዙሕ ግዜ ግን ኣብ ትካላት ወይ እማመ ጽገናታት ዝኣምኑ ይመስሉ። ብኣዝዩ ንእሽቶ ድማ ኣብ ምድልዳል ዓወት ናይ ምንቅስቓስ ይዝንብሉ።

**ዜጋታት** እቲ ምንቅስቓስ ምስ ቀንዲ ደገፍቱ ዘለዎ ርክብ ንኸይክስር የረጋግጹ። እቲ ምንቅስቓስ ኣብ ማእከል ሕብረተሰብ ከም ዝሰርሕ የርእዩ፡ (ኣብ ናይ ጎርለበን ተቓውሞ ንኣብነት ተሳትፎ ናይ መምሃራን፡ ሓካይምን ሓረስቶትን) ከምኡ'ውን ካብ ጭቆና ይከላኸልሉ። ሰበስልጣናት ንድሌት ናይ ህዝቢ ነገልግል ዝብል ዘረባ ክኣምኑ ኵለዉ፡ ኣዝዮም ዘይውጺኢታውያን ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም።

**ናይ ለውጢ ወኪልን** ራባዓይን ኣብ ዝኾነ ምንቅስቓስ ኣገደስቲ እዮም። ትምህርቲ የዕብዩ፡ ንመብዛሕትኡ ሕብረተሰብ ድማ የእምኑ፡ ታሕተዎት መርበባት ይውድቡን ናይ ነዊሕ ግዜ እስትራተጂታት የማዕብሉን። ናይ ኡቶፒያን ኣራእያታት ከማዕብሉ ከለዉ፡ ወይ ኣብ ንጽል ኣቀራርባ ጥራሕ ክጣበቑ ከለዉ ዘይብቁዓት ክኾኑ ይኽእሉ። ናይ ውልቂ ጉዳያትን ናይ ተሓለቕቲ ድሌትን ሽለል ዝብሉ'ውን የመስሉ።

**ስለዚ እንታይ የገበር?**

ማሓበራዊ ምንቅስቓሳት ሕልኽላኽ ተርእዮታት እዮም። ከም'ቲ ንመገዲ ንምርካብ ኣብ ካርታ ተዕዘብ፡ ናይ ው.ተ.ም ኣይኽተሉን። ይኹንደኣምበር ናይ ምንቅስቓስኩም ደረጃን ዓይነትን ናይ ዝዋስኡ ተሓለቕቲ ከተለልዩ ምፍታን ኣብ ምግንዛብ ዓወትን ናይ መጻኢ ምምዕባልን ው.ተ.ም ብዙሕ ይሕግዝ። ኣብ'ቲ መስመር እንተድኣ ኣብ ግዕዞ ጠፊእካ፡ ነቲ ውጥን ተግባር ምንቅስቓስ ተመልከቶ።

## መልክዓት ናይ ዘይጎነጻዊ ተግባር

ጅን ሻርፕ ኣብ'ቲ ናይ መጀመርያ 1973 'ናይ ዘይጎነጻዊ ፖለቲካ ተግባር' ዝብል ሕታሙ፡ 198 ዝርዝር ዘይጎነጻዊ ሜላታት ከም ዘለዉ መጽናዕቲ ኣካይዱ ነይሩ። እዞም ሜላታት ኣብ ሰለስተ ሰፋሕቲ ክፋላት ይኽፈሉ። ምቅዋምን ምእማንን፡ ዘይምትሕብባርን ዘይጎነጻዊ ምትእትታውን ዝብሉ እዮም። እዚ'ቶም ዝያዳ ኣብ ክፍልታት ተመዲቦም ኣለዉ። ምሉእ ዝርዝር ኣብ http://www.aeinstein.org ተመልከት።

1) **ምቅዋምን ምእማንን**

- ሰላማዊ ሰልፊ-- ብዙሓት ሰባት ነቲ ዝደልይዎ ንምግላጽ ብሓባር ኰይኖም ናብ ጽርግያ ይወጹ። ንኣብነት.. እቲ ክሳብ ሺዑ ኣንጻር-ኵናት ካብ ዝተገብሩ ሰላማዊ ሰልፍታት ዝዓበየ ዝበሃል ናይ ለካቲት 15 2003 ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር ኵናት ዒራቕ፡ ኣብ 600 ከተማታት ናይ ዓለም ተኻይዱ ነይሩ። ኣብ ሎንዶን ጥራሕ ክልተ ሚሊዮን ሰባት ናብ ሰልፊ ወጺኦም።
- ናይ ተቓውሞ ዝርዝር--- ምስ ገለ ዘይትቕበሎ ፖሊሲ ዘይምስምማዕካ ንምግላጽ ኣብ መአከቢ ዝርዝር ኣስማተ ምፍራም፡ ንኣብነት ተቓውሞ ኣንጻር ስዊድን፡ ኣብ ናይ ዒራቕ ኵናት ዝውዕል ናይ ውግእ መሳርሒ ናብ ሕ.መ.ኣን ዓባይ ብርጣንያ ምስዳድ።

2. **ዘይምትሕብባር**

- ኣድማ--- ምስ ሸየጥቲ ኣጽዋርን ወይ መንግስትን ዘለካ ዘይዕጋበት ንምርኣይ፡ ንናይ ሸቐጥ ንብረታት ወይ ኣገልግሎት ንዘይምግዛእ ምሕሳም፡ ንኣብነት እቲ ኣብ ግዜ ስርዓት ኣፓርታይድ ንናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ምህርትታት ንዘይምዕዳግ ዝተገብረ ኣድማ። ኣብ መጀመርያ ውልቀ-ሰባትን ማሕበራትን ዝጀመረኦ፡ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ድማ ኩለን ሃገራት ነቲ ዘይምዕዳግ ኣድማ ተሓወሶኦ።
- ዓመጽ--- ንስራሕ ምእባይ። ንኣብነት ኣብ'ቲ ኣብ 1987 ዝጀመረ ናይ መጀመርታ ኢንቲፋዳ ተቓውሞ፡ መብዛሕትኦም ፍልስጤማውያን ንናይ እስራኤል ስርሓት ከይሰርሑ እብያ ገበሩ። እስራኤል ሕሱር ናይ ፍልስጤማውያን ጉልበት ብምስኣና፡ ብዙሕ ገንዘብ ኣጥፊኣትን እቲ ቅጠባ ድማ ከዳኽሞ ካኣለን።
- ፖለቲካዊ ዘይምትሕብባር--- ናይ ወታሃደራዊ ኣገልግሎት ወይ ስርሓት ምስትላም ምቅዋም። ካብ'ቶም ንውትህድርና ኣገልግሎት ንኽገብሩ ዝነጽጉ ዝድግፉ ማሓበራት ኣህጉራዊ ማሕበር ኣይፋል-ኵናት ሓደ እዩ።
- ንምትሕብባር ምእባይ--- ንኣብነት ኣብ ግዜ ካልኣይ ኵናት ዓለም ናይ ኖርወይ መምሃራን ነቲ ናዚ ዘቕረብዎ ንቤተ-ትምህርቲ ዝኸውን ስርዓተ-ትምህርቲ ንኽይስዕብዎ ኣበዩ። ብሰንኪ እብያኦም ድማ ናብ መአከቢ ካመቦታት ናይ እሱራት ተወስዱ፡ ይኹንደኣምበር ናዚ ነቲ ኵነታት ክዕወትሉ ከምዘይክእሉ ምስ ተረድኡ፡ መብዛሕትኦም ተፈንዮም።

3. ምትእትታው

- ም'ኽልካል-- ነብስኻ ኣብ ቅድሚ ካልእ ምስጣሕ። ንኣብነት፡ እስራኤላውያንን ካልኦት ኣህጉራውያን ወለንተኛታት ነተን ናይ ፍልስጤማውያን ገዛውቲ ከፍርሳ ዝተላእኻ ማካይን ከልከልወን።
- ከልካሊ ህላዌ---ኣብ ግጭት ዘለዎ ቦታት ኣብ ሓደጋ ንዘለዉ ሰባት ምሕላው\ምክልኻል፡ ንኣብነት.. ናይ ሰላም ተዓዘብቲ ኣብ ሜክሲኮ፡ እስራኤል-ፍልስጤም ወይ ኮሎምቢያ።
- ናይ ልምዓት (ማሕረሻ) ተግባራት--- ብግልጺ ብረትካ ብምውራድ ብድሌትካ ድማ ፍርድኻ ም'ቕባል፡ ንኣብነት፡ ናይ ስኮትላንድ ሰለስተ ዝብልሑ ሾናት ዝነበረን ኒኩለር ሳብማሪናት ብረት ምውራድ።

## ደረጃታት ኣማዕባብላ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ

ንማሕበራዊ ለውጢ ብዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ከነማዕብልን ክንትግብርን ምስ ንደሊ፡ ልዕሊ ንዘይፍትሓዊ ም'ቕላሕን ምቅዋምን ምስ ጨቖንቲ ዘይምትሕብባርን ሓሊፍና፡ ኣብ ዘይጎነጻዊ ኣገባባት ክንኣቱ የድልየና። ኣብ ዕላማና ተዓዊትና ለውጢ ን'ኽንረኢ፡ መደባት ህንጸት ክንትግብር የድልየና።

ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ናይ ጎስጓስ ኣብ መንጎ ብምትፍናንን ሃናጺ ስራሕን ዘሎ ምትእስሳራት፡ ኣብ ቻርት ሰፈሮም ኣለዉ። እዚ'ም ካብ ናይ ተዮዶር ኤበርተ መጽሓፍ 'ዘይጎነጻዊ ዓመጽ'--ኣማራጺ ንውግእ ሕድሕድ ዝብል መሰረት ገይሩ ዝቐረበ'ዩ። እቶም ናይ መጀመርያ ደረጃታት ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ንጉዳያት ናብ ብህዝቢ\ናብ ቃልዕ ኣብ ምውጻእ የተኩሩ። ብዉሕሉል ኣገባብ ዝተወደበ ጎስጓስ ናብቶም ጉዳያት ዝያዳ ኣድህቦ መታን ክህሉን ንለውጢ ንምትብባዕን፡ ህዝባዊ ተቓውሞ ይጥቀም፡ ከምኡ'ውን ገለ ኣማራጽታት (ሃናጺ ስርሓት) የ'ቕርብ።

እዚ ነቲ ዝድለ ውጺኢታት ከምጽእ እንተዘይኪኢሉ፡ እቲ ጎስጓስ ናብ ካልኣይ ደረጃ ካሓልፍ ይኽእል። ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ እቲ ጎስጓስ ህዝቢ ዝያዳ ጸ'ቕጢ ንምፍጣር ናብ ሕጋዊ መልክዓት ብምሕላፍ ኣብ ዘይምትሕብባር ከምኒ (ዓመጽ፡ ንሃለኽቲ ነገራት ምሕሳም፡ ምሕንጋድ ወ.ዘ.ተ) ከምኡ'ውን ንጥፈታት ምህዞታት ሕጋዊ ጠለባት (ርትዓዊ ናይ ንግዲ ተበግሶታት፡ ኣማራጺ ናይ ቍጠባ ቅርጽታት፡ ዘይጎነጻዊ ምትእትታው ወ.ዘ.ተ..) ይካየድ። ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ እቲ ዕላማ ነቲ ጉድለታት ንምውሳኽን (ክሳራ ሕብረተ-ሰባት) ካብቶም ዘይፍትሓዊ ዝፍጽሙን ብእኡ ዝረብሑን ንዝረ'ኽብዎ ምንኣስን እዩ። ማዕረ ማዕረ ድማ እቲ ጎስጓስ ካብቲ ቀዳማይ ደረጃ ዝጀመረሉ ተግባራት ናይ ም'ቕጻል ዕድል ይህልዎ።

እዚ ነቲ ዝድለ ዕላማታት ንምህራም እ'ኹል ክ'ኸውን ይ'ኽእል። እንተዘይኰይኑ ግን፡ ንተሳተፍቲ ዝያዳ ሓደጋ ክፈጥረሎም ዝ'ኽእል ከምኡ'ውን ናብ ህዝቢ ዝያዳ ሓያል ዝ'ኾነ መልእ'ኽቲ ከማሓላልፍ ዝ'ኽእል ዘይጎነጻዊ ተግባራት ናይ ምጥቃም ተ'ኽእሎ ኣሎ። እቲ ሳልሳይ ደረጃ፡ ን'ኽልቲኡ ተቓውሞታት ዝሓዘ ዘይጎስጓሳዊ ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ (ኰፍ ምባል፡ ምዕጋት፡ ዓመጻት፡ ናብ ሆናት ካብ ም'ኻድ ምቋም፡) ከምኡ'ውን ከም ሲቪላዊ ምምንጣል፡ ንሓለፍቲ ስልጣኖም ምፍትታን ወይ ብዘይ ሕጋዊ ፍቓድ ሓደ ሓሳብ ምትግባር፡ ንኣብነት ክስጎጉ ዝተወሰነሎም ስደተኛታት መዕቆቢ ምሃብ፡ ዘይጎነጻዊ ምትእትታው፡ ንዓመጻት ኣንጻራዊ ዓመጽ ምክያድ፡ ወይ ኣብ'ቲ ሃሳዩ ዝ'ኾነ ፋብሪካ ዘለዎ ቦታ ሓደ ናይ ከባቢ ኩነታት ዘማለአ ቁሸት ምህናጽ፡ ዝኣመሰሉ ነቲ ጎስጓስ ከዕብዮ ይ'ኽእል።

ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት እናዓበዩ ክ'ኸዱ ከለዉ፡ እቲ እስትራተጅ'ውን ካብ ሓደ ናብቲ ካልእ ደረጃ እናወሰ'ኸ ይ'ኸይድ። ካብ ናይ ዝሓለፉ ደረጃታት ተግባራት ዝነበሩ ምጥቃም ግን ክ'ቕጽል ይግባእ። እዚ ተለዋዋጢ መስመር ናይ'ቶም ደረጃታት ከም ዘሎ ኣየመልክትን። እቲ ኣገዳሲ ነገር ኣብ'ቶም ደረጃታት ዘሎ ምትእስሳራትን ዓይነታት ተግባራትን ምርኣይ እዩ። ጎስጓስ ነቲ ዘሎ ኩነታት ብዝያዳ ውጺኢታዊ ተግባራት እዩም ኢሉ ዘመረጾም ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ካልእ (ንላዕልን ንታሕትን) ብምሕራይ ብፍላጥ ክውስን ይ'ኽእል'ዩ። ኣብ ኩሉ ናይ ጎስጓስ መስርሓት ምስ ባዓል ነገርካ ኣብ ዝርርብ ንምእታው ጻዕርታት ምክያድ፡ ንኩሉ ወገናት ክ'ኸውን ዝ'ኽእል ፍታሓት ንምርካብ ምጽዓር ኣገዳሲ'ዩ። ንኣብነት እንተድኣ እቲ ጎስጓስ ናህሩ ህድእ ኢሉ እሞ ናይ ህዝቢ ጸ'ቕጢ ንጊዚኡ ቀኒሰዎ፡ እቲ ዝርርብ ብቐሊሉ ክጅመር ይከኣል። ጎስጓስ፡ ዝያዳ ኣብ ሃናጺ ተግባራት ብምስራሕ ወይ ንናይ ምፍጣጥ ተግባራት ድው ንምባል ወይ ብኣንጻሩ፡ ዝያዳ ውጺኢታዊ ክ'ኸውን ከም ዝ'ኽእል ክውስን ይ'ኽእል።

ቀጻሊ ዕዉት ጎስጓስ ንምክያድ፡ ቀጻሊ ናይ ጎስጓስ ንጥፈታትን ብ'ቕዓቶምን ምግምጋም የድሊ። ንትግባረ ሃናጽን ናይ ምፍጣጥ ተግባራትን ኣብ ነዊሕ ግዜ ነቶም ዕላማታት ንምዕዋት ብ'ኸመይ ብሓባር ከም ዝሰርሑ ንምክትታል፡ ጉጅለ'ኹም ነዚ ቀሪቡ ዘሎ ናይ ሓበሬታ መቓን (ቻርት) ክጥቀም ይ'ኽእል።

**ደረጃታት ኣማዓባብላ ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት**

| **ደረጃ ምድያብ** | **ናይ ምፍጣጥ ተግባራት (ኣንጻር ሕብረተሰብ ዝፍጸሙ ዘይፍትሓውያን ዘምረሐ ተቓውሞ)** | **ሃናጺ ስርሓት (ኣብ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ስርዓት ዝግበሩ ተግባራት)** | **ብኸመይ ይሰርሕ** |
|---|---|---|---|
| **ንጉዳያት ኣብ ናይ ህዝቢ መድረኽ ምቕራብ** | **ተቓውሞ** (ሰላማዊ ስለፊ፡ ደገፍ ምሕታት፡ ናይ ሓበሬታ ወረቐት፡ ናይ ሽምዓ ስርዓት) | **ኣማራጽታት ምቕራብ** (ኣስተምህሮታት፡ ናይ ምርኢት ኣማራጽታት) | ምቕላሕ ዘእምን ጎስጓስ |
| **ምስቲ ጉዳይ ዝሳነዩ ሕጋዊ ስርሓት** | **ሕጋዊ ዘይምትሕብባር** (ዓመጽ፡እብያ ንሃለኽቲ፡ ምሕንጋድ) | **ናይ ሕጊ ምምሕያሽ ስርሓት፡** (ርትዓዊ ንግዲ፡ ነጻ ትምህርቲ፡ ኣማራጺ ቍጠባ፡ ናይ ስነ-ሞራል ወፍሪ፡ ዘይጎነጻዊ ምትእትታው) | ክሳራታት (ዋጋታት) ምዕባይን ንዘይፍትሓውያን ዝወሃብ ጻማ ምውሓድን |
| **ምስቲ ጉዳይ ዝተታሓሓዙ ዘይሕጋዊ ተግባራት** | **ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ** (ኲፍ ምባል፡ ምዕጋት፡ ናይ ግብሪ ምኽፋል ተቓውሞ፡ ዓመጽ፡ ንዂናት ምቋዋም) | **ሲቪላዊ ምምንዛዕ** (ናይ ዕቑባ ምንቅስቓስ፡ ናይ ራድዮ ቅርሰና፡ ኣንጻራዊ ዓመጽ፡ ዘይጎነጻዊ ምትእትታው) | ንስልጣን ብኣንጻር ንኽሰርሕ ምግባር |

ብ ኤሪክ ባኽማን ካብ ጀርመን ናብ ኢንግሊዝ ዝተተርጎመን ዝተወስደን ኰይኑ፡ እዚ ቀጥታዊ ትርጉም ናይ ቴዮዶር ኤልበርት (ኣማራጺ ንውግእ ሕድሕድ) እዩ። Waldkircher Verlagsgesellschaft mbH, 1978, ISBN 3-870885-030-1.

## ተራ ናይ መራኸቢ ብዙሓን (ሚድያ)

ስለምንታይ ኣብ እንገብሮ ጎስጓስ መራኸቢ ብዙሓት ክንጥቀም ዘድልየና? ምናልባት ነዚ ክፋል መወከሲ-መጽሓፍ ብኸምዚ ዓይነት ሕቶ ክትጅምሮ ፍልይ ዝበለ ክመስል ይኽእል፡ ይኹንደኣምበር ጕጅለታት ቅድሚ ምስ ቀንድን ኣማራጺ መራኸቢ ብዙሓትን ርክብ ምጅማሮም፡ ንገዛእ ርእሶም ክሓትዎ ዘለዎም ኣገዳሲ ሕቶ'ዩ። ኣብ'ዚ ምዕቡል እዋን ብፍላይ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም፡ መራኸቢ-ብዙሓን ብምስልታትን ድምጽን ማለት ብቴሌቪዥን፡ ራዲዮ፡ መርበብ ሓበሬታ ገጻትን ናይ ሓበሬታ ሰሌዳታት ኣብ ኩሉ ተዘርጊሖን ይርከባ፡ ኣብ ዝኸድናዮ ኩሉ ድማ የራኽባልና።

ኰይኑ ግን ንመራኸቢ-ብዙሓን ንናይ ጎስጓስ ስርሓት ንኽተጥቀመለን ምፍታን ማለት ከም ክልተ ዝኣፉ ሴፍ ምልዓል እዩ። መራኸቢ-ብዙሓን ንሓደ ጽፉፍ ጎስጓስ ክድግፎኦን ከፍርሶኦን ይኽእላ። ስለዚ ምስኦን ዝግበር ርክባት ኣዝዩ ጡንቁቕን ካብቲ ዝምድና እንታይ ንኽስብ ዝብል ምሉእ መረዳእታ ክህሉ ይግባእ። እዚ ክፋል ካብ ሚድያ እንታይ ከም እትደልዩን ስለ ምንታይን ከምኡ'ውን ብዝተኻእለ መጠን ብዕዉት ነቲ መልእኽትኹም ናብ ብምሉኡ ሰማዒ ንምብጻሕ ዘድልዩ ናይ እስትራተጂ ሓሳባት ከቕርብ እዩ።

### ዕላማታት ጕጅለ

ካብ ሚድያ እንታይ ክትረክብ ከም እትደሊ ሕሰብ። ምስ ጕጅለኻ'ውን ተዛተየሉ። ብዛዕባ ዕላማ ኑጹር ኰንካ ነዞም ዝስዕቡ ከጠቓልል ይኽእል፡

- ንስራሓት ወይ ፍጻሜታት ሓደሽቲ ኣባላት/ተሳተፍቲ ምኽሳብ።
- ሰፊሕ ተቓውሞ ብምጥቃም ኣብ ውሱናት ጉዳያት ነቐፌታዊ/ጸላዊ ጸቕጢ ምፍጣር።
- ነቲ እትነቕፎ ስራሓት ወይ ጉዳይ ዝያዳ ንኽጥመት ምግባር።
- ንሰብ ነገርካ መልእኽታትካ ምምሕልላፍ።



ማእከል ኢንዲሚድያ ኣብ ጎተንቡርግ ሽዌደን፡ ስእሊ ሲሞ ሄልስተን

## መልእኽቲ ምልኣኽ

ከም ጒጅለ ነቲ 'ቀንዲ መልእኽታት' ንምድላው ግዜ ውሰድ፡ ኣብ ሓደ ተግባር ወይ ጎስጓስ ካብ ሰለስተ መልእኽቲ ዘይበዝሑ ክኸውኑ ተመራጺ ይኸውን። ነዚኦም ብዝተኻእለ መጠን ብጥንቁቕን ብጡርኑፍ መገዲ ኣነጽሮም። ነቶም ነጥብታት ተጻሒፎም፡ ኩሉ ኣባል ክፈልጦምን ዝሕጎሶሎም ወይ ብውሕዱ ከም ዘይቃዎምን ምኳኑ ምርግጋጽ የድሊ። ናብ ህዝቢ እተቕርቦም መልእኽታትካ ምኳኖም ዘይምርሳዕ። ስለዚ ብንጹርን ንኩሉ (ናይ ውሽጥን ካብ ጒጅለ ወጻኢ ዘሎ) ክርድኦን ከስተማቕሮን ብዘኽእል ብቐሊል ቋንቋ ክጻሓፍ ይግባእ።

ነቶም ቀንዲ መልእኽትታትካ ነቶም ኣብ ዕላማ የእቲኻዮም ዘለኻ ብኸመይ ይቕበልዎም? ኢልካ ሕሰብ። ካብ መስመርካ ከይወጻኻ ነቶም መልእኽታት ዝያዳ ሳሓብቲ ንምግባር ምቕያር ይኻኣል ዶ? መልእኽትታትካ ምብራህን ኣብ'ቶም ምስምማዕን ሓጋዚ እዩ። ምኽንያቱ ንጒጅለ ተሳተፍቲ ምስ ሚድያ ዝገብርዎ ርኽክብ ዝያዳ ከሐይሎም ስለ ዝኽእልን እዩ። ነቲ ዝግበር ርክባት ዝያዳ ስኒት ዘለዎ፡ ንዘለኩም መርገጺ

ሓይሊ ብምሃብ፡ ኣተኩሮኹም ከይሳሓትኩም ክትሰርሑ ይግብር። ኩሉ እቲ ምስ ሚድያ እትገብርዎ ርክባት ሓደ ወይ ሓያሎ ካብዞም ዝስዕቡ ቀንዲ መልእኽታት ከማልእ ከም ዘለዎ ኣረጋግጹ። ቀንዲ መልእኽቲ ናብ ጋዜጠኛታት ብጽፉፍ መልክዕ ንምትሕልላፍ፡ ናይ ይምሰል ጸወታ ልምምድ ሓጋዚ እዩ። (ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ 'ናይ ይምሰል ጸወታ' ተመልከት)።

## ዓይነት ርክባት

ምስ ሚድያ ዝግበሩ ምውሳኣት ብዝተፈላለየ መገድታት እዮም። ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ዝተፈላለየ መገድታት ናይ ዡሎም ናይ ሓባር ሪቛሒ ዝኾነ፡ ከም ጋዜጠኛ ኲንካ ምሕሳብ ዝበል ኣገዳሲ እዩ። ካብ መልእኽታትካ ከይወጻኻ፡ እንታይ እዩ ዜና ክኸውን ዝኽእል? ካልኦት ንኽንብብዎ ኣገዳሲ ዝኾነ እንታይ እዩ? እንታይ'ዩ እቲ ዜና? ኢልካ ንነብስኻ ሕተታ።

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ሚድያ በብናቶም ከም ዝሰርሑ ኣስተውዕል። ኣብ ሃገርኩም ብኸመይ ከም ዝሰርሑ ፈሊጥኩም ኣድላዪ ለውጥታት ምግባር። ንጋዜጠኛ ወይ ኣብ ናይ ሚድያ ተመኩሮ ዘለዎም ተሓለቕቲ፡ እንታይ ክትሓስቡ ከም ዘለኩም ገለ ምኽሪ ንኽህብኹም ተወከስዎም።

## ጋዜጣዊ መግለጺ

ኩሉ ግዜ እቲ ጽቡቕ ጋዜጣዊ መግለጺ ዝበሃል ተቐባልነት ይረክብ። ኣብ መግለጺኹም ምስ ናታትኩም ናይ ጎስጓስ ንጥፈታት ክዛመድ ዝኽእል ፍሉጥ ናይ ዜና ታሪኽ ክትሕውስሉ ፈትኑ። ንኣብነት… ናይ መንግስቲ ወይ ፉሉጥ ሰብ ኣብ ሓፈሻዊ መስመርኩም ብዛዕባኹም ገለ ሓሳባት እንተድኣ ሂቦም፡ ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ናይ ጕጅለኹም መልሲ፡ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣውጽኡ። ነዚ ኣጋጣሚ'ውን ተጠቒምኩም ንመዲብክሞ ዘለኹም ፍጻሜ ወይ ተግባር ወይ ኣብ እተካይድዎ ዘለኹም ዉሱን ጎስጓስ ክተሕብሩ ትኽእሉ። ንኣብነት… እተካይድዎ ዘለኹም ጥርዓን። ጽሑፍኩም ንጹርን ጽፉፍን ኲይኑ፡ ዝትንክፍ ቃላት፡ ኣርእስታዊ ከምኡ'ውን ብሉጽ ኣርእስቲ ብምግባር፡ ናይ ኢሜል፡ ፋክስ/ቴሌፎን ሓበሬታ ብምርካብ፡ ናብ ጋዜጠኛታት ብኸመይ ከም ዝበጽሕ ምፍላጥ የድሊ። ዕለትን ናይ ርክብ ዝረዝራትን ናይ ዋሃቢ ቃልኩም ወይ ናይ ሚድያ ሓላፊኹም ምጥቓስ የድሊ። ጋዜጣዊ መግለጺኹም ናብ ዞባውን ኣብ ፍረ-ነገር/ዛዕባ ዘቶኩራ ምዕላም። ንኣብነት… 'ኣንጻር ናይ ኒኩለር ኣጽዋር ተቓዊመን ዝተኣስራ ናይ ኦክስፎርደ ደቀ-ኣንስትዮ' ናብ ኦክስፎርድ ሕታማት፡ 'ኣንጻር ናይ ኒክለር ኣጽዋር ተቓዊሙ ዝተኣስረ

ናይ ሸዊደን ቸሺ' ናብ ሸዊደን ናይ ቤተ-ክርስትያን ወይ ናይ ክርስትያን ሕታማት። ናይ ጕጅለኹም ናይ ሚድያ ሓላፊ ንጋዜጣዊ መግለጺ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ካብ ኩሎም ኣባላት ኣድላይ ሓበሬታ ክእክብ ይግባእ። ንኣብነት... ስም፡ ዕድመ፡ ስራሕ፡ መቦቆል፡ ጥቕሲ ብዛዓባ እቲ ዝግበር ተግባራዊ ስርሓት ብጹፉፍ ክሕዝ ይግባእ። እንተድኣ ሓበሬታን ድሕረ-ባይታን ኣብ'ቲ ዝወጽእ ጋዜጣዊ መግለጺ ተጠቓሊሉ፡ ዝበዝሕ ስራሕ ናይቲ ጋዜጠኛ ስለ ዝቃለል፡ እቲ ጋዜጣዊ መግለጺ ብቐሊሉ ክሕተም ይኽእል።

## ወሃብቲ ቃል/ናይ ሚድያ ክኾኑ ዝተለለዩ ሰባት

ኩሉ ግዜ ሓደ ፉሉጥ ምስ ሚድያ ዝራኸብ ሰብ ከም ዝህሉ ኣረጋግጽ። ንኣባል ናይ ጕጅለ ናይ ኢሜልን ናይ ኢድ ቴሌፎን ምርካብ፡ ኩሉ ግዜ እኹል ሓበሬታ ከም ዝህልዎም ብምግባር ንሚድያ ንምክትታልን ብዛዕባ ኣብ መዳይኩም ምዕባሌታት ክዕዘቡ፡ ንሓደስቲ ሓበሬታ ብብቕዓት መልሲ ክህብ ከም ዝኽእሎም ምርግጋጽ። እንተድኣ እቲ ሓደጋ ንማእሰርቲ ዘብጽሕ ኰይኑ፡ እቲ ዋሃቢ ቃል ክእሰረሉ ኣብ ዘይክእለሉ ኰይኑ፡ ካልኦት ክእሰሩ ከለዉ፡ ዋሃቢ ቃል ንሚድያ ቀረባ ብምዃን ሓበሬታ ይህብ። እቲ ዝበለጸ ነገር ካብ ሓደ ንላዕሊ ናይ ሚድያ ሰባት ምህላው እዩ።

## ምስ ጋዜጠኛታት ምርኻብ

ጽቡቕ ዝምድና ምስ ጋዜጠኛታት ከም ውልቀ-ሰባት ምምዕባል ይከኣል እዩ። ኣስተውዕሉ ግን፡ እንተድኣ ኣብ ጉዳይኩም ተገዲሶም፡ እሞ ንስኻትኩም'ውን ጽቡቕ ዓይነታዊ ዝኾነ ንኻልኦት ጋዜጠኛታት ዘይሃብክሞም ሓቀኛ ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ሓለፋታት ጌርኩምሎም፡ ውጺኢታት ናይ ምርካብ ተኽእሎ ኣሎ። መብዛሕትኦም ጋዜጠኛታት ከኣ ተፋሒሩ ዝርከብ ወይ ሚስጢራዊ ነገር ይፈትዉ'ዮም። ጥንቑቓት ግን ኩኑ፡ ገለ ጋዜጠኛታት ኰነ ኢሎም ወይ ብካልእ ብጌጋ ክጠቕስኹምን ብጌጋ ክውክሉኹም ይደልዩ'ዮም። እዚ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ታብሎይድን ናይ የማን-ክንፊ ሕታማትን ይኹን እምበር፡ ኣብኣን ጥራሕ ዝሕጸር ግን ኣይኰነን።

## ናይ ዜና ወኪላት

ጋዜጣዊ መግለጺኹም ናብ ሃገራውን ኣህጉራዊን ናይ ዜና ማዕከናት/ወኪላት ከም ዝተሰደ ኣረጋግጹ። ኣብ ገለ እዋናት ነቶም በቐጥታ ዝቐረብክሞም ሚድያ ነቲ ታሪኽ ከየውጽእዎ ይኽእሉ፡ ሓንሳብ

እቲ ዜና ኣብ መራኸቢ መስመራት ምስ ወጸ ግን የውጽኣዎ። ድሕሪ ጋዜጣዊ መግለጺ ምውጻኩም ንወኪላትን ሚድያንን ብምድዋል፡ እቲ ጋዜጣዊ መግለጺ ከም ዝበጽሖምን እንተበጺሒዎም ድማ ክጽሕፉ ከም ዝኽእሉ ምሕታት። መን ምኻንኩምን እንተድኣ ኣብ ዘመጽእ እዋን ዝያዳ ሓበሬታ ዝደልዩ ኰይኖም፡ ብኸመይ ክረኽብኹም ከም ዝኽእሉ ኣረጋግጹሎም።

## ናይ ደብዳበ ገጻት

ካብ ጕጅለኹም ካብተን ቀንዲ ጋዜጣታት መዓልታዊ ዝገዝኡ ሓደ ወይ ክልተ ሰባት እንተድኣ ኣለዉ፡ ምስ ናይ ጕጅለኹም ሓሳባት ዝሳነን ምስ ሞዮኦም ዝማሳሰልን ክጽሕፉ ይኽእሉ። ኣብ ከባብያዊ\ዞባዊ ሚድያ ብኸምዚ መገድታት ዝተጻሕፉ ካልኦት ሓያሎ ደብዳበታት'ውን ክትረኽቡ ትኽእሉ። እዚ ንዘለኩም መልእኽታት ናብ ህዝቢ ንምብጻሕ ሓደ ጽቡቕ ሜላ እዩ። ብኸምዚ ናብ ቃልዕ ምውጻእ፡ ንጎስጓስኩም ካብ ዘለዎ ህሉው ኩነታት ንላዕሊ ከም ገዚፍ፡ ሓያልን ዝያዳ ዝተወፈየ ንኸመስል ይሕግዝ። ኣብ'ዚ ግን እቶም ደብዳበታት ዝጽሕፉ ተመሳሰልቲ ሰባት ጥራሕ ክኾኑ የብሎምን፡ ምኽንያቱ ድሕሪ ገለ እዋን እቲ ኣሕታሚ ክፈልጥ ስለ ዝኽእል።

## መርበብ ሓበሬታ

ኣብ ምትሕልላፍ መልእኽቲ መርበብ ሓበሬታኹም ኣገዳሲ መሳርሒ እዩ። ጋዜጠኛታት ንድሕረ-ባይታ ንምፍላጥ ሓበሬታ ይረኽብሉ። ኩሉ ግዜ መርበብኩም ዝተሓደሰ ከም ዝኾነ ከተረጋግጹ ኣለኩም። ገለ ክፋላት ንኽትፈጥሩ  ኣብ ግምት ምእታው፡ ከም... ናይ ሚድያ ማእከል....ንናይ ጋዜጣዊ መግለጺኹም ዝኸውን ምስ ዓይነታዊ ዝኾኑ ምስልታትን ቀጻሊ ናይ ድሕረ-ባይታ ሓበሬታ ዝህብ ክፍሊ ምግባር፡ (እዚኦም ባዕልኹም እትውንንዎ ግን ካልኦት'ውን ክሓትምዎምን ክጥቀምሎም ይኽእሉ)። ኣብ'ዚ ናይ ሚድያ ሓላፊኹም ቀጥታዊ ዝርዝር ናይ ርክብ ሓበሬታ (ቴሌፎን፡ ኢ.ሜይል) ከጠቓልል'ውን ይግቦኦ። ብሎግ ማለት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብኣባላት ውልቀ-ሰባት ወይ ብጕጅለ ዝጻሓፉ ኰይኑ፡ ንእትገብርዎ ስራሕ ኣብ ምዝርጋሕ ሓዲሽ ሜላ'ዩ። እንተድኣ እቲ ብሎግ ንሚድያ ክጥቀምሉ ደሊኹም፡ እቲ ሓበሬታ ናይ ህዝቢ ይኸውን። ሚድያ ክሓትመልኩም ዘይትደልይዎም ነገራት ኣይትጽሓፉ።

### ንኣማራጺ ናይ ዜና ማዕከን ምጽሓፍ\ምውሳእን

ዝተፈላለዩ ኣማራጺ ናይ ሚድያ ማዕከናት ደገፍቲ ንኽትረኽቡ የዕርኩም ክኾኑ ይኽእሉ። ብዙሓት ኣንበብትን ራኣይትን ግን የብሎምን። ስለዚ ንመብዛሕትኦም እቶም ጽሑፋት ባዕልኹም ንኽተዳለውዎም ትግደዱ ይኾውን! ዓለማዊ መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ጎስጓስኩም ንሓፈሻዊ ተደናገጽቲ ሰማዕቲ ንምርካብ ክሕግዝ ይኽእል። እዚ ግን 'ዝድሊ ጸቕጢ ኣብ ምፍጣር' ወይ ብዙሕ ተቐባልነት ዘይብሎም ጉዳያት/ናይ ኣሰራርሓ መገድታት ናብ ንብር ክራኣይሉ ዘኽእል ንምምጻእ ዳርጋ ኣይክእልን። ውሕዳት ተሓለቕቲ ኣብ ምርካብ ግና የኽስብ። ከምኡ'ውን ኣብ ገለ ጉዳያት ናብ ሰብ ነገርኩም መልእኽቲ ክሰዱ ይኽእሉ። ምኽንያቱ ፖሊስን ገለ ኩባንያታትን ንናይ ኣማራጺ ናይ ዜና ማዕከናት 24 ሳዓት ብደቂቕ ይከታተልወን እዮም። ኣማራጺ ናይ ዜና ማዕከናት ንተሰፋ ዝቖረጸ ጎስጓስ ኣብ ሓባራዊ ተመኩሮ ተመርኩሱ፡ ኣየናይ ሓሳብ ይሰርሕን ኣይሰርሕን ብምፍታሽ፡ ንናይ ሓባር ስራሕ ዕድላት ኣብ ምንዳይ ቦታ ክህብ ይኽእል።

### ውጥን ጎስጓስ ናይ ሚድያ

ክሳብ ሕጂ፡ ተግባራዊ ሜላታት ንመልእኽትታትና ኣብ ምትሕልላፍ ገለ ሓሳባት ኣለውና፡ ካብ ዝጻዓርናሉ ዝያዳ ንምርካብ ግን፡ ናይ ሚድያ ውጥን ጎስጓስ ንምድላው ገለ ግዜ የድልየና። እዚ ማለት ብስምምዕ ናይ ጒጅለ፡ ብኽመይ ብብቕዓትን እስትራተጅካዊ መልክዓትን ርክብካ ተካይድ ዝብል እዩ። ናይ  ሚድያ ጎስጓሳት ንናይ ሓጺር ግዜ መደባት ወይ ድማ ንጎስጓስኩም  በብንእሽቶይ ምስ እትመቓቕልዎ ብዝበለጸ ይሰርሕ። ካብቲ መስርሕ ዝበለጸ ነገር ንምርካብ፡ ነቲ ናይ ሚድያ ጎስጓስኩም ምስ'ቲ ሓፈሻዊ ናይ ጎስጓስ እስትራተጂ ብምጥማር ንመልእኽቱኹም ብንጹር ምግላጽ የድሊ።

ንኣብነት… ሓደ ጒጅለ ንናይ ኣጽዋር ኩባንያ ንምቅላዕን ንምድኻምን ዝተበገሰ ኢልኩም ኣብ ሓንጎልኩም ሕሰቡ፡ እቲ ጒጅለ ንዝቕጽል ሹዱሽተ ወርሒ ገለ ነቲ ኩባንያ ወሃብቲ ቀረብቲ ዝኾኑ ስርሖም ደው ንኽብሉ ይሓስብ ኣሎ ንበል። እቲ ጒጅለ ነቶም ኣቕረብቲ ክጽሕፈሎም፡ ንሰራሕተኛታቱ ዘመተ ገበላ (ጎስጓስ) ከካይደ፡ ንመኻዚኖኦም ክዓግት፡ ከምኡ'ውን ካልእ ኣብ ግምት ከእቱ ይኽእል። እቲ ጽቡቕ ናይ ሚድያ ጎስጓስ ነቲ ናይ ጒጅለ ንጥፈታት ከም ኣወንታዊ፡ ንቲ ናይ'ቲ ኩባንያ ድማ ከም ኣሉታዊ ገይሩ ክሸጦ/ከቕርቦ ክኽእል ይግባእ። ብቐዳምነት፡ እቶም ብግልጺ ዝራኣዩ ንናይ ጒጅልኹም እስትራተጂ ዝዋሃቡ ነቐፌታታት ኣብ ግምት የእትዉ። ንኣብነት…. 'እቲ ንግዲ ሕጋዊ እዩ'፡

'ንተራ ሰራሕተኛታት ኢኹም ተካላብቱ ዘለኹም'፡ ወይ 'እቶም ትጥቀምሎም ታክቲካት ሓደገኛታት እዮም'፡ ዝብሉ ክኾኑ ይኽእሉ። ቅድሚ ዝኾነ ዓይነት ጋዜጣዊ መግለጺ ምውጻእኩም፡ ነዞም ነቐፌታታት መልሲ ክትህብሎም ምጽዓር። ነዚ ንምግባር እቲ ሓደ መገዲ ንኣባላት ናይ ጕጅለ ኣብ ክፍሊ ሚድያ ዘለዉ መሰረታውያን ናይ ሕቶን መልስን ወረቐት ምድላው እዩ። እዚ ናይ ሓሳብ መአከቢ ወረቐት ኣብ ልዕሊ እቲ ቀንዲ መልእኽትኹም ዝሓቝፈ ክኸውን ኣለዎ።

እንተድኣ እቲ ጎስጓስ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ቀንዲ ፍጻሜታት ኣለዎ፡ ነቲ ግዜ ምልክት ግበርሎም፡ ናብ ሚድያ እንታይ ሓበሬታን መዓስን ከም እትሰዱን ምስራሕ። ኣቐዲምካ ዝስደዱ ናይ ፍጻሜታት ምልክታ ቅድሚ ሰሙናት ኣብ ቦቱኡ ክበጽሕ ከም ዘለዎ ኣብ ግምት ምእታውን ዝያዳ ዝርዝር\ዝተረጋገጸ ሓበሬታ ቅድሚ ሰለስተ ኣርባዕተ ማዓልቲ (ወይ ናይ ከባቢ ሚድያ ናይ መወዳእታ ናይ ምቕባል ሳዓታት... ንኣብነት ኣብ ዓዲ ኢንግሊዝ፡ መብዛሕትኦም ሰሙናዊ ጋዜጣታት ሓሙስ እዮም ዝወጹ። ስለዚ ኣብ ሰሉስ ምሸት\ረቡዕ ንግሆ እቲ ሓበሬታ ክስደድ ኣለዎ)። ኣብ'ቲ ናይ ፍጻሜ መዓልቲ እንታይ ከም ዝግበር ሓበሬታ ምስዳድ። ነቶም ኣብ'ቲ ሹዱሽተ ወርሒ ናይ ጎስጓስ ግዜ እተውጽእዎም መግለጺታት፡ ምልክት ግበርሎም። ብተመሳሳሊ እንተድኣ ቀንዲ ናይ መንግስቲ ወይ ኢንዱስቱሪ ፍጻሜታት፡ ጸብጻባት ዝወጽሉ፡ ናይ ኣህጉራውያን ኣካላት ርክብ፡ ወ.ዘ.ተ.. ኣሎ ኰይኑ፡ ነቶም ዕለታት ምልክት ብምግባር፡ ነዐኦም ዝኸውን ግብረ-መልሲ ምድላው። ኣብ ምድላውኩም፤ ንጎስጓስኩም ሳሓቢ ክገብሮ ዝኽእል እኹል ቍጽሪ ዝለዓለ ደረጃ ዘለዎ ምስልታት ከም ዘለኩም ኣረጋግጹ። ኣብ ፍጻሜታትን ተግባራትን ጽቡቓት ስእልታት ሳኣሉ፡ ጋዜጠኛታት ምስ ዝሓትኹም ሃብዎም ወይ ካብ መርበብኩም ክቐድሕዎም ቁሩባት ግበርዎም።

ኣየኖት ሚድያ እዮም ንጎስጓስናን ንስልትታትናን ተደናገጽቲ ዝኾኑ? ከምኡ'ውን ብዙሓት ኣንበብቲ ዘለዎም ኣየኖት እዮም? ኢልካ ምስራሕ። ምስ'ም ዘለኩም ዝምድና ንምዕባይ ሓይሊ ከተውፍሩ ኣለኩም። ናይ ዞባ ሚድያ (ጹሑፍ፡ ራድዮ፡ ቲቪ፡ ኣብ ትሕዝቶ ብዙሕ ግዜ ዝግደሳ ኰይነን፡ ዝያዳ ንስራሕኩም ክሓትማን\ክፍንዋን ዝኽእላ'የን። ኣብ ዝኾነ ርክባትኩም ድማ ናይ ከባቢ\ዞባዊ ሚድያ ከም ዝተጠቐሰ ምርግጋጽ።

## ጹሟቕ ሓፈሻዊ ምኽርታት

ምስ ጋዜጠኛታት ጽቡቕ ዝምድናታት ከተዕብዩ ፈትኑ፡ ነንሕድሕድኩም ክትታሓጋገዙ ትኽእሉ'ኹም። ግን ኣስተውዕሉ፡ ኩሉ ግዜ ጋዜጠኛታት ክእመኑ ኣይክእሉን። ኩሉ ግዜ መግለጺኹም ንወከልቲ ዜና ሃብወን፡ ዋላ

ድኣ ኣይትፍለጡ’ምበር፡ መግለጺኹም ኣብ ካልእ ዓለም ደላዪ ክረክብ ይኽእል’ዩ። ንኩሉ ናይ ሚድያ ሕቶታት ክምልስ ዝኽእል ካብ ኣባልኩም ክህሉ ኣለዎ። ጋዜጣዊ መግለጺኹም ሓጺርን ቀሊልን ግበርዎ። ንከበድቲ ሕቶታት ድልዋት ኩኑ። ንመልእኽቲ ድልዋት ኩኑ። ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ርእይቶ ጠምቱ። ንኻልኦት ጎስጎስቲ ሕተቱ፡ ፍልጠት ተኻፈሉ፡ መምርሒተት ኣንብቡ፡ ወይ ድማ ናይ ነጻ ወይ ውሑድ ዋጋ ዝኽፈሎ ናይ ታዕሊም ትምህርቲ ተኸታተሉ።



እወ ንመግቢ፡ ኣይፋል ንቦምባ፡ ናይ ራሻ ተግባር ኣብ ሞስኰ፡ ስእሊ...ኣንድርያስ ስፔክ

## ንጎስጓስ ዝኸውን መጽናዕታዊ መምሪሒ

ካብ ስራሕኩም ካልኦት ሰባት ክመሃሩሉ ሰለ ዝኽእሉ፡ ጎስጓሳት ምስናድ ኣገዳሲ እዩ። ከም’ቲ ንሕና ንዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ካብ ዝሓለፈ እዋናትን ካብ ኩሉ ዓለም ዘሎ ህዝቢ ዝተማሃርናዮ፡ ንቓልስናን ዛንታናን ምስናድና፡ ኣብ ካልእ ግዜን ቦታን ዘለዉ ካልኦት ሰባት ክሕግዞም ይኽእል። እዚ፡ ንኣህጉራዊ ማሕበር ኣይፋል ንኲናት (WRI) ምድንፋዕ ዘይጎነጻዊ ማሕበራዊ መጽናዕታዊ ጉዳያት ዝተዳለወ፡ መምሪሒ ኰይኑ፡

ብውልቀ-ሰባት ወይ ጉጅለ ናይ መጽናዕቲ ጉዳይ ኣብ ምህናጽ ጎስጓስ ብምውሳን፡ ነቲ ዘድልዮም ሓበሬታ ክጥቀምሉ ይኽእሉ።

እዚ መምሪሒ ኣብ ኣዋዳድባ ጎስጓስ እንታይ ኣብ ግምት ከነእትዎም ከም ዝግበኣና ንምዝኽኻር፡ ክንጥቀመሉ ንኽእል።

**ሓጺር ዳህሳስ**

- ባህሪ ናይ ጎስጓስ\ምንቅስቓስ፡ እቲ ጉዳይ እንታይ እዩ ዝነበረን ዘሎን? መዓስ ጀሚሩን\ኣብቂዑን?
- ጆግራፊያውን (ሓጺር) ታሪኻዊ ኩነታትን
- ተሳተፍቲ፡ ባዓል መን? (ትንተና ናይ ደርቢ፡ ዓሌት/ቢሄር፡ ጾታ፡ ሃይማኖታዊ ጉጅለ፡ ዕድመ፡ ስጋዊ ጾታነት፡ ክእለት፡ ወ.ዘ.ተ....እዚ'ም ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ናይቲ ምንቅስቓስ ይለዋወጡ ዶ ነይሮም?

**መሰርዕ ግዜ**

- ናይ መጀመሪ ነጥቢ
- ዝተነጸሩ መድረኻት/ገጻት ነይሮም ዶ?
- ናይ ምስፋሕ ፉሉያት ተርእዮታት ነይሮም ዶ?
- እቶም ዝላዓሉ ደረጃታት እንታይ እዮም ነይሮም?
- ካልኦት ኣገደስቲ ፍጻሜታት ኣየኖት እዮም ነይሮም?

**ዘይጎነጻዊ**

- ድሌት ጎነጽ ንኽብቅዕ ክንገር ዝኽእል ሓጺር ናይ ህዝቢ ታሪኽ/ዛነታ ነይሩ ዶ?
- እዚ ጉዳይከ ተላዒሉ ነይሩ ዶ? ዝኾነ ውሳነ  ተጌሩሉ ነይሩ ብኸመይ?
- ዝተኣወጀ ህዝባዊ ፖሊሲ ናይ ዘይጎነጻዊ ነይሩ ዶ?
- እንተድኣ ነይሩ፡ ዘይጎነጻዊ ክበሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ?
- ኣብ'ዚ ዙርያ'ዚ ናይ ሓባር ስምምዕ ነይሩ ዶ? ኣበዚ ሓሳብከ እንታይ ዓይነት ፍልልያት ነይሩ?
- ንፖሊሲ ዘይጎነጻዊ ንምትግባር እንታይ ዓይነት ስጉምትታት ተወሲዶም?
- እቲ ጎስጓስ ነቲ ናይ ሕብረተሰብ ወግዕታት ዝያዳ ናብ ዘይጎነጻዊ ኣንፈት ከም ዝቕይሮ የርኢ ዶ ነይሩ?
- ነቲ ዝተገብረ ተግባራትን ሜላታት ኣዋዳድባን ከም ጸላዊ ዝኾኑ ፉሉያት ምንጭታት ነይሮም ዶ?

**መገድታት**

- ንወግዓውያን መስመራት፡ ዘመተ ገበላ፡ ናይ ምርጫ መስርሓት፡ ወይ ቅዋማዊ ኣኻይዳታት እንታይ ተጠቂምክምሎምን ምስ ኣየናይ ዓይነት ጽልዋ?
- ቀንዲ ሚድያ ብኸመይ ክትጥቀምሎም ፈቲንኩም?
- እንታይ ዓይነት ተራ ወይ ጽልዋ ነይርዎ?
- ብኸመይ ናይ ገዛእ ርእስኹም ናይ ህዝቢ ሚድያ ወይ ናይ ኣማራጺ ሚድያ ከተማዕብሉ ወይ ክትጥቀሙ ፈቲንኩም? ምስ ኣየናይ ጽልዋ?
- ምንቅስቓስኩም ናይ ኣማራጽታት ክትምስርት ዶ ፈቲና? እንታይከ ኰነ?
- ንናይ ባህሊ ምንቅስቓስ ወይ ናይ ምትእስሳርነት ስምዒት ንምህናጽ እንታይ ዓይነት መገድታት ተጠቒምኩም? ክሳብ ክንደይ ውጺኢት?
- ካብ ምትሕብባር ምስሓብ ከም ስልቲ ዶ ተጠቒምክምሉ? ኣበየናይ ደረጃ? ምስ ኣየናይ ውጺኢት?
- ነቲ ብኣንጻሩ ትጉስጉስሉ ዝነበርኩም ንጥፈት ብቐጥታዊ ንምፍራስ/ንምብታን ወይስ ንምዕጋት ኢኹም ትፍትኑ ነይርኩም? ኣብ ምንታይ ቆላሕታ? ምስ እንታይ ተሳትፎ? ምስ ኣየናይ ውጺኢት?
- ቁቡል ዝኾነ መገድታት ናይ ተቓውሞ ብኸመይ ተጠቒምክምሎም? ብኸመይ ምስ ካልኦት ሜላታት ኣዋሃሂድክሞ?

**ውደባ**

- እቲ ጎስጓስ/ምንቅስቓስ ኣብ ዕላዊ ቅርጺ ተሰማሚዑ ዶ?
- ኣየኖት ዘይወግዓውያን ቅርጽታት ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቶም?
- እቲ ጎስጓስ/ምንቅስቓስ ኣብ ምህላው ተሳትፎ ቅርጻዊ ኣወዳድባን ኣብ ምሕላፍ ውሳነ ይግደስ ዶ ነይሩ?
- ብኸመይ እቲ ጎስጓስ/ምንቅስቓስ ምስ ካልኦት ጕጅለ/ምንቅስቓስ ርክብ ይገብር ነይሩ?
- ንምህናጽ ልፍንቲ እንታይ ተገዳስነት ይህቦ? ኣብ ምሕዝነት ንምእታውከ ኣየኖት መምዘንታት ይጥቀም?
- እቲ ምንቅስቓስ ንናይ ተሓለቕቲ ድሌታት ናይ ምምሃር፡ ምዕባይ፡ ምዕራፍ፡ ንዘለዎም ተወፋይነት ንምዕቃብ ብኸመይ ሒዝዎ?
- እቲ ምንቅስቓስ ነቲ ክፍጠር ዝኽእል ኣብ መንጎ ኣገዳስነት ናይ ጸጥታን ድሌት ንምስታፍን ምስሕሓብ ብኸመይ ዘትይሉ?

- ምንቅስቓስ እንታይ ዓይነት ጸቕጢ ከጋጥመኒ'ዩ ኢሉ ተጸብዩ ነይሩ? ነቶም ዘያዳ ዝተሃሰዩ ሰባት ንምድጋፍከ እንታይ ቀረብ ገይሩ?
- እቲ ምንቅስቓስ ንጹር ናይ ግዜ-መቓንን ናይ እስትራተጂ ኣማዓባብላ ኣምር ነይርዎ ዶ?
- እቲ ምንቅስቓስ ብኸመይ'ዩ ጸጋታቱ (ሰብኣዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቍጠባዊ) ዘዐቢ ነይሩ?

**ዕላማታትን ውጺኢታትን**

- ናይቲ ጎስጓስ/ምንቅስቓስ መንቀሊ ዕላማታት እንታይ እዮም ነይሮም?
- እቶም ዕላማታትከ ብኸመይ ማዕቢሎም? ስለምንታይ?
- ንተሳተፍቲ ምሕያል ከም ዕላማ ድዩ ነይሩ? ብኸመይ ኣገባብ?
- እቶም ዕላማታት ብኸመይ ተዋዲዶም ነይሮም? ንኣብነት… ምስ ኣየናይ ዓይነት ጭርሖ?
- እቲ ጎስጓስ/ምንቅስቓስ ንዕላማታቱ ተመሊሱ እንደገና ንኽርእዮም ተዓጻጻፍነት ነይርዎ ዶ? ንኣብነት… ንእተወሰኑ ፍጻሜታት ግብረ-መልሲ ንማሃብ ወይ ድማ ዝያዳ ዓወታት ንምድላብ?
- እቲ ጎስጓስ/ምንቅስቓስ ካብቲ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ትካል ወይ ድማ ካብ ዓብለልቲ ስለዝኾኑ 'ረባሕቲ' ዝኾኑ ብኸመይ ለውጢ ይጽበ? (ንኣብነት…ኣብ ምልዋጦም፡ ገለ ገለ ጠለባት ኣብ ምቕባሎም፡ ተገዲዶም ጠለባት ኣብ ምቕባሎም፡ ኣብ ምብትታኖም ወይ ምሕቓቖምን)።
- እቶም ናይ ሓጺር፡ ማእከላይን ናይ ነዊሕ ዕላማታት ክሳብ ክንደይ ዕዉታት ኰይኖም?
- እቶም (ኣሉታውን እወንታውን) ናይ ጎኒ ሳዕቤናት ኣየኖት ነይሮም?
- ነቲ ናይ ጎስጓስ/ምንቅስቓስ ዕላማታት ኣዝዮም ሓገዝቲ ዝኾኑ ኄጋታት ካብቲ ባዓል ነገር ተፈጺሞም ዶ ነይሮም?

**ምሕያል**

ኵሎም እዞም ኣቐዲሞም ሰፊሮም ዘለዉ ሕቶታት ምስ ምሕያል ገለ ምትእስሳር ኣለዎም፡ እዚ ናይ መደምደምታ ክፋል ግን ኣብ'ቲ ቴማ ብዝያዳ ኣቶኲሮ ብምግባር እንደገና ክርኢ ክፍትን እዩ። እቲ ዝወሃብ መልሲ ምስ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ናይ ስልጣን ወገናት፡ ስልጣን ምስ ካልኦትን ብምዝማድ ዘጠቓለለ ክኸውን የድሊ።

- መንዩ ሓይሉ ዝነበረ? እንታይ ንምግባር ወይ ንምኳን፡ (ንምጽንባር፡ ሓላፍነት ንምስካም፡ ተበግሶ ንምውሳድ፡ ተሓላቕነቶም ንምጽናዕ)?
- ነዚ ናይ ምሕያል ስምዒት ኣየናይ እዩ ኣበርክቶ ገይሩ? (ንኣብነት… ታዕሊም፡ ናይ ጕጅለ ምትእምማን፡ ንእስትራተጂካዊ ዕላማታት ምዕዋት)?
- እቶም ዝተፈላለዩ ገጻት ናይ ምንቅስቓስ ተመኵሮታት ብኸመይ ነቲ ስምዒት ናይ ምሕያል ተንኪፎሞ?
- ብዛዕባ ተሳቲፎም ግን ናይ ምሕያል ስምዒት ዘይፈጠረሎም ሰባትከ? ስለምንታይ ዘይሓየሉ? (ብምኽንያት ናይ ደጋዊ ወይስ ውሽጣዊ ሮቛሒታት)?
- ናይ ምሕያል እስትራተጂታት ኣብ ውልቃዊ፡ ጕጅለን ማሕበራዊ ደረጃታትን ብኸመይ ተዘትይሎም ወይ ተሃኒጸም ነይሮም?
- ዝኾነ ካብ ተሳተፍቲ/ጕጅለ ዘይሓየለ (ተስፋ ዝቖረጸ) ነይሩ ዶ? ብኸመይ? እዚ ነቲ ጎስጓስ ብኸመይ ተንኪፍዎ?

# 6

# ውደባ ንወጺኢታዊ ዘይጎጻዊ ተግባራት

## ናይ እብያ መልእኽቲ ምልኣኽ==ንሓደ ተግባር ውጺኢታዊ ምግባር

ብ ጆርገን ዮሃንሰንን ብርያን ማርቲን

ናይ ተቓውሞ ተግባር ውጺኢታዊ ዝገብሮ እንታይ'ዩ? ወደብቲ ብዙሓት ዕቑር ኣማራጽታት፡ እንታይ፡ መዓስ፡ ኣበይ፡ ብኸመይን መንን ዝብሉ ኣለዎም። ሰማዕቲ/ተዓዘብቲ ነቲ መልእኽቲ ብኸመይ ግብረ-መልሲ ይህብሉ ብምርኣይ፡ መምሪሕታት ክህበኩም ይኽእል።

መራሕቲ መንግስቲ ናብ ከተማ ይመጹ ኣለዉ። ብሓባር ተቓውሞ ንወድብ! በዚ ድማ ሰፊሕ ምትእኽኻብን ምረሻን ክህሉ ይኽእል። ንሕቶታትና መልሲ ንምርካብ ገለ መገዲ ክዓጽዉ ዝደልዩ መገዲ ብምዕጻው፡ ከምእውን ብዛዕባ ዘይማዕርነት፡ ምዝመዛን ወራርን ዘለና ስክፍታታት ብሰፊሑ ንክፍለዋ ክንገብር ንኽእል።

ኣብ'ዚ ግን ከይታሃወኽና፡ እዚ ከም'ዚ ዓይነት ተቓውሞ ውጺኢታዊ ክኸውን ይኽእል ዶ? ናይ ህዝቢ ኣራእያታት ክቕይር ይኽእል ዶ? ንደገፍ ከጎሳጉስን ዝሓሸ ሕብረተሰብ ንኽፍጠር ሓጋዚ ክኸውን ዶ? ይኽእል? ወይ ብኣንጻሩ፡ ንቕድመ-ፍርዲ ንምትግባር፡ ናይ መጻኢ ደገፍቲ ኣብ ምግላል፡ ከምኡ'ውን ካብቶም ዝያዳ ውጺኢታውያን ዝኾኑ ተበግሶታት ሓይሊ ክመጺ ይኽእል ይኸውን ዶ? ኢልካ ምሕሳብ። ስለዚ እንታይ እዩ ውጺኢታዊ ምኻን ማለት?

እዞም ሕቶታት ቀለልቲ መልስታት የብሎምን። ተግባራት ብዙሕ ዝተፈላለዩ ጽልዋታት ኣለዎም። ንመብዛሕትኦም ክትዕቅኖም ከቢድን ገለ ድማ ብምሉእ ዕሽሽ ኢልካ እታሓልፎም እዮም። ስሚዒታውን ከምኡ'ውን ርትዓዊ ነገራት ስለ ዘለዎም፡ ንረብሓታትን ጉድኣትን ንምምዛን ከቢድ እዩ።

## ኲነታት

ተግባራት ንኹነታት ብምሕሳብ ክንደፉ ይግባእ። ኣብ ሓደ ኲነታት ቁቡል ዝኾነ ኣብ ካልእ ግን ፈጺሙ ኣፍራሲ ክኸውን ይኽእል። ሕግታት፡ ሚድያ፡ ፖሊስ፡ ባህሊ፡ ሲቪላዊ ማሕበርን ካልኦት ብዙሓት ረቋሕታት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ከም ቡርኪና ፋሶ፡ ጀርመን፡ ኔፓል፡ ኢንዶነዥያ ከምኡ'ውን ቻይና ዘለዉ፡ ኣዝዮም ዝተፈላለዩ እዮም።

ኣብ ህንዲ ኣብ 1930፡ ኣብ'ቲ ሓያል ናይ ህንዲ መለለዪ ዝኾነ ጨው፡ ጋንዲ፡ ብምኽንያት ናይ እንግሊዝ ናይ ጨው ሕግታት፡ ኣብ ከባቢ ጨው ጎስጓሱ ከዐቢ መረጸ። ኣብ ሲውዘርላንድ ወይ ሽዌደን ተቓወምቲ ክጥቀምሎም ዝኽእሉ ሓያል መለለዪ እንታይ'ዩ? በዚ ድማ ተግባራት ኣብ ናይ ከባቢ ኲነታት ዓሚቕ ፍልጠት መሰረት ገይሮም ክንደፉ ኣለዎም። እቲ መሰረታዊ ሕጊ፡ ናይ ዓወት ታሪኻት ፈጺሞም ክቕድሑ የብሎምን እዩ፡ ኣብ ናይ መነቓቕሕን/ምብርባርን ክትማሃረሎም እትኽእል ሓገዝቲ ጉዳያት ግን ክሕግዙ ይኽእሉ'ዮም።




ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኴዌቶ ኢኳዶር፡ ስእሊ...ከባብያዊ ተግባር ኢኳዶር

ኣብ ናይ ክርስትያን ባህሊ ዘይቋርጽ/ክፉት ናይ ጥሜት ኣድማታት ምክያድ ካብ ናይ ሂንዱ ሕብረተሰብ ፍሉይ ከም ዝኾነ ይውሰድ። ንዘይኣመንትን ክርስትያንን ሂወትካ ምስዋእ ማለት ዓቢ ነገር እዩ፡ ህንዳዊ ግን ብምስውኡ ዝያዳ ኣሻሓት ነብሳት ንኽመጹ ይጽበ፡ ርኡይ ፍልልያ ኣለዎ! ኣብ ሓደ ሃገር ሓደ ተሓላቒ ንናይ ምቕጥቃጥ፡ ናይ ነዊሕ ማእሰርቲ፡ ወይ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ከምዝገጥሞ ዝፈልጥን፡ ካብቲ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ወይ ናይ ውሑድ ሳምንቲ ኣብ ንቡር ነገራት ዘማልአ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝጸንሕ ዝፈልጥን፡ ዝግበሩ ናይ ሲቪል ዘይምእዛዝ ዝተፈላለዩ ጉዳያት እዮም። ኣብ ጸቢብ ናይ ምምማይን ብመንግስቲ ጥራሕ ዝውነና ሚድያ ዘለወን ሃገራትን፡ ሰላማዊ ሰልፊ ብግቡእ ዝሽፍና ነጻን ናይ ተቓውሞ ሚድያ ዘለወን ሃገራትን፡ ተሓለቕቲ ብዝተፈላለየ መልክዕ ናይ ምስራሕ ብልሒ ከርእዩ ይግባእ።

### ኣማራጽታት

ክልተ ቀንዲ ዓይነት ተግባራት ኣለዉ። (1) ምቅዋምን (2) ምሕያልን። እቲ ቀዳማይ እቶም ወደብቲ ዘይሰማምዕሉ ዘተኮረ ኰይኑ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ወደብቲ ዘቕርብዎ ናይ ኣማራጺ ሓሳብ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ነብሰ-ወከፍ ተግባር ብዙሓት ኣማራጽታት ኣለዉ። ኣብ መብዛሕትኡ ጉዳያት፡ ኣማራጺ ኣብ ዝግበረሉ እዋን፡ ኣወንታዊ መልክዕ ዝህብ ምቕራብ ኣዝዩ ቀሊል'ዩ። ኣይፋል! ምባል ልሙድን ቀሊልን እኳ እንተኾነ ብዙሕ ግዜ ከም ዘይሓጋዝን ወይ ንገስጋስ ዓጋቲ ተገይሩ ይቑጸር። ኣማራጽታት ምቕራብ ዝያዳ ተጠላቢ'ዩ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ከም ሃናጺ ስለዝራኣዩ ተናኣድቲ እዮም።

ኣብ ውሽጢ እዞም ቀንዲ ክፋላት እንደገና ቀጥታዊ ተግባር ወይ ዘይቀጥታዊ ተግባር ዝብሉ ኣማራጽታት ኣለዉ። እቶም ተሓለቕቲ ባዕላቶም ብዛዕባ እቲ ጸገም/ምስሕሓብ ገለ ነገር ክገብሩ ከለዉ ቀጥታዊ ተግባር ይበሃል። እዚ ከም ናይ ከተማ ጽርግያ ብምዕጻው ናብ ናይ ኣጋር ተጓዝቲ ንምቕያር ክኸውን ይኽእል፡ ወይ ድማ ነቲ ገዛ ብምቁጽጻር፡ ናብ ናይ ባህላዊ ማእከል ምቕያር። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ናይ 'ጀነቲክስ ስኖውቦል'፡ ተሓለቕቲ ነቶም ብናይ ጀነቲክ ምምዕርራይ ዝተተኸሉ ኣታኽልቲ ካብቲ ግራት ክምንቁስዎም ከለዉ፡ ጠለቦም እቲ ግራት ዘይሕጋዊ ክኸውን ኣለዎ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ነቶም ኣታኽልቲ ንምምሓው እዩ ነይሩ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ከምዚኦም ዓይነት ተግባራት ዘይሕጋውያንን ሓደገኛታትን'ዮም። እቲ ነጥቢ፡ ተሓለቕቲ ባዕላቶም ነቲ ለውጢ ብቐጥታ ክፍጽምዎ ከለዉ ንምርኣይ'ዩ። ዘይቀጥታዊ ተግባራት ንኻልኦት ሰባት ከምኒ ፖለቲከኛታት፡ ወይ ናይ ንግዲ ፈጸምቲ

ብምስታፍ፡ ንጠለብ ግብረ-መልሲ ኣብ ምሃብ ወይ ኣብ ዘይፍትሓዊ ኩነታት ንምምይያጥ/ንምስራሕ ዝሓትት'ዩ። ኣብ ዲክታተርነት ክተስተውዕለሉ ዘለካ ነገር፡ ጠለባት ምቕራብ ብመልክዕ ቐጥታዊ ተገባር ክኸውን ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ንናይ ነጻ ምዝራብ መሰል ምትግባር ስለ ዝኾነ።

ንኽልቲኦም-- ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ተግባራት ኣድላይነት ናይ ዝያዳ ዓይነታት ተግባራት ምዕባይ ኣሎ። ተበላሓትነት፡ ሃንቀውታዊ ስምዒት/ራኢ ምርምራትን ኣገደስቲ'ዮም። ልክዕ ከምቲ ኣፍረይቲ ብረት ኣብ ነብሰ-ወከፍ ዓመት ምስ ዝያዳ ዝተራቐቑ ኣጽዋራት ዝመጹ፡ ከምኡ'ውን ተሓለቕቲ ሓደሽቲ መልክዓት ናይ ተግባር ክዕብዩ ይግባእ። እቶም ጹቡቓት ኣብነታት ዝባሃሉ ክፍተኑ፡ ክስነዱን ኣብ ካልእ ጊዝያት ቦታን ኩነታትን ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕሉ ክልመዱ ኣለዎም።

## ተዓዘብቲ/ሰማዕቲ

ኣብ ብዙሕ ጉዳያት ሰለስተ ቀንዲ ጉጅለታት ኣለዉ፡ ተሓለቕቲ፡ ተጻባእትን ሳልሳይ ኣካልን። ሓደ ጉጅለ ንጸቓጢ መንግስቲ ክብድሆ እንተድኣ ደልዩ፡ ተሓለቕቲ ኣብ ምቅዋም ይኣትዉ። መንግስትን ወኪላቱን ከም ፖሊስን ወተሃደርን ተጻባእቲ እዮም። እቲ ሳልሳይ ኣካል ድማ እቶም ብቐጥታዊ ኣብ'ቲ ቃልሲ ዘይኣተዉ'ዮም፡ እዚ ድማ ሓፈሻዊ ህዝብን ኣብ ካልእ ሃገራት ዝቕመጡ ብዙሕ ህዝቢ ይሕዝ። ውጺኢት ናይ ተግባራት ብምዕዛብ፡ ሰባት ካብ ሳልሳይ ኣካል ናብ ተሓለቕቲ ክቕይሩ ወይ ብኣንጻሩ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። እቲ ዕላማ ብዙሓት ሰባት ተሳተፍቲ ምግባር'ዩ። ኣብ መብዛሕትኡ ጉዳያት ሚድያ ሓበሬታ/ነፍሒ ከምኡ'ውን መልእኽቲ ካብ ፍጻሜ ቦታ ናብ ሰፊሕ ሰማዕቲ የቃልሓ።

> ሰባት ኣበየናይ ጉጅለ ከም ዘለዉ ንምትንታን፡ ልምምድ 'ናይ ሕብረት ዝርጋሐ' ምዕራፍ ሸሞንተን ኣብ 'ተራ ናይ ሚድያ ምዕራፍ ኣርባዕተን ተመልከት።

## ውህደት ኣብ መንጎ ሜላታት/መገዲን ተዓዘብትን

ተዓዘብቲ መን'ዮም ንምርኣይ፡ ኣብ መንጎ ተሓለቕትን፡ ሜላታትን ተዓዘብትን ዘሎ ምትእስሳር ምርኣይ ሓጋዚ'ዩ። ናይ ሚድያ መምህር ዝኾነ ማርሻል ምክሉሃን ከም ዝበሎ፡ 'እቲ ኣብ መንጎ ኩይኑ ዘራኽብ መልእኽቲ እዩ'። ንኣብነት.. ቴሌቪዥን፡ እቲ ኣብ ሞስኮው ዝረአ ብዘየገድስ፡ ንዓለም ብኽመይ ትርዳኣ ገለ መገዲ ብምሃብ ተተባብዓካ።

ከምኡ'ውን ምስ ውልቀሰባት ዝርርብ ምክያድ ፍሉይ ዝኾነ ኣራእያ ንኽህልወካ የተባብዕ።

ኣብ ታሓላቕነት'ውን መራኸቢ---ማለት ናይ ተግባር ሜላ--መልእኽቲ'ዩ። ብመሰረት ክለሰ ሓሳባት 'ተለኣኣኻይ ምትእትታው' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ሰነ-ኣእምሮ መረዳእታ፡ ካብ ውጺኢት ስርሖም ሪኦም፡ ተዓዘብቲ ብዛዕባ ናይ ገለ ሰባት ምኽንያት መበገሲኦም ግምታት ይገብሩ። ተሓለቕቲ ከፌራርሒ ወይ ጎንጽ ክጥቀሙ ኰለዉ፡ ንኣብነት፡ ነቶግቲ፡ ምቕንጻላት፡ ወይ ምጥላፋት-- ብዙሓት ተዓዘብቲ ዕላማ ናይቶም ተሓለቓቲ ሕብረተሰብ ንምድምሳስ'ዩ ኢሎም ይኣምኑ። እቲ ሜላ--ማለት 'ምድምሳስ' ነቲ ዕላማ ከም ዘንጸባርቕ ጌርካ ይሕሰብ። ንኣብነት፡ ድሕሪ 9/11፡ ኣብ ኣመሪካ ብዙሓት ሰባት ናይ ኣልቓዒዳ ዕላማ ናይ ኣመሪካ ሕብረተሰብ ንምድምሳስ ከም ዝኾነ ይሓስቡ ነይሮም። እዚ ጌጋ መልእኽቲ'ዩ ነይሩ። ውሑዳት ኣመሪካውያን ጥራሕ ናይ ኦሳማ ቢን ላደን ዕላማ ኣብ ልዕሊ ናይ መንግስቲ ኣመሪካ ፖሊሲታት ኣብ ናይ ዓለም ሙስሊም ምዃኑ ይፈልጡ ነይሮም።

እዚ ኣብ ኣዝዮም ናኣሽቱ ደረጃታት'ውን ብተመሳሳሊ ዓቐን ይሰርሕ። እንተድኣ ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ንእሽቶይ ናይ ተቓውሞ መስመር ኣብ ልዕሊ ኣካያዲ ስራሕ ጡፍ ኢሉ፡ እቲ መልእኽቲ ናይ ድፍረትን ናይ ዘይኣኽብሮት ኰይኑ፡ ነቶም ተዓዘብቲ ካብቲ ከማሓላልፍዎ ዝደለዩ መልእኽቲ ማለት ክፍሊት ውሒዱ ወይ ናይ ስራሕ ኲነታት ድሕንነት የብሉን ዝብሉ፡ ኣታሓሳስቦኦም ክኣልዮም ይኽእል።

እንተድኣ ሜላን መልእኽትን ተሳንዮም፡ ተግባራት ዝያዳ ሓያላት ይኾኑ። ኣብ ናይ ኣመሪካ ምንቅስቓስ ናይ ሲቪላዊ መሰላት፡ ጽቡቐ ዝተኸድኑ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ናብ ንጻዓዱ-ጥራሕ ዝተሓዝአ ቤት-መግቢ ብምእታው፡ ንዝነበረ ምውራድን ናይ ፖሊስ ኸነ ኢልካ ምርስሳንን መልሲ ከይሃቡ፡ ኣብ ናይ ምሳሕ ቦታ ብትሕትናን ብዘይረበሻን ኰፍ በሉ። ኣብኡ ምህላዎምን ዝነበሮም ናይ ኣኽብሮት ጠባይን፡ ነቲ ናይ ሓጺር ግዜ ዕላማ (ማዕረ ምእታው ኣብ ቤት-መግብን) ከምኡ'ውን ናይ ነዊሕ ግዜ ዕላማ ማዕርነት ናይ ዘርኢ፡ ዝብሉ ምስ ዕላሞኦም ዝሳነ ሓያል መልእኽቲ ኣማሓላለፉ። በቲ ሓደ ወገን ድማ፡ ኣብ'ቲ ቤት-መግቢ ናብ ጸለምቲ ጥራሕ ዘቐነዐ ናይ ደገፍቲ ጻዓዱ ዝገበርዎ ምውራድን ናይ ፖሊስ ዓማጺ ተግባራትን፡ ኣገባብ ምፍልላይ ናይ ዘርኢ፡ ምኽልካልን ዓመጽን ምዃኖም መልእኽቲ ኣማሓላለፉ። እዞም ከምዚኦም ሓያላት መልእኽትታት ኣብ ኣመሪካ ኰነ ኣብ መላእ ዓለም ንምፍልላይ ዓሌት ንምኹናን ሓጊዞም።

**መጥቃዕትን ኣታሓሕዝኦምን**

ብዙሕ ግዜ፡ ተቓወምቲ መጥቓዕቲ ይወርዶም፡ ክጽረፉ፡ ክዋረዱ፡ ክህረሙ፡ ክታሓዙ፡ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ክኣትዉን ዋላ'ውን ክቕተሉ ይኽእሉ። መራኽብታቶም ክቛረጽ፡ ቤት-ጽሕፈቶም ክውረር፡ ንብረቶም ክሕደጉ ወይ ክዓኑ ይኽእል። እዞም መጥቃዕትታት ጎዳእትን ኩቡራትን እዮም፡ ንሞራል ብምህሳይ ነተሳትፎ'ውን ክይተባብዑ ይኽእሉ። ግን ምስ ጽቡቕ ምድላውን ታክቲክን ከምኡ'ውን ጽቡቕ ዕድልን፡ ገለ መጥቃዕትታት ናብቶም ኣጥቃዕቲ ሞግስዕ/ድሕረ-ምብራዕ ምፍጣር ይከኣል። ቀሊል ኣይኰነን፡ ኩሉ ግዜ'ውን ኣይከውንን፡ ግን ኣዝዩ ሓያል ክኸውን ይኽእል።

ገበርቲ ጸይቅን ደገፍቶምን ሕርቃን ካብ ኣጥቃዕቶም ንምግታእ፡ ሓሙሽተ ሜላታት ብመደብ ይጥቀሙ።

- ነቲ መጥቃዕቲ ምሕባእ
- ነቲ ዕላማ ትርጉም ዘይምሃብ
- ነቲ ዝተገብረ እንደገና ምትርጓም (ሓሶት፡ ንሳዕቤናት ምንእኣስን ንኻልኦት ምሕማይ ዘጠቃልሉ)
- ፍትሓዊ ኰይኑ ንኽረአ ኣብ ናይ ወግዓውያን መስመራት ምጥቃም
- ንዕላማታትን ደገፍቶምን ምፍርራሕን ብላዕ ማሃብን።

ንኣብነት፡ ድሕሪ ፖሊስ ንተቓወምቲ ምህራሞም፡ ፖሊስን ደገፍቶምን ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ ሜላታት ክጥቀሙ ይኽእሉ።

- ፖሊስ ንተቓወምቲ ክሃርምዎም ኰለዉ፡ ካብ መሰኻኽራትን ካሜራታትን ሪሒቖም ጥራሕ ይገብርዎ።
- ፖሊስ፡ ንፖለቲከኛታትን ተቓወምቲ ወሃብቲ ርእይቶታትን ከም መትከል ዘይብሎም፡ መዐገርገርቲ፡ ጠባይ ዘይብሎም ቆልዑ፡ ተኻረይቲ እኩብ ሰብ፡ (ናይ ሞያውያን ተቓወምቲ) ቀተልቲ፡ ሓተላ፡ ገበነኛታት ወይ ግብረ-ሽበራውያን ገይሮም የነኣእስዎም።
- ተቓወምቲ ብጎነጽ ሰላም ብምህዋኾም ከምኡ'ውን ፖሊስ ኣብ ትሕቲ መጥቃዕቲ ሰለዝኣተወ፡ ፖሊስ ሓላፍነቶም ይገብሩ ከም ዝነበሩ የሰምዑ።
- ተቓወምቲ ወግዓዊ ስምዕታ ክገብሩ ከለዉ ወይ ናብ ቤት-ፍርዲ ክኸዱ ከለዉ፡ እቶም ዝበደሉ ፖሊስ ብዙሕ ግዜ ከቢድ ሳዕቤናት ኣይበጽሖምን፡ ከምኡ ኰይኑ'ውን እቲ መስርሕ ነዊሕ ግዜ

ስለዝወስድ፡ ንታሓለቕቲ ድማ ኣብ ዝተሓላለኽ ጉዳያት ሰለዘእትዎምን ካብ ንጥፈታቶም ስለ ዝዓግቶምን፡ ተገዳስነት ኣይገብሩሉን።

- ኣብ መብዛሕትኡ ጉዳያት ተቓወምቲ ናይ ፖሊስ ምፍርርሓት ብምስጋእ ዓው ኢሎም ኣይዛረቡን፡ ኣብ ናይ ቤት-ፍርዲ ጉዳይ ነቲ ነገር ንምፍታሕ፡ መብዛሕትኡ እዋናት ምስ ናይ ትም መበሊ ዓንቀጽ ዝጠበቖ ናይ መፍትሒ ሓሳብ ክቕበሉ ይኽእሉ።

ነብሲወከፍ ቀሪቦም ዘለዉ ሓሙሽተ ሜላታት ክብድሁ ይካኣሉ እዮም።

> ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ስነ ኣእምራዊ ሳዕቤናት ብኸመይ ትገጥሞም ኣብ'ዚ ምዕራፍ ተመልከት።

***መደምደምታ***
እንታይ፡ መዓስን ብኸመይን ተቓውሞ ንምውሳን፡ ንታዓዘብትን መልእኽትን ምሕሳብ ሓጋዚ'ዩ።

**ኩነታት**
ተግባራት ኩነታት ኣብ ግምት የእቲኻ ክንደፉ ይግቦኦም። ኣብ ሓደ ብግቡእ ክኸይድ ከሎ ኣብ ካልእ ግን ብፍጹም ዘይኣፍራዪ ክኸውን ይኽእል።

**ኣማራጺ**
ክልተ ቀንዲ ዓይነት ተግባራት ኣለዉ። (1) ምቅዋም (2) ምዕባይ። እቲ ቀዳማይ ኣብ ተግባር/ፖሊሲ ወ.ዘ.ተ...ዘይምስምማዕ ዘተኩረ ኰይኑ፡ እቲ ካልእ ኣብ ናይ ኣማራጺ ሓሳብ'ዩ።

**ተዓዘብቲ**
ብኸመይ ተዓዘብትን ናይ ተሓለቕቲ ሜላታት ይዋሃሃዱ? ተጻባእቲ/ሰብ-ነገርን፡ ሳልሳይ ኣካላትን ተሓለቕትን ንገዛእ ርእሶም ኣገደስቲ ተዓዘብቲ እዮም።

**ምስናይ**
ናይ ተሓለቕቲ ሜላታት ምስ ናይ ተሓለቕቲ ዕላማታት ብኸመይ ይሳነዩ? እንተድኣ ናይ ቀረባ ምውህሃድ/ስኒት ኣሎ፡ ኣቲ ቅኑዕ መልእኽቲ ንኸበጽሕ ዝያዳ ተኽእሎ ይህሉ።

**መጥቃዕትታት**

መጥቃዕቲ ብኸመይ ይረአ? ንምሕባእ፡ ንሜላታት ምንእኣስ፡ እንደገና ምትርጓም፡ ወግዓውያን መስመራት፡ ንምፍርራህ ከምኡ'ውን ብላዕ ምሃብ ንምምካት ተዳሊኻ ምጽናሕ ኣገዳሲ'ዩ።

**ድሕሪ ተግባር ምስናድ፡ ገምጋምን ምቕላሕን**

ተግባራት ዝያዳ ውጺኢታውያን ንምግባር፡ ተሓለኽቲ ካብ ናይ ዝሓለፈ ተመኩሮታት ክመሃሩ ይግቦኦም። ነቲ ዝገብርዎ ክስንድዎን ገምጋም ክህብሉን፡ ሓበሬታ ድማ ንኻልኦት ቁሩብ ክገብርዎ ይግባኦም። ('ናይ ተግባር ገምጋም' ኣብ'ዚ ምዕራፍ ተመልከት)።



ዘይጎነጻዊ ተግባር ኣብ ሳንድያጎ፡ ቺለ    ስእሊ...ናይ ሮበርታ ባሲክ፤ ከብሒ

ልክዕ ከምቲ ናይ ኾናት ኰሌጅ ተማሃሮ ብዛዕባ ታሪኻውያን ውግኣት ካብ መግለጽታትን መጽሓፍትን ዝማሃርዎ፡ ተሓለኽቲ'ውን ንመጻኢ ትውልዲ ታሪኽ ናይ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ንምምሃር ብተመሳሳሊ ኣገባብ ክሃንጹ ይግቦኦም። ኣዚ ድማ ዕቱብ ዝኾነ ናይ ውጥን ሃናጺ ገምጋም፡ ተግባራትን ከምኡ'ውን ውጺኢት ይሓትት። ንጌጋታት ምጽናዕ፡

ልክዕ ከምቲ ምጽንባል ዓወታት ኣገዳሲ'ዩ። እቶም ገምጋማት ድማ ንኻልኦት ቁሩባት ኰይኖም፡ ንተሓለቕቲ፡ ናይ ቋንቋ ፍልልያትን ኣባሃህላን ኣብ ግምት ዘእተዉ ክኾኑ ኣለዎም። ክንማሃረሎም ንኽእል ብዙሓት ተግባራት ኣለዉ።

እዚኦም ካብ ናይ ጋንዲ ማረግ ቮሊም 29 ቍጽሪ 4. ገጽ 503-519 ናይ ጥርን መጋቢትን 2008 ዝተወስደ ሓጸርቲ ዓንቀጻት እዮም። ንምሉእ ትሕዝቶ ኣብ http://www.uow.edu.au/arts/sts/bmartin/pubs/08gm.html

## መርገጺኻ ኣብ ምውሳድ ዘሎ ጭንቀትን ጸቕጥን ምግጣም

*ብ ሮበርታ ባሲክ ን ከለም ማክካርትነይ ምስጋና ይበፍጻሓዮ*

ሰባት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይቃወሙ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ግዜ ግን፡ መልሲ ክንህበሎም ዘለናን መርገጺና ክንውስን ዝግባኣና ኩነታት ምስ ዘጓንፉና ኣብ ተቓውሞ ንኣቱ። እቲ ንኹልና ዘጋጥመና ውሁብ ኩነታት ገለ ነገር ክንገብር፡ ግብረ-መልሲ ንኽንህብ፡ ክንብድህ፡ ወይ ንዝተሞኰርናዮ ንኽንቅይርን ከነስተብህልን ይደፋፍኣና። ኣብ እንገብሮ ናይ ምርጫ ስጉምቲ ከምጽኦ ዝኽእል ገለ ሳዕቤን ብዕቱብ ኣብ ግምት ከየእተና ንርስዖ ኢና። ግን እወንታውን ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክህልዉ ይኽእሉ። ኣወንታዊ ሳዕቤናት መብዛሕትኡ ግዜ የሐይሉኻ እዮም፡ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ግን የዳኽሙኻ። ስለዚ ንዝቕጽል ደረጃታት ንምድላው፡ ኣቐዲምና ብዛዕባ ክልቲኦም ሳዕቤናት ክንሓስብ ይግበኣና፡ እንተ ኣጋጢሞም ድማ ክንግረምን ዝያዳ ጸቕጢ ክህልወና ኣየድልን።

### መርገጽ ምውሳድ ዘለዎ ሳዕቤናት

መርገጽ ክንወስድ ከለና፡ ንርእስና ናብ ክንወጻሉ ዘይንኽእል ኩነታት ከእትወና ስለዝኽእል፡ ኣብ ሓደጋ ክንወድቕ ንኽእል። እዚ እንተድኣ ኰይኑ፡ ኣሉታዊ ተመኵሮ ብዘይየማትእ ዘይተርፍ ይኸውን። ከም ውጽኢት ፍርሒ ይረአ። ኣብ ደሕንነት ዘይብሉን ናይ ሓንጎል ጭንቀትን ዘለዎ ኩነታት፡ እዞም ስሚዒታት ይራኣዩ። ናይ ከይትእሰር፡ ከይትውቀስ፡ ከይትቕጥቀጥ፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ኣኼባተት ከይትታሓዝ፡ ከይትጥለም፡ ዳግማይ ከይተዓወትካ ከይትተርፍ ዝብሉ ናይ ፍርሒ ስሚዒታት፡ ብዘይ ፍሉጡን- (እንተድኣ ተኣሲረ፡ እንታይ ክኸውን'ዩ?)

ብዝፈለጥን-- ናይ ቴሌፎን ምፍርራሕ ኰነ ንኻልኦት ዝበጽሖም ብምስትውዓል ከጠቓልል ይኽእል። ነዞም ከምዚኦም ዛኣመሰሉ ሳዕቤናት ንምውጋድ ወይ ክራኣዩ ከለዉ ንምግጣሞም፡ እንታይ ክግበር ከም ዘለዎ ክንፈልጥ ይግበኣና። ኣብ'ዚ ሰለስተ ቀንዲ ባእታታት ንስራሕ ሓገዝቲ ኰይኖም ንረኽቦም፡ ንሳቶም ድማ እቲ ቀዳማይ--ምስ ይዕሩኽ ተቓወምቲ ምትእምማንን ምሕዝነት ምህላውን፡ ካልኣይ- ጽቡቕ ታዕሊምን ሳልሳይ- ናይ ስምዒት ቅድመ ምድላዋትን ድሕረ-ፍጻሜ ዝግበር ዝርርባትን እዮም።

## ክንዳለዎሎም ዘድልየና ገለ ካብቶም ሳዕቤናት

### 1) ንናይ ፍርሒ ሳዕቤናት ምእላይ

ዘሰንብድ ውጺኢታት ክንሓስብ ከለና፡ እቲ ቅድም ንሓስቦ ኣካላዊ ሳዕቤናት ከምኒ ብግፍዓዊ ክንታሓዝ፡ ክንእሰር፡ ክንህረም፡ ወይ ሰብኣዊ መሰልና ክግፈፍ እንከሎ'ዩ። እዚ ሓደጋ'ዚ ኣብ ገለ ሕብረተ-ሰባት ካብ ካልኦት ዝዓበየ ክኸውን ይኽእል፡ ኣብ ሓድ ወታሃደራውን ኦቶሪታርያን ዘለዎ ሃገር ተቓውሞ ዝገብሩ ሰባት ፍሉይ ትብዓት ዘለዎም'ዮም። ኩልና ግን ብውሑዱ ገለ ምሽቓልን ፍርሕን ናይ ኣካላዊ ቃንዛ ከም ዘሎ ነስተውዕልን ወይ ዘይምቹኡነት ይስማዓና። እዞም ፍርሕታት ከም ዘይንቀሳቐስ ክገብሩና ይኽእሉ እዮም። ጸማም እዝኒ ምሃቦም ግን ኣየድልን። እንተድኣ ዘየተዳለና ኰይና፡ ኣብ ኩነታት ተፈጥራዊ ግብረ-መልስና ንዛዓበየ ጉድኣት ከምራሓና ይኽእል። ንኣብነት--ንኸንሃድም ዘገድደና ኩነታት ክህሉ ይኽእል፡ እንተድኣ ክንሃድም ጀሚርና፡ ዲሲፕሊንና ነጥፍእ፡ ኣብታ እዋን ድማ ተጻባእትና ብምጥቃዕ ክፈታተኑና ይኽእሉ። ስለዚ ብምኽንያታዊ/ርትዓዊ፡ ስሚዒታዊን ተግባራዊ ዱሉው ምኻን ኣገዳሲ'ዩ። ንፍርሒ ንምቁጽጻር ዝግበር ታዕሊም ሓጋዚ'ዩ። ('ናይ ፍርሒ ሳዕቤናት' ልምምድ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት)።

### 2) ኣብ ቅድሚ ህዝቢ/ቃልዕ ምውጻእ

እቲ ከነስተውዕለሉ ዘለና፡ ካብቲ ልሙድ ኣራእያታት ወጻኢ መርገጺ ዝሓዝናዮ ብምርጫና ምኻኑ'ዩ። ዋላ'ኳ ከይንጥለም እንተ ፈራሕና፡ ንስምዒትና ምስቶም ምስ ሓሳብና ዝሳነዩ ብብሕቲ ንምክፋል ከቢድ ኣይኰነን። ናብ ቃልዕ መድረኽ ንምውጻእ ግን ከቢድ'ዩ። እቲ ንወስዶ መርገጺ ኣንጻር መንግስቲ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኣንጻር ልሙዳት ዝኾኑ ማሕበራዊ ኣራእያታት'ውን እዩ። ንኽንቃወም ቀንዲ ምኽንያት ዝኾነና ነቶም ሉሙዳት ኣራኣእያ ንምብዳህ እዩ፡ ንዑኡ ምፍላጥ ግን ቀሊል

ኣይገብሮን። ንነብስና ናብ ቃልዕ ኢና ነውጽኣ ዘለና። እስኪ ነተን ጸሊም ዝተኸድና እስራኤላውያን ደቀ-ኣንስትዮ ንሕሰብ፡ ኣብ ሕብረተሰበን ዘሎ ክቕበለኦ ዘይካኣላ፡ ከም ድምጺ ዘይብሉ ምስክር ዝቖማ'የን። ሎሚ እቲ ከምኡ ዓይነት ምስክርነት ኣብ ሰርቢያ፡ ኰሎምብያን ካልኦትን ተሰሪሕሉ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፡ ስምዒትና ንምውጻእን ንምልምማድን ዕድል ብምፍጣር፡ ምስ መሳርሕትና ምሕዝነት ምግባር ኣገዳሲ'ዩ። ዋላ እቶም ምትእምማን ዘለዎም ዝመስሉ፡ ፍርሒ ክህልዎም ስለዝኽእል፡ ብግልጺ ክፈልጥዎን ክሰርሕሉን ይግባእ። ('ልምምድ ሂስለ መስመር' ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት)።

### 3) ጭንቀት ንምግጣም ነገዛእ-ርእስና ምድላው

ካልኦት ሓደጋታትን ሳዕቤናቶምን ብቐሊሉ ክትፈልጦም ዘይትኽእል ደቀቕቲ ክኾኑ ይኽእሉ፡ በዚ ምኽንያት'ውን ዝያዳ ኣጨነቕቲ ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ትግባረ ሕስረትን ውርደትን ከጋጥመና ይኽእል፡ ካብ ታዓዘብቲ ወይ ናይ መንግስታዊ ሓይልታት ከላጉጹልናን ክደፍኡናን ይኽእሉ። ኣብ'ዚ'ውን እተን ጸሊም ዝተኸድና ኣንስቲ እንደገና ኣብ ሓንጎልና ይመጻ፡ ንሰን ካብ ህዝቢ ጡፍ ተባሂልወንን ተጸሪፈንን'የን፡ ግን ድምጺ ከይሃባን ብዘይግብረ-መልሲ ጸንሓ። እዚ ንመንፈስካ ኣጨናቒ ክኸውን ይኽእል። ኣቐዲምካ ናይ ዕማም ጸወታ ብምግባር፡ ንስምዒትን ንተጻባእቲ ዘንቃሳቐሶም ዘሎ ምኽንያታት ብምልኡ ዝያዳ ንምርዳእ (ፍርሖም) ይሕግዘና። (ልምምድ፡ ናይ ምምሳል ጸወታ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት)። ምሕዝነትን ምትእምማን ኣብ የዕሩኽ ተቓወምቲ'ውን ኣገዳሲ ኰይኑ፡ ብገለ ክፋሉ ብኽም'ዚ ዓይነት ልምምዳት ዝተሃንጸ'ዩ። ብትሑት ስሚዒታዊ ጭንቀት ዝግበር፡ ብቑልጡፍ ዘድሊ ብዘይምኧኑ፡ ሕማቕ ህዝባዊ ኣድህቦ ይፈጥር። ናይ ዜና ማዕከን'ውን፡ ብኩሉ ዘይቅኑዕ ከጸልመና ይኽእል፡ እዚ ድማ ነቲ ቅኑዕ እምነትናን ዕላማናን ክብድህ ይፍትን። ነዚ ከምዚ ዓይነት ምውራድ ክንገጥሞ፡ ንገዛእ ርእስና ዘድሊ ምድላዋት ምግባር፡ ንመኸተና'ውን ቀሊል ይገብሮ።

### 4) ንነብስኻ ኣብ ቦታ ናይ ካልኦት ምቕማጥ

ምናልባት ነቲ ውርደት ከም ኣካል ናይ መልእኽትና መግለጺ ገይርና ክንወስዶ ንደሊ ንኸውን፡ ተቓወምቲ ንነብሶም ኣብ'ቲ ኩነታት ናይ'ቶም ዝጣበቕሎም ዘለዉ ሰባት ክገብሩ ይፍትኑ። ኣብ ጓንታናሞ በይ ብዙሓት ጉጅለታት ከም  እሱራትን ሓለውትን ኣካላት ኰይኖም ናይ ጵርጊያ ተዋስኦ ሰሪሖም፡ ተሳተፍቲ ኣብ ገለ እዋናት ንኽቆጻጸርዎ ዝኸበዶም ዘይተጸበይዎ ስሚዒታት'ውን ኣላዓዒሎም። ንኣብነት እቶም 'እሱራት'

መሰሎም ክግፈፍ ከም ዝጀመረ ክስሞዖም ይኽእል፡ እቶም 'ሓለውቲ' ንነብሶም ወይ ብተመስጦ ኣብ ተመክሮ ምእታው ወይ ስምዒት ናይ ምሉእ ጽልኢ ክፈጥሮሎም ይኽእል። ተሳተፍቲ ኣብ ክልቲኡ ከም ዝታዓመጹን ከም ዝተበከሉን ክስሞዖም ይኽእል። ንኽምዚኣቶም ተኽእሎታት ንምስራሕ፡ ኣብ ግብረ-መልስን ድሕሪ ፍጻሜ ድማ ብጥንቁቕ ክዛራረቡ መታን፡ ምድላው የድልዮም። ካልእ ኣብነት፡ ተቓወምቲ ኣብ ናይ ሕርሻ ፋብሪካ፡ ወለንተኛታት ንኣካላቶም ከም ቁራጽ ናይ ስጋ ብምምሳል ይጥቀመሉ። እቲ ግብረ-መልሲ መርገጺ ብምውሳድ ወይ ብኣማራጺ ንነብስኻ ኣብ ኣጸጋሚ ኩነታት ብምእታው፡ ህንጡይን ነጻ ዝኾነ ሓቐኛ ስምዒት ንምፍጣር ክኸውን ይኽእል።

## 5) ኣብ ዳሕራይ ዝመጽእ ሓሳባት ምግጣም

ገለ እዋናት፡ ቅድሚ ተቓውሞ ይኹን ብድሕሪኡ ውሑዳት ጸገማት ጥራሕ ይህልውና፡ ኣንተድኣ ጽልዋ ክንፈጥር ዘይኪኢልና ግን እቲ ጽፌዒት ዲሒሩ ይመጽእ። እቲ ኣብ ለካቲት 15 2003 ኣንጻር ናይ ዒራቕ ኲናት ዝተገብረ ዓቢ ተቓውሞ፡ ነቲ ኲናት ደው ኣየበሎን። እቲ ንፈርሖ ዝነበርና ዝኸፍአ ነገር ድማ ተተግቢሩ። ብዙሓት ሰባት ካብቲ ዝነበሮም ኣራእያ ወጺኦም ሓይሎም'ውን ምድካሞም ዘገርም ኣይነበረን። 'ተቓውሞ ምግባርና ኣድላይነት ነይርዎዶ'? ኢሎም ክሓቱ ባህርያዊ'ዩ። ትርጉም የብሉን ኢሎም ስለ ዝተሰምዖም፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ከምዚ ወይ ኣብ ካልእ ጉዳያት ዝግበሩ ተቓውሞታት ክሳተፉ ኣይደልዩን። ነዚ ኣራዳድኣ ንምእላይ እንታይ ክግበር ኣለዎ? ናይ ሓባር ዕድል ብምፍጣር፡ እንታይ ኰይኑን ንመጻኢኸ ካብ ተመክሮ ኣየናይ ክንማሃር ንኽእል? ኢልና ክንመያየጥ ይግባእ። ('ናይ ተግባር ገምጋም' ተመልከት)። ትጽቢታትና ከነማዕራሪ ይግበኣና። ተቓውሞታት ሓይልና ንኽነርኢ ኣገደስቲ'ዮም፡ ግን በይኖም ንኲናት ደው ከብልዎ ኣይክእሉን።

## 6) ኣብ ግዜ ዓወት ክግበሩ ዝግባኦም

ከም'ቲ ዘፍራሓና ኩነታት ካብ ትጽቢትና ንላዕሊ ዝኸፍአ ኰይኑ ዝጸንሓና፡ ንኽትኣምኖ ዘሸግር ንኽትገጥሞ ኣጸጋሚ ዝኾነ ኩነታት ክህልወና ይኽእል፡ ኣብ ባይታ ኣወንታዊ ወይ ዕዉት ዝመስል  ክህሉ ይኽእል። ኣብነታት፡ እንተድኣ ናይ ጸጥታ ሓይልታት ካብ ትጽቢትና ንላዕሊ ዘያዳ ብሰብኣዊ ኣካይዳ ሰሪሖም፡ ወይ ሰበ-ስልጣናት ንጠለባትና ንምርኣይ ፍቓደኛታት ኰይኖም ቀሪቦምና። እንተድኣ ንነብስና ኣብ ተጻራሪ ጥራሕ ገይርናዮ ጸኒሕና፡ ከም'ዚኦም ዓወታት ዘይዓረፉ ሳዕቤን ክፈጥሩልና ይኽእሉ። እቶም ኣብ ኣካላትና ክዓብዩ ዘጸንሑ ኲሎም

ኣድረናሊን እንታይ ይኾኑ? እቶም ምዕባለታት ነቲ ንገብሮ ትንታነ ብኸመይ ይትንክፎም? ኣብ ትንታነና ተጋሂና ኣሎና ዶ? ነቲ ስርዓት ዝያዳ ዶ ክንኣምኖ ይግበኣና? ወይ ብምቁራት ቃላት ዲና ተዓሽና ዘለና? ተሪር ተቓውሞ ምስ ዝገጥመና፡ ምንቅስቓስና ዝያዳ ምሕዝነት ክዕወት ይኽእል፡ ነሱ ግብራዊ እንተዘይኰይኑ ክፈርስ ይኽእል። ስለዚ፡ ክንፈልጦ ድልዋት ክንከውን ዝግባኣና፡ ኣየናይ መልሲ'ዩ ብዝበለጸ ውጺኢታዊ ኣየናይ'ዩ ዝከኣል ኢልና ምፍታኑ። ድሕሪኡ፡ እንተድኣ ከምኡ ኰይኑ፡ ብጥርኑፍ ነቲ ኩነታት ንምርኣይን ኣድላዪ ተግባር ንኽንገብር ዝያዳ ንኽእል።

## 7) ደረጃታት ናይ መጥቃዕቲ እናለዓለ ክኸይድ እንከሎ

መብዛሕትና በቲ ኣብ ግዜ ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ ዝረአ መጥቃዕቲ ከይተተንከፍና ኣይተረፍናን--ካብቶም ነቲ ተቓውሞ ዝቃወሙ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ብሰበ-ስልጣናት ብሕማኞ ክንረአ ከለና፡ ኣብ መንጎና ዝረአ ማዕበል ናይ ዘየድሊ ምስሕሓብ ምዕባይ'ውን ንረክብ። ዋላ'ኳ ግብረ-መልሲ ኣይንሃብ፡ ከምዚ ዓይነት ስሚዒታት ግን ዘይሙቹኡነትን ተጠራጠርትን ንኽንከውን ይገብሩና። ወይ ካልኦት ተቓወምቲ ዓመጽ ክጅምሩ ይኽእሉ፡ ዘድሊ መልሲ ድማ ክንረክብ ክንክእል ኣሎና። ክንሕወስ፡ ክንወጽእ ዲና፡ ወይ መትከልና ከነጽንዕ፡ ነቲ ዝተተለመ ተቓውሞ ብዘይጎነጻዊ ክንቕጽሎ ዲና? እዞም ከም ዚኣቶም ኩነታት ንኽትሓስብ ግዜ ስለዘይህቡኻ፡ እቲ ተኽእሎታት ኣቐዲሙ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። ኣድላዪ ውሳነታት ክንገብር፡ ንጹራት ኣማራጽታት ክህልዉና የድሊ። (ልምምዳት፡ 'ውሳነ ምሃብን' 'ናይ ተራ ጸወታ' ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት)።

## ዝተፈላለዩ ኩነታት

ኣብ ሰሜን፡ ኣብ ሊበራልን ደሞክራስያውያንን ኢና ዝብላ ሃገራትን ባህልታትን ተቓውሞ ክንገብር ንኽእል፡ ወይ ኣብ ኦቶሪቶርያን ስርዓት ክንህሉ ንኽእል። ኣብ ሊበራልን ደሞክራስያውን ሃገራት'ውን ተቓውሞ ምክያድ ቀሊል ገይርና ኣይንውሰዶ፡ ገለ ሃገራት ኣብ ኣታሓሕዛ ተቓወምቲ ኣዝየን ተረርቲ ክኾና ይኽእላ'የን። ካልኦት ረቛሒታት ንናይ ተቓውሞ ዕቑር ሓይልን ደረትን ክውስንዎ ይኽእሉ። እቲ ሕብረተሰብ ዕጹው ወይ ክፉት ክኸውን ይኽእል። ኣብ ዕጹው ሕብረተሰብ እቶም ሓደጋታት ዝዓበዩ እዮም፡ ምኽንያቱ ናይ ተሓታትነት ተኽእሎ ውሑድ ስለዝኾነ፡ ተቃወምቲ ክጠፍኡ ይኽእሉ። ንናይ ሰብኣዊ መሰላት ዘይምኽባር ክቆጻጸር ዝኽእል ካብ መንግስቲ ነጻ ዝኾነ፡ ዝሰርሕ ናይ ፍርዳዊ ኣካይዳ ክህሉ ይኽእል። ምስ ሰበ-ስልጣን ምስምማዕን ክብረት

ምሃብን ዋጋ ክህቦ ስለዝኽእል፡ ናይ ሕብረተሰብ ባህሊ'ውን ኣገዳሲ ረቛሒ'ዩ። ወይ እቲ ሕብረተሰብ ድኹምን ብቐሊሉ ብናይ ዘመናዊ ጸቕጢ ዝትንከፍ ክስሞያ፡ ወይ ብናይ ካልኦት ሃገራት ጽልዋ ክገብረሉ ይኽእል፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ዝኾነ መልክዕ ናይ ተቓውሞ ከም ዘይእሙንን ኣፍራስን ኰይኑ ክጥመት ይኽእል።

ዋላ'ኳ ተቓውሞ ካብ ሓደ ኵነታት ናብ ካልኦት ዝያዳ ከቢድ ይኹን'ምበር፡ ኵሎም ኣብ'ዚ ተዘትይሎም ዘለዉ ጉዳያት፡ ዋላ ብዝተፈላለየ ደረጃ ድኣ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ዝኾነ ኩነት ክራኣዩ ይኽእሉ'ዮም።

('ናይ ተቓውሞ መልእኽቲ' ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት)።

***መደምደምታ***

ካብ ተቓውሞና ንዝተሓዋወሰ ናይ ስሚዒታትን ግብረ-መልስታትን እንተድኣ ተዳሊና ኰይንና፡ ምስ መሳርሕትና ምድልዳል ምሕዝነት፡ ንውጺኢታት ናይ ተግባራትና ምምርማርን ምትሕትታትን ብምፍጣር፡ ዋላ'ኳ ኣብ ዕድሜና ክዕወት ከም ዘይክእል ክንፈልጥ እንተኻኣልና፡ ንዝሓሸ ሕብረተሰብ ቃልስና ንምቕጻል፡ ኣብ ዝሓሸ መስመር ኣለና ማለት'ዩ።

ይኹንድኣምበር፡ እንተድኣ ብግቡእ ዘይተዳለናን ንሳዕቤናት ተግባራት ብጽቡቕ ዘይኣለናዮምን፡ ንዋላ ሓደን ንገዛእ-ርእስና ከይሓገዝና ክንተርፍ ንኽእል። ተስፋ ብምቝራጽ ኢ.ድና ክንህብ ንውስን፡ ወይ ካልኦት ዓይነት ዘይኣፍረይቲ እስትራተጂ ንቕይር፡ ከምኒ ኣብ ቀንዲ-ፖለቲካን ብሓይሊ ናይ ምጥቃምን ዝኣመሰሉ። ወይ ብዘይ ዝኾነ እስትራተጂ ኣብ ጠባያት ንስለ-ተቓውሞ ንኣቱ። ብኸምዚ ድማ፡ ገና ኣብ ቃልሲ ናይ ተቓውሞ ተጸሚድና ከም ዘለና ንምምሳልን ካልኦት'ውን ቀጻልነትና ብምርኣይ ምናልባት ካልኦት እንተ ኣመስገኑና፡ ዋላ ምስ ኩሉ ዘህለኽናዮ ጻዓት፡ ነቲ ዕላማ ግን ነጥፎኦ። ዘይብቕዓትናን ዕላማ ዘይብልና ምዃና፡ ንኻልኦት ንኽይቃለሱ ይገብሮም። ናይ ምቅዋም ግዴታ ኣሎና፡ ንነብስና'ውን ብግቡእ ከነዳልዋ ግዴታ ኣሎና ኢለ ይኣምን፡ ሓደጋታት ኣብ ልዕሊ ድሕነት ኣካላትናን ስሚዒታትን ምልላይን ነቶም ሓደጋታት ንምውጋድ ስጉምቲ ምውሳድን ቃልሲ ብኣወንታውን ውጺኢታውን ጠባያት ምቕጻል፡ ኣብ ሓቂ ምጽናዕ፡ ናይ መወዳእታ ግን ኣገዳሲ፡ ፈተነና ኣይነቋርጽ፡ ክንገብሮ ከለና ድማ ገለ ዋዛ/ምዝንጋዕ ይሃልወና፡ ብመንገዱ ድማ ንሰላም

ዕድል ምሃብ። ንሕና ናይ መጀመርታ ኣይኰናን ንገብሮ ዘለና፡ ናይ መወዳእታ'ውን ኣይክንከውንን ኢና።

## ዋዛን ዘይኀነጻዊ ተግባራትን

*ማጅከን ሶረነሰን*

መብዛሕትኡ እዋን፡ ዘይኀነጻዊ ተግባር ኣብ ዓበይቲ ጸገማት ንጥቀመሉ። ብዛዕባ ሓደ ተግባር ብዋዛዊ መልክዕ ክትሓስቦ፡ እሞ ንጉዳይ ክትጥቀመሉ ዘይከውን ስለዝመስል፡ ከም ቀዳማይ ምርጫኻ ኣይትገብሮን። ኰይኑ ግን፡ ዋዛን ዕቱብነትን ካብቲ ዝመስልዎ ዛያዳ ብብዝሒ ብቐረባ ክዛመዱ ዝኽእሉ'ዮም። ዳርጋ ኵሎም ሰሓብቲ ዝባሃሉ ዋዛታት ኣብ ዘይምስምማዕን ኣብ ዘይምኽንያታዊ ነገራት ዝዓብዩ እዮም፡ መብዛሕትኡ እዋን፡ ዘይኀነጻዊ ተግባራት ኣብ መንጎ ዓለም ዘላቶን ክትኰነልና እንደልዮን ተጻራሪ ኩነታት ከመልክት ይፍትን። ዋዛ ሓያል'ዩ፡ ምኽንያቱ ነታ ንፈልጣ ዓለም ብግልባጣ ብምርኣይ፡ ነቲ ዘይተርፍ ኣካል ናይ ሂወትና ዝኾነ ስነ-ሞጎትን/ሎጂክን ምኽንያትን ይሰግሮ።

### ዋዛ ብኸመይ ትጅምሮ

እንተድኣ ዋዛ ብቐሊሉ ክመጸልካ ዘይኪኢሉ፡ ተስፉ ከይቆረጽካ ክትማሃሮ ትኽእል ኢኻ። ሰብ ነገርካ ተዓዘቦም፡ እንተድኣ ኣብ መንጎ ዝብልዎን ዝገብርዎን ዝጋራጮ ነገር ኣሎ፡ ጽቡቕ ዋዛ ንምስራሕ መንጸፍ ክኾነካ ምኽኣለ ዶ? ብቀረባ ናብ ሓቅነት ናይቶም ሰብ ነገርካ ዝብልዎን ዝገብርዎን ምስ እትከታተል፡ እቲ ዋዛ ብዝሓሸ መገዲ ትሰርሖ። ዳርጋ ኵሎም ዲክታተራት ነቲ ዝገብርዎ ስራሓት 'ንናይ ህዝቢ ረብሓ' ከም ዝኾነ ይዛረቡ። ከምዚ ዓይነት ኣዘራርባ ምስ'ቲ ዝገብርዎ ተግባራት ክጋራጮ ይኽእል።

### ንዋዛ ብብስለት ምጥቃም

- ነቲ ነገር ኣዚኻ ዘይምምጣጥ----ዋዛ ብማእከላይ ክንጥቀመሉ ኣሎና፡ ከምኡ'ውን ዕቱብ መልእኽቲ ምስ ዘሰንዮ ብዝበለጸ ይሰርሕ።
- ዕላማ ናይ ዋዛኻ ተጠንቂቕኻ ምረጽ!




ኣብ እዋን ሰላማዊ ሰልፊ ነጻነት ንምቅዋም ኣብ ሎንደን ዓዲ እንግሊዝ.. ስእሊ...IPPY

ናይ ፖለቲካዊ ተገባር እንተድኣ ትሰርሕ ኣሎኻ፡ ናይ ፖለቲካ መልእኽቲ የድልየካ፡ ኣብኡ ድማ ዕላማ ናይቲ ዋዛ ተጠንቂካ ምምራጽ! ናይ ፖለቲካዊ ተገባር እንተድኣ ትሰርሕ ኣሎኻ፡ ናይ ፖለቲካ መልእኽቲ

የድልየካ፡ ኣብኡ ድማ ከተተኩር የድልየካ። ነቶም ንዋዛ ትመርጾም ሰባት ከመይ ይመስሉ፡ ኣገባብ ኣዘራርብኦም፡ ወይ ጾታዊ ዝንባሌኦም ጽቡቓት ኣርእስትታት ኣይኮኑን። ብዛዕባ እዚኦም ዋዛ ምስራሕ፡ ብዙሕ ግዜ ካልኦት ሰባት ንምርካብ ጽቡቕ ሜላ ኣይኮነን፡ ሰባት ኣብ ክንዲ ኣድህቦኦም ኣብ'ቲ ናይ ፖለቲካ ነጥቢ ዝኸውን ካብኡ ይርሕቁ። ኣብ መወዳእታ ናይዚ ክፋል፡ ክልተ ኣብነታት ኣብ ፖለቲካዊ ነጥብታት ዝቐርቡ ተግባራት ኣለዉ፡ ከይራኣኻዮም ኣይትሕለፍ።

## ስለምንታይ ዋዛ ንጥቀም?

ኣብ ተግባራትካ ዋዛ ምጥቃም ብብዙሕ ምኽንያታት ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል። ቀዳማይ፡ ኣብ ተግባር ዝሳተፉ እቲ ኩነታት ሕጉስ ክኾኖሎም ስለዘድሊ። ዋዛ፡ ዋላ'ኳ ታኣምራታዊ መፍትሒ ኣይኹን እምበር፡ ንተሓለኽቲ ከይዳኸሙ ዑቑር ሓይሊ ኣለዎ።

ዋዛ ምጥቃም'ውን ኣድህቦ ካብ ሚድያ፡ ናይ መጻኢ ደገፍትን ተዓዘብትን ዕድል እናወሰኸ ንኽመጽእ ይገብር። ገለ ነገር ክግበር'ዩ ኢልኩም ሓበሬታ ከተውጹኡ ከለኹም፡ ጽቡቕ ምልክዕን ዝምስጥ ታሪኽ ክንረክብ ኢና ዝብሉ ጋዜጠኛታት ናብቲ ጉዳይኩም ክቕልቀሉ ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ።

እንተድኣ ናይ ሓንቲ ክትዓቢ እትደሊ ንእሽቶይ ምንቅስቓስ ኣካል ኰንኩም፡ ዋላ ኣብ ዕቱብ ጉዳያት እናሰራሕኩም ከለኹም፡ በቲ ትገብርዎ ዋዛ ንናይ መጻኢ ኣባላት ሕጉስ ሂወት ከም ዘለኩም ከተርእይዎም ትኽእሉ።

## ናይ ዋዛ ሓይሊ

ዋዛ ምስ ሰብ ነገርኩም ከራኽበኩም ዝኽእል ሓይሊ'ዩ፡ ተግባርኩም ከም 'መስሓቕ' ምኳኑ ንዝምድናን ስነ-ሞጎትን ናብ ርትዓዊ ክትዕ ይቕይሮ። ክልቲኦም ፖሊስን ሰብ ነገርን ነቲ ጽቡቕ ዘስሕቕ ናይ ዋዛ ተግባርኩም መልሲ ክህብሉ ክኸብዶም ይኽእል። እቶም ዋዛታት ናይ 'መዋጥር ስራሕ' ብምቕራብ፡ ሓደ ጽቡቕ ዕድል ክፈጥሩ ይኽእሉ። ኣዚ ማለት ሰብ ነገርኩም ዝኾነ ነገር ይግበሩ ብዘየገድስ ስለ ዝሳዕሩ ብዓይኒ ተዓዘብትን ኣብ ጎኖም ዘሎ ህዝብን ዱኹማት ኰይኖም ይራኣዩ። እንተድኣ ንዝኾነ ሰብ ኣዋሪድኩም ኰይንኩም ግን፡ ንተሪር ግብረ-መልሲ ተዳለዉ። ሰብ ነገርኩም ንግብረ-መልሲ እኹል ምኽንያት ንኽረኽቡ ከቢድ ምስ እተገብርዎ፡ (እኹል ብናታቶም ኣራእያ) እቲ ዝፍጠር ተስፋ ምቑራጽ ናብ ጎነጻዊ ግብረ-መልሲ ክቕየር ይኽእል።

**ኣብነታት ናይ ዋዛ ተግባራት**

ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥብታት ክሕብሩ ዝኽሉ ክልተ ኣብነታት ምቕራብ ይከኣል። ነዞም ኣብነታት ብቐጥታ ክትቀድሕዎም ግን ኣይንላቦን፡ ምኽንያቱ ኩነታትኩም ዝተፈልየ ክኸውን ስለ ዝኽእል። እቶም ኣብነታት ዋዛ ክሳብ ክንደይ ሓይሊ ከም ዘለዎ ግን የርእዩ፡

ኣብ 1983 ኣብ ኖርወይ፡ ሓደ ናይ ፍጹም ነጸግቲ ንእሽተይ ጕጅለ ኣብ ትሕቲ 'ጎስጓስ ኣንጻር ዕስክርና' (ብቛንቋ ኖርወይ 'ብኣሕጽሮት KMV') ዝብል ቆሙ። እቶም ኣባላት ጕጅለ ንውትህድርናን መተካእታ ኣገልግሎትን ነጸጉ። ነቲ ን16 ኣዋርሕ ንማእሰርቲ ዝብል ሕጊ ንምቕያር፡ ናይ ህዝቢ ክትዕ ክፈጥሩ ደለዩ። እቲ መንግስቲ 'ማእሰርቲ' ዝብል ቃል ኣይተቐበሎን፡ ኣብ ክንዱኡ እቶም ኣበይቲ 'ኣብ ትሕቲ ብሓለፍቲ ቤት-ማእሰርቲ ዝካየድ ትካል ኣገልግሎቶም ይፍጽምዎ' ዝብል'ዩ ዝነበረ። ናይ ፖለቲካ እሱራት ከይበሃሉ ተባሂሉ፡ ወግዓዊ ናይ ፍርዲ መስርሕ፡ እሱራትን መቕጻዕትን ዝበሃል ኣይነበረን። ጉዳያት 'ናይ ፍጹም ውትህድርና ኣበይቲ/ኢ.ምቢተኛታት' ንምፍላይ ናብ ቤት-ፍርዲ ይኸይድ ነይሩ፡ እቲ ውጺኢት ኩሉ ግዜ ሓደ ዓይነት ማለት 16 ኣዋርሕ ቤት-ማእሰርቲ ነበረ። እቲ ውጺኢት ኑጹር ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ገለ እዋን እቲ ኣኽባር ሕጊ ናብ ቤት-ፍርዲ ኣይቕልቀልን። KMV ኣብ ሓደ ተግባሮም ነዚ ተጠቒሞምሉ።

ሓደ ካብቶም ታሓለቕቲ (ብሞዩኡ ጠበቓ ስለዝነበረ) ከም ናይ ኣኽባር ሕጊ ተኸዲኑ፡ ናቱ ተራ ሒዙ፡ 'ጠቕላላ ኣበይቲ' ዝነውሐ ናይ ማእሰርቲ ግዜ ክግበረሎም ጠለበ። ኣብ'ቲ ናይ ቤት-ፍርዲ ስነ ስርዓት፡ እቲ ዝተገብረ ጌጋ ምኺኑ ዝተዓዘበ ዝኾነ ሰብ ኣይነበረን ብጀካ ናይ 'ኣኽባር ሕጊ' ምትዕብባይ። ድሕሪ ሓደ ሰሙን፡ KMV ነቲ ብሚስጥር ብቪድዮ ዝቐረጽዎ ጉዳይ ናብ ሚድያ ሰደድዎ፡ ከም ውጺኢት ንመብዛሕትኦም ኖርወያውያን ሰሓቕ ፈጠረሎም።

እዚ ኣብነት ብንጹር ዘመልክተና፡ ሓይሊ ናይ ንነገራት ገልቢጥካ ምርኣይ እዩ። እቲ ከም ኣኽባር ሕጊ ኰይኑ ዝሰርሐ ዓርኪ ናይ'ቶም ኩሱሳትን ካብ ሕጊ ዝውስኖ ንላዕሊ ሓያል መቕጻዕቲ ምጥላቡ፡ ነቲ ቤት-ፍርዲ ተዋዚሉ። ኣብ'ዚ ተግባር ናይ KMV ተሓለቕቲ፡ ነቲ ዋላ ሓደ ከይተዘራረበ ዝውስን መስሓቕ ቤት-ፍርዲ ተላጊጾምሉ፡ በዚ ድማ ካብ ሚድያ ተራ ሕዝብን ኣድህቦ ኣብ ምርካብ ተዓዊቶም። ብተወሳኺ፡ እቲ ናይ ቤት-ፍርዲ መስሓቕ ዋዛ ነቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኖርዋይ ዝብሎን ዝገበሮን ከም ዝጋራጮ ኣቃሊዑ። እንተድኣ ፖለቲከኛታት ንኖርወይ ናይ ፖለቲካ እሱራት ዘይብላ ደሞክራሲ እያ ኢሎም ዝሰምይዋ ኰይኖም፡ ስለ ምንታይ ሰባት ብምኽንያት እምነቶም ናብ ቤት-ማእሰርቲ ይላኣኹ? ኣብ

ክንዲ ናይ ምምሕዳር ግዜ ንኣማራጺ ኣገልግሎት ምሃብ፡ ስለ ምንታይ ነቲ ምእሳር ከም ናይ ማእሰርቲ ውሳነ ዘይተቐጽረ? እዚ ዘስሕቕ ኩነታት'ዩ። ብመገዲ ድራማዊ ናይ ዋዛ መቓን፡ KMV ነቲ ኩሉ ርትዓዊ መግለጽታት ብምብታኽ ትርጉም ዘይብሉ ምዃኑ ንህዝቢ ከረድኡ ኪኢሎም።

ታሓለቕቲ ኣብ ዝገብርዎ ናይ ዋዛ ስራሕት፡ ኣበየናይ ኩነታት ከም ዝጥቀምሉ ምስትውዓል ከም ዘድልዮም ምፍላጥ ኣገዳሲ ነጥቢ እዩ። እንተድኣ ናይ ነዊሕ ናይ ማእሰርቲ ግዜ ክትኣሊ ደሊኻ፡ ነዚ ከምዚ ዓይነት ተግባር ምቅዳሕ ተመራጺ ኣይኮነን።

እቲ ኻልኣይ ኣብነት ካብ ደሞክራሲያዊት ኖርወይ ናብ ዲክታተርያዊ ዝኾነት ሰርብያ ኣብ 2000 ቅድሚ ምውዳቕ ስሎቦዳን ሚሎሸቪክ ክወስደና እዩ። ሚሎሸቪክ ንሕርሻ ንምድጋፍ ኣብ ዱካናትን ናይ ቅሉዕ ቦታታትን ሳንዱቕ ብምዕዳል፡ ካብ ህዝቢ ሓደ ዲናር (ናይ ሰርብያ ባጤራ) ንዘርእን ንምትካል እኽልን ወፈያ ሓተተ። ከም ግብረ-መልሲ፡ ካብ ናይ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኦትፖር ናይ ገዛእ ርእሶም 'ዲናር ዛ ስመኑ' (Dinar za Smenu) ዝተባህለ መአከቢ ኣዳለዉ። 'ስመኑ' ዝብል ቃል ብቛንቋ ሰርብያ ብዙሕ ትርጉም ኣለዎ፡ ለውጢ፡ ካብ ስልጣን ምውራድ፡ ምብራር፡ ጥሮታ፡ ወይ ካብ ሓጥያትካ ምንጋፍ ዝብሉ ትርጉማት ኣለዎ። እቲ ናይ ኦትፖር ተግባር ኣብ ዓቢ በርሚል ምስ ናይ ሚሎሸቪክ ስእሊ ዝሓዘ፡ ብዙሕ ግዜን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታትን ተደጋገመ። ድሕሪ ናይ ዲናር ወፈያ፡ ሰባት ነቲ በርሚል ንምህራም ዝጥቀምሉ በትሪ ይዋሃቦም። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ እንተድኣ ሰባት ብሰንኪ ናይ ሚሎሸቪክ ፖለቲካ ዝኾነ ገንዘብ ዘይብሎም ኰይኖም፡ ነቲ በርሚል ክልተ ግዜ ክሃርምዎ ከም ዘለዎም ምልክት ቀሪቡ ነይሩ። ፖሊስ ነቲ በርሚል ካብ ቦቱኡ ምስ ኣልዓልዎ፡ ናይ ኦትፖር ጋዜጣዊ መግለጺ ነቲ በርሚል ፖሊስ ከም ዝኣሰሮን እቲ ተገባር ድማ ኣዝዩ ዕዉት ከም ዝነበረ ገሊጹ። ንናይ ሚሎሸቪክ ጥሮታ ዝኸውን እኹል ገንዘብ ከም ዝኣከቡ ሓበሩ።

እዚ ኣብነት ንሰብ ነገርካ ኣማራጺ ንኽስእኑ ንምግባር ዝግበር ተግባር እዩ፡ ምኽንያቱ ኦትፖር ንሚሎሸቪክ ኰነ ንፖሊስ በዘይ ናይ ግብረ-መልሲ ዕድል ንኽተርፉ ገይርዎም። ፖሊስ ገለ ነገር ክገብር ከሎ፡ ኦትፖር ዋዛኦም ብምቕጻል፡ ፖሊስ በርሚል ከም ዝኣሰሩን እቲ ገንዘብ ድማ ንሚሎሸቪክ ጥሮታ ከም ዝህብዎን ገበሩ። እቲ ስርዓት ዝኾነ ነገር ይግበር ብዘየገድስ ተሳዒሩ።


ናይ ማጅከን ጽሑፍ ብዛዕባ ዋዛን ዘይጎነጻውን፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ሰላምን ዕርቅን ማእከል መጽናዕቲ
Coventry University
www.coventry.ac.uk/researchnet/external/content/1/c4/
11/36/v1202125859/user/Humour%20as%20Nonviolent%20Resistance.pdf ክትረኽብዎ ትኽእሉ።

## ብጐጅለ ምስራሕ

ንዝኾነ ዘይጎነጻዊ ምንቅስቓስ ብድሆ ዝኾኖ፡ ንተግባር ብኸመይ ምድላው ትገብር ዝብል እዩ። ካብ 1976 ናይ ሲብሮክ ናይ ንኩለር ሓይሊ ቦታ ኣብ ኒው ሃምፕሸር ሕ.መ.ኣመሪካ ምትሓዝ፡ ብዙሓት ናይ ምዕራብ ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ናይ መቕርብ ጐጅለ ምስ ናይ ሓባራዊ ናይ ውሳነ ምሕላፍ ዝተሓወሶ ዓይነት ተግባር ክጥቀሙ መረጹ። እዚ ክፋል'ዚ ነዚ ዓይነት ኣሳራርሓ ከፋልይ እዩ። ('Seabrook-Wyhl-Marckolsheim', ምዕራፍ ሸውዓተ ተመልከት)።

### ናይ መቕርብ ጐጅለታት

ናይ መቕርብ ጐጅለታት ካብ 5 ክሳብ 15 ሰባት ዘለዎም ርእሶም ዝኻኣሉ እዮም። በዚ መገዲ ናይ መቕርብ ጐጅለ ክበሃል ከሎ፡ ነንሕድ ሕዶም ናይ መቕርብ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ናይ ሓባራዊ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ፡ ናይ ነንሕድሕዶም ሓይልን ድኽመትን ዝፋለጥሉ፡ ኣብ ተሳትፎኦም (ወይ ንምስታፍ ኣብ ዝሀቅንሉ) ኣብ ነንሕድሕድ ምድግጋፍ ዝገብሩሉ ማለት'ዩ። ናይ መቕርብ ጐጅለን ናይ ቤት-ምኽሪ ዋሃቢ ቃል ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝግበር ናይ ስልጣን ተዋረድ ብምብዳህ፡ ንተሳተፍቲ ብምውዳብን ምሕያልን ቀጥታዊ ናይ ፈጠራዊ ተግባር ንኽካይዱ ይገብር። ናይ ምውሳን ስልጣን ንናይ መቕርብ ጐጅለ ብምሃብ፡ ሰባት ብሓባር ኰይኖም ብዘይተማእከለን ብዘይ ስልጣን ተዋረድን ክሰርሑ የፍቕድ። ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ ንናይ መቕርብ ጐጅለታት ኣብ ናይ ጸረ-ዓለማውነት ናይ ሓፋሽ ተግባራት ብሃናጺ መገዲ ተጠቂሞምሎም (ሲያትል 1997)። ኣብ ጸረ-ንኩለር ተቓውሞ ኣብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን (መጀመርታ 1970ታት) ከምኡ'ውን ኣብ ቡዙሓት ሃገራት ካልኦት ዓበይትን ናኣሽቱን ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ ተግባራት ተኻይዶም።



***ምስ መን ናይ መቅርብ ጕጅለ ትፈጥር?***

*እቲ ዝቐለለ መልሲ ምስ ትፈልጦም ሰባት ማለት ኣብ ሕቶ ዘልዕሉ ጭብጥታት ምሳኻ ተመሳሳሊ ርእይቶታትን ንሕቶታት ንምምላስ ዝጥቀምሉ ናይ ተግባር ሜላታት ሓባራዊ ኣራእያ ምስ ዝህልወኩም እዩ። እቶም እትረኽቦም ሰባት ኣብ ትምህርታዊ ሰሚናር፡ መሳርሕቲ፡ ኣብ ማሕበራዊ ሂወት፡ ወይ ምሳኻ ዝነብሩ ክኾኑ ይኽእሉ። ብሓንሳብ ምህላውኩም ጥራሕ ዘይኰነስ፡ እቲ ቀንዲ ክጽቀጠሉ ዘለዎ ነጥቢ ገለ ሓባራዊ ነገር ዘለኩም፡ ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ምትእምማን ኣብ መንጎኹም ስለዘሎን እዩ።*

*ኣገዳሲ ሸነኽ ኣካል ናይ መቕርብ ጕጅለ ምኳን፡ ብዛዕባ ጎስጓስ ወይ ጉዳይን ትመርጾም ናይ ተግባር ሜላታትን ዘለካ ናይ መርገጺ ነጥብታት ንሕድሕድካ ምምህሃር እዩ። እዚ፡ ብሓባር ግዜ ምሕላፍ፡ ኣብ ናይ ተግባራት ጉዳያትን ሜላታትን ምዝርራብ፡ ወይ ገለ ምስ ናይ ታሓላቕነት ዝምድና ዘለዎ ታዕሊም ብሓባር ምግባር፡ (ከም ምስታፍ ዓውደ-መጽናዕቲ) ወይ ሰብ ነገርካ ወይ ናይ ፖሊስ ታክቲካት ብኸመይ ይእለዩ ምስራሕ፡ (ንኣብነት… ጸረ-ሰላማዊ ሰልፊ፡ ግጉይ ሓበሬታ ናይ ጎስጓሳት፡ ኣላዓዓልቲ ወኪላት)፡ ካብቲ ተግባር/ጎስጓስ ብውልቂ እትደልዮን ናይ ሓባር ኣታሓሳስባን ከተማዕብል ይግባእ፡ እቲ ተግባር ብኸመይ ክኸይድ እዩ፡ ካብ ካልኦት ኣየናይ ዓይነት ደገፍ እዩ ዘድልየካ፡ ንስኻኸ ንኻልኦት እንታይ ክትህብ ትኽእል። ብዛዕባ እቲ ተገባር ኣብ ገለ መሰረታዊ ነገራት ማለት እቲ ተግባር ክሳብ ክንደይ ንጡፍ፡ መንፈሳዊ፡ ዘይጎነጻዊ፡ ናይ ዝምድና ዕምቆት ከም ዘለዎ፡ ናይ ማእሰርቲ ሓደጋ ንምቕባል ፍቓደኛነት*

ምህላው፡ መዓስ ካብ ጉጅለ ክትወጽእ ከም እትደልዩ፡ ሓፈሻዊ ናይ ፖለቲካ ኣራእያኹምን ናይ ተግባር ሜላታትኩምን ወ.ዘ.ተ ዝገለጽ ናይ ሓባር ስምምዕ ምህላው ሓጋዚ ይኸውን።

**መስርሕ ጉጅለ**

ብጉጅለታት ምስራሕ ኣብ ስድራ-ቤትና ኾነ ኣብ ዓውደ-መጽናዕትታት ወይ ኣብ ቀጻሊ ስራሕ ናይ ምውዳባት ሓደ ካብቶም ቀንዲ መሰረት ናይ ማሕበራዊ ንጥፈታት ኰይኑ፡ ዓቢ ኣካል ንማሕበራዊ ለውጢ እዩ። ሰለዚ፡ ንለውጢ ዝሰርሑ ጉጅለታት ንገዛእ ርእሶም ንኽጥቀምሉን ምስ ካልኦት ንምክፋልን፡ ውጺኢታዊ፡ ዘዐግብ፡ ንኣድለይቲ ስራሓት ብደሞክራስያዊ ሜላታት ክገብርዎ ዘኽእል ኣሰራርሓ ከማዕብሉ ኣገዳሲ'ዩ።

ገበርትን ሓደግትን (ኦቶሪታርያዊን) ናይ ስልጣን ተዋረድ/ኣቃውማ ቅርጽታትን ምጥፋእ፡ ነቶም ጉጅለታት ዲሞክራስያውያን ኣብ ምግባር ዝውሰድ ሓደ መልክዕ'ዩ፡ እዚ ማለት ግን ኵሎም ቅርጽታት ምንጻግ ማለት ኣይኰነን። ዘይንነጻዊ ኣብ ገዛእ ርእስናን ሕብረተሰብናን ንምዕባይ ንምትብባዕ፡ ሓደ ጥዑይ ጉጅለ ተበላሕነት፡ ሓድነት፡ ከምኡ'ውን ውጺኢታውነት ብጥርኑፍ ክሳልጥ ይግቦኦ። ጥዑይ ጉጅለ ውጺት ናይ ምትሕብባር ቅርጽታትን ሓነጎልን ናይ ኣባላት ጉጅለ ሓላፍነታዊ ተሳትፎን እዩ።

**ስምምዓት/መሰረት ሕግታት**

ዋላ'ኳ ዘይወግዓዊ ጉጅለ ኰይኑ ነብሰ-ወከፍ ድማ ብዙሕ ጭንቀት እንተዘይሃለዎ፡ ናይ ጉጅለ ኣብ መሰረታዊ ሕግታት ስምምዕ ምህላው ብልሒ'ዩ። ኹሎም ዝሳማምዕሉ መምርሒ ንመስርሕ ጉጅለ፡ ናይ ጉጅለ ውዕል ወይ ሕጊ ናይ ዓውደ-መጽናዕቲ ወይ ጉጅለ፡ ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ። እዞም መምርሕታት ጸገማት እንተድኣ ዚፈጥሩ ኰይኖም፡ መወከሲ ክኾኑ ይኽእሉ። ብርግጽ፡ ብናይ ጉጅለ ውሳነ ፡ ክዋሃሃዱ ወይ ኪቕየሩ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡ ኣኼባታት ኣብ ስዓቱ ንኽጅመር፡ ማዕረ ተሳትፎ ከተባብዕ፡ ውሳነ ታት ብናይ ሓባር ስምምዕ ክሰርሕ፡ ንናይ ጉጅለ ስርሓት ንምስላጥ በብተራ ክቀያየር፡ ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ሰብ ጥራሕ ክዛረብ ከምዘለዎ፡ ንነብስኻ ወኪልካ ጥራሕ ምዝራብ፡ ምስጥራውነት ምኽባር፡ ዝኾነ ሕቶ ከይክልከል ወይ ከም መስሓቕ ከይውሰድ፡ ካብ ቃልሲ ደው ምባል ዘይምፍቃድ፡ ነገዛእ ርእስኻ ጥራሕ ቮለንተኛ ምግባር ወ.ዘ.ተ.. ጉጅለ ክሳማማዕ ይኽእል። ብዙሓት ሰባት ምስ'ዞም መሰረታዊ ሕግታት ተላልዮም ስለዝኾኑ፡ ኣሳላጢ ጉጅለ ኣብ ግምት ከእትዎም ዝኽእል ዝርዝር ናይ ርእይቶታት ከዳሉ ይኽእል። ንኑጡፍ ስምምዕ ኣብ

መንነ ኵሎም ኣባላት ናይ ጕጅለ ኣብ ነንሕድሕዶም ‘ውዕል’ ምግባር፡ ኣገዳሲ’ዩ።

ኣብ ጕጅለ ሓደ መብርሂ ከድልዮ ዝኽእል ጉዳይ ትርጉም ናይ ‘ሚስጥራውነት’ እዩ። ኣዚ ማለት ካብቲ ዓውደ-መጽናዕቲ ዝኾነ ነገር ዘይምክፋል ማለት ድዩ? ወይ ሓፈሻዊ ቴማን ዝተገብረ ነገር ብዘይምጥቃስ ወይ ብቐጥታ ንዝኾነ ሰብ ከየላገብካ ምሕባር ይከኣል ይኸውን? ወይ ናይ ኣባላት ጕጅለ ውልቃዊ ታሪኽ ዘይምድጋም ማለት ድዩ? እቲ ዓውደ-መጽናዕቲ ምስ ዝነውሕ ወይ ዝያዳ ጽዑቕ ወይ ውላቃዊ ጉዳያ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ’ቲ ናይ ጕጅለ ስራሕ ትሑት ተመኵሮ ዘለዎም ሰባት ምስ ዝኾኑ፡ ወይ እቲ ኣርእስቲ ዝያዳ ተነቃፊ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ምንጻርን ስምምዕን ንመሰረታዊ ሕግታት ንምግባር ዝያዳ ግዜ ክትወስድ የድልየካ እዩ። ክዝከር ዘለዎ ድማ፡ እንተድኣ ናይ ጕጅለ ኩነታት ተቐይሩ፡ እቲ ውዕል እንደገና ክረአን ሕግታት ንምልዋጥ ይውሰን። እዚ ድማ እቲ ኣገዳሲ ፍልልይ ኣብ መንጎ ኣብ ልዕሊ ጕጅለ ዝግበር ሕግታትን ናይ ጕጅለ ብሓባር ብናጻ ድሌቶም ዝገብርዎ ናይ ውዕላት ሕግታትን እዩ።

‘መትከላት ንዘይጎነጻዊ’ ኣብ ምዕራፍ ኣርባዕተ ተመልከት።

**ናይ ጕጅለ ርክባት ምስላጥ**

ናይ መቕርብ ጕጅለታት ብዙሕ ግዜ ንዘድልዮም ነገራት ንምምላእ ንኽሕግዝዎም፡ ኣሳለጥቲ ክጥቀሙ ይውስኑ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ኣባላት ነዚ ንምግባር በብተራ ይሳተፉ። ኣሳላጢ ሓላፍነት ብምቕባል፡ ንናይ ጕጅለ ናይ ሓባር ዕማም ኣብ ምዕዋት ይሕግዝ፡ ንኣብነት፡ ነቲ ዝቐርብ ዛዕባ ብምሉኡ ምስቲ ዘሎ ግዜ ብምርእኣይ፡ ዘድሊ ውሳነን ትልምታትን ይገብር። ኣሳላጢ ንጕጅለ ውሳነ ኣይገብረሎምን፡ ነቲ ጕጅለ ናብ ቅድሚት ከምርሖ ዝሕግዙ ሜላታት ግን ሪኢትኡ ይህብ። ኣሳላጢ ወይ ኣሳላጢት ካልኦት ኣባላት ጉዳዮም ብሓላፍነቶም ይካየድ ከም ዘሎ፡ ነብስ-ወከፍ ዝጻወቶ ተራ ከም ዘለዎ፡ ከስተውዕሉ ከም ዝኽእሉ ገይርካ ክስራሕ ይግባእ።

እቲ ኣገዳሲ ክትኩረሉ ዘለዎ ነገር፡ ናይ ኣሳለጥቲ ሓላፍነት ነቲ ጕጅለን ስርሑን ድኣ እምበር፡ ንኣብ ጕጅለ ዘለዉ ውልቀ-ሰባት ኣይኰነን። ብተወሳኺ፡ ኣብ’ቶም ጉዳያት ዝያዳ ረባሒ ዝኾነ ሰብ፡ ጥዑይ ኣሳላጢ ኰይኑ ንኽሰርሕ፡ ብዙሕ ጸገም ይህልዎ።

ንዝያዳ ሓበሬታ 'ናይ ርክብ ምስላጥ' The No-Magic Method' by Berit Lakey (http://www.reclaiming.org/resources/consensus/blakey.html) ክምኡ'ውን 'ታዕሊም ንምውዳብን ንምስላጥን ዕማማትን መሳርሕን' ኣብ ምዕራፍ ኣርባዕተ ተመልከት።

**ፍሉያት ዕማማት ኣብ ናይ ጕጅለ ርክብ**

ውልቀ-ሰባት ኣብ ዝተፈላለየ ዕማማት ናይ ጉጅል ምስታፎም፡ ናይ ጕጅለ ዝተፈላለዩ መልክዕ ጠባያትን ናይ መቕርብ ጕጅለ ሓይሊ ንምርኣይ ይሕግዝ። ኣብ ልዕሊ ርክብ ኣሳለጥቲ (ነቲ ጕጅለ ኣብ ዛዕብኡ ዝሕግዙ) እቶም ዝተረፉ ዕማማት ብኻልኦት ኣባላት ይድገፉ። እዞም ፍሉያት ዕማማት ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾንሉ፡ እንተ ድኣ እቲ ጕጅለ ዓቢ ኰይኑ ወይ ኣብ ገለ ገለ ጉዳያት ናይ ጕጅለ መስርሕ ንምምሕያሽ ኣድህቦ ክገብር ደልዩ እዮም።

- ንኣሳላጢ ዝሕግዝ ታሓጋጋዚ ኣሳላጢ።
- ንኣገደስቲ ነጥብታት ዝሕዝ፡ ንውሳነ ታት ዝሰንድን እንታይ ከም ዝተወሰነ ንምፍላጥ ድማ ንነብሰ-ወከፍ ቅዳሕ ከም ዝረክብ ዘረጋግጽን።
- ናይ ግዜ ተቖጻጻሪ፡ ንጕጅለ እቲ መስርሕ ብኸመይ በቲ ዝተተለሞ ግዚኡ ሓልዩ ናብ መፈጸምታ ናይ ዛዕባ ይጓዓዝ ኣሎ ኢሉ ብቐጻሊ ዝሕብር።

ካልኦት ዕማማት'ውን ኣብ ገለ ግዜያት ሓገዝቲ ክኾኑ ይኽእሉ፡ ብፍላይ እንተ ድኣ እቲ ጕጅለ ተደጋጋሚ ጸገማት ሃሊዎ። ንኣብነት፡ 'ናይ መስርሕ ተዓዛቢ' ኣብ ርክባት ናይ ተሳትፎ ጠባያት ክዕዘብን ነቲ ምንቅስቓስ ንምምሕያሽ ርእይቶ ዘለዎ ወይ ብዛዕባ ጸቓጢ ዝኾነ ጠባያት፡ ናይ ስልጣን ጸወታ፡ ወይ ኣብ'ቲ ጕጅለ ምፍልላይ (ኣብ ዘርኢ፡ ጾታ፡ ደርቢ፡ ዕድመ) ሕቶታት ክልዕል ይኽእል። 'ናይ ኩነተ ኣእምሮ ተዓዛቢ' ኣብ ሕቡኣት ስምዒት፡ ዘይቃላዊ ርክባት (ናይ ግርጭት ጠባይ ዘጠቓልል)፡ ወይ ኣብ'ቲ ጕጅለ ዘሎ ናይ ዓቕሚ ደረጃ፡ ዝኾነ ነገር ናብ ጸገም ቅድሚ ምቕያሩ፡ ናይቲ ጕጅለ ሃዋህው ንምምሕያሽን ፍሉይ ትዕዝብቲ ይገብር።

ካብ Tri-denting It Handbook, ሳልሳይ ሕታም።
http://tridentploughshares.org/article1072#p26
ተመልከት።

**ዕማማት ኣብ መቕርብ ጕጅለ ኣብ እዋን ተግባር**

ኣብ እዋን ዘይጎነጻዊ ተግባር፡ እቲ ተግባር እንታይ ዓይነት ዕማም ከም ዝሓትት ብምርኣይ፡ ናይ መቕርብ ጕጅለ ሰባት ይመርጹ። ናይ ደገፍ ዕማማት ንናይ ተግባር ዓወትን ናይ ተሳተፍቲ ድሕንነትን ኣገዳሲ'ዩ። ኣብዚ መወከሲ-መጽሓፍ ተዘርዚሮም ዘለዉ ዕማማት እቶም ልሙዳት ዝኾኑ'ዮም፡ ንኹሎም ተግባራት ከም ንድፊ ክውሰዱ ግን ኣይግባእን። (ዕማማት ኣብ፡ ቅድምን ድሕሪ ተግባራትን' ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ተመልከት)። ዝተፈላለዩ ተግባራት ዝተፈላለዩ ዕማማት ይደልዩ። ነብሰ-ወከፍ ጕጅለ ብዛዕባ ዝድልይዎም ስራሓትን ኣብ ውጥን ብኣግኡ ከም ዝተሰርዑ ንምርግጋጽ ክሓስቡ ኣለዎም። ኣብ ገለ እዋናት ሰባት ካብ ሓደ ንላዕሊ ዕማም ክወስዱ ይኽእሉ፡ ንኣብነት፡ ናይ ሕጊ ተዓዛቢ ቀዳማይ-ሓጋዚ፡ ምስ ፖሊስ ዝራኸብ፡ ወይ ዋላ ናይ ሚድያ ርክብ ክኸውን ይኽእል። እቲ ቀንዲ ጉዳይ ኩሎም ኣገደስቲ ዕማማት ከም ዝተሸፈኑ ርግጸኛ ምኻኖም፡ ኩሎም ቅድሚ ስራሕ ምጅማሮም ርዝነት ናይ ተወፋይነቶም ክርድኡዎም፡ ዝኾነ ሰብ ዘይክእሎ ዕማም (ደጋፊ ወይ ብኣንጻሩ) ክወስድ የብሉን።

(ምንጪ፡ www.scotland4peace.org/Peace%20Education/
Handout%20Six%20-%20Roles,%20Safety%20and%20
Afinity%20Groups.pdf።)

**ምሕላፍ-ውሳነ**

ኣብ ወሽጢ ዘይጎነጻዊ ምንቅስቓሳት ብፍላይ ኣብ እዋን ዘይጎነጻዊ ተግባራት (ቀጥታዊ)፡ ምሕላፍ-ውሳነ  ፍሉይ ኣድህቦ የድልዮ። ዘይጎነጻዊ ካብ ጎነጽ ዘይምህላው ንላዕሊ'ዩ፡ ምስ ጉዳያት ናይ ስልጣን፡ ምስ ሜላታት ምሕላፍ-ውሳነ  ብቐረባ ይተሓሓዝ። ኣብ ውሽጢ ጕጅለ ሓደስቲ መልክዓት ናይ ምዕብላል ንምጥፋእ፡ ናይ ዘተን መስርሓት ምሕላፍ-ውሳነን ኣሳተፍትን ኣሓየልትን ክኾኑ ይግባእ። ናይ ሓባር ምሕላፍ-ውሳነ

፡ ንኹሎም ክሳተፉን ኣራእዮም ክገልጹን ብምትብባዕ፡ ንውሳነ  ደገፍ ንምርካብ ይፍትን። ናይ ኣባላት ጕጅለ ብናይ ሓባር መስርሕ ስምምዕ ዘተገብረ ውሳነ ፡ ዝያዳ ብትሪ ከም ዝድግፍዎ ኣይጠራጥርን። ሓባራዊ ስምምዕ ኣብ ብዙሕ ዝተፈላለዩ ናይ ጕጅለ ኩነታት ብፍላይ ኣብ ነንሕድሕዶም ዝግበር ናይ ጕጅለ ንዘይጎነጻዊ ተግባራት ንምትግባር ምድላው፡ ከገልግል ይኽእል። ገለ ጕጅለታት ኣብ መጀመርያ ናይ ሓባር ስምምዕ ይፍትኑ፡ ኣብ ውሱን ግዜ እንተዘይሰሊጡ ግን ናብ ድምጺ ምሃብ ዘሐልፍ ስርዓት ይሕዙ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ናኣሽቱ ናይ መቕርብ ጕጅለታት እዚ ኣድላዪ ኣይኰነን።

ኣብ 1980ታት ኣብ ዓዲ ኢንግሊዝ ኣብ ካምቦ ግሪንሃም ኰሞን ብደቀ-ኣንስትዮ ንሰላም ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ፡ ዝተሳተፈት ናይ ሕ.መ.ኣመሪካ ናይ ደቀ-ኣንስትዮ ጻሓፊትን ናይ ዘይጎነጻዊ ዓላሚትን ዝነበረት 'እስታርሃውክ"፡ ኣብ ዑደታ ናይ ባህሊ ፍልልይ ዝፈጠሮ ዘገርም ነገር ኣስተባህለት። 'ብመንጽር ናትና (ሕ.መ.ኣመሪካ) ትብል ንሳ ናይ 'ዌስት ኰስት' ኣካይዳ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ፡ ኣሳለጥቲ፡ ዛዕባ፡ ውጥን፡ ከምኡ'ውን ወግዓዊ መስርሓት፡ ኣብ ርክቦም ፈጺሙ ዝኾነ ቅርጺ ዘሎ ኣይመስልን። ደስ ዘብል ናይ ነጻነት ስምዒትን ብስርዓት ዘይዕገቱ ምዉቕ ዝርርባት'ውን ኣጋጢሙኒ። እቲ ዝፈልጦን ዝትግብሮ ዝነበርኩ መስርሕ ሓባራዊ ስምምዕ፡ ተመሊሰ ክርእዮ እንኰለኹ፡ ኣዝዩ ዝተቐየደን ቀያድን መሲሉ ተራእየኒ። ማዕረ ማዕሪኡ ግን፡ እቲ ናይ ግሪንሃም ኣካይዳ ድኽመታት ኣለዎ። ድሌት ናይ ጕጅለ ኣብ ክንዲ ዘረባ ኣብ ተግባር ምኻኑ፡ ናብ ዝያዳ ሕሉፍን ጥሩፍ ተግባራት ዝኸደ ውሽጣዊ ስሚዒታት ይፈጥር። ብዘይ ኣሳላጢ፡ እተን ዓው ኢለን ዝዛረባ ደቀ-ኣንስትዮ ነቲ ዝርርብ ክዕብልልኦ ይህቅና። መብዛሕትኡ እዋን፡ እተን ፍርሓት፡ ስክፍታታት፡ ወይ ናይ ኣማራጺ ውጥናት ዘለወን ደቀ-ኣንስትዮ ከም ዘይተሰምዓ ይመስለን። ነብሰ-ወከፍ ጕጅለ፡ ምስ ፍሉይ ኩነታቱ ዝሳማማዕ ናይ ምሕላፍ-ውሳነ  መስርሕ ከዐቢ ይግባእ። ኣብ መንጎ ውጥንን፡ ዊን ከም ዝበለካ ምግባርን፡ ኣብ ወግዓዊ መስርሕን ዘይወግዓዊ ነጻ ንኩሉን ዘሎ ሚዛን፡ ኩሉ ግዜ ህያው፡ ኣብ ሓደ ዘይረግእን ተቐያርን'ዩ። ሓደ ዓይነት መገዲ ንኩሉ ጕጅለ ክሰርሕ ኣይክእልን'። (Starhawk, Truth or Dare : Encounters with Power, Authority and Mystery. [Harper Collins 1987]).

እቲ ዝስዕብ ብፍላይ ኣብ ናይ ሓባር ምሕላፍ-ውሳነ  ስምምዕ ዝምልከት እዩ፡ መዓስ'ዩ ናይ ሓባር ስምምዕ ክንጥቀም ከም ዘይብልና ዝብሉ መጠንቀቕታት ናይ እስታርሃውክ ከነስተውዕለሎም ግን ኣገዳሲ እዩ፡

ሀ) ናይ ጕጅለ ኣተሓሳስባ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን (ንኣብነት፡ ኣባላት ንናይ ጕጅለ ሓላፍነት ልዕሊ ናይ ውልቆም ድሌት ዋጋ ምስ ዘይህብዎ፡ ናይ ሓባር ስምምዕ ናይ ተስፋ ምቑራጽ መስርሕ ይኸውን)፡
ለ) ጥዑያት ኣማራጽታት ምስ ዘይህልዉ፡ (ንኣብነት፡ እንተድኣ እቲ ጕጅለ ኣብ መንጎ ኣብ ምርጫንን ምሕናቕን ክመርጽ ኰይኑ።
ሐ) ነቲ ጻዕዳ የዕንትኹም ምርኣይ ክኽእሉ ከለዉ፡ ('ምምራጽ ግዝያዊ መራሒ ብልሕነት ክኸውን ይኽእል')፡
መ) እቲ ጉዳይ ዘይረብሕ ነገር ምስ ዘኸውን ('ሳንቲም ደርብዩ')
ሰ) እቲ ጕጅለ እኹል ዘይኰነ ሓበሬታ ምስ ዝህልዎ።

**ናይ ሓባር ምሕላፍ-ውሳነ ስምምዕ መስርሕ እዩ**

ናይ ሓባር ስምምዕ መስርሓት ናይ ጕጅለ ምሕላፍ-ውሳነ ኰይኑ፡ ኵሎም ኣብ ጕጅለ ዘለዉ ሰባት ናብ ሓባራዊ ስምምዕ ከምጽኦም ይኽእል። ኣብ ምድምማጽ፡ ምክብባርን ብናይ ኵሎም ተሳትፎን መሰረት ዝገበረ'ዩ። እቲ ዕላማ፡ ኵሎም ኣባላት ጕጅለ ዝቕበልዎ ሓደ ውሳነ ምርካብን ንናይ መወዳእታ ውሳነ ድጋፎም ክህብሉ ፍቓደኛታት ምኻኖም ንምርኣይን'ዩ። ንጹር ክኸውን ዘለዎ ግን፡ ምሉእ ስምምዕ ክበሃል ከሎ፡ ነብሰ-ወከፍ በቲ ናይ መወዳእታ ውጺኢት ብሓፈሻ ክዓግብ ኣለዎ ማለት ኣይኰነን፡ ብሓቂ ክረአ እንከሎ ምሉእ ዕግበት ወይ ናይ ነብሰ-ወከፍ ስምምዕ ዳርጋ ኣይርከብን።

ናይ ብዙሕ ድምጺ ዝረኸበ ውሳነ ታት ኣብ ክንዲ ርእይቶ ነንሕድሕድ ምክብባር፡ ናይ ስልጣን ውድድር ቃልሲ ኣብ መንጎ ኣብ ውሽጢ ጕጅለ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ከምርሕ ይኽእል። ብልሓም ኣብ ነንሕድሕድ ምድኻም ይጥቀምሉ። ብኣንጻሩ፡ መስርሕ ናይ ሓባር ስምምዕ፡ ናብ ምብልሓት፡ ርዲኢት፡ ተመኵሮን ናይ ምሉእ ጕጅለ ኣራእያ የበራብር። ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ፍልልያት፡ ንዓሚቕ ናይ ምፍላጥ ድሌትን ንዝዓበየ ብልሕን የነቓቕሕ።



ስለዚ ብኸመይ'ዩ ናይ ምትሕብባር ምሕላፍ-ውሳነ ዝሰርሕ? ናይ ኹሎም ተሳተፍቲ ርእይቶታት፡ ሓሳባትን ታዕቅቦታትን ይስማዕን ይዝረበሉን። ፍልይ ዝበሉ ርእይቶታት ይፍለዩን ከም ነጥቢ ድማ ይተሓዙ። ዝኾነ ሓሳባት ኣይጠፍእን፡ ናይ ነብሰ-ወከፍ ኣባል ዝቕርቦም ሓሳባት ከም ኣካል ናይ ፍታሕ ይኽበሩ። እዚ ዡፉትን ክብረት ዘለዎ ዝርርብን ናብ ናይ ጕጅለ ውሳነ ንምብጻሕ ዘኽእሉ ኣገደስቲ ኲይኖም፡ ---ሰባት ንገዛእ ርእሶምን ኣካላቶምን ኣብ ዘይጎነጻዊ ተግባር 'ኣብ'ቲ መስመር' የቐምጥዎ።

ናይ ሓባር ስምምዕ ዘሐጕስ ክኸውን ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ኣባላት ጕጅለ ናይ ሓባራዊ ስምምዕ ንምፍጣር ብንጥፈት ሜላታት ይደልዩ። ብዙሕ ግዜ'ውን ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል፡ ምኽንያቱ፡ ነብሰ-ወከፍ 'ሓሳባታይ ዝበለጸ ፍታሕ'ዩ' ዝብል ኣጣማምታ ክስዕሮ ሰለ ዝግባእ። ናይ ሓባር ስምምዕ ንዝሓሸ ፍታሓት ንምዕዋት ክሰርሕ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ንዕቤት ማሕበረሰብን ምትእምማንን ኣብ ውሽጢ ጕጅለን ይሕግዝ። ናይ ሓባር ስምምዕ ሓደ ብቀሊሉ ዝረአ ሜላ ናይ ድምጺ ኣዋህህባ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ቀጻሊ መስርሕ'ውን እዩ።

**መርገጽታት ኣብ ውሽጢ ናይ ሓባር ስምምዕ**

እቲ ዕላማ ንምሉእ ድምጺ ውሳነ ስለዘይኰነ፡ ናይ ሓባር ስምምዕ ነቶም እማመ ብጠቕላላ ዘይተቐበልዎ ኣባላት ጕጅለ፡ ቦታ ክዋሃቦም ይግባእ። ተሳተፍቲ ኣብ መስርሕ ምሕላፍ-ውሳነ ፡ እንተድኣ እቲ ጕጅለ ንስክፍቶኦም ብንጥፈት ተቐቢልዎን ሰሚዕዎን፡ ገለ ዕቃበታት ወይ ተቓውሞ ዝገብርሎም ሓሳባት ዝያዳ ንምድጋፍ ይደልዩ። እንተድኣ ሓደ ሰብ ናይ ምድጋፍ ወይ ዘይምድጋፍ ምርጫ ጥራሕ ተዋሂብዎ ወይ ደው ኢሉ ክጸንሕ ኰይኑ፡ ናይ ሓባር ስምምዕ ኣካል ንኽበሃል ውሑድ ዕድል ይህሉ።

ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ጕጅለ፡ ሓሙሽተ መርገጽታት ክህልዋ ይኽእላ፡

- ጹቡቕ ሓሳባት'ዩ ምሉእ ብምሉእ ድማ ይድግፎ። (ምሉእ ስምምዕ)
- ገለ ዕቃቤታት ኣለዉኒ፡ ግን ይድግፎ'የ። (ደገፍ)
- ኣገደስቲ ዕቃቤታት ኣለውኒ፡ ክቕበሎ ግን እኽእል'የ። (ምቕባል)
- ተቓውሞታት ኣለዉኒ፡ ክጸንሕ ግን እኽእል'የ። (ምጽማም)
- ነዚ ክገብሮ ኣይክእልን'የ፡ ነቲ ጕጅለ ግን ካብ ምፍጻሙ ደው ኣየብሎን። (ደው ኢልካ ምጽናሕ)

ብሓቂ፡ እንተድኣ ብዙሓት ሰባት ነቲ ውሳነ ዘይደገፍዎ ወይ ዘይተቐበልዎ ወይ ደው ኢሎም ጸኒሖም፡ ብድሕሪኡ ናይ ሓባር ስምምዕ ድኹም ይኸውን ምናልባት'ውን ብድኹም ውጽኢት የብቅዕ።

ዝኾነ ኰይኑ፡ እቲ ጕጅለ ንሰባት ዕቃበታቶምን ተቓውሞኦምን ንኽገልጹ ከተባብዕዎም ይግባእ፡ ከምኡ'ውን ነቶም ርእይቶታት ክሪኢዎም ክፍትኑ ኣለዎም። እዚ፡ ንእማመ ብምምዕርራይ ወይ ምናልባት'ውን ዳግመ-ምርግጋጽ ብምቕራብ ወይ ኣብ ገለ ነጥብታት መብርሂ ብምሃብ፡ ክግበር ይከኣል። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ፡ ኣብ'ቲ ንዝርርብ ቀሪቡ ዘሎ ዛዕባ ብጠቕላላ ዘይሰማምዑ ውልቀ-ሰባት፡ ከም ዝድግፉ፡ ከም ዝቕበሉ ወይ ነቲ ዝተኣመመ ውሳነ ከም ዝጽመሙ ወይ ምናልባት ዋላ'ውን ደው ኢሎም ክጸንሑ ከም ዝኽእሉ፡ ሓሳባቶም ክፍትሹ ይግባእ።

ውልቀ-ሰባት ኣባላት ጕጅለ ተሪር ተቓውሞታት ወይ ዘይምስምማዕ ክህልዎም ይከኣል፡ ብተመሳሳሊ ግዜ'ውን፡ ኣብ'ቲ ዝበዝሑ ኣባላት ናይ ጕጅለ ዝደገፍዎ ውሳነ ግን ክሳተፉ ይኽእሉ። እዚ ቀንዲ ምስተውዓልን ኣገዳሲ ኣካል ሓቢርካ ናብ ናይ ሓባር ስምምዕ ምምጻእ እዩ። ኣብ መንጎ ምስ ኣብ ጕጅለ ዘለዉ ካልኦት ዘይምስምማዕን ነቲ ናይ ሓባር ስምምዕ ምዕጋትን ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። ዘይምስምማዕ ኣካል ናይቲ ዝርርብ መስርሕ እዩ።

## ናይ ሓባር ስምምዕ ምዕጋት

ናይ ውልቀ-ሰብ ውሳነ ንናይ ሓባር ስምምዕ ምዕጋት፡ ብቐሊሉ ክውሰድ የብሉን። እንተድኣ በቶም ዝተረፉ ኣባላት ጕጅለ ሓያል ደገፍ ዘለዎ ውሳነ ዓጊትካ፡ ነቶም ኣባላት እዚ ውሳነ ኣዝዩ ጌጋ'ዩ፡ ኢኻ ትብሎም ዘለኻ፡ በዚ ምኽንያት'ውን ክካየድ ኣይትደልዮን ኣለኻ ማለት እዩ። ድሕሪ ዝርርብ፡ እንተድኣ ጕጅለ ብሓባር ናብ ስምምዕ ገጹ በጺሑ፡ ሓደ ወይ ዝያዳ ውልቀ-ሰባት ከምዚ ዓይነት ሓያል ተቓውሞ ብምህላዎም ኣካል

ናይቲ ናይ ሓባር ምስምምዕ ክኾኑ ዘይካኣሉ፡ ብድሕሪኡ ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ኣማራጺ ይህልዎም፡

- እዚ ፈጺሙ ዘይቅቡል ወይ ዘይስነ-ምግባራዊ ወይ ዘይሰባኣዊ ውሳነ እዩ። ብዝኾነ ኩነት ነዚ ክድግፎ ኣይክእልን፡ ከምኡ'ውን ጕጅለ ነቲ ውሳነ ክትግብሮ ኣይፍቅድን። (ምዕጋት)
- ነዚ ብጠቕላላ ስለዝቃወሞ፡ ደጊም ምስ ጕጅለ ብሓባር ክሰርሕ ኣይክእልን። (ካብ ጕጅለ ምንስሓብ)

ሓደ ሰብ እንተድኣ ሓያል ተቓውሞታት ኣለዎ፡ ብፍላይ ነቲ ናይ ሓባር ስምምዕ ክዓግት ወሲኑ/ና፡ ብጥንቃቑን ብንጹርን ነቶም ተቓውሞን ንናይ ሓባር ስምምዕ ምዕጋት ምኽንያታት ዝኾኑ ክግለጹ ኣገዳሲ'ዩ። ብርግጽ፡ እቲ ሰብ ንኹላቶም ቁቡል ክኸውን ዝኽእል ዝሓሸ ርእይቶ ከቐርብ ሓላፍነት ክስዋዖ ኣለዎ። እዚ፡ ካልኦት ነቲ ተቓውሞ ክርድእዎን ነቲ ዘሎ ፍልልያት ናብ ምንጻር ንምምራሕ፡ ክሕግዝ ይኽእል። ብዝኾነ፡ እቲ ሰብ ንተቓውምኡን ስክፍትኡን ምልስ ኢሉ ክሪኦ፡ እንተድኣ ናይ ምዕጋት ውሳኒኡ ንምስሓብን ደው ኢልካ ምጽናሕን ዝኽእል ኰይኑ፡ እሞ ናይ ጕጅለ ውሳነ ተቐቢሉ ዘፍቅደሎም ኰይኑ፡ ዕድል ስለ ዝህብ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ።

**ምስናድ (ደቓይቕ) ኣብ ውሳነ ናይ ሓባር ስምምዕ**

ናብ ሓባራዊ ስምምዕ ውሳነ ምስ ተበጽሐ፡ ንኹሎም ነቶም 'ምሉእ ስምምዕ' ዘይወሰዱ፡ ስክፍትኦም፡ ዕቃበታቶም፡ ወይ ተቓውሞኦም ንኽገልጹ ምሕታት ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል። ነዞም ስክፍታት፡ ዕቃበታት፡ ወይ ተቓውሞታት ብሓባር ምስቲ ውሳነ ኣብ ደቓይቕ ምስናድ፡ ኣብ ናይ መጻኢ ወይ ድሕሪ ውሳነ ዝስዕብ ዝርርባት፡ እቲ ጕጅለ ንፍልልያት ርእይቶታት ክብሪ ከም ዝህቦ ብኑጹር የመልክት። ኩሉ ግዜ በዚ መዳይ፡ እተን ንናይ ንኡሳን ርእይቶ ብዕቱብ ዝቕበላ ጕጅለታት ኣብ ንጥፈታቶምን ተግባሮምን ሕብረት ይድልበሎም።

**እንተድኣ ጕጅለ ናብ ሓባራዊ ስምምዕ ክበጽሕ ዘይካለ**

እንተድኣ እቲ ጕጅለ ናብ ናይ ሓባር ስምምዕ ክበጽሕ ዘይኪኢሉ፡ ምናልባት እቲ ጕጅለ ውሳነ ንምሕላፍ እኹል ዝኾነ ሓበሬታ የብሉን ይኸውን። ምናልባት'ውን ዝያዳ ናይ ምዝርራብ ግዜ ይድሊዶ ይኸውን? እቲ ውሳነ ከማሓላለፍዶ ኣለዎ? እቲ ጕጅለ ሓድሽ እማመ ክሓትትዶ ደልዩ ይኸውን? ብንኡስ ሽማግለ ዝወጸ ገለ ኣማራጺ እማመታት ሓገዝቲዶ ይኾኑ?

**ናይ ሓባር ስምምዕ ክትጥቀም ኰለኻ ዘለዉ ኣገደስቲ ገጻት**

ናይ ሓባር ስምምዕ ኣብ ምዕባይ ሓያሎ ዝተፈላለዩ መልክዓትን መገድታትን ኣለዉ፡ እቲ ዝሰፍሐ ተመኵሮ ከም ዝርእዮ'ውን ክሰርሕ ከም ዝኽእል'ዩ። ግን፡ ናይ ሓባር ስምምዕ ምዕባይ ከም ዝከኣል ንምግባር፡ ውሑዳት ኩነታት ክማልኡ ኣለዎም፡

- ናይ ሓባር ዕላማ ወይ ረብሓ- ኹላቶም ኣባላት ጕጅለ ኣብ ሓባራዊ ዕላማ ወይ ሓባራዊ ረብሓ ክሓብሩ የድሊ፡ ኣብ ተገባር፡ ብሓባራዊ ምንባር፡ ወይ ንከባቢኻ ኣብ ምግራብ ክኸውን ይኽእል። ናይ ጕጅለ ሓፈሻዊ ዕላማ ኣየናይ ምዃኑ ብንጹር ንምሓዝን ምጽሓፉን ይሕግዝ። ናይ ሓባር ስምምዕ ንምዕዋት ከቢድ መሲሉ ኣብ ዝራኣዩሉ ኩነታት፡ ናብቲ ናይ ሓባር ዕላማ ተመሊስካ ክትሪኦን እቲ ጕጅለ መን'ዩ ኢልካ ንኽትዝክርን ይሕግዘካ። ናይ ሓባር ስምምዕ- ተወፋይነት፡ ጽንዓት፡ ከምኡ'ውን ድሌት ናይ ሓባር ዕላማ ወይ ረብሓ ቀዳምነት ክትገብረሉ ይሓትት።
- ተወፋይነት ንምዕባይ ናይ ሓባር ስምምዕ-- ዝሓየለ ተወፋይነት ኣብ ምጥቃም ናይ ሓባር ስምምዕ ምስ ዝህሉ፡ ብዝሓሸ ድማ ይሰርሕ። እንተድኣ ገለ ውልቀ-ሰባት ናብ ናይ ኣብዛሓ ድምጺ ክምለሱ ደልዮምን ንናይ 'ኣይሰርሕን'ዩ ኢለኩም ነይረ እንድየ' ዕድል ዝጽበዩ ኰይኖም፡ እዚ ንናይ ጕጅለ መስርሕ ጎዳኢ ክኸውን ይኽእል።
- እኹል ግዜ-- ከም'ዚ ስራሕ ክትሰርሕ ንኽትማሃር ግዜ ይወስድ። ጕጅለ ኣብ መስርሕ ዝያዳ ሞያዊ ኣብ ዝኾነሉ፡ ንናይ ሓባር ስምምዕ ምሕላፍ-ውሳነ  ዘድሊ ግዜ እናሓጸረ ይኸይድ። እንተድኣ ጕጅለ ዝተበታተነ ሓያል ርእይቶታት ዘለዎ ኰይኑ፡ ናይ ሓባር ስምምዕ ንምብጻሕ ዝያዳ ግዜ ከድሊ ይኽእል።
- ንጹር መስርሕ-- እቲ ጕጅለ ንዘለዉ ጉዳያት ንምፍታሕ ዝጥቀመሉ መስርሕ ንጹር ምዃኑ ምርግጋጽ። ኣብ መስርሕን መምርሕን ኣቐዲምካ ምስምማዕ። ኣብ መብዛሕቱኡ ጉዳያት፡ ነቲ ጕጅለ ኣብ'ቲ መስርሕ ከንቀሳቕሶ፡ ምህላው ሓደ ወይ ብዙሓት ኣሳለጥቲ የጠቓልል።

**መሰርሕ ምድላይ ናይ ሓባር ስምምዕ**

- ንዝርርብ ዝኾኑ ኣርእስትታት ብግቡእ ክዳለዉ ይግባእ። እቲ ውሳነ  ዝግበረሉ ጉዳይ ብንጹር ክስራዕ ይግባእ።

- ዝተፈላለዩ ርእይቶታት ብኽፉት ክግለጹ የድሊ። ነብሰ-ወከፍ ንሪኢትኡን ስክፍትኡን ንኸዛረብ ዕድል ክዋሃቦ ይግባእ።
- ነብሰ-ወከፍ ተሳታፋይ ናይ ምዝራብ ዕድል ረኺቡ ብምሉእ ንኽስማዕ፡ ኣብ ትሕቲ ዚተሰማማዕላሎም ሕግታት፡ ነቲ ሓደ ሰብ ንምዝራብ ዝሓቶ ቍጽሪ ወይ ሓደ ሰብ ዝዛረበሉ ናይ ግዜ ዓቐን፡ ክውሰን ይኽእል።
- ዝርርባት ንጡፍ ናይ ምድምማጽን ሓበሬታ ምልውዋጥን የጠቓልል። ዝተፈላለዩ ስክፍታትን ሓበሬታን ክሳብ ናይ ጕጅለ ስሚዒታት ዝንጸረሎም ክካፈሉ።
- ናይ ተቓወምቲ ኣራእያታት ክስምዑ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ክሕቆፉን ኣብ ዝርርብ ብግቡእ ይጣቓለሉ።
- ፍልልያት ብዘተ ይፍትሑ። ኣሳለጥቲ ኣብ ምፍላይ ናይ መሰማምዕን መፈላለይን ነጥብታት ብምርኣይ ብምሕጋዝ፡ ንዝዓመቐ ዝርርብ የተባብዑ።
- ካልኦት ስክፍታት እንተድኣ ኣለዉ ብምሕታት፡ ብድምጺ ምሃብ ኣራእያ ናይ ጕጅለ ብምሕታት፡ ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ስምምዕ ውሳነ  ጽሚቕ ብምእማም፡ ኣሳለጥቲ ንስምዒት ናይ ዝርርብ ብምንጻር ንመስርሕ ናይ ሓባር ስምምዕ ይሕግዙ።
- ሓሳባትን ፍታሓትን ምስ ጕጅለ ይካፈል፡ ናይ ውልቀ-ሰብ ኣይኰኑን። እቲ ጕጅለ ብምሉኡ ንውሳነ  ተሓታትን እቲ ውሳነ ድማ ናይቲ ጕጅለ'ዩ።

**ናብ ሓባራዊ ስምምዕ ዘብጽሑ ግብራዊ ስጉምትታት**

ብዙሓት ኣብነታት ናይ ሓባር ስምምዕ ኣለዉ፡ (ኣብ ዝርዝር ደረጃታት ኣብ'ዚ ምዕራፍ ተመልከት)። እዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ኣካይዳ ካብ 'ናይ *ሰላም ዜና* ዝተወስደ እዩ።

1) እቲ ጸገም ወይ እቲ ዝግበር ወሳኔ ይርቋሕን ይግለጽን። ከም'ዚ ምግባር ነቲ ጸገም/ሕቶ ካብቲ ናይ ውልቃውነት ስለ ዝፈልዮ፡ ሓጋዚ'ዩ።
2) ዝትግበሩ ፍታሓት ምምንጫው/ናይ ሓንጎል-ማዕበል። ዋላ እቶም ዘይመስሉ ከይተረፈ ኹላቶም ምጽሓፍ፡ ነቲ ዘሎ ሓይሊ ብቑልጡፍ ክብ ብምባል፡ ኣብ ሓንጎልካ ዝመጹ ርእይቶታት ምዕባይ።
3) ኣብ ኩነታት ናይ ሕቶታት ወይ መብርሂ ዕድል ምፍጣር።

4) ኣብ'ቶም ዝተጻሕፉ ኣማራጽታት ዝርርብ ምግባር። ንገለ ብምምሕያሽ፡ ንኻልኦት ብምስራዝ፡ ሓጺር ዝርዝር ምዕባይ። ኣዮኖት እዮም ተፈተውቲ?
5) ንኩሉ ንጹር መታን ክኸውን፡ ነቲ እማመ ወይ ናይ እማመታት ምርጫ ምቕራብ። (ኣብ ገለ እዋናት ናብ ናኣሽቱ ንኡስ-ጕጅለታት ብምዝርዛር ነብሰ-ወከፍ ብንጹርን ቀጻልን እማመ ምጽሓፍ፡ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል።)
6) ናይ ነብሰ-ወከፍ ጽቡቕን ሕማቕ ጎንን ናይ እማመ ምዝርራብ፡ ኩሉ ድማ ናይ ኣበርክቶ ዕድል ክህልዎ ምርግጋጽ።
7) ነቲ ዝቐረበ እማመ እንተድኣ ሓያል ተቓውሞታት ኣሎ ኰይኑ፡ ናብ ደረጃ 6 ምምላስ። (እዚ ቁሩብ ግዜ ወዳኢ'ዩ።) ኣብ ገለ እዋናት ናብ ደረጃ 4 ምምላስ የድሊ።
8) እንተድኣ ዓቢ ተቓውሞታት ዘይሃለዉ፡ ነቲ ውሳነ ታት ምውሳድን ንስምምዕ ምፍታንን።
9) ንኑኡሳን ተቓውሞታት ምፍላጥን ዘይጓዳእ ምምሕያሻት ምትእትታውን።
10) ምዝርራብ።
11) ሓባራዊ ስምምዕ ከም ዘሎ ምርግጋጽ

ኣብ ዝተፈላለየ ግዜያት ኣብ እዋን ዝርርብ ብፍላይ ኣብ ኣካራኻሪ ጉዳያት፡ ጕጅለ ኣብ ናይ ሓባራዊ ስምምዕ ዘለዎም መርገጺ ንምፍላጥ፡ ናይ ሓባር ድምጺ (straw poll) ምሃብ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል። ናይ ሓባር ድምጺ ምሃብ ከም መፈተኒ ናይ ጕጅለ መርገጺ እምበር፡ ናይ መወዳእታ ውሳነ ናይ ሓባር ስምምዕ መርገጺ ኣይኰነን። ሓደ ቀሊል መገዲ ቁልጡፍ ናይ ሓባር ድምጺ ንምግባር፡ ተሳተፍቲ ኣጻብዕቶም ሓፍ ኣቢሎም ምልክታት ንኸርእዩ ምሕታት'ዩ። ሓምሽተ ኣጻብዕቲ ንምሉእ ስምምዕ፡ ኣርባዕተ ኣጻብዕቲ ናይ ደጋፍ፡ ሰለስተ ኣጻብዕቲ ናይ ምቕባል፡ ክልተ ናይ ምጽማም፡ ሓደ ናይ ደው ኢልካ ምጽናሕ፡ ከምኡ'ውን ምዕሚኽ ኢድ ናይ ምዕጋት ምልክታ ይኸውን።

## ናይ ሓባር ምሕላፍ-ውሳነ ስእላዊ መግለጺ (ዲያግራም)

1) ንጉዳያት ምልላይ ---ኵሎም ኣድለይቲ ሓበሬታ ምእካብን ምክፋልን፡
2) ንሕቶታት ምብራህ---እቶም ኣድለይቲ ሕቶታት ኣየኖት'ዮም? ቅኑዕ ግዜ/ቦታ/ጕጅለን ዲዩ? ሕቶታት በብሓደ ተቐበል፡

3) ዝርርብ----ኣብ መጀመርያ ሓሳባት፡ ግብረ-መልስታት፡ መደባት ኣቃልሕ፡
4) እማመ/ታት ምቕራብ---ንናይ ኹሎም ርእይቶታት ንምውህሃድ ፈትን፡
5) ኣብ እማመ/ታት ምዝርራብ---ነቶም ነጥብታት ኣብ ጽቡቕ ጎንታቶምን ድኽመቶምን ተመልከት፡
6) ንእማመታት ምምሕያሽ ወይ ምቕያር---ዝኾኑ ስክፍታታት ኣብ ግምት የእትዎም፡ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ'ዚ ደረጃ እቲ እማመ ብጠቕላላ ይቕየር፡
7) ንሓባራዊ ስምምዕ ምፍታን፡ መን ምስ እማመ ይሰማማዕ ወይ ኣይሰማማዕን ኢልካ ምሕታት። እቶም ቀንዲ/ዓበይቲ ተቓውሞታት ኣየኖት እዮም? ዝኾነ ናይ እማመ ምዕጻዋትከ ኣለውዶ?---እቲ ዝዓበየ ተቓውሞ ዝበሃል ንእማመ ዘይምፍታው ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኣብ መሰረታዊ ትሕዝቶ ናይ እማመ ዘይምስምማዕ ማለት እዩ።

> ንልምምድ ኣብ ምትግባር ናይ ሓባር ስምምዕ፡ 'ምሕላፍ-ውሳነ '፡ ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት።


**ሓባራዊ ስምምዕ ኣብ ዓበይቲ ጕጅለታት፡ ወሃቢ-ቃል ሽማግለ**

እዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ኣብነት ናይ ሓባር ስምምዕ ምሕላፍ-ውሳነ ኣብ ውሽጢ ሓደ ጕጅለ ብጹቡቕ ይሰርሕ። ዓበይቲ ዘይጎነጻዊ ተገባራት ግን ናይ ሓያሎ ናይ መቕርብ ጕጅለ ምትሕብባር ይሓትት፡ ነዚ ንምግባር ሓደ ሜላ ናይ ወሃብቲ-ቃል ሽማግለ ምጥቃም'ዩ። ወሃብቲ-ቃል ሽማግለ ኣብ ዓበይቲ ጕጅለታት ንናይ ሓባር ስምምዕ ውሳነ ታት ንምሕላፍ ዘገልግሉ እዮም። ኣብ ሓደ ወሃብቲ-ቃል ሽማግለ ውልቀ ወሃብቲ-ቃል ካብ ናኣሽቱ ጕጅለታት ብሓባር ናይ ሓባር ውሳነ ታት ይገብሩ። ነብሲ-ወከፍ ጕጅለ ብናይ ገዛእ ርእሶም 'ዋሃብ-ቃል' ይውከል። እቲ ጕጅለ ኣብ ዓበይቲ ርክባት ብመንገዱ/ዳ ብምርኻብ፡ ኣማኢት ሰባት ኣብ ናይ ናኣሽቱ ጕጅለ ዝርርብ ንኽውከሉ የፍቅድ። እቲ ዋሃብ-ቃል እንታይ ክገብር ዓቕሚ ከም ዘለዎ ናቱ/ናታ ናይ መቕርብ ጕጅለ ሓላፍነት ይኸውን። ወሃብቲ-ቃል ቅድሚ ምዝርራቦም ወይ ምስ ገለ ጉዳያት ምስምምዖም፡ ምስ ጕጅለታቶም ክማኸሩ ከድልዮም ይኽእል።

ናይ ዋሃቢቲ-ቃል ሽማግለ ሜላታት ንምጥቃም፡ ኣብ'ዚ ጽሚቕ መስርሕ ቀሪቦም ኣለዉ። (ሓበሬታ፡ ኣብ ደረጃ ሓደን ክልተን ዘለዉ፡

ኣቐዲምካ ኣብ ናኣሽቱ ንጽል ናይ መቐርብ ጉጅለታት ክካየዱ'ውን ይኽእሉ።)

1) ምሉእ ጉጅለ (ኵሎም ተሳተፍቲ ናይ ኵሎም ናይ መቐርብ ጉጅለታት) ነቲ ጉዳይ ብምልላይ ኩሉ ኣድላዪ ሓበሬታ ምሃብ።
2) ንናይ ሓባር ስምምዕን መስርሕ ዋሃቢ-ቃል ሽማግለን ግለጾም።
3) ናሓሽቱ ጉጅለታት መስርት (ናይ መቐርብ ጉጅለታት)። እዚኣቶም፡ ኣብ ኣኼባ ሃንደበት ሰባት ምምራጽ፡ ዝጸንሑ ናይ መቐርብ ጉጅለታት፡ ወይ ብመሰርት ዝነብሩሉ ቦታ ወይ ናይ ሓባር ቋንቋ ክኸውን ይኽእል።
4) እቶም ናኣሽቱ ጉጅለታት ኣብ ጉዳያት ብምዝርራብ፡ ሓሳባት ብምእካብ፡ ኣብ ጽቡቕ ጎንን ሕማቕ ጎንን ብምዝርራብ፡ ናብ ሓደ ወይ ዝያዳ እማመታት ይበጽሑ።
5) ነብሲ-ወከፍ ንእሽቶ ጉጅለ ዋሃቢ-ቃላ ትሓሪ፡ (ነቲ ናይ ጉጅለ ኣራእያ ኣብ ናይ ዋሃቢ-ቃል ሽማግለ ዝውክል ሰብ) ናኣሽቱ ጉጅለታት ነቲ ዋሃብ-ቃል ናይ ጉጅለ ተላኣኺይ ይውስኑ። (ንኣብነት… ኣብ መንጎ እቲ ንእሽቶይ ጉጅለን ዋሃቢ-ቃል ሽማግለን በቢግዚኡ ሓበሬታ የማሓላልፍ) ወይ እቲ ዋሃቢ-ቃለ ኣብ ክንዲ ጉጅለ ኰይኑ ኣብ ዋሃቢ-ቃል ሽማግለ ውሳነ የሕልፍ።
6) ካብ ኵሎም ጉጅለታት ወሃብቲ-ቃል ብምምጻእ ወሃብቲ-ቃል ሽማግለ ይኸውኑ። ናይ ናኣሽቱ ጉጅለኦም ኣራእያ የቕርቡ። ወሃብቲ-ቃል ዝርርብ ብምግባር ነቲ ዝተፈላለየ ናይ እማመ ኣራእያታት ብምውህሃድ ናብ ሓደ ክሰርሕ ዝኽእል ሓሳባት የምጽእዎ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ወሃብቲ-ቃል ናብ ጉጅለታቶም ንመብርሂ ወይ ነቲ ቀሪቡ ዘሎ ዝተማሓየሸ እማመ ብምጥቃስ ብጉጅሎም ቅቡል ክኸውን እንተድኣ ኰይኑ፡ ክድውሉ የድልዮም። ወሃብቲ-ቃል ናይ ውልቀም ርእይቶ ዝይኰነስ፡ ብሽም ጉጅለኦም ክዛረቡ'ዩ ትጽቢት ዝግበረሎም።
7) ሓንሳብ እቲ ሽማግለ ወሃብቲ-ቃል ኣብ ሓደ ወይ ቡዙሓት እማመታት ምስ በጽሐ፡ ወሃብቲ-ቃል ምስ ጉጅለታቶም ብምርኻብ፡ ንስምምዕን ተቓውሞን የረጋግጹ። ጉጅለታት'ውን ኣብ'ቲ ዝቐረበ እማመታት ዝያዳ ምምሕያሻት ክግበረሉ ርእይቶ ክህቡ ይኽእሉ።




1 ወሃብቲ-ቃል እንደገና ኣብ ሽምግለ ወሃብቲ-ቃል ተራኺቦም፡ እቶም ጉጅለታት እንተድኣ ተሰማሚዖም ኰይኖም የረጋግጹ። ኩሎም ጉጅለታት እንተ ዘይተሰማምዑ፡ እቲ ናይ ዘተ ምምልላስ ይቕጽል፡ ኣብ መንጎ ናኣሽቱ ጉጅለታት ንሽማግለ ወሃብቲ-ቃል ክረኽብዎም ኣማራጽ ምግባር።

2 ንዝተፈላለዩ ኣባላት ናኣሽቱ ጉጅለ ኣብ ጉጅለኦም ከም ወሃብቲ-ቃል ንኽሰርሑ ዕድል ንምሃብ፡ መብዛሓቱኡ እዋናት፡ ናኣሽቱ ጉጅለታት ወሃብቲ-ቃል ይቕይርዎም።

| |
|---|
| ንልምምድ ኣጠቓቕማ ሽማግለ ወሃብቲ-ቃል 'ምሕላፍ-ውሳነ ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት) |

**ተመኩሮታትን ጸገማትን**

ኣብ\ዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ኣብነታት ናይ መቕርብ ጉጅለታትን ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ምሕላፍ-ውሳነ ን፡ ንሰፊሕ ዝርገሐ ናይ ናኣሽቱን ዓቢ-መሳልል ናይ ዘይጎነጻዊ ተግባራት ከገልግል ጸኒሑ። ኣብ 1970ታት ጸረ-ኑክለር ሓይሊ ተግባራት ኣብ (ሲብሩክ፡ ኒው ሃምፐሽር፡ ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ቶርነስ፡ ስኰትላንድ)፡ ኣብ ጀርመን ኣብ 1980ታትን 1990ታትን

ብዙሓት ጸረ-ኑክለር ጽዓትን ናይ ኣጽዋር ምቕናስ ተግባራትን ከምኡ'ውን ኣብ 1999 ጸረ-ግሎባላዊ ተግባራት ኣብ (ሲያትል. ዋሽንግቶን ሕ.መ.ኣመሪካ)፡ ተጠቂሞምሎም ነይሮም። ገለ ካብቶም ዓበይቲ ተግባራት ናይ መቕርብ ጕጅለ/ሽማግለ ወሃብቲ-ቃል/ኣብነት ብሓባር ስምምዕ ምሕላፍ-ውሳነ  ኣብነታት ብምጥቃም ናብ 2000 ወይ ዝያዳ ተሳተፍቲ ዓብዩ። (ንኣብነት…1996 ኣብ ሲብሩክ፡ ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ናይ 1997 ተቓውሞ ኣንጻር ናይ ኑክለር-ጓሓፍ መጓዓዝያ ኣብ ቨንድላንድ. ጀርመን። ኣብ http://www.castor.de/diskus/gruppen/x1000mal/5rundbri.html#Auswertung%20des%20SprechenInnenrates) ተመልከት)። ካብዞም ተመኩሮታት መብዛሓትኦም ናብ ዝተቐየረ ናይ ፖለቲካ ከባቢ ብምምልካት፡ ብፍላይ ኣብ ዘይጎነጻዊ ተግባራትን ጎስጓሳትን ዕቤት ናይ ዘይምእኩል ተሳትፎ የመልክቱ። እዚ ተመኩሮ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብኸመይ ጕጅለታት ዓቢ ተግባራት ይውደብ ጽልዋ ኣለዎ።

ኣዝዮም ውሑዳት ናይ መቕርብ ጕጅለታት ናይ ነዊሕ ግዜ መደብ ይሰርሑ። ንኣብነት፡ ናይ ጀርመን ጸረ-ኑክለር ጎስጓስ፡ ብውሑዳት ናይ መቕርብ ጕጅለታት ከም ዓንዲ ሕቖ ብምኳን ኣብ ጽርግያ 'ኣሻሓት' ተሳተፍቲ ንኽርከቡ ምኽንያት ይኾኑ። መብዛሕትኦም ተሓለቕቲ ነዚ ናይ ጎስጓስ ተግባራት ከም ውልቀ-ሰባት ወይ ብናኣሽቱ ጕጅለታት ኰይኖም ይሕወስዎ፡ ኣብ'ቲ ናይ ተግባር ቦታ ምስ በጽሑ ናይ መቕርብ ጕጅለታት የቑሙ። ስለዚ፡ ቅድሚ ነብሲ-ወከፍ ተግባር ድሉው ኰይኑ ኣብ ተግባር ዝሳተፍ ማሕበረሰብ ንምፍጣር፡ ንነብሲ-ወከፍ ተግባር ናይ ሓደ ወይ ክልተ ማዓልታት ምድላዋት የድልዩ። ዋላ እቲ ማሕበረሰብ ካብቲ ክኾኖ ዝግባእ ቀንዲ ተሳተፍቲ ንላዕሊ ይኸውን። መብዛሕትኦም ተሓለቕቲ ብዘይ ብዙሕ ምድላውን ብፍንውን ይጽንበሩ፡ እቲ ተግባር ነዚ ግብራዊ ንምግባር ተባሂሉ ክትለም ይግቦኦ።
(Jochen Stay, Preconditions and Social-Political Factors for Mass Civil Disobedience, The Broken Rifle, No 69, March 2006: http://wri-irg.org/pdf/br69-en.pdf) ተመልከት።
ሓደ ካብቲ ዕላማታት ንምውህሃድ ብዙሓት ሓደሽቲ ቍጽሪ ተሓለቕቲ እንተድኣ ኰይኑ፡ እዚ ቅርጺ ዝያዳ ተመራጻይ'ዩ። እቲ ተግባር ዝያዳ ትሑት-ሓደጋን ንህዝቢ ዝሕበርን እዩ።

ካልእ ኣማራጺ ነቲ ዝዓበየ ተግባራት ኣብ ርእሰ ምርኰሳ ዘለወን ውልቀ መቕርብ ጕጅለታት ምምርኳስ እዩ፡ እዞም ከምዚ ዓይነት ጕጅለታት ዝተፍላለዩ ናኣሽቱ-ደረጃ ተግባራት ኣብ ሓደ እዋን ብሓንሳብ ዝትልማን ዝትግብራን እየን። እቲ ዓቢ-ደረጃ ብብዙሓት ብሓንሳብ ጎንጎኒ

ዝካየዱ ተግባራት ዕውታት ይኾኑ። እዚ ቅርጺ'ዚ ተግባራት ንዝለዓለ-ሓደጋ ወይ ዝለዓለ ደረጃ ናይ መድቆስቲ ትጽቢት ክግበረሉ ኣብ ዝከኣል ኩነታት ዝያዳ ይሰማማዕ።

ዋላ'ኳ ናይ መቕርብ ጕጅለ/ሽማግለ ወሃብቲ-ቃል ቅርጺ ብዝተፈላለዩ ጎስጓሳትን ተግባራትን ብዕዉት ተጠቒሞሙሎም እንተኾኑ፡ ገና'ውን ዝያዳ ክዓቢ ይኽእል። ምስ ከምዚ ዓይነት ቅርጺ ተመሓዚ ዘይብሎም ጕጅለታት፡ ንረብሓታቱ ክጥቀምሉ ይኽእሉ። ምስ ዓበይቲ ጕጅለታት ክትጥቀመሉ ኩለኻ፡ ዝያዳ ተመሓዝሮን ገምጋምን ኣድለይቲ እዮም።

## መቆጻጸሪ-ዝርዝር ንምውጣን ተግባር

**ንተግባር ምድላው**

ናይ ሓደ-እዋን ተግባር ንኽትገብር ክትዳሎ እትደልየሉ ግዜያት ክህሉ ይኽእል፡ እዚ ምናልባት ንናይ ካልኦት ጎስጓስ ኣበርክቶ ክትገብር፡ ወይ ከም ንበይንኻ-ደው ምባል ፍጻሜ ክኸውን ይኽእል። ኣብ ካልእ ግዜ'ውን፡ ነብሲ-ወከፍ ተግባር ሓደ ስጉምቲ ናብቲ ዝዓበየ ናይ ጎስጓስ ዕላማታትኩም ዘምርሕ ኩይኑ፡ ኣካል ናይቲ ዝሰፍሐ ናይ ጎስጓስ እስትራተጅኹም ክኸውን ይኽእል። ስዒቡ ንተግባር ክትውጥኑ ኩለኹም ኣብ ግምት ከተእትውዎም ዘለኩም ናይ ምሉእ-ዝርዝር ነቕርበልኩም።

**ቅድሚ ተግባር**

ቅጥዒ

- እቲ ትንታነ ናይቲ ኩነታት እንታይ'ዩ?
- እቲ ጕጅለ ኣየናይ ቅርጽ'ዩ ክጥቀም? ውሳነ ታት መን ይገብሮን ብኸመይን?
- እቲ እስትራተጂካዊ ዕላም እንታይ'ዩ (እዚ ማለት..ነየኖት ኢና ክንጸሉ ንፍትን ዘለና፡ እንታይ ክገብሩ ኢና ንደሊ)?
- እቲ ፖለቲካዊ ዕላማ ኣየናይ'ዩ (እቲ ተግባር ወይ ፍጻመ እንታይ'ዩ)?
- እዚ ከምዚ ዓይነት ፍጻመ ኣብ ቅድሚ፡ ኣብ እዋንን፡ ብድሕሪኡን ብኸመይ ነቲ ናይ ጕጅለ ዕላማታት የማሓላልፍ?
- እቲ ጕጅለ ናይ ዘይጎነጻዊ ተወፋይነቱ ብኸመይ ይገልጾ? (ናይ ዘይጎነጻዊ መምርሕታት ወይ ዘተነጸሩ መትከላት ኣለው ድዮም)? (ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ኣርባዕተን ምዕራፍ ሓምሽተን ተመልከት።)

- እቲ ፍጻመ ከመይ ክኸውን'ዩ? (ቦታን ግዜን ዝሓወሰ)
- መን'ዩ ሓፈሻዊ ናይ ፍጻመ ኣዋሃሃዲ ክህብ?
- እቲ ተግባር መዓስን ብኸመይን ክፍጸም ትጽበ?

> ንዝያዳ ሓሳባትን ልምምድን፡ ምምዕባል ውጺኢታዊ እስትራተጂን ኣካላት ጎስጓሳትን ኣብ ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት።

**ምብጻሕ**

- እቲ ጉጅለ ምስ ካልኦት ጉጅለታት ወይ ማሕበረሰባት ክሰርሕ ይፍትን ዶ? እንድሕር ኰይኑ፡ ኣይኖት ጉጅለታት መንከ ነቲ ርክብ ክገብሮ'ዩ? (ኣብ 'Spectrum of Allies' exercise, ገጽ.. ተመልከት)
- ንህዝቢ እንታይ ከም ዝገብር ዝገልጽ፡ እቲ ጉጅለ በራሪ ጽሑፋት ክህልዎ ድዩ? እንተሎ መን'ዩ ከዳልዎ?
- እንታይ ዓይነት ምፍላጥ ኢኹም ክትገብሩ? ንኻልኦት ሰባት ብምርካብ ምሳኹም ክሕወሱ ክትፍትኑ ዲኹም? እንተኾይኑ መን ክገብሮዩ?
- እንታይ ዓይነት ናይ ሚድያ ስራሕ ክትገብሩ ኢኹም? ኣቐዲምኩም ጋዜጣዊ መግለጺ ከተውጹኡ ዲኹም? ኣብ'ቲ እዋን ንፕረስ ንምዝራብ ቁሩባት ዝኾኑ ወሃብቲ-ቃል ክህልዉ ዲዮም? ናይ 'መዛረቢ ነጥብታት ዝሓዘ' ናይ ሚድያ ሓበሬታ ክህሉ ዲዩ? ናይ ሚድያ ንኡስ-ሽማግለ የድልዮኩም ዶ? (ኣብ 'ተራ ናይ ሚድያ'፡ ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት)

**ናይ ተሳተፍቲ ምድላው**

- 'ተሳተፍቲ ካብ ተግባር ኣየኖት ዕድላት ንኽረኽቡ ይዳለዉ? ናይ ምልላይ ርክባት ኣለውዶ? ምዕባለ ናይ መቕርብ ጉጅለ? ዘይጎነጻዊ ታዕሊም? ናይ ክእለት ታዕሊም፡ ናይ ሕጊ ሓበሬታ/መምርሕታት ምርካብ ኣለዉ ዶ?
- ተሳተፍቲ ብዛዕባ ዝተሓስበ ስራሕ ኣብ ምውሳን ዓቕሚ ኣለዎም ዶ? ብኸመይ ይካየድ? እቲ ናይ ጉጅለ መስርሕ ንኩሉ ብሩህ ድዩ?
- ነቶም 'ቀጥታዊ ተግባር' ዝሰርሑ ጥራሕ ዘይኰኑስ፡ ንውጺኢታዊ ተግባር ናይ ብዙሓት ተራ ኣድላዪ ምኳኑ ንኩሉ ንጹር ድዩ?




**ሎጂስቲካዊ ምድላው**

- ንግዜ ቦታን ዝምልከት ሎጀስቲካት ብግቡእ ዶ ተመዲቦም?
- ኩሎም ንብረት ተዳልዮምን ናይ ዝርጋሐ ውጥንከ ኣሎዶ?

**ኣብ እዋን ተግባር**

- ኣብ መንነ ዝተፈላለዩ ዕማማት ዝሰርሑ ማለት ምስ ፖሊስ ዝራኸቡ፡ ናይ ሕጊ ተዓዘብቲ፡ ናይ ሚድያ ወሃብቲ-ቃል፡ ጋንታ ሕክምና፡ ናይ ማእሰርቲ ሓደጋ ዘወስዱ ሰባት፡ ደገፍትን ሰልፈኛታትን፡ ናይ መራኸቢ ኣገባብ ኣሎዶ? (ኣብ 'ዕማማት ኣብ ውሽጢ፡ ቅድሚን ድሕርን ተግባር' ተመልከት)
- ብናይ ስእልን ቪድዮን ገይሩ ዝስንድ ዘሎ መን'ዩ?
- እቲ ናይ ምሕላፍ-ውሳነ  መስርሕ ንጹር ድዩ?

**ድሕሪ ተግባር**

- እንተድኣ ስባት ተኣሲሮም ነይሮም፡ ናይ ሕግን ቤት-ማእሰርቲ ደገፍ ኣሎዶ? ( ኣብ 'ናይ ሕጊ ደገፍን" 'ናይ ቤት-ማእሰርቲ ደገፍ' ዝብል ተመልከት)
- ናይ ሚድያ ሳዓቢ ስርሓት፡ ሓበሬታ ናይ ተግባር ናብ ቀንዲ ምንጭታትን መተካእታ ሚድያ  ምዝርጋሕ ይስራሕዶ'ሎ?
- እቲ ጕጅለ ነቲ ተግባር ገምጊምዎዶ? (ኣብ 'ናይ ተግባር ገምጋም' ተመልከት)።
- እቲ ጕጅለ ነቲ ተግባር ክስንዶ መዲቡ ዶ? (ናይ መጽናዕቲ ጉዳይ ንምፍጣር)? (ኣብ 'መምሪሒ ንመጽናዕታዊ ጉዳያት' ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት)

- ናይቲ ጕጅለ ዝቕጽል ስጕምትታት ኣየኖት'ዮም? እዚ ተግባር ናብ ዕቤት ጎስጓስ የምርሕዶ? እንተድኣ ኣካል ናይ ጎስጓስ ኰይኑ፡ ብኸመይ ነቲ ኲነታት ይቕይሮ?

## ተራ ኣባላት- ኣብ ቅድምን ኣብ ግዜ ተግባርን ድሕርኡን

ነብሲወከፍ ተግባር ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዕማማት ይሓትት፡ ገለ ብኑጹር ዝራኣዩ (ንኣብነት.. ሰባት መገዲ እንዳ ዓገቱ ኰለዉ፡ ናይ ዜና ወሃብቲ-ቃል)፡ ካልኦት ድማ ብዙሕ ዘይራኣዩ፡ ዝያዳ ኣብ ድሕሪት ዘለዉ ክኾኑ ይኽእሉ። ኵሎም ብሓባር ንሓደ ተግባር ከም ዝከኣል ስለዝገብሩ፡ ነብሲወከፍ ዕማም ብማዕረ ኣገዳሲ'ዩ።

### ቅድሚ ተግባር

- ኣዋሃሃዲ፡ ጎስጓሲ፡ ወይ ወዳቢ
- ኣዋጻኢ ገንዘብ
- ኣብ መጽናዕቲ ዝሰርሕ
- ኣብ ምርኣይ ናይ ቦታ ወይ ናይ ጉዕዞ መስመር
- ኣብ ምርኻብን ምውዳብን
- ኣብ ሎጂስቲክን ደገፍን
- ናይ ርክብ ኣሳላጢ
- ደገፍ፡ ምልክትን ምስራሕ ባንዴራን፡ ቀባእቲ፡ ግራፊክ ስነ-ጥበባውያን፡ ወ.ዘ.ተ።
- ምስ ሚድያ ምርኻብ (ናይ ሚድያ ኣማኻሪ ምድላውን ናይ ጋዜጣዊ መግለጺ ምውጻእን)
- ናይ ሚድያ ሓበሬታ ኣዳለውቲ
- ጻሓፍቲ።

### ኣብ እዋን ተግባር

- ንማእሰርቲ ሓደጋ ዝተዳለዉ ሰባት (ናይ ሲቪል ዘይምእዛዝ ምውፋይ)
- ብቐጥታ ዝድግፉ ሰባት
- ምስ ፖሊስ ኣራኸብቲ
- ሓለውቲ-ሰላም/ተቖጻጸርቲ
- ጋንታ ምውፋር/ኣለይቲ
- ናይ ሚድያ ሰባት ወሃብቲ-ቃል
- ምስ ሚድያ ርክብ ዝገብሩ
- ናይ ርክብ ጋንታ

- ሰልፊኛታት/ታሓዝቲ ምልክታት/ሆ ባሃልቲ/ደረፍቲ
- ዓደልቲ በረርቲ ጽሑፋት
- ናይ ቪድዮ ቀረጽቲ
- ደረቕ ስእሊ ሳኣላይ
- ሜዲክ/ኢ. ኤም.ቲ/ናይ ሕክምና ጋንታ
- ናይ ሕጊ ተዓዘብቲ
- ናይ ርክብ ሰብ ኣብ ናይ ቤት-ማእሰርቲ ደገፍ

**ድሕሪ ተግባር**

- ናይ ሕጊ ደገፍ ዝምልከት (ኣብ'ዚ ምዕራፍ 'ናይ ሕጊ ደገፍ' ተመልከት።)
- ናይ ሕጊ ጠበቓ
- ሰነድቲ/ናይ ታሪኽ ሰባት/ተሓዝቲ መዝገብ ዝምልከት (ኣብ ምዕራፍ ሓሙሽተ 'መምሪሒ ንናይ ጎስጓስ መጽናዕታዊ ጉዳይ' ተመልከት።)
- ኣዋጻኢቲ ገንዘብ
- ወሃብቲ ቃል
- ናብ ወሃብቲ-ውሳነን ናይ ጋዜጣ ኢዲቶርያል ቦርድ ዝኸውን ደብዳበ-ጻሓፍቲ

ካብ Rant Collective: www.rantcollective.net ዝተወስደ



ብመገዲ ራፍ ብሪዜ ኖርቶን ዓዲ እንግሊዝ ዝተገብረ ተቓውሞ ኣንጻር ናይ እስራኤል ናይ ውትህድርና ተሸከርከርቲ ዝተኻፈሉ ናይ ሕጊ ተዓዘብቲ፡ ኣብ 2006 ኣብ እዋን ኲናት ሊባኖስ፡ ስእሊ-- ብ ጀይ ከይ።

## ናይ ሕጊ ደገፍ

ኣብ ነብሲ.ወከፍ ሃገር ናይ ሕጊ ኣገባባት ዝተፈላለዩ እዮም። ኰይኑ ግን፡ ኣብ ተግባራት ተሳተፍቲ ማእሰርቲ ኪጋጥሞም ምስ ዝኽእል፡ 'ናይ ሕጊ ደገፍ ጋንታ' ክህሉ ኩሉ ግዜ ሓጋዚ እዩ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ምዕዶ ምምስራት ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ጋንታ፡ ካብ ሓደ ናይ ሕጊ መደብ ተሓላቓይ ዝኾነ ካብ'ቲ ቀዳማይ ክፋል ኣብ www.activistslegalproject.org.uk ዝርከብ ኣዝዩ ነዊሕ መግለጺ ዝተወስደ እዩ።

ናይ ሕጊ ደገፍ ኣብ ድሕረባይታ ናይ ተግባር ክኸውን ይኽእል፡ ይኹን እምበር ኣገዳሲ እዩ። ምናልባት ንስኻ እቶም ዝተኣስሩ ክወጹ ኢልካ ኣብ'ቲ ከባቢ ፖሊስ ጣብያ ክትጽበ ብዙሕ ሰዓታት ኣጥፊኻ ትኸውን፡ ምናልባት እውን ድሕሪ ተግባር ካብ'ቶም ናብ ገዛ ድሒሮም ዝተመልሱ ክትከውን ትኽእል። ነቲ ኣንጸባራቒ ዕድል ምስ ካልኦት ክትካፈሎ ወይ ዝስእለካ ኣይትረክብን ትኸውን፡ ብዘይ ናይ ሕጊ ደገፍ ገለ ተግባራት ኣይከኣሉን። ምናልባት ኣብኡ እንተዘይነብር፡ ካብቶም ኣብ 'ቅድሚት-ጫፍ' ዘለዉ ፍርቀም ኣብ'ቲ ተግባር ኣይምተሳተፉን ምኾኑ።

### ዕላማታት ናይ ሕጊ ደገፍ

- ነብሲ.ወከፍ ኣብ'ቲ ተግባር ዝሳተፍ ንማእሰርቲ ድልው ምዃኑ ምድላው፡
- ምስ ፖሊስን ጠበቓታትን ርክብ ብምግባር፡ ዝተኣሰሩ ተሓለቕቲ ኣብ ቀይዲ ኰለዉ ግቡእ ደገፍ ከም ዘለዎም የረጋግጹ፡
- ተሓለቕቲ ምስ ተፈትሑ'ውን ዘድልዮም ሞራላውን ተግባራውን ደገፍ ከም ዘለዎም ምርግጋጽ፡

### ናይ ሕጊ ደገፍ ጕጅለ ዕማም

ኣብ ናይ ሕጊ ደገፍ ዝሳተፉ ብዝሒ ጕጅለ ኣብ ናይ ተግባር ስፍሓትን ክእሰሩ ትጽቢት ዝገበረሎም ቁጽርን ይምርኰስ። ብዙሓት ኣገደስቲ ዕማማት ክማልኡ ይግባእ።

- ሓበሬታ ኣብ ናይ ማእሰርቲ ሕጊ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ መደበር ፖሊስ እንታይ የጋጥም፡ ክኸውን ዝኽእል ገበናት፡ ክመጽእ ዝኽእል ውጺኢታት፡ ናይ ዋሓስን ናይ ቀዳማይ ቤት-ፍርዲ ምስማዕን ዝሓወሰ፡ ነቲ ተግባር ዝኸነ ሓጺርቲ ሕጋዊ ጽሑፍ ምድላው፡
- ንተግባር ዝኸዱ ዝኸውን ናይ ኣውቶቡስ ቲኬት ምድላውን ምዝርጋሕን፡ (ማእሰርቲ እንተድኣ ኣጋጢሙ ንኽሕግዞም ናይ ቴሌፎን ቍጽሪ ዘለዎም ቲኬት ምድላው)

- ናይ ቴሌፎን መስመር ምህላው (ናይ ሕጊ ደገፍ ቍጽሪ)፡ ካብ መደበራት ፖሊስ ናይ እሱራት ጻዊዒት ምጽባይ፡
- መን ከም ዝተኣሰረ፡ ምስ ናይ ርክብ ዝርዝራቶምን፡ ተፈቲሖም ዶ ኣይተፈትሑን ዝሕብር ፍሉጥ ዝርዝር ምውህሃድ፡ ምድላውን ብብእዋኑ ምሕዳስን፡
- ናይ መደበር ፖሊስ ደገፍ፡ ብፖሊስ ንዝተኣስሩ ዝወሃብ ደገፍ፡ ኣብ መደበር ፖሊስ ርክብ ምስ ጠበቓታት ንኽገብሩ ምስራሕ፡ ከምኡ'ውን እሱራት ካብ ቀይዲ ክወጹ ከለዉ ምርካቦም፡
- ሎጂስቲክስ፡ መጓዓዝያ፡ ዘወርቲ፡ ካብ ፖሊስ ንዝተፈትሑ ከጽንሖም ዘኽእል ናይ መዕረፊ ቦታ ብዝተኻእለ ምውዳብ፡
- ድሕሪ ተግባር ናይ ኩሱሳት ርክብ ምውዳብ፡

ከም ናይ ሕጊ ተዓዘብቲ ማለት ምስ ተሓለቕቲ ብምጽንባር ናብ ማእሰርቲ ሓደጋ ምውዳቕ ዘይኮነስ፡ ናይ ሕጊ ደገፍ ጉጅለ ኣብ ዝኾነ ደርጃ ነብሶም ናብ ማእሰርቲ ዘቃልዕ ክገብሩ ኣይግባእን። ኣብ ውሽጢ ቤት-ማእሰርቲ ፖሊስ ኰይንካ ንዋላ ሓደ ክትሕግዝ ስለዘይትኽእል።

> ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ምቛም ዓበይቲ ናይ ሕጊ ድጋፋት ንዓቢ ናይ ሓፋሽ ተግባር 'Setting Up a Legal Team' on the U.S.-based Website:
>
> http://www.midnightspecial.net ተመልከት፡ ንዝያዳ ናይ ሕጊ ሓበሬታን ዓውደ-መጽናዕትን Legal Activist Project: info@activistslegalproject.org.uk
>
> http://www.activistslegalproject.org.uk ተመልከት።

## ንእሱራት ምድጋፍ (MOC) ናይ ስፓኛ ተመኩሮ

### ምንቅስቓስ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ኣብ ሃገረ ባስኰ (KEM-MOC)

ተመኩሮ ናይ MOC ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዘለዉ ሰባት ንምሕጋዝ ኣብ ጎስጓስ ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ ኣንጻር ጉዱድ ዕስክርና ዝተሞርኰሰ ኰይኑ፡ ነቶም ኣሻሓት ኢንሱሚሶዮናውያን ተኣሲሮምሉ ዝነበሩ ዘተኰረ'ዩ (ናይ ኢንሱሚሶዮን ጎስጓስ ካብ 1971- ክሳብ 2002 ዝነበረ እዩ) ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ንእሱራት ንምድጋፍ ተባሂሉ ሓያሎ ሜላታት ተሓሲቦምን ተፈቲኖምን

ነይሮም። ሓደ ካብ'ቶም ትርጉም ዝነበሮን ዘየጠራጥርን 'ናይ ጕጅለታት ደገፍ' እዩ ነይሩ።

እዞም ጕጅለታት ብኸመይ ከም ዝሰርሑ ንምብራህ፡ ሓደ ጭቡጥ ዝኾነ ጉዳይ ንሕሰብ። ቢክሰንተ ደሶበዲንተ ዝተባህለ ሓደ ካብ ኢንሱሚሶ ኰይኑ ንኽልተ ዓመትን ኣርባዕተ ወርሕን ሓደ ማዓልትን ንኽእሰር ተፈረደ። እዚ ሰብ ምስኡ ቅርበት ዘለዎም ሰባት ክራኽቦም ይደሊ፡ (ቤተ-ሰብ፡ የዕርኹቲ) ከምኡ'ውን ገለ ካብ ምንቅስቓስ። ኣብ መጀመርያ ዝተረኸቡ ማሓዝኡ (ጓል)፡ ሓፍቱ፡ ናይ ቀረባ ሰለስተ የዕሩኹ፡ ናይ ዩኒቨርሲቲ የዕሩኹ፡ ወዲ ሓወብኡ፡ ኣብ'ቲ ናይ ጸረ-ውትህድርና ናይ ጕጅለ ዝርርብ ዝረኸቦ ሓደ ግብረ ሰዶማዊ ሰብኣይ፡ ከምኡ'ውን ጎረቤት ዝተሳተፍዎ ርክብ ተኻይዱ። እዚ ጕጅለ ኢንሱሚሶ ንዝወሰኖ ስጉምቲ ገምገሞ፡ ነቲ ስምዒትን ከምጽኦ ዝኽእል ሳዕቤናት ተዘራረበሎም። ኩላቶም ኣብ'ቲ ርክብ ዝነበሩ ኣምር ናይ ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ፡ ዘይጎነጻዊ፡ ቀጥታዊ ተግባርን ጸረ-ውትህድርና ዝብሉ ሓሳባት ተረድኦ ሰለ ዘይነበሮም፡ ነዚኣቶም'ውን እቲ ጕጅለ ተዛተየሎም። ኣብ'ቲ ዝቕጽል ርክባት፡ ዕላማታቶም ኣውጽኡ። ድሕሪ ብዙሕ ናይ ሓንጎል-ማዕበልን ዝርርብን፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ዕላማታት በጽሑ።



ምስላዊ ካብ ቤት ማእሰርቲ ምምላጥ፡ ስእሊ- ሲሞ ሄልስተን

### ናይ ሞራል ደገፍ

ቅድሚ መስርሕ ቤት-ፍርዲ ምጅማሩ፡ ኣብ እዋን ቤት-ፍርዲን ኣብ ቤት-ማእሰርትን ንቢክሰንት ናይ ሞራል ደገፍ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ካብቶም ዝቐረቡ ሓሳባት ኣውቶቡስ ብምክራይ ኩሉ ናብ ቤት-ፍረዲ ብምኻድ ነቲ መስርሕ ከም ምስክር ክሪኢ ዝደሊ ዝብል ነበረ። ካልኦት ርእይቶታት ድማ፡ ንቢክሰንት ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ብምብጻሕ ምትብባዕን ደብዳበ ምጽሓፍን ዝብሉ ነይሮም። እቲ ሓሳብ ብሕትውና ከይስሞየን ቀጻሊ ደገፍቲ የዕሩኽ ንኽህልዎን እዩ። እቲ ከምዚ ዓይነት ደገፍ'ውን ምስኡ ቅርበት ዘለዎም ከም ቤት-ሰብ ዝኣመሰሉ ክሰፍሕ ይግባእ።

### ናይ ሎጂስቲካዊ ደገፍ

ቅድሚ ፍርድን ቤት-ማእሰርትን፡ ቢክሰንት ናይ ንብረት ደገፍ ይድልዮ። ብመጀመርያ ማእሰርቲ ናይ ቅድሚ ፍርዲ ንምክልኻል ይሕባእ፡ ስለዚ፡ መታን ከይታሓዝ፡ ሰባት ካብ ናይ ቀደም መንበሪኡ ናብቲ ዝተሓብኣሉ ቦታ ዘድልይዎ ነገራት ከምጽእሉ ይግባእ። ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ትምህርቱ ንምቕጻል መጽሓፍትን ወረቐትን የድልይዎ። እዚ'ውን ስራሕ ናይ ጉጅለ ደገፍ እዩ።

### ናይ ፖለቲካ ስራሕ

ቢክሰንት ኣባል ዝኾነሉ ምንቅስቓስ (MOC) ነቲ ናይ ፖለቲካ ስራሕ ሓላፍነት ዘለዎ እዩ። ይኹንደኣምበር፡ ናይ ደገፍ ጉጅለ፡ ብፍላይ እቶም ምስ ፍርዱን ማእሰርቱን ምትእስሳር ዘለዎም ኣባላት፡ ብ MOC ዝተወደበ ናይ ተቓውሞ ተግባራት ብምጽንባር፡ ነቲ ስራሕ ክታሓባበርዎ ይኽእሉ። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ፡ እቶም ናይ ደገፍ ጉጅለ ኣብ'ቲ ቢክሰንት ዝፍለጠሉ ቦታታት (ከም ጎረባብቱን ዩኒቨርስቲ) ብፖለቲካዊ መዳይ፡ ነቲ ቢክሰንትን ካልኦት እሱራትን ዝገበረዎ ዘይምእዛዝ ዝፈጠሮ ረብሓታት የዕብዩ። ናይ ደገፍ ጉጅለ ንህዝቢ ንምሕባር ናይ ኢሜይል ኣድራሻ ተጠቒሞም ብዛዕባ ናይ ቢክሰንት ጉዳይ ሓበሬታ ይህቡ፡ ዌብሳይት ብምድላው ኣብ ጉዳያት ኣንጻር-ውትህድርና፡ ንወታሃደራዊ ወጻእታት ዝኸውን ናይ ዠናት ግብሪ ምቅዋም፡ ናይ ሰላም ትምህርትን ካልኦት ዝተተሓሓዙን ክጽሕፉ ይኽእሉ። ብቐጻሊ ቢክሰንት እትዘውር ደብዳበ ክጽሕፍ ይኽእል። ናይ ደገፍ ጉጅለ ኣብ ስርሑ ምስ MOC ክዋሃሃድ ይግበኦ፡ (ንኣብነት... ኣባላት ኣብ ናይ MOC ርክባት ምክፋል) ከምኡ'ውን እቶም ተግባራት ምስ ናይ MOC ሓፈሻዊ ጎስጓስ ብማዕረ ይኸዱ ምህላዎም ምርግጋጽ የድሊ።

ናይ ደገፍ ጉጅለ ንእሱር ጥራሕ ዘይኰነስ ን MOC’ውን ኣዝዮም ሓገዝቲ’ዮም። ስራሕ ይካፈሉ፡ ንህዝቢ ከም መእተዊ ነጥቢ ናብ ምንቅስቓስ ንምጽንባር የገልግሉ። ኣብ መንጎ ናይ ፖለቲካ ጉጅለ፡ ናይ ደገፍ ጉጅለን እቲ እሱርን ምውህሃድ ምህላው ኣገዳሲ እዩ። ሚዛኑ ዝሓለወ ቀጻልነት ዘለዎ ርክባት ኣድላዪ እዩ። ናይ ፖለቲካ መምዘኒ ካብ እሱር ዘይኰነስ፡ ካብ ናይ ፖለቲካ ምንቅስቓሳት ይመጽእ፡ ይኹንደኣምበር፡ ነቲ ናይ ፖለቲካ ስራሕ ንምዕባይን ንምውህሃድን፣ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ምብጻሕ ብኣባላት ክሊቲኡ ጉጅለታት ክኸውን ኣገዳሲ እዩ።

## ገምጋም ኣብ ልዕሊ ዝተወስደ ተግባራዊ ስጉምቲ

ገምጋም ምግባር ካብ ተመኩሮና ንኽንማሃር ዕድል ይህበና። ብዙሕ ግዜ ሰባት ንሓደ ፍጻመ ብዘይወግዓዊ ኣገባብ ብውልቃዊ ርእይቶ፡ ምስ የዕርኽቲ ብምዝራብ፡ ወይ ምስ ቀንዲ ናይ ጉጅለ ወደብቲ (መራሕቲ) ብምርኻብ ይግምግምዎ። ኣብ’ዚ ንእምሞ ግን ቅርጺ ናይ ተመሊስካ ካብ ፍጻመ ምምሃር እዩ። ገምጋም ክንብል ኰለና ንዕድል ወይ ንተወሰኑ ላዕለዎት ክፋል ጥራሕ ምግዳፍ ዘይኰነስ፡ ናይ ብዙሓት ኣብ ዝተፈላለዩ ዕማማት ዝሰርሑ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተመኩሮ ዘምጽኡን ዝተፈላለየ ደረጃታት ናይ ተወፋይነት ዘለዎም ሰባት ውህብቶ ክብሪ ዝህብ ኰይኑ ክዳሎ ኣለዎ። እቲ ዝምረጽ ነብሲወከፍ ኣብ ተግባር ወይ ኣብ ምውዳብ ንጥፈት ዝተሳተፈ፡ ኣብ’ቲ ናይ ፍጻመ ገምጋም ክካፈል ክተባባዕ ኣለዎ።

ገምጋማት ከም ንቡር ኣካል ናይ ስራሕና ምስ ዝኾኑ፡ ኣብ መስርሕን ትሕዝቶን ናይ ስራሕን ንመጻኢ ንምምሕያሽ ዘተኣማምኑ ርእይቶታት ክንረክብ ዕድል ይህልወና። ኣብ’ዚ ግን ክንርሶዖ ዘይብልና ነገር፡ ብዘይ መጠን ዘተፈላለዩ ናይ ርእይቶ ፍልልያት ከም ዘለና መጠን፡ እቲ ጉጅለ ናብ ስምምዕ ክበጽሕ ግድን ከም ዘይኰነን እዩ። ኣበየናይ ተዓዊትና ኣበየናይከ ተጋጊና ኢልካ ምፍላይ’ውን ኣገዳሲ እዩ፡ ብዝተኻእለ መጠን በቲ ኣወንታዊ ገምጋም ጀምር። እቲ ኣካይዳ (ቅርጺ) ናይ ገምጋም ብስነስርዓት ክውጠን ይግባእ።

ገለ ካብቶም ዘይተርፉ ኣብ ገምጋም ዝራኣዩ ነጥብታት ኣብ ዓቐናዊ ክኾኑ ይኽእሉ፡ ብዙሕ በረርቲ ጽሑፋት ዓዲልና፡ ብዙሓት ሰባት ሲሒብና፡ ኣዝዩ ብዙሕ ናይ ሚድያ ሽፋን ከሲብና፡ ነቲ መገዲ ንነዊሕ ግዜ ዓጺናዮ ዝብሉ ክኾኑ ይኽእሉ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓበሬታ ንገምጋም ኣብ ምዕባለ ናይ ኅስጓስ እንተድኣ ኣገደስቲ ኰይኖም ተረኺቦም፡ ቍጽሪ ናይ ተቓውምቲ ንምፍላጥ ዝኸውን ሜላ ምህላው፡ ናይ ሚድያ ጉጅለ ብዛዕባ ሓበሬታ ናይ ማዕከናት ሽፋን ከም ዝኣከበ፡

ዝከታተል ሰብ ከም ዘሎ ምርግጋጽ የድሊ። ይኹንደኣምበር፡ ኣብ ገለ እዋናት ናይ ቍጽሪ ጸወታ ብፍላይ ኣብ ዝደጋገም ተቓውሞ፡ ካብቲ ቀንዲ ስራሕ ክኣሊ ይኽእል። ምናልባት ዝያዳ ተቓወምቲ ተረኺቦም ነይሮም፡ እቲ ተግባር ግን ውሑድ ጽልዋ ፈጢሩ፡ ናይ መጀመርታ ግዜ ተቓወምቲ ዘይረብሖ ኰይኑ ተሰሚዕዎም፡ ተሃኪዎም፡ ፈሪሖም፡ ወይ ብዝኾነ ተሓሊሎም ይኾኑ። ምናልባት መእተዊ ናይ ወታሃደራዊ መዓስከር ንነዊሕ ግዜ ተዓጊቱ ይነብር ግን ኣብ'ቲ ተግባር ውሑዳት ሰባት ተረኺቦም ወይ ከም ገለ ብዙሕ ኣሓያሊ ኣይነበረን ይኸውን። መምዘኒ ናይ ገምጋም ምስ እስትራተጂካዊ ዕማም ናይ ፍሉይ ፍጻመ ክተኣሳሰር የድሊ።

ኣብ ታሕቲ ንተግባር ንምግምጋም ዝሕግዙ ናይ መረጋገጺ-ዝርዝር ኣለዉ፡ ኣብ ካልእ መዳያት ናይ ስራሕኩም'ውን ከገልግሉ ይኽእሉ።

1. ራኢ፡ እስትራተጂን ዕላማታትን
   - ሓፈሻዊ ራኢ/እስትራተጂ/ዕላማታትን ነይሩዶ?
   - ምስ'ቲ ጸገም/ምስሕሕብ ይዛመድዶ ነይሩ?
   - ተሳተፍቲ ነቲ ተግባር መን ከም ዘበገሶ ፈሊጦምዶ?
   - ተሳተፍቲ ነቲ ራኢ/እስትራተጂ/ዕላማታትን ኣስተብሂለሙሉዶ ነይሮም?

2. መትከላትን ዲሲፕልን
   - ንጹር ዝርርብን ስምምዕን ብዛዕባ ዲሲፕሊን ኣብ ተግባር ነይሩዶ?
   - ኣብ ግዜ ተግባር እቲ ስምምዕከ ተተግቢሩ ዶ?
   - እቶም ዝተወጠኑ ታክቲካትን እቶም ብሓቂ ዝተፈጸሙን ምስ ዲሲፕልን ዝሰማማዑ ዶ ነይሮም?
   - ገለ ካብ ተሳተፍቲ ንገዛእ ርእሶም ወይ ካልኦት ነቲ ዝተሰማምዕሉ ዲሲፕሊን ከም ዘይሰዓብዎ ዶ ተሰሚዕዎም?

3. ምድላዋትን ታዓሊምን
   - እቲ ምድላው/ታዓሊም ኣድላዪ ዶ ነይሩ?
   - እቲ ምድላው/ታዓሊም እኹል ዶ ነይሩ?
   - ንተሳተፍቲ ብሓቂዶ ንዘይተጸበይዎ ንምግጣም ሓጊዙ?
   - ንድሌት ተሳተፍቲ ኣማሊኡ ዶ?
   - ንትጽቢት ናይ ተሳተፍቲ ኣማሊኡ ዶ?
   - እቶም ኣድለይቲ ማሕበረሰብ ከም ዝዓበዩዶ ተሰሚዒዎም?

4. **ታክቲክ**

- እቶም ዝተወጠኑ ታክቲካት እኹላት ዶ ነይሮም?
- እቶም ታክቲካት ከም ዝተወጠንዎ ዶ ብሓቂ ተተግቢሮም?
- ንድሌትን ትጽቢትን ናይ ተሳተፍትን ዶ ኣማሊኦም?
- ዘይተጸበይዎ ጸገማት ዶ ብብቕዓት ተኣልዮም?
- እዚኽ ምስ ዲሲፕልን/ራኢ/ዕላማታት ብዝሳማማዕ መገዲ ዶ ተኻይዱ?

5. **ውደባ**

- እቲ ቅርጺ/ውደባ ናይ ተግባር ምስ ዕላማ/እስትራተጂ/ራኢ/ዲሲፕሊን ይጋጠም ዶ?
- ብደሞክራስያዊ መገዲ ዶ ተወዲቡ ነይሩ?

6. **ጽልዋ**

**ሀ. ኣብ ልዕሊ ተሳተፍቲ**

- ኣድላዪዶ ነይሩ?
- ተሳትፎ ዓዲሙ/ፈጢሩ ዶ?
- እቶም ተሳተፍቲ ነቲ ተግባር ከም ዝተቐጻጸርዎዶ ተሰሚዕዎም?
- ናይ ተሳተፍቲ ተበግሶን ርእሰ-ታኣማማንነት ኣጕልቢቱ ዶ?

**ለ. ኣብ ልዕሊ'ቶም እቲ ተግባር ዝቐንየም**

- ርዱእ ዶ ነይሩ/
- እቶም ዕላማታት በጺሖም ዶ?
- ንቐጻሊ ናይ ተግባርን ርኽክባትን ዕድላት ዓጽዩ ዶ ወይስ ከፊቱ?
- ካብ ውልቀ-ሰባት (ሰብ ነገር) ኣካል ናይ ትካላት ዝነበሩ ፍልይ ዝበለ ዝቐረቡ ግብረ-መልስታት ነይሮም ዶ?
- ብኸመይ እቶም ግብረ-መልስታት ምስ ዕላማታት ናይ ተግባር ተዛሚዶም?

**ሐ. ኣብ ካልኦት**

- ተረዲእዎም ዶ?
- ብእኡ ተነኺሎም ዶ?
- ዝኾነ ዘይተጸበይዎ ውጺኢት ዶ ነይርዎ?
- ሰባት ናብ ማእዝና ዶ ተጓዒዞም (ኣብ ማእከል ረጊጸም፡ ተሳሒቦም፡ ተበራቢሮም?)

እዚ ናይ ገምጋም ቅጺ ካብ'ቲ ኣብ ኩማቫካ ሜክሲኮ፡ ኣብ ሓምለ 1977 ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ሰሚናር ዘይጎነጻዊ ተግባር ታዕሊም ዝማዕበለ እዩ

# 7

# ዛንታታትን እስትራተጅታትን

እዚ ምዕራፍ'ዚ ኣብ ዓለምና ዘሎ ኣጠቓቕማ ናይ ዘይጎነጻዊ ዛንታታትን እስትራተጅታትን ብሓደ ጠሚሩ ዘቕርብ እዩ። ዛንታታት ካብ ሕሉፍ ተመኵሮ ንኽንማሃር ይሕጉዙና፡ ኣብ ካልኦት ቦታታት ዝተገብሩ ነገራት ንናይ ምውሳእ ድሌትካ ክጸልዉ ይኽእሉ፡ ወይ'ውን ብናይ ካልኦት ተበላሓትነትን ዓወትን ትምሰጥ። መብዛሕትኦም ካብቶም ዛንታታት፡ ሰባት ካብ ጎስጓሳት ናይ ካልኦት ክፋላት ዓለም ብኸመይ እስትራተጂ ከም ዝተማሃሩ፡ ወይ ርክብ ምስ ኣብ ካልኦት ዞባታት ዘለዉ ተሓለቕቲ ክሳብ ክንደይ ከም ዘበራብሮም ይገልጹ። ኣብ ገለ ኣጋጣምታት ዑደት ናይ ካልኦት ኣባል ጕጅለ ኣበራባሪ ነይሩ ይኸውን፡ ንኻልኦት ድማ ብካልእ ዝተዳለወ ጽሑፍ ብምንባብ፡ ወይ ኣህጉራዊ ርክብ ወይ ፍጻሜ ብምስታፍ፡ ናብ ናይ ጎስጓስ ሓሳባት ከምርሕ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ብዙሓት ካብ'ቶም ዛንታታት ብናይ ኣህጉራዊ ምትሕብባር ብኸመይ ጎስጓሳት ከም ዝሓየሉ የነጽሩ።

ዋላ'ኳ ኩነታት ናይቶም ዛንታታት ዝተፈልየ ይኹንደኣምበር፡ ዘይጎነጻዊ ዝብል ንኹሎም ናይ ሓባር ረቛሒ ኣለዎም። ገለ ጉዳያት ኣብ ውሽጢ ናይ'ቶም ተሓለቕቲ መድረኽ፡ ከም ቱርኪን ደቡብ ኮርያን ዝኣመሰሉ፡ ኣብ ትምህርትን ምዕባይን ዘይጎነጻዊ የተኩሩ። ከም ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ናይ ምሕዝነት ስራሕ ኣብ ግዜ ምንቅስቓስ ጸረ-ዓሌትነት ከም ኣብነት ንኻልኦት ኩነታት ክኸውን ይኽእል። ካብ ዶባት ሓሊፍካ ኣብ ሞንጎ ሲብሩክ፡ ዊይልን ማርኮልስሃይምን፡ ኣብ ሞንጎ እስራኤልን ደቡብ ኣፍሪቃን ምምህሃር ተኻይዱ ነይሩ። ኣህጉራዊ ተሳትፎ ኣብ ምረሻታት ጸረ-ውትህድርና፡ ናይ ቦምብእስፖቲንግ ጎስጓስ፡ ከምኡ'ውን ንጥፈታት ናይ ግንቦት 15 ኣብ ቱርኪ ኣገደስቲ ስርሓት ነይሮም። ኣብ ናይ ግጭት ቦታታት ምህናጽ ናይ ኣማራጺ ስራሕ ኣንጻር ጕነጽን ምግፋፍ ሰብኣዊ መሰላት፡ ካብ ናይ ችለን ኰሎምቢያን ዝተረኽቡ ዘይጎነጻዊ ምንቅስቓሳት ኣገደስቲ ኣበርክቶ ይህቡ።

ጎስጓስኩም ክትውጥኑ ከለኹም፡ ኩሉ ግዜ ቅድሜኹም ካልኦት ገለ ምስ ናትኩም ዝመሳሰል እንተድኣ ተጌሮም ኰይኖም፡ መጽናዕቲ ምግባር ጽቡቕ'ዩ፡ ካብ ዓወታቶምን ጌጋታቶም'ውን ትማሃሩ። ንስኻትኩም'ውን እንተኸኣልኩም ጎስጓሳትኩምን ዛንታታትኩምን ንኻልኦት ንምክፋል ካብ

ምስናድ ዘይምርሳዕ። እዞም ዝስዕቡ ዛንታታት ንዘይጎነጸዊ ኢስትራተጂኹም ከም ኣበራበርቲ ኰይኖም ከገልግሉ ንትስፎ። ኣህጉራዊ ማሕበር ኣይፋል ንዅናት፡ ኣብ መብዛሕትኦም ጉዳያት ሰባት ኣብ ምርኻብ ተራ ዝጻወት፡ ኣብ ሞንጐ ዘይጎነጸውን ጸረ-ውትህድርና ምንቅስቓሳትን ምልውዋጥ ተመኵሮን ምድግጋፍን ክህሉ ይሰርሕ፡ ኣህጉራዊ ማሕበር ኣይፋል ንዅናት፡ ኣህጉራዊ ምንቅስቓስ ኣንጻር ኵናት ብምፍጣር ንሰላምን ፍትሒን ምህላው ኣገዳሲ'ዩ ኢሉ ይኣምን።

## ኣህጉራዊ ናይ ጎስጓስ ምሕዝነት ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ

*ብ ሃዋርድ ክላርክ*

እቶም ናይ መጀመርያ ጻዊዒታት ኣንጻር ኣፓርታይድ ደቡብ ኣፍሪቃ ንኣህጉራዊ ተቓውሞ ዝተገበረሉ ኣብ መጀመርታት 1958 ነይሮም፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እቲ ኣብ 1959 ዝተበገሰ ጸረ-ኣፓርታይድ ምንቅስቓስ ነዚ ከም ቀንዲ እስትራተጂ ገይሩ ራኣዮ። ብደረጃ በይነ-መንግሰታት ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ናይ ኣፓርታይድ ስርዓት ብፍላይ ድሕሪ ናይ 1960 ናይ ሻርፐቪለ ህልቂት ብሰፊሑ ዝተኾነነ ነበረ። ኣብ 1961 ደቡብ ኣፍሪቃ ካብ (ናይ ሽው ናይ ዓዲ እንግሊዝ ኰሞንዌልዝ) ዝበሃል ዝነበረ ማሕበር ኰሞንዌልዝ ተባረረት፡ ኣብ 1962 ውድብ ሕቡራት ሃገራት ፍሉይ ሽማግለ/ኰሚቴ ኣንጻር ኣፓርታይድ ኣቘመ፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ኣብ 'ወለንታዊ' ናይ ኣጽዋር ማዕቀብ ንምግባር ተሰማምዑ፡ ኰይኑ ግን፡ ኣፓርታይድ ክሳብ 1990ታት ኣየብቀዐን።

ኣህጉራዊ ማዕቐባት ኣንጻር ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ሰለስተ ቀንዲ ወገናት ማለት ቊጠባዊ ማዕቐባት.ናይ ንግዲን ወፍርን ዘጠቓለለ፡ ባህላዊን ናይ ስፖርት ምእጋድን ነበሩ። ናይ ባህልን ስፖርትን እገዳታት ንደቡብ ኣፍሪቃ ብቐዳምነት ናይ ስነ-ኣእምሮ ጽልዋ ፈጠረላ። ብስፖርቲ ጽልልቲ ዝኾነት ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ካብ 1964 ንዳሓር ካብ ኦሎምፒክን፡ ካብ 1970 ንድሓር'ውን ካብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ኣህጉራዊ ናይ ራግቢን ክሪኬት ንምንጻላ ዝተዋሃሃደ ጸቕጢ ካብ ካልኦት ኣፍሪቃውያን ሃገራትን ሰላማዊ ሰልፍታትን-- ንጸወታት ራግቢን ቴኒስን ብምርባሽ ዘጠቓለለ ውጺኢት'ዩ ነይሩ።

ጽልዋ ናይ ቊጠባዊ ማዕቐብ ኣከራኻሪ ኰይኑ ጸኒሑ፡ ብፍላይ ክልተ ሓያላት ሃገራት (ዓዲ እንግሊዝን ሕ.መ.ኣ) ኣዋጃት ናይ በይነ-መንግስታውያን ማሕበራት ከም ው.ሕ.ሃን ኰሞንዌልዝን ብተደጋጋሚ ሰለ

ዝዓገተኦ። ይኹንደአምበር፡ ማዕበላት 'ናይ ህዝቢ ማዕቐባት' ነይሮም፡ እዚ ዝጀመረሉ ምናልባት ድሕሪ ዘስካሕክሕ ናይ ሻርፐቪለ ህልቂት ምግላጹ ኰይኑ፡ ዋላ መራሕቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ሰልፊ ዕዮ ከይተረፉ 'ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ፈረታት ከይዕደግ' ዝብል ናይ ሞራል ምልክት ደገፍዎ።

ናተይ ተሳትፎ ኣብ ዳሕራይ'ዩ ዝጀምር። ኣብ 1969 ከም ተማሃራይ፡ ካብ'ቶም ነቲ ኣብ ናይ ስፖርት እብያ ዝተረኽበ ዓወት ናብ ቍጠባዊ እብያ ንምቕያር ዝደልዩ ዝነበሩ'የ ነይረ። ናይ ተማሃሮ ማሕበርና ድሮ ኣንጻር እቲ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ምዕዳግ ናይ ኣፓርታይድ ፍረታት ውሳነ የሕሊፉ ነይሩ። ብድሕሪኡ ኣንጻር ኣብ'ቲ እዋን ብናይ ዓዲ እንግሊዝውያን ተማሃሮ ኣዝዩ ፍሉጥ ዝኾነ ባርክለይ ባንኪ ሓደ ጎስጓስ ኣላዓዓልና፡ እቲ ዝማሃረሉ ዝነበርኩ ዩኒቨርስቲ ነቲ ባንኪ ይጥቀመሉ ነይሩ። ናይ መጀመርያ ዓወትና ዝነበረ ሓደስቲ ተማሃሮ ናይ መጀመርታ ናይ ባንኪ ሕሳቦም ምስ ባርክለይ ከይከፍቱ ምእማንን ንካልኦት ናይ ባንኪ ሕሳብ ዘለዎም ድማ ናብ ካልኦት ንኽቕይሩ'ዩ ዝነበረ። እቲ ካልኣይ ዓወት ናይ መደቀሲ ክራይ ዓመጽ ምክያድ፡ ንክራይ ናይ ተማሃሮ ክፍልታት ተባሂሉ ናብ ባርክለይ ባንኪ ዝኸፈል ገንዘብ ምቅዋም። ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዩኒቨርሲቲ ሓለፍቲ ንፍሉጣት ኣባላት ናይ ዩኒቨርሲቲ ናይ ቤት-ምኽሪ ኣካየድቲ ካብ ስልጣኖም ክወርዱ ብምድፍፋእ ነቲ ሕቶ ተቐቢሎሞ። ኣብ ሙሉእ ሃገር ናይ ማሕበር ሰራሕተኛ ጨናፍር፡ ክለባት፡ ማሕበራትን ቤተ-ክርስትያንን ኣብ ምልዋጥ ባንኪ ተኻትዑ። ኣብ 1972 ኣብ 'ናይ ሰላም ዜና' ብዝጻሓፍክዎ ዓንቀጽ ምስ ክዌከርን ናይ ሰላም ሕድሪ ማሕበርን (Peace Pledge Union) ኣብ ጸገም ኣትየ ነይረ፡ ኣብ ጽሑፈይ፡ እንተድኣ እታ ዝናኣሰት ስጉምቲ ናይ ባንኪ ሕሳቦም እተዘይቀይሮም፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብዛዕባ ዘይጎነጻዊ ምዝራቦም ሕጋውነት ከም ዘይብሎም ዝብል'ዩ ነይሩ። ናይ ዞባዊ ሰበ-ስልጣናት ከምኡ ንኽገብሩ'ውን ወሰኑ። ኣብ 1986- ድሕሪ 16 ዓመታት ምጅማር እብያ  ናይ ባርክለይሰ ጎስጓስ፡ እቲ ባንኪ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዘለዉ ንኡስ ክፋላቱ ሸጠም። ኣብ መወዳእታ'ውን ሰንሰለት ናይ ሕብረት ሱፐርማርኬት ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ምህርትታት ከይቅበል ወሰነ።

እዚ ከም'ዚ ዓይነት እብያ በቲ ቀጻሊ ዝፍጠር ዝነበረ ናይ ኣፓርታይድ ስክፍታ ኣዝዩ ዝተጸልወ'ዩ ነይሩ። ሓደ ካብዚኦም ናይ 1976 ናይ ስዌቶ ቅትለትን ኣብ 1977 ናይ ስቴቭ ቢኮ ኣብ ማእሰርቲ ምቕታል፡ ኣብ 1980ታት'ውን ኣብ ውሽጢ ደቡብ ኣፍሪቃ ናይ ደሞክራሲ ሓድነት ግንባርን ናይ ህዝቢ ወሃብቲ ቃል ከም ደዝሞን ቱቱ ምምጻእ ነይሮም። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ ኣብ ድሕረባይታውን ናይ ከባቢ ጸረ-ኣፓርታይድ ተሓለቕቲ ነይሮም፡ እዚኦም ንናይ ሰራሕተኛታቶም ማሕበር ጨናፍራትን

ቤተ-ክርስትያን ውሳነታት ብምሕላፍ፡ ከም ዓበይቲ ኣውፈርቲ ትካላት ኣብ ልዕሊ ኩባንያታት ጸቕጢ ክፈጥሩ ይኽእሉዮም ኢሎም ተረዲኦሞ ነበሩ።

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እቲ ናይ ጸረ-ኣፓርታይድ እብያ ብዙሕ ዘይስሕብ 'ነዊሕ ምረሻ' እዩ ነይሩ። ድሕሪ ኣብ ናይ ከተማ ቤት ምኽሪ ገለ ነገር ንኽወስዱ ንኽነእምን ምዕዋትና፡ ብድሕሪኡ ናይ ማርጋረት ታቸር መንግስቲ ኣብ ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉ ናይ ፖለቲካ ምኽንያታት ስልጣኖም ተጠቒሞም ውሳነ  ንኽወስዱ ክንርኢ ክኢልና። ይኹንደኣምበር ዓዲ እንግሊዝ ምስ ኣፓርታይድ ምትእስሳር ከም ዘለዋ ንህዝቢ ከነፍልጥ ኪኢልና።

ኣብ ካልኦት ሃገራት እቲ ዛንታ ዝተፈልየ ነይሩ። ኣብ 1970ታት ንሕና ብሪጣንያውያን ነቲ ዕዉት ዝኾነ ናይ ሆላንድ ንናይ ኣንጎላ ቡን ንዘይምግዛእ ዝወሰደቶ እብያ ብቕንኢ ንጥምቶ ነይርና፡ ፖርቱጋል ገዛኢት ኣንጎላ ዝነበረት ኰይና ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ ጥቡቕ ምሕዝነት ዝነበራ'ያ። ኣብ 1980ታት ሰራሕተኛታት ኣብ ሓደ ናይ ኣየርላንድ ቀንዲ ሱፐርማርኬት 'ዱነ' ናይ ኣርባዕተ ዓመት ናይ ኣፓርታይድ ኣቑሑት ምሻጥ ምስሕሓብ ተኣጊዶም ነይሮም፡ እዚ ምስሕሓብ መንግስቲ ኣየርላንድ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ምህርትታት ዘይሕጋዊ'ዩ ምስ በለ ጥራይ እዩ ዝተፈትሐ።

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንቃልሲ ፍሉይ ኣገዳስነት ዘለዎ ቦታዩ። እቲ ናይ ህዝቢ ናይ ማዕቐብ ምንቅስቓስ ሰለስተ ገጻት ዝሓዘ ኰይኑ፡ መሳርሕትን ናይ ዩኒቨርስቲ ሰባትን፡ ባንክታት፡ ከምኡ'ውን ናይ ከተማን ምምሕዳር ኰርፖረሽናትን የጠቓልል። ዓወቶም ዝተዓጻጸፈ ነይሩ። ኣብ 1985 ድሕሪ ናይ 19 ዓመት ጎስጓስ፡ እቲ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ ምትእስሳር ዝነበሮ ቀንዲ ባንኪ 'ቸዝ ማንሃተን' ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ ዘለዎ ናይ ለቓሕ መደባት ከም ዘይሐድሶ ኣፍለጠ። ኣብ 1991 28 ኣውራጃታት፡ 24 ንኡስ ምምሕዳራት፡ 92 ከተማታትን ቨርጅን ደሴትን ኣብ ልዕሊ ደቡብ ኣፍሪቃ ገለ መልክዓት ናይ ማዕቐብ ንምግባር ሕግን ወይ ፖሊሲታት ኣጽደቑ። ኣብ መወዳእታ 1987 ልዕሊ 200 ናይ ሕ.መ.ኣ ኩባንያታት ብወግዒ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ሲሒበን፡ ዋላ'ኳ ብዙሓት ካብኦም ንግዶም ንምቕጻል ካልእ መገድታት እንተረኸቡ (ንኣብነት ጀነራል ሞቶር ንናይ ዞባዊ ምህርትታት ልቸንሳ ብምግባር፡ ናይ IBM ኰምፒተራት ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣከፋፋላይ ብምግባር)። እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ግን እቲ ብመገዶም ዝተኻየደ ናይ ህዝቢ ኣስተምህሮን ኣብ ውሽጢ ደቡብ ኣፍሪቃ ዘለዉ ናይ ጸረ-ኣፓርታይድ ምንቅስቓስ ዝተፈጥረ ናይ ምሕዝነት ስምዒትን እዩ።

# ሲብሩክ -ዊል-ማርኰልስሃይም፡
# ርክባት ሃገር-ሰገር ኣብ ዝተኣሳሰሩ ጎስጓሳት

*ብ ዮን ሸሃንን ኤሪክ ባኽማን*



ናይ ሲብሩክ፡ ኒው ሃምፕሽየር፡ ሕ.መ.ኣ 1977፡
ፎቶ ብ ግሬስ ሂደርማን

ኣብ ሓደ ንሓሰ 1976፡ 18 ሰባት ናብቲ ናይ ሲብሩክ ኑክለር ጽዓት ትካል ኣብ ኒው ሃምፕሽየር ገጸም ምስ ተጓዕዙ፡ ኣብ ሕ.መ.ኣ ናይ መጀመርያ ናይ ጥርኑፍ ቀጥታዊ ዘይጎነጻዊ ተግባር ኣንጻር ኑክለር ጽዓት ኰነ። ብዙሓት ናይ ኑክለር ጽዓት ተቓወምቲ ነዚ ከም'ዚ ዓይነት ኣገባብ ከም መሰረታዊ ለውጢ ይቖጽርዎ። ኣብ መወዳእታ ናይታ ወርሒ 180 ሰባት ኣብ'ቲ ቦታ ናይ ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ ተግባር ኣካየዱ፡ ወደብቲ ዝነበሩ ናይ ከላምሸል ምሕዝነት ንመጀመርያ ግዜ ዘይጎነጻዊ ታዕሊምን ናይ መቕርብ ጕጅለ ቅርጺ ባእታት ተጠቕሙ። ኣብ መጻኢ እዞም ባእታታት ፉሉጣት ኰኑ፡ ኣብ ኩሉ ንማሕበራዊ ለውጢ ብዘይጎነጻዊ ምንቅስቓስ'ውን ተሰርሓሎም። ኣብ 30 ማዝያ 1977 ልዕሊ 2.400 ሰባት፡ ብኣማኢት ናይ መቕርብ ጕጅለታት ብምውዳብ፡ ነቲ ቦታ ተቖጻጸርዎ። ኣብ'ቲ ዝቕጽል ክልተ ማዓልታት 1.415 ዝኾኑ ተኣስሩ፡ ብዙሓት ካብ ኦም ንኽልተ ሰሙን ተኣስሩ። እዚ ተግባር ንጸረ-ኑክለር ጻዓት ምንቅስቓስ ብምብርባር፡ ኣብ ኣዋዳድባ ተግባራት'ውን ታዕሊም ንዘይጎነጻዊ ቀጥታዊ ተግባራትን ኣብ ዘይሰንሰለታዊ ናይ መቕርብ ጕጅለ ቅርጺ ናይ ሓባር ስምምዕ ውሳነ ምሕላፍን ዝሓዘ ሓዲሽ ኣህጉራዊ ሞዴል ፈጠረ።

ሓሳባት ናይ ሲብሩክ ተግባር ብሓቂ ካብ ኤውሮጳ'ዩ ዝነቅል። ኣብ ፈለማ ናይ 1970ታት ኣብ ጀርመንን ፈረንሳይን ህዝቢ ኣብ 'ውህይል' ጀርመን ኣብ ቀረባ ስግር ዶብ ድማ ኣብ 'ማረኰልሰሃይም' ፈረንሳይ ናይ ኑክለር ጻዓት ትካላት ንምህናጽ ምውጣኖም ኣሻቓሊ ኰነ። ናይ ጀርመን ኩባንያ ኣብ ከባቢ ራይን ናይ ሊድ ፋብሪካ ክሃንጽ ምውጣኑ ኣፍለጠ። ህዝብታት ውህይልን ማርኰልስሃይምን ኣብ ዶብ ሰገር ጎስጓስ

ንኽተሓባበሩ ተሰማምዑ። ኣብ ንሓሰ 1974 ካብ ባደን (ጀርመን) 21 ናይ ከባብያውያን ጕጅለታትን ናይ ኣልሳስ (ፈረንሳን) ናይ ሓባር ማሕበር 'ኣህጉራዊ ሽማግለ' ኣቘሙ። ህንጻ ኣብ ዝተጀመረሉ እዋን ነቲ ስራሕ ደው ንምባል ነቲ ቦታ ብዘይጎነጻዊ ብሓባር ንኽሕዙ ወሰኑ።

ሰራሕተኛታት ኣብ ማርኰልስሃይም ናይ ሊድ ትካል ንምጅማር ናይ ህንጻ ሓጹር ምስ ጀመሩ፡ ኣብ መስከረም 20 1974 ናይቲ ከባቢ ደቀ-ኣንስትዮ ናብቲ ሓጹር ብምድያብ ነቲ ስራሕ ደው ኣበለኦ። ናይ ከባቢ ተሓለቕቲ ኣብ መጀመርያ ኣብ ኣፍደገ ናይ ሓጹር መስመር ቴንዳ ብምትካል ጸኒሖም ድማ ኣብ ውሽጢ ኣትዮም ነቲ ቦታ ሓዝዎ። ናይ ጎስጓስ ድጋፋት ካብ ሓያሎ ቦታት መጸም። ናይ ጀርመን ኣናርኰ-ፓሲፊስት መጽሔት (Graswurzelrevolution) ነቲ ናይ ከባብ ዘይጎነጻዊ ተግባር ሓሳባት ኣብ ምዝርጋሕ ሓጊዙ።

ኣብ ጥቓ'ቲ ትካላት ዝነበረ ናይ ፍራይበርግ (ጀርመን) ናይቲ ከባቢ ጕጅለ ነቶም ኣብ ውህይልን ማርኰልስሃይም ዝውድቡ ዝነበሩ ንጡፍ ዘይጎነጻዊ እንታይ ከም ዝኾነ ኣላለይዎም። ኣብ 1974 ኣብ ማርኰልስሃይም ናይ 3 ማዓልታት ዘይጎነጻዊ ታዕሊም ዘጠቓለለ ዓውደ መጽናዕቲ፡ 300 ሰባት ናይ ተራ-ጻወታ ዝገበርሉን ፖሊስ እንተመጻዎም እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎም ውጥን ዘውጽእሉ ነበረ።

ካብ ኩልቲኡ ወጋት ናይ ራይን ዘጠቓለለ--ሓረስቶት፡ ሰብሓዳር፡ ገፊፍቲ ዓሳ፡ መምሃራን፡ ናይ ኣካባቢ ተሓለቕቲ፡ ተማሃሮን ካልኦትን ዘለዎም ሓደ ዙርያ ብምፍጣር ኣብ'ቲ ቦታ ናይ 'ዕርክነት ቤት ገበሩ። ምትሓዝ ናይ ማርኰልስሃይም ክሳብ ናይ ፈረንሳይ መንግስቲ ነቲ ናይ ሊድ ስራሕ ህንጸት ፍቓድ ዝስሕቦ ሓጋይ ብምሕላፍ ለካቲት 25 1975 ቀጸለ።

እዚ ከምዚ'ሉ ከሎ፡ ናይ ውህይል ጀርመን ናይ ኑክለር ኣመንጫዊ ህንጸት ጀሚሩ ነይሩ። እቲ ናይ መጀመርያ ነቲ ቦታ ምሓዝ ኣብ 18 ለካቲት 1975 ነይሩ ግን ድሕሪ ቁሩብ ማዓልታት እቲ ተግባር ብፖሊስ ደው በለ። ድሕሪ ኣብ 23 ለካቲት ናይ 30.000 ሰባት ኣህጉራዊ ደገፍ፡ እቲ ካልኣይ ምሓዝ ናይ ውህይል ህንጸት ተኻየደ። በቲ ናይ ማርኰልስሃይም ዓወት ብምትብባዕ፡ እቶም ናይ ኣካባቢ ትሓለቕትን ንኹሎም ኣባላት ስድራ ቤታት ናይቲ ዞባ ብምሕዋስ ነቲ ቦታ ን8 ወርሒ ተቖጻጸርዎ።  ድሕሪ ልዕሊ 20 ዓመት ዝወሰደ ናይ ሕጊ ምምጓት፡ ነቲ ውጥን ምህናጽ ናይ ኑኩለር ጽዓት ትካል ናይ ውህይል ኣብ መወዳእታ ኣብጸሖ።

ኣብ ክረምቲ 1975፡ ክልተ ናይ ሕ.መ.ኣ ተሓለቕቲ-- ራንዲ ኬህለርን ቤትሲ ኰርነርን ድሕሪ ናይ WRI ሱሉሳዊ ዓመት ኣኼባ ኣብ ሆላንድ

ምስታፎም ናብ ውህይል በጺሒሞ ነይሮም። ታሪኽ ናይ'ቲ ኣብ ኣመሪካ ናይ መጀመርያ ውልቀሰብ ዝገበሮ ዘይጎነጻዊ ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ ኣንጻር ናይ ኑክለር ጸዓት ትካል ዝገልጽ ፊልም ናይ 'ላቭጆይ ዞናት ኑክለር' ሒዞሞ መጺኦም ነይሮም። ናብ ኣመሪካ ክምለሱ ከለዉ ነቶም ናይ ሲብሩክ ኑክለር ጸዓት ትካል ወደብቲ ዝኸውን መሳጢ ታሪኽ ናይ ጀርመን ማሕበረሰብ ሒዞም ተመልሱ። ዝያዳ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጣት'ውን ሰዓበ። ነቲ ኣብ 1976 ምትሓዝ ናይ ሲብሩክ፡ ኣባላት WRI ካብ ጀርመናውያን ብቴሌፎን መዓልቲ ምስ ምሕዝነት ክላምሽል ርክባት ይገብሩ ነይሮም። ናይ ጀርመን ዘይጎነጻዊ ተሓለቕቲ ናይ ሓባር ስምምዕ ኣብ ምሕላፍ ውሳነ ይጥቀሙ ነይሮም፡ እቲ ናይ መቕርብ ጕጅለ ቅርጺ ግን ንያኦም ሓዲሽ'ዩ ነይሩ፡ ከም ጼፉፍ ሜላ ንምውዳብ ተግባራት ድማ ራኣይዎ።

ኣብ 1977 ጀርመናውያን ተሓላቕትን ዓለምትን ኤሪክ ባኽማንን ጉንተር ሳትሆፍን ናብ ሕ.መ.ኣ መደረ ንኽገብሩ ዑደት ገበሩ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዝነበሩ ኣንጻር ኑክለር ጕጅለን ነቲ ኣብ ዲያብሎ ካንዮን ዝርከብ ናይ ኑክለር ጽዓት ትካል ዝቃወሙ ጕጅለ ካልፎርንያ በጽሕዎም። ተሓለቕቲ ካብ ክሊቲኦም ወገናት ናይ ኣትላንቲክ ከምዚ ዓይነት ስግረ-ፍርያምነት መስርሕ ዝፈጥር ምብጽጻሕ ቀጺሎሞ።

ናይ ማርኰልስሃይምን ውህይል ትካላት ከይተሃንጻ ተረፋ። ዋላ'ኳ ሓደ ካብቶም ተኣሚሞም ዝነበሩ ናይ ኑክለር መመንጨዊ፡ ኣብ 'ሲብሩክ' እንተተሃንጸ፡ ድሕሪኡ ግን ኣብ ሕ.መ.ኣ ካልእ ሓዲሽ ናይ ኑክለር ጽዓት ትካል ኣይተጀመረን። ክሊቲኦም ናይ ውህይል ኣብ ጀርመንን ሲብሩክ ኣብ ሕ.መ.ኣን ኣገደስቲ መዐቀኒ ንጸረ-ኑክለር ምንቅስቓስ ከምኡ'ውን ንኻልኦት ብዙሓት ተመሳሰልቲ ጎስጓሳት ኣተባባዕቲ ነይሮም።

እቲ ብናይ ኣብ ኤውሮጳ ዝተገብሩ ስርሓት ዝተተባበዐ ናይ ሲብሩክ ናይ ክላምሽል ምሕዝነት፡  ተመሊሱ ንኻልኦት ናይ ሕ.መ.ኣን ኤውሮጳን ምንጪ ናይ ምትብባዕ ኾነ። ኣብ ሕ.መ.ኣ ናይ ሲብሩክ ተግባር ነቲ 80 ሚኢታዊ ተወዲኡ ዝነበረ ናይ ሾርሃም፡ ሎንግ ኣይላንድ ኣብ ኒው ዮርክ ዝነበረ ናይ ኑክለር ጽዓት ትካል ደው ንምባል ዝተገብረ ዕዉት ጎስጓስ ሓጊዙ። እዚ ዝጀመረሉ ድሕሪ ናይ መቕርብ ጕጅለ ኣባላት ናይ ጸረ-ዞናት ሊግ ካብ ሲብሩክ ምትሓዝ ምምላሶምን ንማሕበረሰቦም ክውድቡ ምጅማሮምን'ዩ። ኣብ'ቲ ናይ 1977 ምትሓዝ ሲብሩክ ዝተሳተፉ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ተሓለቕትን ምስ ካልኦት ነቲ ናይ 'ሰላም ዜና' ዘንበቡ ተሓለቕትን ብሓባር ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከምዚ ዓይነት ኣዋዳድባ ከማዕብሉ ብምውሳን፡ ናብ ቶርነስ ምሕዝነት ብምምራሕ ናይ መወዳእታ ተቓውሞ ኣንጻር 'ሓምላይ ግራት' ናይ ኑክለር ቦታ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ

ኰነ። ኣብ ጀርመን በቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዝነበረ ተቓውሞ ምኽንያት ብዙሓት ናይ ኑክለር ጻዓት ትካላትን ናይ ኑክለር ነዳዲ ዳግማይ መስራሕትን ትካላት ተኸልኪለን ወይ ተዓጽየን እየን። ኣብ መጀመርታ 1980ታት ናይ መቕርብ ጕጅለ ሞዴል ብምጥቃም፡ ተቓውሞ ኣንጻር ናይ ሕ.መ.ኣ ምትካል ናይ ክሩዝ ሚሳይላት ኣብ ዓዲ እንግሊዝን ጀርመንን ዓበይቲ ዘይጎነጻዊ ተግባራት ተኻይዶም። ድሒሩ'ውን ናይ መቕርብ ጕጅለታት ብምጥቃም ኣብ ዙርያ'ዛ ዓለም ብዘይጎነጻዊ ተግባራት፡ (ንናይ ዓለም ናይ ንግዲ ውድብ ኣኼባ ደው ንምባል ኣብ 1999 ናይ ሲያትል ኲፍ ምባል  ዘጠቓልል) ዛንታ ቀጸለ።

## ኣህጉራዊ ጸረ-ውትህድርና ምረሻታት

*ብ ሚላን*

ኣህጉራዊ ዘይጎነጻዊ ንምጉዳል ኣጽዋር ወይ IMD  (International Nonviolent March for Demilitarisation) ዝበሃል ምረሻ ኣብ ኤውሮጳ ካብ 1976 ክሳብ 1989 ዓመታዊ ፍጻሜ ኰይኑ፡ ብመቕርብ ጕጅለታት ብምውዳብ፡ ዘይጎነጻዊ ታዕሊምን ናይ ሓባር ስምምዕ ንምሕላፍ ውሳነ ሓሳባት ንኽዝርጋሕ ሓጋዚ ነይሩ።

ኣርባዐተ ካብ'ቶም ምረሻታት ተሳቲፊዮም ነይረ፡ ኣብ'ቶም ሰለስተ ድማ ኣብ ምውዳቦም ሰሪሐ፡ ኣብ 1983 ኣብ ብሩሰልስ ኣንጻር IDEE (ኤግዚቢሽን ኤለክትሮኒክ ምክልኻል)፡ ኣብ 1984  ግረበንሃይን (ፉልዳ-ጋፕ፡ ምዕጋት ናይ ወተሃደር ልምምዳት)፡ ከምኡ'ውን ኣብ 1985 ኣብ ደኒማርክ (ኣንጻር ኣጽዋር ኑክለር)።

እቲ ናይ መጀመርያ ኣብ ምዕጻው ዝተሳተፍክሉ ኣብ 1979 ኣብ ራምስተይን ነበረ፡ ኣብ መቕርብ ጕጅለታት ብናይ ሓባር ስምምዕ ውሳነ ንገብረሉ፡ ናይ ወሃብቲ ቃል ሽማግለ (ሓደ ዋሃብ ቃል ካብ ነፍስወከፍ ናይ መቕርብ ጕጅለ) ነይርና። ብድሕሪኡ ዳርጋ ኵሎም ጎስጓሳት፡ ምረሻታትን ዓበይቲ ተግባራትን ብኸም'ዚ መገዲ ተወደቡ። ሓሳባት ዘይሰንሰለታዊ መልክዕ ንቀጥታዊ ዘይጎነጻዊ ተግባር ምውዳብ ከም ዝዝርጋሕ ዘሎ ብምምሳሉ፡ ኣነኻ ነዚኦም ዓይነት ፍጻሜታት'የ ክሳተፎም ዝመረጽኩ ምባል ይከኣል።

እቲ ናይ መጀመርያ ንዓለምቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ዝወሰድክሉ ኣብ 1982 ኰይኑ፡ ብዛዕባ ኣገባብ ናይ መቕርብ ጕጅለን ሓባራዊ ስምምዕ ኣብ ምሕላፍ ውሳነን ዝብሉ ብዙሕ ተማሂርክሉ። ኣብ 1980ታት ንዘይጎነጻዊ

ታዕሊማት ዓቢ ጠለብ ነይሩ፡ ሓደ ካብቶም ስሩዓት ኣርእስታት 'ዘይሰንሰለታዊ መልክዕ ኣወዳድባ ኣብ ቀጥታዊ ዘይጎነጻዊ ተግባር' ነይሩ።

እቲ ናይ ዝተፈላለየ ባህሊ ትሕዝቶ ናይ IMD ኣዝዩ ኣሒያሊ ኰይኑ ረኺበዮ፡ ከም ዝመስለኒ'ውን ብዙሓት ተሳተፍቲ ናብ ቦቶኦም ተመሊሶም ነቲ ሓሳባትን መልክዓት ኣወዳድባ ንምዝርጋሕ ዝተሃወኹ ነይሮም ክብል ይኽእል። ኣብ ክንዲ ብዞባዊ ምውዳቡ፡ ነቲ ናይ ኣህጉራዊ ፍጻሜ ከም መስሕብ ብዙሓትን ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ሓደ ክመጹ ተጠቒምናሉ።

ኣብ'ዞም ምረሻታት ዝተቐራረቡ ኣርእስትታት ኣታኣሳሲርናዮም። ንኣብነት፡ ኣነ ብዛዕባ 'ገሽታልት ተራፒ'-- ንተበላሕነትና ዝውስን ናይ ውልቂ ጠባያት ንምግጣም ዝብል ተማሂረ። እዚ ከመዚ ዓይነት ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ናይ G8  ተግባራት/ጎስጓስ ይካየድ ኣሎ። ጸብጻባይ ከም ዝሕብሮ "ምናልባት እቲ ዝዓበየ ፖለቲካዊ ጽልዋ ናይዞም ማዓልታት ዝኾነ፡ እዞም መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮን ደቀ ኣንስትዮን ነናብ ገዝኦም ምስ ከዱ ናብ 'ንቡር' ሂወቶም ምስ ተመልሱ ክኸውን'ዩ= በቲ ተመኵሮ ተቐይሮም'ዮም፡ በቲ ዝገበርዎ ተግባራትን ዝሃብዎን ዝተቀበልዎን ደገፍን ሓይሎምን ዓብዮምን እዮም'።

ጽቡቕ ተመኵሮ ልክዕ ከም ኣብ ፍርያም መሬት ተዘሪኡ ድሕሪ ገለ እዋን ዝዓቢ እዩ፡ ድሕሪኡ ምናልባት ጽቡቕ ሽታ ዘለዎ ክኸውን ወይ ሃብታም መጋቢ የሕምልቲ ክኸውን ይኽእል። ከም ዝመስለኒ፡ ንዓይን ንብዙሓት ካልኦትን፡ IMD ከም ዚኦም ዝኣመሰሉ ዘርእታት ተኺሉ እዩ።

## ቺለ፡  ናይ ጋንዲ መረዳእታ ንናይ ቺለ ዲክታተር ኣብ ምንጻግ ንህዝቢ ኣተባቢዑ

*ብ ሮበርታ ባሲክ*

ኣብ መስከረም 11 1973 ኣብ ግዜ ምምሕዳር ኒክሶን ናይ ኣመሪካ ናይ.ኣ ሲ.ኣይ.ኤን ንናይ ቺለ ወታሃደራት ብምድጋፍ፡ ብህዝቢ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ናይ ማሕበርነት መንግስቲ ፕረሲደንት ሳልቫዶር ኣለንደ ካብ ስልጣኑ ኣውረድዎ። 'ፕሪሲላ ሃይነር' ኣብ'ቲ (Unspeakable Truths, Confronting State Terror and Atrocity (2001) ዝብል መጽሓፋ፡ ነቲ ኣዕናዊ ናይ ዲክታተርነት ውጺኢታት ይዝርዝር፡ እቲ ስርዓት ነቲ ናይ ጨቋኒ ኣካይድኡ ሕጋውነት ከልብስ ነቲ ተግባራቱ ከም ኣንጻር ዴስነት ገይሩ ኣማሳሚሱ፡ መጠነ ሰፊሕ ማእሰርቲ፡ ምቕጥቃጥ (ካብ 50.000 ክሳብ 200.000 ዝግመቱ ሰባት) መቕተልቲ፡ ከምኡ'ውን

ምስዋር ዘጠቓለለ ገበን ፈጸመ። እቲ ምልኪ ንኣሽሓት ናይ ፖለቲካ ተቓወምትን ሰብ ራኢን ረሺኑ፡ ቀጥቂጡን ካብ ሃገር ኣባሪሩን።

ኣብ ከም'ዚኦም ጸጥ ዘብል ኩነታት ከም ውጺኢት ቺለ ስግኣታትን ራዕድን ዝሰፈኖ ቅልውላው ወረሳ። ገለ ካባና ነቲ ራዕዲ ኣብ ምምካት ብናይ ጋንዳዊ ኣራዳድኣ ሓይሊ ዘይጎነጻዊ ብኸመይ ንቓልስና ከም ዝሕግዝና ንሓስብ ነይርና።

(ዘይጎነጻዊ ኣብ ምፍታሕ ምስሕሓብ ከም ፍልስፍናን እስትራተጂን ይጥቀስ፡ ከም መሳርሒ ንቓልሲ ዘይፍትሓዊን-- ብሰፊሕ ኣራእያ ድማ-- ሓደ መገዲ ናይ ሂወት፡ ብጋንድን ኣብ ዙርያ ዓለም ዘለዉ ሰዓብቱን ዝዓበየን ዝተሰርሓሉን እዩ። ዘይጎነጻዊ ተግባር ኲይኑ ንዘይፍትሓዊ ዘይሰርሕን ወይ ዘየፍቅድን እዩ።)

## ነቲ ሓቂ ብዓውታ ምቅላሕ

ውሑዳት ካባና ንኻልኦት ኣንጻር ምልካውነት ደፊሮም ንኽዛረቡ ንምብርባር ኢልና 'ነቲ ሓቂ ብዓውታ ንምቅላሕ' ወሰንና። ድርብ ስቅያት ገጢሙና፡ ናይ ምልካዊ ጎነጽ ንምጽማም ዘሎ ስቅያትን ከምኡ'ውን ነቲ ብሰንኪ ፍርሒ ዝስዕብ ቀጻሊ ናይ ስኞታ ጸገም። ካልኦት ነፍቅሮም ክኽተሉን፡ ክሳቐዩን፡ ሃለዋቶም ከጥፍኡን ከሎዉ ድምጽኻ ዘይምስማዕ ክትጽመዋ ዘይከኣል'ዩ። ናይ ሚስጥር መንሹርታትን ዝዝርጋሕ ጽሑፋትን ተሓተሙ። ሰብኣዊ መሰላት ከም ዝተገፉ ዝቃዎም ጭርሖታት ኣብ እዋን ምሸት ኣብ ኣዝዩ ንድሕነትካ ኣስጋኢ ዝኾነሉ ቦታት ኣብ መናድቕ ተሳእሉ። እቲ ዋና ሓሳብ ናይዚኦም ተግባራት መትከላት ንጡፍ ዘይጎነጻዊ እዩ ነይሩ፡ ክሳብ ዘይፍትሓዊ ዘሎ፡ ብቐዳምነት ክንሕብር የድልየና፡ እንተዘይ ኲይኑ ግን ተሓባበርቲ ናይ ገበን ኢና። ሚስጥራዊ ተግባራት ኣብ ምዝርጋሕ መትከላት ሓቂ ምንጋርን ኣብኡ ተሞርኲስካ ምስራሕን ሓገዙ። ዋላ'ኳ ሓደጋታት እንተነበሩ፡ ካብ ሚስጥራዊ ተቓውሞታት ክንሓልፍ ግን ነይሩና። ነቲ ኣንጻር ናይ ቺለ ወታሃደራዊ መንግስቲ ዝቐንዐ ተቓውሞ ናብ ቃልዕ ከነውጽኦ ደሊና።

## ናይ ህዝቢ ምንቅስቓሳት ኣንጻር ምስቓይ ምብርባር

ጆስ ኣለዱናት፡ ናይ እየሱሳዊ ካህን (Jesuit) መራሒ ናይ ሰባስቲያን ኣሰቨዶ ምንቅስቓስ ኣንጻር ምቕጥቃጥ ኣብ ቺለ ኣብ ዝጻሓፍዎ መዘክር ከምዚ ይብል፡ 'ናይ ምቕጥቃጥ ጭብጥታት ሒዙ ሓደ ብጻይ ናባና መጸ። ብዛዕባ ምቕጥቃጥን ሓይሊ ናይ ዘይጎነጻዊ ንነብስና ማሃርና። ብዛዕባ ማህተማ ጋንዲ ፍሊም'ውን ራኣና። በዚ ድማ ኣንጻር ድኽነት ንኽቃወም ዝያዳ ተሳሓብኩ፡ ነቲ ናይ ጉጅለ ስነ-ስርዓት ግን መልሲ ሃብኩ። ድሕሪ

ብዕቱብ ምዝርራብን ንምስቓይ ንምኹናን ዘይኀነጻዊ ሰለፊ ክነካይድ ወሰንና፡ ...ሓጹራት ናይ ስቓታን ንምቕጥቃጥ ምሕባእን ንምፍራስ፡ ኣብ ህዝቢ ወጺእና ክንኩንኖ ግዴታ ነይሩና። ነቲ ናይ ህዝቢ ሕልና ክነንቀሳቕሶ ነይሩና።'




ናይ ሳባስትያን ኣሰቬዶ ምንቅስቓስ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ሳንትያጎ ቺለ፡ ስእሊ፡ ካብ ሮበርታ ባሲክ መኽዘን

ኣብ መስከረም 14 1983፡ እቲ ስርዓት ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት ስልጣን ምሓዙ፡ ምንቅስቓስ ጸረ-ምስቓይ ኣብ ሳንትያጎ ኣብ ኣፍደገ ቀንዲ ቤት ጽሕፈታት 'ሃገራዊ ምጽራይ ማእከል' ኣብ ግዜ ተግባር ተወልደ። '*ምቕጥቃጥ ኣብ'ዚ ይግበር'* ዝብል ኣብ ኣጭርቕቲ ዝንበቡ ዝሓዙ ከባቢ 70 ሰባት ንትራፊክ ዓጸዉ። ናይ ምስጋና መዝሙር ንሓርነት እናዘመሩ፡ ኩነኒኦም ብዓውታ ኣቃልሑ። እቲ ጕጅለ ክሳብ 1990 ብውሕዱ ሓደ ግዜ ኣብ ወርሒ ናብዚ ቦታ ብምምጻእ ኣንጻር ናይ'ቲ ስርዓት ገበናት ኣብ ሰብኣውነት ይኹንን ነበረ። እቲ ምንቅስቓስ ንምቕጥቃጥ ኰነ። ንስርሓት ምጽራይን ምእዋጅን ንኻልኦት ኣካላት ገደፈሎም።

ብግቡእ ንኽንሰርሕ፡ እቲ መንግስቲ ንህዝቢ ንምርዓድ ኢሉ ዝኣወጆም ናይ ሃገር ህጹጽ ሕግታት ብግልጺ ክንቃወሞ ነይሩና። ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ዝነበረ ናይ ሓይሊ ምስኣን፡ ምንጻልን ፍርሕን ውሽጣዊ ስምዒት ክንሰብሮ ነይሩና። ገለ ስጉምትታት ናይ ድሕነት'ውን ክንህብ ነይሩና። እቲ ምንቅስቓስ ናይ መአከቢ ቦታ፡ ሰክረታርያት፡ ትሕተ-ቅርጺ

ኣይነበሮን። ናይ ተግባር ግዜ ክመጽእ ከሎ፡ ኣብ ጽርግያታትን ፕላዛን ይራኸብ። ናይ ኣባልነት መዝገብ'ውን ኣይነበሮን። እቲ ምንቅስቓስ ስልኪ ካብ ሚስጥራዊ ፖሊስን ካልኦት ጸቐጥቲ ትካላት ንምውጋድ፡ ተሳተፍቲ ብናይ ውልቃዊ ዕድመ ይመጹ ነይሮም። ትእዛዛት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይሓልፉ ነይሮም። ብፍላይ ተሳተፍቲ ኣብ ግዜ ተግባር ብገዛእ ርእሶም ይዕለሙ፡ ኣብ'ቲ ቦታ ንነፍስወከፍ ተግባር ንግምግሞ።

ብዙሕ ግዜ ተሳተፍቲ ምስ ዝቕየዱን ምስ ዝኽሰሱን፡ ሕጋውን ዘይሕጋውን ውሳነታት የጋጥሞም። ናይ ንብዓት ጋዝ፡ ማህረምቲ፡ ምቕያድን ምኽሳስን ከም ሕነ ምፍዳይ ኣንጻር ሰልፈኛታት ልሙዳት ነይሮም። ድሕሪ ማእሰርቲ ምቕጥቃጥ'ውን ከጋጥም ዝኽእል ሳዕቤን ነይሩ። ንተሳተፍቲ ናይ ሰባስቲያን ኣሰቨዶ ምንቅስቓስ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ'ቲ ዝተቓልዐ ተግባራትን ጉዳያትን ከቕርቡ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ጸብጻብትን ጋዜጠኛታትን ከይተረፈ እቲ መቕጻዕቲ የጋጥሞም ነይሩ። ገለ ካብቶም ስርሓት ክሳብ 300 ተሳተፍቲ ነይርዎም። ገለ 500 ሰባት ብሓፈሻ ተሳቲፎሞ። ክርስትያንን ዘይክርስትያንን፡ ካህናት፡ ፈለስቲ፡ ናይ ሻውል ነበርቲ፡ ተማሃሮ፡ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ሃነጽቲ ኣባይቲ ከምኡ'ውን ምንቅስቓሳት ዝተፈላለዩ ናይ ሰብኣዊ መሰላት--ካብ ኩሉ ደርቢ፡ ሰነ-ሓሳብን ዝተፈላለዩ ሞያን ደረጃን ዘለዎም ኣብ'ቲ ተቓውሞ ነይሮም።

እቲ ቀንዲ ዕላማ ኣብ ቺለ ምስቓይ ደው ንምባል'ዩ ነይሩ። እቲ ዝተመርጸ መሳርሒ ሃገራዊ ኣፍልጦ ብምብርባር ክሳብ እቲ ስርዓት ምቕጥቃጥ ደው ዘብሎ ወይ እታ ሃገር ካብቲ ስርዓት ትላቐቕ፡ ሕልና ናይ ሃገር ክብ ምባል'ዩ (ምዕባይ ኣተሓሳስባ)። ኣብ 1988፡ ድሕሪ ሰፊሕ ጸረ-ምፍርራሕ ጎስጓስ፡ እቲ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ (ቺለ እወ፡ ፒኖቸት ኣይፋል) ነቲ ናይ ፒኖቸት ግዝኣት ንምጽዳቕ ተባሂሉ ዝተወጠነ ናይ ህዝቢ ምርጫ ምስዓር ሓጊዙ። እዚ ድማ ንፒኖቸት ኣሰንባዲ ኰኖ።

ኣብ እዋን ናይ ፒኖቸት ዓመታት ዝዓበዩ ባህሊ ዘይተሓታትነት ንምብቃዕን ኣብ ሃገራዊ ዕርቂ ንምእታው ዝተገብረ ጻዕርታት ቀጸለ፡ ካብ'ቶም ብዙሓት ነቲ ምልካውነት ዝሳዓሩ ነገራት፡ ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ ኣገዳሲ መገዲ ነይሩ።

## እስራኤል፡ ኒው ፕሮፋይል ካብ ናይ ካልኦት ተመኵሮ ይማሃር

*ብ ሩት ሂለር*

ኣብ መፋርቕ 90ታት፡ ኣብ እስራኤል ሓዲሽ ናይ ፖለቲካ ምስትውዓላት ነይሩ። እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ምንባራን ናይ እስራኤላውያን ሂወት ምጥፍኡን ዝቃወም ናይ ህዝቢ ቊጽሪ ወሰኸ። መንግስቲ ናብ ስፍራታት ፌልስጤም ምእታዉ፡ ንገለ ሰባት ነቲ ተግባር ኣብ ሕቶ ከእትውዎ ገበሮም። ንእስራኤል ካብ ሊባኖስ ንኽትወጽእ ጸቕጢ ንምፍጣር፡ ብፍላይ ኣብ ዓበይቲ መራኽቢ መገድታት መዓልቲ ሰላማዊ ሰልፍታት ተኻየዱ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሓያሎ ጒጅለታት ነቲ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ከም ኣርባዕተ ኣዴታት፡ ኣዴታትን ደቀ-ኣንስትዮ ንሰላም፡ ከምኡ'ውን ጸሊም ዝተኸድና ደቀ-ኣንስትዮ መርሕዎ።

"ወደይ ወታሃደራዊ ዕስክርና ንኽቃወም ብምውሳኑ ናዓይ ዝያዳ ንኽሳተፍ ገይሩኒ። ናይ ደገፍ ጒጅለ ንምርካብ ተስፍ ብምግባር፡ ንነገራት ብዓይኒ ነቒፌታ ዝርእዩ ሰባት ክደሊ ጀሚረ። ኣብ ጎሬቤተይ ሓደ ናይ ማሕበራዊ ተሓላቒ ነይሩ። ካብ ገዛውትና ሩሑቕ ኣብ ዘይኰነ መራኸብታት እንዳኸድና፡ ሰላማዊ ሰልፍታት ጀሚርና"። ኣብኡ ሓንቲ ሰበይቲ ነቶም እኩባት ብዛዕባ ዝያዳ ተሳታፍነት ክትዛረቦም ከላ ሰማዕክዋ። ነታ ሰበይቲ ኣብ'ቲ ዝቕጽል መዓልቲ ደወልኩላ። ወርሓዊ ናይ መጽናዕቲ ጒጅለ ርክባት ድሮ ተጀሚሩ ከም ዘሎ ነገረትኒ። እቲ ጒጅለ ናይ ማእከላይን ላዕለዋይ ማእከላይ ደረጃ ጻዓዱ ዘለውዎ (ናይ ሚዝራቺ፡ ኢትዮጵያ ወይ ፍሊስጤማውያን እስራኤላውያን ዘይኰኑስ፡ ናይ ኤውሮጳ ዓሌት ዘለዎም) ደቂኣንስትዮ ዝሓዘ ኮይኑ፡ ገለ መገዲ ናይ ለውጢ ብሓባር ዝደልያ ከምዚ ከማይ ዝሓዘ እዩ ነይሩ። ገለ ድሮ ኣብ ናይ ሰላም ምንቅስቓስ ኑጡፋት ዝነበራ፡ ገለ ድማ ኣብ ዅናት ኣባላት ናይ ስድራ ቤት ዘጥፋኣ ነይረን።

ኣብ'ቲ ናይ መጽናዕቲ ጒጅለ ንነገራት ብነቒፌታዊ፡ ኣንስታውን ዓይኒ ንኽጥምቶም ተማሂረ። ነቲ ምንቅስቓስ ዘሳለጠቶ እታ ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰል ተጣባቒት፡ ደራሲት፡ ከምኡ'ውን ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ናይ ሰላምን ሰብኣዊ መሰላትን ምንቅስቓሳት ተሓላቒት ዝነበረት ሬላ ማዛሊ እያ ነይራ። ኵነታት ስለ ምንታይ ከምኡ ከም ዝኾኑ ንምርዳእ ንምትንታን ዝሕግዙ ንብረት ኣምጸኣት። ሰለ ምንታይ እስራኤል ወታሃደራዊ ሓይሊ ኰይና? ስለ ምንታይ ኣብ እስራኤል ብዙሕ ምፍልላይ

ዘሎ? ኣብ እስራኤል ኣብ መንጎ ኣብ ውትህድርናን ሲቪላዊ ሂወትን ዘሎ ተመሳሳልነት ናይ ፒራሚድ ስልጣን እንታይ እዩ? ግዳያነት እንታይ እዩ? ተራታት ናይ ደቂኣንስትዮን ኣዴታትን ኣየኖት'ዮም? ናይ ዩሁዳ ውርሻ እንታይ እዩ፡ ሎሚ'ኸ ኣብ እስራኤል ኣየናይ ተራ ይጻወት? (ከምኡ'ውን ሓያሎ ብዙሓት ተዛመድቲ ጉዳያት ተላዕሉ)።



ኣብ ቴል ኣቪቭ ኣብ ቅድሚ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ዝተገብረ ተግባር፡ ስእሊ፡ ኣንድርያስ ስፔክ

ብዛዕባ ክንማሃረሎም እንኽእል ውጺኢታውያን ምንቅስቓሳት ተዘራሪብና። ክልተ ዝተፈላለዩ ግን ተመሳሰልቲ ኣብ ናይ ኣፓርታይድ ምውዳቕ ዝሰርሑ ኣብነታት ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ጕጅለታት ሪኢና። እዚኦም ብዙሕ ቆላሕታ ዘይዋሃቦም ሓይሊ ናይ ናኣሽቱ ጕጅለታት ብቐጻሊ ዝሰርሑን ምዕባለታት ዝረኸቡን ኣገደስቲ ኣብነታት እዮም።

ነቲ ብዝተፈላለዩ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ጕጅለታት ኣብ 1983 ኣብ ናይ ኣፓርታይድ ወታሃደራዊ ኣገልግሎት ብምቅዋም ዝተገብረ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ 'ጎስጓስ ዕስክርና ደው ንምባል' ዝብል ኣጽናዕና። ኣብ 1985፡ ድሕሪ ጸዓዱ ወታሃደራት ኣብ ናይ ጸለምቲ ከተማታት ክዕስክሩ ምግባሮም፡ ቍጽሪ ንናይ ዕስክርና ጻውዒት ምላሽ ዘይምሃብ ብ500% ወሰኸ። (ካብ ሓጺር ታሪኽ ኣብ www.wri-irg.org/co/rtba/southafrica.htm) ዘሎ። 'ዕስክርና ደው ምባል' ዝብል ብመገዲ ናይ ሬላ ቀጻሊ ንባባ ኣብ ውትህድርና ዝገበረቶ መጽናዕትን ምርምራን ገይርና ተዘራረብናሉ-- ኣብ ፊልማ "ደቂኣንስትዮን ኵናትን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ" ብመገዲ ናይ ጃክሊን

ኰክ መጽሓፍ። ብድሕሪኡ ምስኣን ካልኦትን ብኢሜይል ሓሳባት ምልውዋጥ ቀጸልና።

ጸሊም ናይ ሻሽ መቐነት (Black Sash) ምንቅስቓስ፡ ሓደ ናይ ጸዓዱ ደቂኣንስትዮ ዘይጎነጻዊ ጕጅለ ኰይኑ ንዘለዎን ናይ ድሕነት ሓለፋ ተጠቒመን ንኣገባብ ኣፓርታይድ ክብድሃ ዝፈተናʼውን ኣጽናዕና። ጽልኣን ንዘርኣዊ ኣገባብ ንኽገልጻ፡ ጸሊም ናይ ሻሽ መቐነት ኣርኣያ። ኣብ ገረባት፡ ቦስጣ፡ ኣብ ልዕሊ ናይ መኪና ኣንቴናን ኣብ ኩሉ ክረአ ዝኽእል ቦታ ኣሰረኦ። ከምʼቲ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ጸሊም ዝተጠቕማ፡ ንሕናውን ኣብ ኩሉ ቦታት ብምእሳር፡ ኣራንሾኒ ናይ ሻሽ መቐነት ክንጥቀም ፈቲንና። ግን ብዙሕ ኣይከደን፡ ኣብʼቲ እዋን ክሰርሕ ኣይከኣለን። (እቲ ናይ ጸሊም ሻሽ ምንቅስቓስ ነቲ ኣብ እስራኤል ኣብ 1987 ዝተመስረተ ናይ ደቂኣንስትዮ ብጸሊም፡ ጸሊዎ ነይሩ።

ካልእ ክፋል ናይ ስረሐን ግን ሓጋዚ ኰይኑ ረኺብናዮ። ብዛዕባʼዚ ከነንብብ ከሎና፡ ገለ ካብ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ደቂኣንስትዮʼውን ተማሂርና፡ ሓደ ናይ ጻዓዱ፡ ሓደ ናይ ጸለምቲ፡ ከምኡʼውን ሓደ ካብ ናይ ህንዲ መበቆል ዘለወን፡ ኣብ 1999፡ ንእስራኤላውያን ናይ ጺጋም ክንፊ ኣብ ሓደ ንምምጻእ ሰሚናር ኣሳላጢ ነይሩ። ደቡብ ኣፍሪቃውያን ብጕጅለ ካብ ሰለስተ ንላዕሊ ክእከባ ኣይከኣላን። ስለዚ ብሰለስተ ጕጅለ ይራኸባ፡ ብድሕሪኡ ሓደ ካብʼተን ምስ ካልኦት ክልተ ሰባት ትራኸብ። ደቡብ ኣፍሪቃውያን ብመገዲዚ ዘዋሪ ምንቅስቓስ፡ ብመርበባዊ ምትእስሳር ብዕምቐት ብምጥቃም፡ ሓሳባተን ኣብ ምዝርጋሕን ዕስክርና ደው ንምባል ናብ ዘተ ንምእታውን ሰሪሓናሉ። ኣገደስቲ ትምህርትታት ረኺብናሎም፡ እቲ ጉዳይ ናይ መግለጺ ዘይኰነስ ምስ ሰባት ምዝርራብ እዩ። ብሓደ ነጥቢ ጥራሕ ዝሰማማዕ ዋላ ሓደ ሰብ ይሃሉ፡ ነታ ነጥቢ የዕብያ። ሓደ ምስ ሓደ፡ ወይ ሐደ ምስ ንኣሽቶ ጕጅለ ዝያዳ ውጺኢታዊʼዩ። ሓደ ነገር ንምውዳብ ብዙሕ ሓይሊ የድሊ። መዓልታዊ ሂወት ከቢድʼዩ፡ ተሓላቒ ንምኺን ብዙሕ ነገራት ይሓተካ። ነቲ ግዜ ኣብ ከምʼዚ ዓይነት መስርሕ ምስራዕ ግን ዓሚቝን ውጺኢታውን ክኸውን ይኽእል።

ሬላ ከም ትዝክሮ ‘ኣብ ጥቅምቲ 1998 ንናይ መጀመርታ ክፉት ናይ መጽናዕቲ መዓልቲ፡ ኣነ ነቶም ቀንዲ ዝተዳለዉ መትከላት ብምጽሓፍ፡ ንዕስክርና ደው ምባል ጎስጓስ ብምስዓብ ከምኡʼውን ዝራኣየኒ ተመሳሳልነትን ፍልልያትን ክበሃሉ ዝኽእሉ እማመ ብሕጽር ዝበለ ዘረባ ሃብኩ። ኣብዞም ሕቶታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ዝተፈላለየ ነጥብታት ኣብ ርክባትና፡ ዝርርባትና፡ ምውዳብ፡ ወ.ዘ.ተ.. ንምለሶም ነይርና።’ ሎሚ ነዚ ምልስ ኢልና ክንሪኦ ከለና፡ እዚ መስራቲ ጉባኤና ምኺኑ

ነስተውዕል። ምንቅስቓስ ክንምስርት ኣይኰነን ነይሩ ሓሳባትና። ብሓቂ ድሌትና ብሓባር ንኽንራኽብን ንኽንማሃርን እዩ ነይሩ። እቲ ናይ መዓልታዊ ፍጻሜታትን ልዕሊ 150 ሰባት ንምይይጥን ትምህርትን ምምጻኦም፡ ብሓባር ክንሰርሕ ከም እንኽእል ንጹር ገይርዎ።

ወደይ ሰላማዊ ምኺኑ፡ ኣብ ጉዳይ ዕስክርናን መሰል ናይ ሕልና ከም ቀንዲ ረቛሒ ናይ ጒጅለና መዛረቢ ኰይኑ ክኸውን ይኽእል። ገለ ናይ ሕልና ተቓውሞ ኣዝዩ ሕሉፍ ኰይኑ ሰለዝተሰመየም፡ ነቲ ጒጅለ ገደፍዎ። ከባቢ 12 ካብተን ጀመርቲ 30 ወይ እቲ ናይ መጽናዕቲ ጒጅለ ናብ ክልተ ዓብዩሉ ኣብ ዝነበረሉ ኣባላት ኰይነን ዝጸንሓ ደቂኣንስትዮ፡ ገና ሎሚውን ንጡፋት ናይ ‘ኒው ፕሮፋይል’ እየን። ኣብ ንሓሰ 2000፡ ኒው ፕሮፋይል ኣብ ምብጋስ ‘ምዕስካር ደው ምባል ጎስጓስ’ ዝብል ተመያይጡ። ኰይኑ ግን፡ ድሕሪ ወርሒ ኢንቲፋዳ ብምጅማሩ፡ ነቲ ሓሳብ ደው ኣቢልዎ። በዚ ሓዲሽ ጎስጓስና ‘ቅድሚ ምምዝጋብካ ምሕሳብ’ ዝብል ዳርጋ ናብኡ ንምለስ ኣለና። ኒው ፕሮፋይል ምዕስካር ከም ሓደ ኣካል ናይ እስራኤል ወታሃደራዊ ምኺን ገይሩ ይቖጽሮ። ዋላ እቲ ‘ምትሓዝ’ ይወዳእ፡ ንናይ እስራኤል ሕብረተሰብ ካብ ወታሃደራዊ ኣታሓሳስባ ከነውጽኦ ግዴታ ኣሎና።

ኒው ፕሮፋይል ናይ ምምሃርን/ተግባርን ብማዕረ ሚዛን ሒዙ ኣሎ። ውሽጣዊ ናይ መጽናዕቲ መዓልታትን ኩፉታት ኣኼባታት ኣለዉና። ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሸውዓተ ግዜ ኣብ ዓመት ናይ ትምህርቲ ዙርያታት ኣለውና። ኣብ ገለ እዋናት ኣብ ናይ ወርሓዊ ርክብና ኣብ ኣዝዮም እተወሰኑ ጉዳያት ነተኩር። እዚ ብዙሕ ግዜ ተዛረብቲ ኣጋይሽ ኣብ ዘይብሉን ንተግባር መሰረት ክኾኑ ዝኽእሉ ነጥብታት ኣብ ዝተፈላለዩ ሸነኻት ነተኩር። ንፍሉይ ናይ መጽናዕቲ መዓልታትን ናይ ትምህርቲ ዙርያትትን ግን ዘረባ ዘቕርቡ ኣጋይሽ ክህልውና ይኽእሉ። ኣብ ገለ እዋን ግን እቲ ኣሳላጢ ካብ ውሽጢ ጒጅለ ኰይኑ ብዛዕባ ገለ ነገር ብፍላይ ዝተማህረ ወይ ኣብ’ቲ ጉዳይ ሞያዊ ዝኾነ ክኸውን ይኽእል። ዝያዳ ክንረክብን ብዛዕቡኡ ብሓባር ክንማሃር ንደሊ። ኒው ፕሮፋይል ኣብ ኣሳራርሕኡ ዘይሰንሰለታዊ ወይ እተኣሳሰረ ኣይኰነን። ብኑጡፍ ውዳበ ንዓሰርተ ዓመት ብዘይ ምምሕዳራዊ ቦርድ ክንሰርሕ ጸኒሕና። ብውልቀ-ሰብ ወይ ብዘይምትንታን ዝተሰርሐ ስራሕ ብፍጹም የለን። ዝኾነ ነገር ብሓደ ሰይቲ ኣይቅየርን፡ ናይ ብሓቂ ለውጢ ንምምጻእ ብቐጻሊ ጸኒዕና ክንሰርሕ የድሊ። ኣብ ውጺታውያን ምንቅስቓስ ዝገበርናዮ መጽናዕትታት ነዚ ንጹር ገይርዎ።

ርክብ "ሰላምን ጾታን' ኣብነት ዝኸውን ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ተመልከት።

## ቱርኪ፡ ዘይጎነጻዊ ባህሊ ምህናጽ

*ብ ሂላል ደሚርን ፈርዳ ኡልከርን*

ኣብ ባህሊ ቱርኪ ውትህድርናን ሓርበኝነትን ዓሚቕ ሱር ዘለዎም እዮም። ዋላ'ኳ ብዕሊ ከም 'ዅናት ኣንጻር ኣሸበርቲ' ዝብል መግለጺ ይዋሃቦ እምበር፡ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ቱርኪ ዝካየድ ዅናት ኣብ ምፍልላይ ዓሌት ኩርዳውያን መሰረት ዝገበረ እዩ። ኣብ'ቲ ሃገር ዝኾነ ንውትህድርና ኣብ ሕቶ ንምእታው ምፍታን ከም 'ክድዓት' ይቑጸር። እቶም ዝያዳ በቲ ኣሉታዊ ጎነጻዊ ሳዕቤናት ናይ ዅናት ዝትንከፉ ደቂኣንስትዮ፡ ቆልዑ፡ ዓበይቲ፡ ሓይማኖታውያን፡ ቢሂራትን ከምኡ'ውን ብፖለቲካ ዝታሃመሹን እዮም። ኣብ ሕብረተሰብ ቱርኪ ጎነጽ ስለዝሰረጸ፡ ኣማራጺ ሓሳባት ከም ዘይሕሰቡ ገይርዎም፡ እዚ ዋላ ኣብ'ቶም ንሰንሰለታዊ ኣሰራርሓ ኣብ ሕቶ ዘእትዉን ንነጻነትን ማዕርነትን ምዕባይ ዝቃለሱ ከይተረፈ ይረአ።

ጽልዋ ናይ ውትህድርና በዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ክራኣዩ ይከኣል፡

- ሓደ ሰብኣይ/ወዲ ወታሃደራዊ ኣገልግሎት ምስ ፈጸመ ጥራሕ'ዩ 'ናይ ብሓቂ ሰብኣይ" ዝቑጸር።
- ሃገራዊ ናይ ድሕነት ቤት ምኽሪ (ሓለቓ ናይ እስታፍ ዘጠቓለለ) ክሳብ ቀረባ እዋን 1997 ንናይ ምርጫ ተዓወቲ መንግስቲ ካብ ምቛም ከልኪሎሞም ነይሮም፡ (ዘመናዊ ምዕላው)።
- ቍጠባዊ ስልጣን፡ ናይ ቱርኪ ናይ ሰራዊት ናይ ሕሳብ ኣገልግሎት ኩባንያ "OYAK" ሓደ ካብቶም ሓያላት ኣውፈርቲ ኣብ ቱርኪ እዩ።
- ናይ ርእይቶታት መውሃቢ ከም ዝሕብርዎ፡ ክፍሊ ውትህድርና ካብቶም ብህዝቢ ኣዝዮም ኡሙናት ትካላት እዩ።

እቲ ኣብ ትሕቲ ሙስጠፋ ከማል ዝምራሕ ዝነበረ ሰራዊት ኣብ 1923 ንሪፓብሊክ ቱርኪ መስረታ፡ ድሕሪ ምውዳቕ ኢምበራጦራዊ ኦትማን፡ ናይ ከማላዊ መትከላት- ሓያል ወተሃደር ምህላውን እምነት ኣብ 'ዘይትከፋፈል ሃገርን' ዝብሉ ከም መሰረታውያን መትከላት ኣብ ገበናዊ

ሕጊ ዝተንጸባረቑ ኰይኖም ኣለዉ። እዚኣቶም ረጋጺ ዝኾኑ ኣራእያታት ይፈጥሩ። ውሑዳት ሰባት ጥራሕ እዮም ናይ ወዲ ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ምዕብላል ከም ጉዳይ ዝርእይዎ፡ ኣካላዊ ጕነጽ ኣንጻር ሰዓብቲ፡ እሱራት ከምኡ'ውን ኣብ ስድራ ቤት ብገፊሑ ቁቡል እዩ።

## ምጅማራት

'ዘይጎነጻዊ' ዝብል ቃል ንመጀመርያ ግዜ ኣብ 1992 ኣብ'ቲ መትከላት ናይ ማሕበር ኢዝሚር ተቓወምቲ ኵናት (IWRA) ተጠቒሱ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ማሕበር፡ ዘይጎነጻዊ ኹሉ ግዜ ከም መዘራረቢ ነጥቢ ኰይኑ ብፍላይ ኣብ ጎነጽ ዘለዎ ባህሊ ብኸመይ ግብራዊ ሜላታት ረኺብካ ኣብ ዘይጎነጻዊ ትነብር ዝብል ነይሩ። ንመጀመርያ ዘይጎነጻዊ ታዕሊም ዝተጠቀምናሉ ካብ ጕጅለና ኦስማን ሙራት ኡውልከ ብምኽንያት ሕልናዊ ተቓውሞ ምስ ተኣስረ፡ ንገዛእ ርእስና ንቤት ማእሰርቲ ንምብጻሕ ኢልና ምድላዋት ገበርና። ካብ ፈለምኡ ካብ ጕጅለና ወጻኢ ዝኾኑ ሰብ ኣብ ዘይጎነጻዊ ንኽዛረበና ዝበጽሓና ኣይነበረን። ሎሚ ግን፡ ዋላ'ኳ ማሕበር ተቓወምቲ ኵናት ብሰንኪ ናይ ኣባላት ናይ ስራሕ ምድኻም ኣብ 2001 እንተተዓጽወ፡ ዝያዳ ተገዳስነት ኣሎ።

ናይ IWRA ተወፋይነት ኣብ ዘይጎነጻዊ፡ ምስ ካልኦት ንኣራእያና ብዕቱብ ዘይጥምቱን ንዘይጎነጻዊ ከም ድኹምን ዘይውጺኢታዊ ገይሮም ዝቖጽሩን ጸጋማውያን ጕጅለታት ንጹር ፍልልይ ከም ዘለና ይገብረና። ንሕና ኣብ ጸረ-ውትህድርና፡ ኣናርኪስት፡ ከምኡ'ውን ናይ ደቂኣንስትዮ መሰል ተሓለቕቲ ብፍላይ ንሳተፍ። ምናልባት እቲ ዝዓበየ ተቐባልነት ንዘይጎነጻዊ ዝመጸ ኣብ ቅርጻውን ናይ ዘይጎነጻዊ ሜላታት ክጥቀም ድሮ ኣብ መስርሕ ዝነበረ ናይ ለዝብያን፡ ገይ፡ ክልተኣዊ ከምኡ'ውን ካብ ጾታዊ-ለውጢ ዝገበሩ (LGBT) ምንቅስቓስ እዩ።

ኣብ ፖለቲካዊ ምሕዝነትና፡ እቲ ፍረ ዝተረኽበ ርክባትና ምስ ናይ ደቂኣንስትዮ ምንቅስቓስ እዩ ነይሩ። ክንጅምር ከለና፡ ንደቂኣንስትዮ ንምጥርናፍ ናይ ደቂኣንስትዮን ጸረ-ውትህድርና ጕጅለ 'ኣንስታዊ ጸረ-ውትህድርና' ዝበሃል መስረትና። ኣብ ምጅማር ገለ ዘየሕጉሱ ነገራት እንተነበሩኳ፡ ብዙሓት ነጻ ዝኾና ደቂኣንስትዮ ብምርካብ ምስ ናይ ደቂኣንስትዮ ማሕበራት ታዕሊም ከነካይድ ጀመርና። እዚ ለውጢ ናይ ኣራእያ ምስ ለውጢ/ምቅያር ኣብ ውሽጢ ናይ ደቂኣንስትዮ ምንቅስቓሳት ዝዛመድ ኰይኑ፡ ብፍላይ ንነገራት ኣብ ክንዲ ብባህላዊ ጸጋማዊ መስመራት ጥራሕ ትሰርሖም፡ ከከም ዘለዎም ምስራሕ ዝብል ድሌት እዩ ነይሩ። ንጕነጽ ኣብ ሕቶ ምእታው ንደቂኣንስትዮ ቀዳምነት ሓዘ፡ ዘይጎነጻዊ ድማ መልሲ ዘቕርብ መሰለ። ብዙሓት ደቂኣንስትዮ ንዝያዳ

ውልቃዊ ምሕያል ምድላየን፡ ምስ ናይ ደቂኣንስትዮ ጕጅለታትን ደቂኣንስትዮን ዝነበረና ምትሕብባር ኣደልደሎ።

እቲ ዝቐረበ ናይ ፖለቲካ ጕጅለ ምንቅስቓስ ናይ ሕልና ተቐወምቲ ነይሩ፡ እዚ ዝኾነሉ ድማ እቲ ምንቅስቓስ ንዘይጎጻዊ ኣብ ምዕባይ ዝጽዕሩ ዝነበሩ ተሓለቕቲ ዝቖመ ስለ ዝነበረ እዩ። ዋላ እዚ ዝምድና ይቐጽል እምበር፡ ብናህና እምነት፡ ኣብ'ቲ ምንቅስቓስ ዝነበሩ ውልቀሰባት ብዝገበርዎ ኣብ ዘይጎነጻዊ ዝግበር ዝርርባት ብዙሕ ውጺኢታዊ ኣይገበሮን። መብዛሕትኦም ቱርካውያን ናይ ሕልና ተቓወምቲ ናይ ጠቕላላ ተቓወምቲ (ናይ ውትህድርናን ኣማራጺ ናይ ሲቪል መተካእታን) እንተኾኑ እኳ፡ ናይ ምንቅስቓሳት ኣራእያ ኣብ ዘይጎነጻዊ ብፍላይ ኣብ ደገፍ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ካብ ናይ ኩርድሽ ምንቅስቓስን ጕጅለታት ጸጋማውያን ኣብ ገለ እዋን ስጡም ኣይኮነን።

### ተበግሶ ዓለምቲ ኢዝሚር ንዘይጎነጻዊ

ተበግሶ ዓለምቲ ኢዝሚር ንዘይጎነጻዊ (INTI) ኣብ መጀመርያ ከም ኣካል ናይ ማሕበር (IWRA) ምስ ተወሳኺ ደገፍ ካብ ካልኦት ተመስሪቱ ነይሩ። ብሳላ ምትሕብባር ናይ ጀርመን ዓለምቲ ንናይ ኩርቬ ቮስትሮቭ ኰርስ ዘለዎ ኣብ ጀርመን ዝተኻየደ ከምኡ'ውን ኣብ ሚያዝያ 1996 ዝተወደበ ኣህጉራዊ ናይ ዓለምቲ ታዕሊም ኣብ ፎካ ቱርኪን ምስ ክልተ ኣብ ኢዝሚር ካብ 1998 ክሳብ 2001 ዝጸንሑ ጀርመናውያን ተሓጋጋዝነት ስራሕና ብዓይነት ተደጊፉን ተማሓይሹን።

ኣብ ታሕሳስ 2001 ማሕበር IWRA ምስ ተዓጽወ፡ እቲ ናይ ዓለምቲ ተበግሶ ኣብ ኢዝሚርን ኣብ ዝኾነ ካልኦት ዝተዓደምናሉ ቦታታት፡ ንዲያርባኪር ኣብ ደቡብ-ምብራቕ 'ናይ ቅልውላው ዞባ' ከይተረፈ ዓውደ-መጽናዕትታት ብምውዳብ፡ ቀጺሉ ነይሩ። ሎሚ ሓሙሽተ ዓለምቲ ኣርባዕተ ደቂ-ተባዕትዮን ሓንቲ ጓልንስተይቲ ዘላቶም ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታት ጥራሕ እናተኸፍሎ፡ መብዛሕትኡ ብቮለንተኛነት ይሰርሑ፡ ኣብ ገለ እዋናት ንናይ ተረፍ ግዜ ኣዋሃሃዲ ንኸፍል። ኣብ ሓምለ 2006 20 ተዓለምቲ ካብ ምሉእ ሃገር ዘለዎ ናይ ዓለምቲ ትምህርቲ ጀሚርና።

ዕላማ ናይ ተበግሶ (INTI) ዘይጎነጻዊ መትከላትን ቅርጽታትን ንውትህድርና፡ ንሃገራውነት፡ ንሰንሰለታዊ ኣሰራርሓ፡ ከምኡ'ውን ናይ ወዲ ላዕላውነት ከም ኣማራጺ ኰይኖም ንምሕያልን ንምትካልን እዩ። ህዝባዊ ንጥፈታትና ሰላማዊ ሰልፍታትን ሰሚናራትን ኣብ ዘይጎነጻውን ናይ ሕልና ተቓውሞን ብምውዳብ፡ መንሹራት ብምሕታም (ዋላ'ኳ ፖሊስ ካብ ቤት ማሕተም ገለ ካብኣቶም ይውሰዱ) ከምኡ'ውን ናይ ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ እናናደና ስራሕና ጀሚርናዮ። ኣብ መዳይ ታዕሊም ካብ ፓርላማ ወጻኢ

ዝኾኑ ታሓለቕቲ ጕጅለታት ምስ ካብ ሰብኣዊ መሰላት፡ ደቂኣንስትዮን ናይ LGBT ጕጅለታት፡ ከምኡ'ውን ምስ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ብምኽን ሰሪሕና። ብተወሳኺ፡ እቲ ጕጅለ ምስ ናይ ኢዝሚር ጠበቓታት ማሕበር ሰብኣዊ መሰላት ማእከል ብምትሕብባር፡ ንጠበቓታትን ፖሊስን ኣብ ጉዳያት ሰብኣዊ መሰላት ታዕሊም ሂቡ። ብሓፈሻ ታዕሊማትና ዝተሸፈኑ ጉዳያት ኣብ ናይ ህዝቢ ማሕበራትን ናይ ተቓውሞ ፖለቲካዊ ስራሕ ምፍጣር ዘይሰንሰለታዊ ቅርጽታትን፡ ናይ ሓባር ስምምዕ ኣብ ምሕላፍ ውሳነ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ናይ ወታሃደራዊ ቅርጺ፡ (ካብ ስድራ ቤት ጀሚርካ)፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዘይጎነጻዊ ኣማራጽታት ምዝርራብ እዮም። ጠባያትን ተግባራትን ናይ ነብሰወከፍ ተሳታፊ ኩሉ ግዜ መሰረታውን ማእከላይ ነጥቢ ናይ ዓውደ-መጽናዕትታትና እዮም። ኣብ ክልሰ ሓሳባዊ ትንታነታትን ተግባራዊ ተመኩሮታት ናይ ዘይጎነጻዊን ዘይጎነጻዊ ተግባራትን ነንጸባርቕ፡ (እዚኦም ካብ ሄንሪ ዳቪድ ቶሮውን ማሃንዳስ ጋንዲ ገይሩ ናብ ናይ ግዜና ኣብነታት ይወስደና)። ንዘይጎነጻዊ ብኣናርኪስት ኣቀራርባታት ምሕሳብ፡ ናይ ኦጉስቶ ቦል 'ናይ ጭቁናት ተዋስኦ'፡ ከምኡ'ውን ናይ ጅን ሻርፕ 'ናይ ዘይጎነጻዊ እስትራተጂታት' ነጠቓልል።

ጕጅለና ኩሎም ዓይነታት ዘይማዕርነት፡ ምፍልላይን ጎነጽን ንምጥፎኦም ከም ዝከኣልን ከምኡ'ውን ዘይጎነጻዊ ተግባራትን ሜላታትን ንማሕበራውን ፖለቲካዊ ለውጥን ንምምዕባል ከም ዝከኣል ይኣምን። ስለዚ፡ 'ዘይጎነጻዊ ኣብ መጻኢ ክዕወት ዘለዎ ሕልሚ ወይ ባህጊ ኣይኰነን እንታይ ድኣ ነቲ ዕላማ ንምዕዋት እቲ ቀንዲ መሳርሒ'ዩ' ዝብል መትከል ሒዙ፡ ጉጀለና 'ዘይጸግዓዊ' ዝመስል ንመዓልቲ ሂወት ተግባራት ኣብ ሕቶ ከእትዎ ጀሚሩ። ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ጕጅለና ክማሃር፡ ክለማመድ፡ ንመሳርሕን ሜላታት ናይ ዘይጎነጻዊ፡ ኣራእያ ናብቲ ሎሚ ነማዕብሎ ዘለና ናይ ሂወት መትከል ንምስጓም ከምህር እዩ ጸኒሑ።



ታዕሊም ንዓለምቲ ኣብ ቱርኪ፡ ስእሊ....ሂላል ደሚር

ቀዳማይ፡ 'መላለዪ' ንቕርብ፡ ኣብ ዛዕብኦም ንጎነጽ ኣብ ሕቶ ዘእትዉ ንዘተፈላለዩ ማሕበራትን ውልቀሰባት ተሓለቕትን ናይ ሓደ መዓልቲ ታዕሊም ነቕርብ። ካልኣይ፡ ምስ ጉዳያት መሰረት ዘለዎም ታዕሊማት፡ ኣብ ድሌት ናይ ጕጅለታት ብምምርኳስ ፉሉያት ኣርእስታት ነቕርብ፡ እዚኦም-ኣብ ጌጋ ኣራእያ፡ ምፍታሕ ምስሕሓብ፡ መራኸቢ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጸታዊ ጉዳያት የጠቓልሉ። ሳልሳይ፡ ምስ ኣብ'ቲ ቀዳማይ ታዕሊም ክልተ ግዜ ዝተሳተፉን ዓለምቲ ክኾኑ ዝደልዩን ውልቀሰባት ሓደ ሰሙን ጽዑቕ 'ታዕሊም ንዓለምቲ' ርክብ ንኸነቕርብ ንሰርሕ፡ እዚ ነቲ ብቐጻሊ እንዳወሰኸ ዝኸይድ ዝነበረ ናይ ከምዚ ዓይነት ናይ ታዕሊም ጠለብ ግብረ-መልሲ እዩ ነይሩ። ካብ 2002 ጀሚርና ምስ ዝተፈላለዩ ጕጅለታት--ምስ ደቂኣንስትዮ፡ ናይ 'LGBT' ማሕበረሰብ፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ ናይ ከባቢ መጽናዕቲ፡ ናይ ሰላምን ጸረ-ውትህድርና ጕጅለታት ኣብ ኢዝሚር፡ ኣንካራ፡ ኣንታልያ፡ ኣዳና፡ ከምኡ'ውን ዲያርባኪር ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋላት ታዕሊማት ኣካይድና።

ኣብ ቀዳማይ ክልተ ታዕሊማትና ዝተሳተፉን ዓለምቲ ክኾኑ ዝወሰኑን ውልቀ-ሰባት፡ ንጎነጽ ድሮ ክሓቱ ዝጀመሩን፡ ንዘይጎነጻዊ ሜላ ኣብ ትካላቶምን ውልቃዊ ተግባራቶም ንምውህሃድ ክፍትኑ ዝጸንሑን እዮም ነይሮም። ይኹንደኣምበር፡ ብዛዕባ 'ዘይጎነጻዊ ተግባር' ናይ ሓበሬታን ተመኵሮን ዋሕዲ ከም ዘለዎም ተሰመየም። ንኣብነት ኣብ ዲያርባኪር፡ ንመሰረታውያን ንጥፈታት ('ናይ ክብሪ' ቅትለት፡ ኣንጻር ደቂኣንስትዮ ጕነጽ ወ.ዘ.ተ.) ኣድላይነት ብዛዕባ ምዕባይ ዘይጎነጻዊ ፍታሓት ምምሃር ከም ዘድሊ ኣስተውዒልና።  ብዘይጎነጻዊ ነቲ ቀጻሊ ሽግራት ሓደስቲ ፍታሕ ንኽፈጥሩ፡ ተሳተፍቲ ንስርሖም መሐየሊ ከምኡ'ውን ንኽእለታቶም መደንፍዒ ታዕሊም ኣድለዮም።

ኣብ ናይ ሓደ ሰሙን ታዕሊም ንኹሎም መትከላት ናይ ዘይጎነጻዊ ንኽንሽፍን ከም ዘይንኽእል ንፈልጥ። ናይ ምክትታልን ግብረ-መልሲ ዕድላት ንምርካብን ከም ሓደ ፍታሕ ዝረኸብናዮ፡ ቀጻሊ ዝርርባት ንምግባር፡ ናይ መጻኢ ርክባት ዕድል ምድላይ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ግዜ ሳልሳይ ታዕሊምና፡ ንኹሎም ናይ ቱርኪ ዓለምቲ ኣብ መንጎኦም መርበብ ብምፍጣር፡ ነቲ መርበብ ዝኸውን ናይ ስራሕ መትከላት ንምቛም ውጥን ኣውጻእና። እዚ 'ናይ ዓለምቲ መርበብ' ኣቀራርብኡ ዝርርብና ቀጻልነት ዘለዎ ንምግባር፡ ኣብ መንጎ ዘይጎነጻዊ ዓለምቲ ፍልጠትናን ተመኵሮናን ንምክፋል፡ ከምኡ'ውን ዘይጎነጻዎ ታዕሊም ብደረጃ ዞባን ሃገርን ብምትሕብባር ኣብ ምዝርጋሕ ንኽረጋግጹ'ዩ።

**ዕላማታትና**

ኣምር ናይ ዘይጎነጻዊ ብምልላይ ናይ ዴሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ባህሊ ንምምሕያሽን ምድልዳልን ንዕልም፡ ናይ ጎነጽ ባህሊ ኣብ ሕቶ ነእቱ፡ (ኣብ ቱርኪ ናይ ወታሃደራውን ተባዕታውን ጠባያት ኣሎ) ናይ ዘይጎነጻዊ ባህሊ ዘርኢ ንዘርእ፡ ኣተሓሳስባ ክብ ብምባል ኣብ ኩሉ መልክዓት ናይ ሂወት ዘሎ ቃልሲ ኣንጻር ምፍልላይ ንሰርሕ፡ ተዓለምቲ ተግባራዊ ተመኵሮታት ብምኽሳብን ዘለዎም ክእለት ብምድላብ ንናይ ገዛእ ርእሶም ጕጅለ ታዕሊም ንምስላጥን፡ ነቶም ዕላማታት ንኽጭብጡ የኽእሎም።

**ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት**

ኣብ ቱርኪ ኣብነታት ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ምስ እንሪኢ፡ እቶም ንጥፈታት ብምልኦም ብዘይጎነጻዊ መገዲ ኣይተወደቡን ክበሃል ይከኣል። ዘይጎነጻዊ ሓደ ካብቶም መሰረታዊ መትከላት ከሎዉ፡ ገለ ማሕበራት ነቲ ናይ በሓቂ ዓይነታዊ ሓቀኛ ዘይጎነጻዊ ተግባር፡ ከም'ኒ ምድላዋት ንፍጻሜ ብዘይጎነጻዊ ታዕሊማት ዝኣመሰሉ ይጎድሎም። ኣብ'ዚ መዳይ ሓደ ካብቶም ዝነውሐ ጎስጓሳት ዝተገብረሉ እቲ ናይ ውትህድርና-ቱሪዝም ፌስቲቫል እዩ ነይሩ። እዚ ፌስቲቫል ዓመታዊ ኣብ ወርሒ ግንቦት 15 (ኣህጉራዊ ዕለት ናይ ሕልና ተቓወምቲ) ኰይኑ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ዝርከቡ ቱሉጣት ናይ ውትህድርና ምልክታት ዑደት ምክያድ፡ ናይ ኣማራጺ ፍጻሜታት ምውዳብ፡ ከምኡ'ውን ናይ ሕልና ተቓውሞ ምእዋጅ ዘጠቓለለ ተግባራት ይካየድ። ብጀካ'ዚ እቲ 'ንገጥሞ ኣሎና' ዝብል ጎስጓስ ምስቲ ኣብ ቱርኪ ዝግበር ዘሎ ኵናት ዝዓለመ እዩ። እዚ ኣብ ነብሲወከፍ ሰለስተ ወርሒ ብዓበይቲ ተግባራት ዝተሰነየ ኰይኑ፡ ምሉእ ዓመት ዝሸፍን እዩ ነይሩ። እቲ ዕላማ ብመገዲ ዘይጎነጻዊ ከም ናይ ጽርግያ ተዋስኦ ብምስራሕ፡ ሰባት ነቲ ኵናት ንኽይርስዕዎ ንምግባር'ዩ። ካልእ ዝነበረ ዘይጎነጻዊ ተግባር 'ናይ ሩዝ መዓልቲ' ዝበሃል ኣብ ከተማ ኣንካራ ኣብ ማእከል ወግዓዊ ምምሕዳር፡ ብፍላይ ኣብ ቅድሚ ናይ ወታሃደራት ህንጻታት ዝግበር ዝነበረ እዩ። 'ገና ኣሎና፡ ኣብ'ዚ ኣሎና' ንኽንብል ኣብኡ ንእከብ። ከም ጸረ-ውትህድርና ምኻና መጠን፡ ኣብ ንጥፈታትና ንናይ ሕብረሰብ ማሕበራዊ ተራታት ብምፍራስ፡ ነቲ ናይ 'ሩዝ መዓልቲ' ከም ምስሊ ንናይ ጕጅለ ምትሕብባር ምሕያልን ንኽንረእን ተጠቒምናሉ። ብጀካ እዚኦም ቀንዲ ንጥፈታት፡ ናይ ናኣሽቱ ኣወዳድባታትን ተግባራትን ንናይ ሓጺር ግዜ ናይ ፖለቲካ ምትእትታው ዕማማት ኣላዓዒሉ።

**ድሕረ-ጽሑፍ**
ሽሕ'ኳ ኣብ ቱርኪ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ናይ ዘይጎነጻዊ ታሪኽና ተሓጺርናን ከም'ቲ ክንኮኖ እንደልዮ ውጺኢታውያን ኣይንኹን እምበር፡ ምስ ናይ ደቂኣንስትዮን ናይ LGBT ምንቅስቓሳት ምሕዝነት ምፍጣርና ዝያዳ ንኽንረአ ኣኽኢሉና እዩ። ኣብ ናይ ህዝቢ መድረኻት ናይ ሕልና ተቓውሞ ዝርርባት ምጅማሩ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ፖለቲካ ጉጅለታት ጠለባት ምትግባር ዘይጎነጻዊ ታዕሊምን ሜላታትን ምዕባዮምን ኣብ መደባቶም ምርግጋጾምን፡ ዝያዳ ሓገዝቲ ነይሮም።

## ኣጠቓቕማ ናይ ኦጉስቶ ቦል 'ናይ ውጹዓት ተዋስኦ'

ክልተ መጽሓፍቲ ናይ ኦጉስቶ ቦል ናብ ቋንቋ ቱርኪ ተቶርጒመን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጊዝያት ተሓቲሞም ዝወጹ ጽሑፋት ወሲደን ኣብ ስርሑን ነቲ 'ናይ ውጹዓት ተዋስኦ' ዝብል ተጠቒመናሎም። ንሜላታቱ ኣብ ዘይጎነጻዊ ታዕሊማት፡ ብፍላይ ናይ 'ስነ-ቅርጺ ተዋስኦን' 'ናይ ተዋሳእትን ሰማዕትን ዝቃያየርሉ ድራማ'፡ ከምኡ'ውን ኣብ ውልቃዊ ሂወትና ብሓፈሻ ንጥቀመሎም። ናይ ቦል ተክኒካት ንጸቢብ ኣራእያ ዘለዎ ቀሊልን ፈጠራዊ ግብረ-መልሲ የቕርበልካ፡ ንኣብነት፡ እንተድኣ ሓደ ሰብ ልክዕ ከም ናይ ግብረ-ስጋ ዝመስል ነገር ገይሩ ኣብ ገጽካ ኣፍጢጡልካ፡ ኣፍንጫኻ ምብራኽ ወይ ንላዕሊ ምግባርከ?

**ናይ ስነ-ቅርጺ ተዋስኦ (ወይ ናይ ምስሊ ተዋስኦ)**
እዚ ሜላ'ዚ ኣምራት ንምፍታሽ ናይ ኣካላት ቋንቋ ይጥቀም። ተሳተፍቲ ሓሳባት ንምግላጽ ናቶም ወይ ናይ ካልኦት ኣካላዊ ምስሊ ክቐርጹ ይሕተቱ። ድሕሪኡ ናይ ጉጅለ ቅርጺ ወይ ምስሊ ንምፍጣር ናብ ጉጅለ ይኸየዱ። ንኣብነት፡ ብናይ ተሳተፍቲ ቅርጺ ኣካላትን ነንሕድሕድና ዘለና ዝምድና ብምጥቃም፡ ኣብ ዂናት ዘብጽሑ ዝተፈላለዩ መልክዓት ናይ ምስሕሓብ ብምግላጽ ናይ 'ዂትን' 'ሰላምን' ኣምራት ንፍትሽ። ንጉጅለ ነቲ ናይ ዂናት ጉጅለ ቅርጺ ንኽንቀሳቐሶ ብምሕታት፡ ናብ ሰላም ትርኢት ንቕይሮ። እዚ ደስ ዘብልን ንጡፍ ሃዋህው ብምብርባር፡ ነቶም ካብ 'ዂናት' ናብ 'ሰላም' ንኽንሰግር ዘጋጥሙና ማሕንቖታት ንኽንዛራረበሎም የኽእለና።

**ናይ መድርኽ ተዋስኦ (ተዋሳእትን ሰማዕትን ዝቀያየሩሉ ድራማ)**
ሓደ ሜላ ብመልክዕ ስናርዮ ብምሕሳብ ማለት ክኸውን ዝኽእል ግን ካብ ምኺን ክትክልክሎ ወይ ክትቕይሮ እትደሊ ነገር ገይርካ ምውሳእ እዩ።

ነቲ ስናርዮ ልክዕ ከም ዘለዎ እንደገና ምድጋም፡ ካብ'ቶም ሰማዕቲ ኣብ መንጎ ክኣትዉ ይኽእሉ፡ 'ደው በል' ብምባል ምናልባት ሓደ ካብ'ቶም ገጸ-ባህሪ ካልእ ንኽገብር ርእይቶ የቕርብ ይኸውን። እቲ ዝጸወዐ ሰብ ነቲ ገጸ-ባህሪ ይትኩኡ፡ ነቲ ሓሳብ ድማ ይፍትኖ። ነዚ ምስ ክሳብ 20 ዝኾና ደቂኣንስትዮ ዘለዎም ጉጅለታት ኣብ ኣውቶቡስ ደው ዝብላሉ ወይ ኣብ ግዜ ናይ ጉዕዞ እዋን ናይ ጾታ ምክልባት/ምጭናቕ ስናርዮ ገይርና ተጠቒምናሉ። ተሳተፍቲ ይሕተቱ፡ 'ነቲ ናይ ጾታ ምክልባት/ምጭናቕ ንምውጋድ እንታይ ክትገብር ትኽእል? ሓደ ሰብ ርእይቶ ምስ ዘቕርብ፡ ነቲ ሓሳብ ንምፍታን ነቲ ስናርዮ የቕርብዎ። ኣብ ግብራዊ ናይ ተግባር ትምህርቲ ብምእታውና፡ ካበ'ቲ መጽናዕቲ ብዙሕ ንመሃር፡ ነዚ ተመኩሮ ድማ ምስ ካልኦት ጉጅለታትን ሰባትን ነካፍሎ።

('ናይ መድረኽ ተዋስኦ' ልምምድ፡ ምዕራፍ ሸሞንተ ተመልከት)

**ስዉር ተዋስኦ**

እዚ ከም ንቡር ተዋስኦ ዘይኮነስ፡ ኣብ ጽርግያታት ወይ ኣብ ገለ ዘይተጸበኻዮ ቦታ ዝስራሕ እዩ። ኢዝሚር ነዚ ንምግባር እቲ ዝጸበቐ ቦታ ኣብ ናይ ጃልባ/መርከብ ጉዕዞ ብፍላይ ኣብ ብዙሕ ሰብ ዝንቀሳቐሰሉ ስዓታት እዩ። ኣብ ሓደ እዋን ኣብ  ሕዳር 25--ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣንጻር ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ--ሓደ ሰብኣይ ንሰበይቱ እናጨነቓ ከሎ ዘርኢ ምርኢት ተዋሲእና። ካልኦት ካብ ጉጅለና ምስቶም ተጓዓዝቲ ተሓዊሶም ዝርርብ ጀመሩ፡ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ሓጺር ናይ ጃልባ ጉዑዞ እቲ ዘጨንቕ ዝነበረ ሰብኣይ ተራ ይጻወት ከም ዝነበረን ነታ ሰበይቲ ናይ ባሓቒ ዓርኪ ከም ዝኾነን፡ እታ ሰበይቲ ግን እዚ ምጭናቕ መዓልታዊ ከም እትገጥሞን መብሪሂ ተዋህበ። ድሕሪ ካልኣይ ስዉር ተዋስኦ ተመኩሮና፡ ኣብ ጋዜጣዊ መግለጺ ተጓዓዝቲ ንኽመጹ ዓደምና። ገለ ዝተሳተፉ ደቂኣንስትዮ እቲ ርክብ ንኽቕጽሎኦ ደለያ። ብዛዕባ ህጻናትን ጎነጽን ስዉር ተዋስኦ ምስ ገበርና፡ ኣብ ምውዳእና ሓደ ተሳታፋይ ኣንጻር ድሌቱ ረባሺ ተዋስኦ ሰለ ዘቃላዕናዮ ተቓወመ።

**ናይ ጋዜጣ ተዋስኦ**

እዚ ሜላ ብሓፈሻ ኣብ ናይ ጽርግያ ተግባራት ብፍላይ ኣብ እዋን ምውጻእ ጋዜጣዊ መግለጽታት ወይ ኣብ ጠለባት ኣንጻር ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት የገልግል። ናይ ሰባት ኣቓልቦ ኣብ ምስሓብ ይሕግዝ። ናይ

ባዕልና ንናይ ቱርኪ ተራ ጋዜጣ ዝመስል ብምድላው፡ ኣብ መድረኽ ደይብና ንህዝቢ ኣንበብናሎም። እዚ ቴክኒክ ኣብ መዓልቲ ሂወትና ዘሎ ጉዳያት ብምርኣይ ናይ ህዝቢ ኣቓልቦ ንኽረክብ ንጥቀመሉ፡ ዋላ ድኣ መራኸቢ ብዙሓት ኣይዛረባሉ እምበር፡ ሠናት ገና ከም ዘሎ ከነስተውዕል የድልየና።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ 'ናይ ጭቁናት ተዋስኦ' ኣብ http://www.theatreoftheoppressed.org. ተዓዘብ።

## ብድሆታትን ዓወታትን ኣብ ስራሓት ዘይጎነጻዊ ኣብ ደቡብ ኰርያ

*ብ ጁንግሚን ቾይ*

ኰርያውያን ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ኣምር 'ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ' ካብ ዝጅምርዎ፡ ብዙሕ ኣይገበሩን። ገና ሕጅ'ውን ብዙሓት ናይ ማሕበራዊ ተሓለቕቲ ንዘይጎነጻዊ ብኣሉታዊ ከም ድኹም፡ ሉኡም፡ ዘየዐውት መልክዕ ናይ ቃለሲ ገይሮም ይጥምትዎ፡ እዚ ብገለ ክፋሉ ብምኽንያት ታሪኽና ይኸውን።

ንልዕሊ 30 ዓመታት ድሕሪ ናይ ጃፓን መግዛእትን ድሕሪኡ'ውን ናይ ኰርያ ሠናትን፡ ደቡብ ኰርያ ብመለኽቲ ወታሃደራዊ ስርዓት እያ ተመሪሓ። እቲ ስርዓት ነቲ እናዓበየ ዝኸይድ ናይ ሓርነትን ደሞክራሲ ሸውሃት ብዕጡቕ ራዕዲ ብምድቋስ፡ ገለ ሰባት ብረት ብምዕጣቕ ናይ 'ጎነጽ ተቓውሞ' ኣርኣዩ። ሎሚ'ውን መንግስቲ ጎነጽ ካብ ምጥቃም ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ተሓለቕቲ ደው ኣይበለን፡ ተሓለቕቲ ግን ንናይ ዘይጎነጻዊ መልክዕ ናይ ቃለሲ ዝያዳ እናተቐበልዎ ይመጹ ኣለዉ። ካብ 1980ታት ኣትሒዙ ገለ መልክዓት ናይ ዘይጎነጻዊ ተቓውሞታት ከም'ኒ ናይ ተማሃሮ ናብ ሰሜናዊ ግንባር ምኻድ ምቅዋም፡ ወታሃደራት ኣብ ግዜ ናይ ውትህድርና ኣገልግሎት ኣብ ልዕሊኦም ጎነጽ ዘጋጥሞም ብምኹናን ከምኡ'ውን ናይ ሲቪል ተቓውሞ ብተቖጻጻርቲ ፖሊስ ምሕታትን ነይሮም። ናይ ዘይጎነጻዊ ኣምር ግን ከም መሳርሒ ናይ ተቓውሞ ዝተሓጽረ ነይሩ።

ሎሚ፡ እቶም ንዘይጎነጻዊ ከም ናይ ሂወቶም ፍልስፍና ዝርእይዎ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ኣንጻር ጉዱድ ወታሃደራዊ ኣገልግሎት፡ እቶም ናይ መጀመርታ ሓቀኛታት ሰላማውያን ሰባት ኣብ ኰርያ ተባሂሎም ኣለዉ። ንሳቶም ኣብ'ዚ ናይ ሃገራውነትን ውትህድርናን ስምዒት ዝበዝሖ ሃገር፡

ካብ መንግስቲ ዝወሃብ ዘይምኽንያታዊ ትእዛዛት ናይ ምንጻግ መሰል ይጣበቑ፡ ኣብ ሰብ ዘሎ እቲ መሰረታዊ ጽቡቕ ዝበሃል ብምልዓል፡ ህዝቢ ንውትህድርና፡ ኣጽዋር፡ ከምኡ'ውን ንሁናት ዝብሉ ሓሳባት ከም መሰረታዊ ሕቶታት ንኽወስዶም ኣቤት በሉ። ናይ ሕልና ተቓወምቲ ን18 ወርሒ ካብ ብረት ምዕጣቕ ናብ ቤት ማእሰርቲ ምውሳኖም ዝራኣየ ህዝቢ ኣዝዩ ተንከፎ። ነቲ ቀጻሊ ብምኽንያት ናይ ብሕ.መ.ኣን እስራኤልን ዝካየድ ዝነበረ ሁናት ብምዕዛብ፡ ኣገዳስነት ናይ ሕልና ተቓውሞ ተግባር ንኽፈልጡ ገበሮም።



ቀጥታዊ ተግባር ኣንጻር ናይ ባንዴራ ማሕላ፡
ሶል ደቡብ ኰርያ፡ ስእሊ፡ ዩንግሚን ቾይ፡

ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ኣብ ኰርያ እቲ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ናይ ስራሕ ጕጅለ፡ ነቶም ንምቅዋም ምድላው ዝገበሩ ኣብ ምሃብ ኣገደስቲ ሓገዝ ከም ናይ ሕግን ስነ-ኣእምራዊ ምኽርታትን ከምኡ'ውን ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከም'ኒ ጋዜጣዊ ዋዕላ፡ መድረኻት፡ ጎስጓሳትን ቀጥታዊ ተግባራትን ብምጥቃም ኣብ ምዝርጋሕ ኣፍልጦ ናይ ሕልና ተቓውሞ የተኩር። ቍጽሪ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ኣብ ኰርያ ገና ውሑድ እዩ፡ ናይ ሕልና ምቅዋም ክእውጁ ኰለዉ ደገፍ የድልዮም።

እቲ ናይ ሕልና ተቓወምቲ (ሕ.ተ) ምንቅስቓስ ኣብ ዘይጎነጻዊ ተግባር ንጹር ዝኾነ መርገጽ የብሉን። ንኣብነት፡ ኣብ 2003 ካንግ ቹል-ሚን ወታሃደራዊ ኣገልግሎት እናገበረ እንከሎ ናይ ሕልና ምቅዋም ምስ ኣወጀ፡ ደገፍ ንምግባር ናይ ኰፍ ምባል ሰለፊ ንኽግበር ናይ ርእይቶታት ምስሕሓብ ነይሩ። ብተመሳሳሊ ናይ ሕልና ምቅዋም ዝገበሩ ናይ

ዩኒቨርስቲ ተማሃሮ ቅድሚ ምጽዎዖም፡ ዝርርባት ተላዒሉ ነይሩ። ብዙሓት ንናይ ሕልና ምቅዋም ከም ሓደ መልክዕ ቀጥታዊ ተግባር ናይ ዘይጎነጻዊ፡ ምስ ካልኦት ቀጥታዊ ተግባራት'ውን ክታኣሳሰር ኣይራኣዮምን።

ንዘይጎነጻዊ ከም መትከላዊ ፍልስፍና ዝወሰድዎ ካልኦት ጕጅለታት፡ ኣብ ኣገዳሲ ኣካል ቃልሲ ኣንጻር ናይ ሕ.መ.ኣ ኣብ ፒዮንግታኤክ ናይ ወታሃደራት ኖ`ቅጣ ምስፋሕ ተጠቂሞሙሉ። ዝተፈላለዩ ስልትታት ብሕልና እትስእሎም መልክዓት ቀጥታዊ ተግባር ናይ ዘይጎነጻዊ ዘለዎም ተጠቒሙ፡ ምስ ናይ ዝሓለፉ ሜላታት ናይ ቃልሲ ብምንጽጻር፡ እዚኣቶም ሳሓብቲ ነይሮም። ገለ ጎስጎስቲ ናይ 'ሰላም ቂሸት' ክሰርሑ፡ ኣብቶም ዝተገድፉ ህንጻታት ብምእታው ናብ ኖ`ቅጣ ዝወስድ መገዲ ንምስራሕን፡ ከም ቤት-መጽሓፍቲ፡ ቡናቤትን መዕረፊ ኣጋይሽን ገይርካ ብምሕዳስ፡ ብስነ-ጥበበኛታት ዝተወፈዩ ስርሓት ምዝርጋሕ ዝብል ወሰኑ። ብዝተዓጥቁ ናይ ሰልፊ ፖሊስን ናይ ውልቂ ናይ ጸጥታ ሓይሊ (ዕሱባት ግፍዐኛታት) ተዓጁበን ኣፍረስቲ ማካይን ንዘተረፈ ህንጻታት ናይቲ ቑሸት ንምዕናው ምስ መጻ፡ ደቂ እተን ቁሸታትን ደገፍቶምን ኣብ ናሕሲ ብምሕኳር ወይ ነብሶም ምስ ህንጻታት ብምእሳርን ኣብ ቅድሚ እተን ከፍርሳ ዝመጻ ማካይን ኰፍ ብምባልን ኣብ መጀመርታ ነቲ ምፍራስ ኣብ ምዕጋት ተዓዊቶም። ይኹንደኣምበር ናይ መንግስቲ ሓይልታት ካብ 4.000 ኣብ መጋቢት 2006 ናብ 22.000 ኣብ መስከረም ብምዕባይ፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ደቂ እተን ቁሸታትን ደገፍቶምን ተኣስሩ ወይ ቆሰሉ። ዋላ ከም'ዚ ኢሉ ከሎ ግን፡ ህዝቢ ነቲ ኣብ ትሕቲ ወታሃደራት ዝተታሕዘ መሬቱ ክሓርስ ፈተነ፡ ኣብ መወዳእታ ለካቲት 2007 ድማ ተስፋ ቆረጸ። እቲ ናይ መወዳእታ ናይ ሽምዓ ምብራህ ተቓውሞ ኣብ ለካቲት 2007 ተኻይዱ ነይሩ፡ ኣብ'ቲ ዝቕጽል ወርሒ ደቂ እታ ቁሸትን ደገፍቶምን 'ተመለስ' ዝብል ምልክት ዘለዎ ኣብ መጻኢ ታሪኽ ተፋሒኑ ክርከብ ዝኽእል መትሓዚ (ናይ ግዜ ካፕሱል) ንኽቐብሩ ተመልሱ።

## ናይ ሳን ጆስ ደ ኣፓርታዶ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ፡ ኰሎምብያ- ናይ ተቓውሞ፡ ክብርን ትብዓትን ትምህርቲ፡

*ብ ሩበን ዳሪዮ ፓርዶ ሳንታማሪያ*

ኣብ 1997 ዝቘመ ናይ ሳን ጆስ ኣፓርታዶ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ፡ ንዘይጎነጻዊ ተቓውሞ ምቹእ ኣብ ዘይነበረሉ ኩነታት እዩ ተመስሪቱ። እቲ ኣብ ናይ መሬት ኡራባ፡ ኰሎምብያ ዝርከብ ማሕበረሰብ፡ ዓቢ ናይ ቍጠባ ኣገዳስነት ብምህላዉ፡ ኣብ መንጎ ደባይ ተዋጋእቲ (FARC)

ዝባሃሉን ናይ መንግስቲ ሓይልታት ዝተዓጥቁ ጉጅለታትን (መብዛሕትኡ ግዜ ምስ መንግስቲ ተሓባቢሮም ዝሰርሑ) ናይ ኾናት ምስሕሓበብ ዝግበረሉ እዩ። እቲ ቦታ ንመራሕትን ንተሓለኞትን ንምጥፋእ ብናይ ፖለቲካ ራዕዲ፡ ምኞንጻል፡ ከምኡ'ውን ምፍርራህ ዝተጠቀሙሉ እዩ። እቲ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ ንገዛእ ርእሱ ካብ ዝተመዛበሉ፡ ስድራቤቶምን ኣባሓጎታቶምን ግዳያት ናይ ጕነጽ ዝኾኑ ሰባት ዝቆመ እዩ። እቲ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ ኣብ ህላዌኡ ካብ ላዕለዎት ደረጃታት ናይ ሃገራዊ መንግስትን ካብ መራኸቢ ብዙሓንን ብፍላይ ኣብ ናይ ኣልቫሮ ኡሪባ መንግስቲ፡ ንኸዋረድ ጎስጓሳት ገጠምዎ።

ሽሕ'ኳ ከባቢ 150 ኣባላት ናይ ሰላም ማሕበረሰብ ብናይ መንግስቲ ናይ ጸጥታ ሓይልታት፡ ዝተዓጥቁ ጉጅለ (ፓራሚሊታሪ) ወይ ብናይ (FARC) ዋላኳ እንተተቐትሉ፡ ልዕሊ 1.000 ኣባላት ኣለዎ።

## ናብ ኣንፈት ናይ ሲቪል ተቓውሞ እስትራተጂ

ብህጹጽ ንዝተመዛበሉ ሰባት ግብራዊ ኣማራጽታት ንምርካብ ኢሉ ዝጀመረ፡ ንህሉው መልክዕ ሕብረተሰብ ኣማራጺ ዝህብ መደብ ኰይኑ ዓበየ። እዚ ሰለስተ ወገናት/ሸነኻት ኣለዎ፡

- ንኾናትን ናይ ሓይሊ ምምዝባልን ምቅዋም፡ ኣብ ግዜ ሓያል ናይ ኾናት ምስሕሓብ፡ ንህዝቢ ንምሕላው ዘኽእል መስርሕ ምትካል።
- ናይ ሓባር ምዕባለን ናይ ከባብያዊ ቍጠባ ኣማራጽታት ዘጠቓለለ ንማሕበረሰብ ውህደት ብቐጻሊ መሰረት ዝኸውን የዕኑድ ምትካል።
- ኣብ መዓልቲ ሂወት ብውልቀ-ሰብ ደረጃ ናይ ዘይጎነጻዊ ዝምድናታት ብምፍጣር፡ ብደረጃ ፖለቲካ ንጎነጽ ብምኹናን፡ ካብ ብወታሃደራዊ ረጽሚ፡ ብዘተ ፖለቲካዊ ፍታሓት ብምድጋፍ ሰላም ምህናጽ፡ እዚ ድማ ብምቅርራብ፡ ነቲ ሓሳባት ናይ ሰላም ብምዝርጋሕ፡ ንናይ ከባቢ ማሕበረሰባት መምርሒ ብምቕራብ፡ይኸውን።

## ናይ ቍጠባ እስትራተጂ

ሓደ ናይ ኾናት ዞባ ግቡእ ዝኾነ ኣገደስቲ ናይ ንብረት ቀረብ የብሉን። በዚ ድማ እቲ ማሕበረሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ መግቢ ከፍሪ የድልዮ፡ ንኰካን ናይ ህጻናት ባናና ንምሻጥ ምስ 'ርትዓውያን ናይ ንግዲ' ጉጅለታት ይተሓባበር። ብተወሳኺ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ከባቢ መልክዓት ናይ ሕርሻ ንምክፋል፡ ርክባትን ናይ ትምህርቲ መደባት ይውድብ፡ (ኣብ

ትሕቲ 'ናይ ሓረስቶት ዩኒቨርስቲ' ወይ 'ናይ ተቃወምቲ ዩኒቨርሲቲ')
ዝብል ኣርእስቲ ክኸውን ይኽእል።

## ናይ ፖሊሲ እስትራተጂ

ነቶም ንግዝኣት መሬት ክዕብልሉ ዝደልዩ ወገናት--ልዕሊ ኩሉ ድማ ናይ መንግስቲ ዕጡቓት፡ ዝተዓጥቁ ጕጅለታትን ደባይ ተዋጋእትን፡ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ ምቕልቃሎም፡ ዓቢ ብዶሆ ኰኖም። እቲ ማሕበረሰብ ንምንባር ኢሉ ዝምድናታት ክፈጥር ነይርዎ፡ እዚ በቲ ሓደ ወገን ነቲ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ ዘለዎ ጸቕጢ ንምጉዳል፡ በቲ ካልእ ድማ ኣብ ከባቢ፡ ኣብ ሃገረ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣህጉራዊ ደረጃታት ዝምድናታት ብምዕባይ ዘለዎ ጽንዓት ንምጉልባት እዩ።

## ውህደት ማሕበረሰብ

ኣብ'ቲ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ መስራቲ ኣዋጅ፡ ካብ ውትህድርና ነጻ ምግባርን ጸግዒ ዘይምሓዝን ዝብሉ ነቲ ማሕበረሰብ ናይ ሓባር ሮቛሒ ዝውክሉ መትከላት ኣለዉ። ነቲ ኣዋጅ ናይ ምፍራም መስርሕ ናይ ጥምረት ኣሕባሪ ሓይሊ እዩ።

ታዕሊም ነቲ ማሕበረሰብ ኣገዳሲ ነይሩ። ኣብ መጀመርታ፡ ኣብ ምድላው ምምስራት ማሕበረሰብ፡ ዓውደ-መጽናዕቲ ናይ ዝተመዛበሉ ሰባትን ናይ መጻኢ ኣባላትን ነይሮም። ኣብ'ዚ እዋን፡ እቲ ናይ ታዕሊም ሸማግለ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት፡ ኣብ ምሕያል መረዳእታን ተወፋይነት ንናይ ማሕበረሰብ መትከላት፡ ኣብ ምትንታን ኩነታት፡ ንኩሉ መስርሕ ሲቪላዊ ምቅዋም ኣብ ምግምጋም፡ የተኩር። ኣብ ወሽጢ ማሕበረሰብ ጥበባት ኣፈታትሓ ግርጭት ይምህር፡ ኣብ ምሕያል ቆራጽነት ኣባላት ማሕበረሰብ ንዝኾኑ ወታሃደራዊ ጕጅለ ንዘይምሕዋስ ይዕልም። እቲ ናይ ታዕሊም ሸማግለ ምስ ቤተ-ሰባት፡ ኣዋሃህድቲ፡ ከምኡ'ውን ናይ ስራሕ ጕጅለታት ናይ ማሕበረሰብ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ምስ ካልኦት ቤተ-ሰባት ናይቲ ከባቢ'ውን ይሰርሕ።

## ምክልኻል

እቲ ማሕበረሰብ ኣብ ምቕናስ ሓደጋታት ምግፋፍ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኣባላት ማሕበረሰብን ኣብ ምሕያል ንጥፈታት መስርሕ ሲቪላዊ ተቓውሞ ዝተጸምደ እዩ። ነዞም ዝስዕቡ ድማ የማልእ፡

- ብኹሎም ዝተዓጥቁ ኣካላት ዝፍጸም ምግሃሳት ይስንድን ብወግዒ ይኹንን፡

- ንመትከላት ንምእዋጅ ዓበይቲ ሰሌዳታት ብምትካል ናይ ማሕበረሰብ ተራ ይፈሊ፡
- ብመገዲ ናኣሽቱ ሕታማት፡ ቪድዮታት፡ ኣብ መሬቱ ሃገራውን ኣህጉራውን ርክባት፡ ሃገራውን ኣህጉራውን ጉዕዞታትን ከምኡ'ውን ናይ ገዛእ ርእሶም መርበብ ሓበሬታ ብምጥቃም ሓበሬታ ምዝርጋሕ፡
- ንሃገራዊ መንግስትን እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ኣህጉራውያን ወኪላትን ብምሕታት ኣብ ገለ እዋናት ናብ ዘርብሕ ፍርድታት ዘምርሐ ከም ኣብ ልዕሊ ናይ ኣመሪካ ወታሃደራዊ ሓገዝ ደው ንምባል ዝተወስደ፡ ኣብ ለካቲት 2005 ናይ ማሕበረሰብ መራሕቲ ዝቐተሉ ወታሃደራት ምኽሳስን ኣብ ፍርዲ ምቕራብን፡
- ናይ ምክልኻል ኣብ ምስናይ (ምዕጃብ)፡ ኣህጉራዊ ናይ ሰላም በርጌድ ንመጓዓዝያ ናብን ካብን ማሕበረሰብ ይዕጅብ፡ ካልኦት ኣህጉራውያን ጉጅለታት ናይ ኣመሪካ ናይ ዕርቂ ዝምድና ሓዊስካ፡ ኣብ ማሕበረሰብ ብግዝያውነት ይድግፉ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምስራሕ።

### እማመ ንሓድሽ ዘይወገናዊ ዞባ

ከም'ቲ ብስምምዕ ተዋጋእቲ ሓይልታት ዝተፈጠሩ 'ውሕስነት ዘለዎም ቦታታት' ዘይኰነስ፡ ኣብ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ እቶም ናይ ሲቪላውያን ህዝቢ ንገዛእ ርእሶም ነቶም ኣብ ዅናት ዘይተሳተፉ ቅርጻዊ ቦታን ናይ ማሕበራዊ ምክልኻል ክፈጥሩ ወሲኑ። ናይ ሰላም ማሕበረሰባት ኣብ መንጎ ጠያይት ኰይኖም ዝተረፉ ማለት ዘይኰኑስ፡ ንሰላም ምስ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ኣብ ክብረት ዝተሞርኰሰ መልክዕ ናይ ሂወት፡ ርእሰ-ውሳነን ሕውነትን ክሃንጹ ዝደልዩ ቦታታት እዮም።

### ንጭቆና ንምቅዋም ዘሎ ተኽእሎ

ሳን ጆስ ደ ኣፓርታዶ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ ኣብ ኰሎምብያ፡ ሓደ ካብ'ቶም ብፖለቲካዊ ጎነጽ ብሕማቕ ዝተሃርሙ ኰይኑ ጸኒሑ ኣሎ። እቲ ናይ ፖለቲካ ጭቆና ነቶም ንሰላም ዝመረጹ ንመትከላቶምን እምነቶምን ንምስባር፡ ናይ ዘይምትእምማን ምፍርራህን ብምዝርጋሕ፡ ናይ ውልቀ-ሰባትን ናይ ሓባር ተግባርን ኣብ ምዕንቃፍ ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ብምሩጻት ተግባራትን ቀጥታዊ ጎነጽን ተጠቒምካ ኣብ መንጎ ህዝቢ ናይ ምፍርራሕን ዘይምትእምማንን ምዝርጋሕ፡ ናይ ህዝቢ ናይ ግብረ-መልሲ ክእለታት ምርማስ እዩ ነይሩ።

ሽሕ'ኳ ጎነጽ ይሃሉ፡ ኣብ ናይ ማሕበረሰብ ተቓውሞ ቀጻልነት ምህላው፡ ብዘይድሌቶም ንዘተመዛበሉ ሰባት ዝሓሸ ኣማራጺ ምስኣን ኰይኑ ብገለ ክፋል ክግለጽ ይኽእል'ዩ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝያዳ ኣወንታዊ ረቛሒታት'ውን ኣለዎ፡ ሓያል ማሕበራዊ ሕልና ምህላው፡ ማለት ሰባት ከም በዓል ቤት ኰይኖም ክዋስኡ እምበር ከም መቐጸልታ ኰይኖም ናይ ፖለቲካ ትእዛዝ ክሰርሑ ከም ዘይብሎም፡ ዋላ'ኳ ዕጡቓት ይሃልዉ፡ መስርሕ ተቓውሞ ናይ ምዕዋት ዕድል ኣለዎ ዝብል ኣቓልቦ ምህላው፡ ዘይጎነጻዊ ብሂወት ንምትራፍ ዝሓሸ ዕድል ይህብ ዝብል ምትእምማን ምፍጣር፡ ነቲ ብዙሓት ስውኣት ሂወቶም ዝሃብሉ ቃልሲ ንዘይምጥላም ዘይጠራጥር ተወፋይነት ንምህላው ይገብር።

## ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተቓውሞ

እቲ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ ኣብ ብዙሕ ደረጃታት ተቓዊሙ፡

- ተቓውሞ ኣብ ሕማም ዓሶ፡ ድኽነት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኰሎምብያ ዘሎ ከም'ዚም ዝኣመሰሉ ቦታት ናይ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ስእነት፡
- ተቓውሞ ናይ ሕጋውን ዘይሕጋዊ ዕጡቓት ሽበራ ጒጅለታት፡
- ተቓውሞ ንፈተነ ሕነ ምፍዳይ፡ ኣዝዩ ቀሊል ኣብ ዝኾነሉ ቦታ ምስ ዕጡቓት ኣካላት ተጸንቢርካ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሕነ ክተፈዲ ምድላይ፡
- ተቓውሞ ምእዋጅ ፍሉይን ናይ ገባርን ሓዳግን መልክዕ ሕብረተሰብ፡ ብተመሳሳሊ ግን ኣብ ሓፈሻዊ ራኢ መሰረት ዝገበረ ኣብ ክብረትን ዕቤትን ናይ ሂወት መደባት ምእማም።

## መደምደምታ

ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ካብ'ቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ረቛሒታት ነናይ ሳን ጆስ ደ ኣፓርታዶ ገባሮን ሓረስቶትን ንዘይጎነጻዊ ተቓውሞ ኣጽኒዖም ክሕዝዎ ዝገበርዎም እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ብናይ ካቶሊክ ቤተክርስትያን ኣካላት መሰነይታ ምርካብ፡
- ናይ ዋንነት ስምዒትን ናይ ማሕበረሰብ ሓድነት ዘሐየለ ደሞክራስያውን ተሪር ዘይኰነ ናይ ኣወዳድባ ቅርጺን፡
- ምስ ናይ ዝሓለፈ ግዜ ብምውድዳር ኣብ ሂወት ናይ ደቂኣንስትዮን ህጻናትን ዝተራእየ ምምሕያሽ፡
- ሓያል ውሽጣዊ ዲሲፕሊን፡ ንዝተሰማማዕካሉም ሕግታት ምኽባር፡ ንመሰረታዊ መትከላት ናይ ዘይወገንነትን ዘይጎነጻውን እሙን ምኳን፡



ሳን ጆስ ደ ኣፓርታዶ፡ ኰሎምብያ፡ ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት፡
ስእሊ፡ ናይ ሰላም ማሕበረሰብ

- ምስ ናይ መንግስቲ ተዋሳእቲ ዕድል ናይ ምዝታይ ምኽፋት፡
- ኣብ'ቲ ማሕበረሰብ መሰረታዊ ጠለብ ንምምላእ፡ ናይ ቍጠባ እስትራተጂ ምትግባር፡
- እናዓበየ ዝኸይድ መስርሕ ምስ ካልኦት ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ናይ ኰሎምብያ ዘለዉ ናይ ከባቢ ናይ ሲቪል ተቓወምቲ ተመኵሮታት ናይ ምውህሃድን ምትእስሳርን ተግባራት፡
- ሓደሽቲ መራሕቲ ምዕላም፡
- ናይ ስዉኣት ኣብነት ንቐጻሊ ተቓውሞ መበገሲ ምኳኑ፡
- ካብ ኣህጉራዊ ናይ ምክልኻል መሰነይታ ምርካብ፡
- ካብ ብዙሓት ሃገራት ናይ ኣህጉራዊ ደገፍ ምትእስሳር ቀስ ብቐስ ምድልዳል፡
- ናይ ማሕበረሰብ ፍናን ምሕያልን ኣብ ቅድሚ ዝተዓጥቁ ጕጅለታት ጎነጽ ንምምካት ዘርኣይዎ ጽንዓትን።

## ናይ ነቑጣ ቦምብ (ቦምብስፖቲንግ) ኣብ ኤውሮጳ ዝተገብረ ጎስጓስ

*ብ ሮኤል ስቲነን*

ኣብ ሓምለ 8 1996፡ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ፍትሒ ‘ናይ ኒኩለር ስግኣት ወይ ነቲ መሳሪሒ ምጥቃም ብሓፈሻ ምስ ኣህጉራዊ ሕጊ ከም ዝጻረር’ ወሲኑ ነይሩ። እዚ ንናይ ሰላም ተቓለስቲ ተወሳኺ ሕጋዊ ሰረት ዘለዎ ክትዕ ንተግባራት ሲቪላዊ ዘይምእዛዝን ንቐጥታዊ ተግባራት ኣንጻር ናይ ኒኩለር መሳርሕን ንኽገብሩ ዕድል ሃቦም። ኣብ በልጁም ኣብ ቀንዲ መዓስከር ኔቶ ናይ ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ ንኡስ ተግባርን ‘ክላይነ ብሮገል’

ናይ ሓይሊ ኣየር መዓስከርን ኣብ ጉዳያት ኒኩለር ናይ ምንካይ መሳሪሕን ዘሎ ሕጋዊ ግዴታ ዘልዓለ ናይ ቦምብ-ስፖቲንግ ጎስጓስ ኣበገሱ።

ናይ ቦምብ-ስፖቲንግ ብዙሓት ተሳተፍቲ ብቐጥታዊ ተግባር ዝተኻፈልሉ ናይ መጀመርታ ጎስጓስ ነይሩ። ወደብቲ ካብ ምጅማር ኣትሒዞም፡ ህዝቢ ኣብ ናይ መዳለዊ ግዜ ግድን ነዊሕ ከይተሳተፈ፡ ኣብ ቀጥታዊ ተግባር ንጡፍ ተራ ክጻወት ንምግባር ዓቢ ጻዕሪ ኣካይዶም። ዋላኳ ሰባት ምስ ዞባውያን ጕጅለ ክራኸቡ እንተ ኣተባባዕና፡ በቲ ካልእ ድማ ታዕሊም ንዘይጎነጻዊ ቀጥታዊ ተግባር ወደብናን ብንጥፈት ኣዕበናን፡ ተሳትፎ ንሞያውያን ተሓለቕቲ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ 'ንኹሎም ዜጋታት' ኩፉት ገበርናዮ። እዚ ማለት እቲ ናይ ቦምብስፖቲንግ ተግባር፡ ኣማኢት ወለንተኛታት ዝሓዘ ዓቢ ቅርጺ ብምኻን፡ ህዝቢ ብቐሊሉ ክሳተፍን ብዘይ ጸገም ክሰርሕ ኣኽኢሉ። ህዝቢ ንኽሳተፍ ዝታሓተ መበገሲ ዝገበርናዮ ሓደ ኣገዳሲ ሜላ፡ ናይ ከባቢ ጕጅለ ምቛም እዩ ነይሩ። እዞም ጕጅለታት ካብ ዝተፈላለዩ መልክዓት ናይ ሂወት ዝመጹ ኰይኖም፡ ኣብ ጎስጓስ ርክባት ወጻኢ ኰነ ኣብ ጽርግያታት ናይ ኒክለር ቴማ ብምልዓል ንምውጋዱ ቀጥታዊ ተግባር ይጠልቡ። ጻዕርታት ናይ ከባቢ ምብግጋሳት ካብ ናይ ቤት ጽሕፈት ምምዕባል ሃገራዊ ጎስጓስ ዝያዳ ውጺኢታውያን ነይሮም። ብመገዲ ናይ ከባቢ ጕጅለታት ምስራሕ፡ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ቦታ ዕቑራት ጉዱሳት ሰባት ምስ ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ (ግራስ-ሩት) ኰይኖም ኣብ ጎስጓስ ዝሰርሑ ዘለዉ ሰባት ናይ ገጽ ንገጽ ርክባት ከም ዝፈጥሩ ኣረጋጊጽና።




ኣብ ሓምለ 8. 2006 ኣብ ምኒስትሪ ምክልኻል በሩሰልስ በልጁም፡ ኣብ መዘከርታ ናይ መበል 10ይ ዓመት ናይ ICJ ምኽራዊ ርእይቶ ኣብ ናይ ኒኩለር መሳርሒ፡ ናይ ቦምቢስፖቲንግ ተግባር፡.. ስእሊ..ካሮሊን ዶሸ።

ንሓያሎ ዓመታት፡ ኣህጉራውያን ተሓለቕቲ ንኽሳተፉ ንዕድም ነይርና፡ ጸሓር ግን ሓደሽቲ ብደሆታት ኣጋጢሙና። ኣብ ኣባላት ሃገራት ናይ ኔቶ መንግስታት ብኸመይ ጸቕጢ ንፈጥር? እዚ ገና ሕጂ'ውን ኣብ ዝርርብ እዩ ዘሎ። ካብ ሓቐኛ ኣህጉራዊ ጎስጓስ ሪሒቕና ኢና ዘለና፡ ካልኦት ካባና ክመሃሩሉ ዝኽእሉ ጸዕርታትን ዝርርባትን ግን ኣለውና። ኣህጉራውያን ሰባት ክሕወሱኹም ክትዕድሙ ከለኹም፡ መሰረታውያን ዝኾኑ ነገራት ከም መግቢ፡ መዕረፊ ቦታ፡ ናይ ኣኼባ ቦታ፡ መጓዓዝያ ብዙሕ ኣድህቦ ከይትገብርሉ ቀሊል ክመስል ይኽእል፡ እዚ ነቲ ዘለኩም ጸቕጢ ተወሳኺ ክኸውን ይኽእል። ኣህጉራውያን ተሳተፍቲ ናይ ባዕሎም ናይ ተሳትፎ ውሳነታት ንኽገብሩ፡ ዘድልዮም ምሉእ ሓበሬታ ከም ዘለዉ ከነረጋግጽ ይግበኣና። ናይ ቋንቋ ጸገማት ኣብ ግምት ከነእትዎ ኣሎና፡ ካብ ናይ ገዝኦም ዝድወሉ ክምልሱ ዝኽእሉ፡ ዝተፈላለየ ቋንቋ ዝዛረቡ ሰባት ወይ ናይ ሕጊ ደገፍ ምህላው ከነረጋግጽ ይግባእ። ኣህጉራውያን ተሳተፍቲ ኣብ ገዝኦምን ብመጠኑ ቅድሚ ተግባርን ንኽለምዱን ክዳለዉን ግዜ የድልዮም። ኣብ ምድላው፡ ካብ ናታቶም ኣራእያ ተበጊስና፡ ኣብ'ቲ ተግባር ዝጸንሑሉን ዝዋስእሉን ዝተፈላለየ ገጻት ንሪኢ። እቲ ሰብ ኣየናይ ሓበሬታ'ዩ ዝደሊ? ውሑስን ምቹት ንኽስመዮን እንታይ ክሕግዞ ይኽእል? ነዚ ብሓባር ንምድላው ኣቓዲምና ገለ ካብቶም ኣህጉራውያን ኣጋይሽ ንከንረኽቦም ኣብ ግምት ከነእትዎ ኣሎና።

ነዚ ዕላማ ኢሉ ዝተዳለወ መሳርሒ ሓደ ዝበለጸ ኣብነት ናይ ፋስላን 365 ናይ ሓበሬታ ሕታም (http://www.faslane365.org) እዩ። እዚ ንእሽቶይ መጽሓፍ ኣብ ዕማማትን ናይ ምሉእ ዓመት ዝጸንሕ ናይ ፋስላን ምዕጋት ፖለቲካዊ ኩነታት፡ ኣብ ምልዕዓል ተግባራዊ ምኽሪ፡ ሜላታት፡ ታዕሊም፡ ከምኡ'ውን ካልኦት፡ ጕጅለታት ብነጻ ኣካይዳ ንምስታፍ ዝኽእለን ምድላዋት ክገብራ፡ መሰረታውያን ሓበሬታ ይህብ።

ኣብ ተመኵሮና ታዕሊም ንዘይጎነጻዊ ቀጥታዊ ተግባር ምስ ኣህጉራውያን ተሳተፍቲ ዝርከብዎ ምግባር ኣዝዩ ሓጋዚ ከም ዝኾነ ተረጋጊጹ ኣሎ። ታዕሊማት ብመገዲ ክኸውን ዝኽእል ናይ ፈጠራ ሓሳባት (ስናርዮ) ብሰፊሑ ንኽተካይድ፡ ንዘጋጥሙ ዝኽእሉ ሽግራትን ማሕለኻታትን ንምፍታሖም ንምድላው ዝሕግዙ ዕድላት እዮም። ገለ ሰባት ኣብ ወጻኢ ኣብ ተግባራት ምስታፎም፡ ኣብ ጎስጓሶም ንቕድሚት ምኻድ ብዙሕ ከምጽኦ ዝኽእል የለን፡ ዝብል ስምዒት ክህልዎም ይኽእል። ከምኡ'ውን ግዜ ዝቐትልን ብዙሕ ገንዘብ ዝሓትት ክኸውን ይኽእል ይብሉ። ካልኦት ግን ናብ ካልእ ሃገር ምኻድን ምስታፍን ንጎስጓስካ ከተጎልብቶ ትኽእል ይብሉ። ኣብ መጻኢ ብሓባር ክትሰርሓሎም ዝኽእሉ ሰባት ምርካብ፡ ብዙሕ ግዜ ኣዝዩ ውጺኢታዊ እዩ።

ሓደ ኣብነት ናይ ፈረንሳይ ሓምላይ-ሰላም (Greenpeace) ተሓለቕቲ ኣብ ኣህጉራዊ ምስታፎም፡ ኣንጻር ናይ ፈረንሳይ ምምዕባል ሓድሽ ናይ ኒክለር ሚሳይላት ተግባር ከካይዱ ኣላዓዒልዎም። ኣብ መስከረም ኣብ ግዜ እቲ ቀዳማይ ዝዓበየ ኣንጻር ናይ M51 ሚሳይላት ሰላማዊ ሰልፊ፡ ክሳብ 30 ዝኾኑ ናይ ቦምብ-ስፖቲንግ፡ ኣብ'ቲ መጀመርታ ናይ ዜጋታት ቅዲ ቦምብ-ስፖቲንግ ኣብ ምቁጽጻር ኣብ ድኤሳይስ ደስ ላንደስ ዝበሃል ቦታ ኣብ ከባቢ ቦርደኤክስ፡ ተሳቲፎም። ኣብ ምድላው ናይ ተግባር፡ ምኽርን ሓገዝን ሂብና፡ ከምኡ'ውን ድሕሪ ውሑዳት ኣዋርሕ ድሕሪ ተግባር፡ ዓለምቲ ናይ ቦምብ-ስፖቲንግ ዘይጎነጻዊ ቀጥታዊ ተግባር 'ታዕሊም ንዓለምቲ' ክህቡ ተመለሱ።

ይኹንደኣምበር ናይ ወጻኢ ንናይ ሃገርኩም ተግባር ብፍጹም ክትኮኦ ኣይክእልን። ስለዚ ሕጅውን እንደገና፡ ምስ ኣህጉራውያን ምውሳእኩም ካብ ጎስጓስኩም ወይ ካብ ገዛእ ርእስኹም እንታይ ንጽበ! ዝብል ምሕሳብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ንኣገዳስነት ናይ ኣህጉራዊ ምህላው ከዕብዩ ዝኽእሉ መገድታት ኣለዉ። ኣብ 2005 ናይ ቦምብ-ስፖቲንግ XL ተግባር፡ ኣብ'ቲ ተቐጻጸርቲ ዜጋታት ኣብ በልጁም ኣብ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ምስ ናይ ኒክለር መሳርሕታት ዘለዎም ቦታታት ዕላማ ዝገበርሉ፡ ካብ ኩሎም ኒክለር መሳርሒ ዝሓዛ ኣባላት ሃገራት ኔቶ (ሕቡራት ንግስነት (ዓዲ እንግሊዝ)፡ ሕ.መ.ኣ፡ ኢጣልያ፡ ጀርመን፡ ቱርክን ኔዘርላንድን) ከምኡ'ውን ካብ ካልኦት ሃገራት (ከም'ኒ ፊንላንድ፡ ፈረንሳይ፡ ግሪኽ፡ ፖርትጋልን ስፓኛን) ዘለዎም ተሓለቕቲ ነይሮም። ናይ ፕረስ ስራሕና ኣብ'ቲ ህላወ ናይ ኩሉ ኣተኰረ፡ እቶም ናይ ኣህጉራዊ ተወከልቲ'ውን ኣብ ሃሃገሮም ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ፕረስ ስራሓት ኣካየዱ። ብኸምዚ ክስራሕ እንከሎ፡ እቲ ሕቶ ኣህጉራውያን ምዕዳምን ንኽሳተፉ ምግዳፍን ጥራሕ ኣይኮነን። ሓያለ ኣገደስቲ ስራሓት ኣለዉ፡ ናይ ፕረስ ጻዕርታት ንምውህሃድን ምክፍፋል ዕማማትን-- ኣብ ቅድሚ፡ ኣብ እዋን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ድሕሪ ተግባር ይጠቓለሉ።

# 8

# ዘይኀጻዊ ንምስራሕ ዘድልዩ ልምምዳት

እዚ ምዕራፍ ናይ ገዛእ ርእስኹም ዘይኅነጻዊ ኅስጓሳትን ተግባራትን ኣብ ምምዕባል ዝሕግዙ ልምምዳት የቕርብ። እዞም ቀሪቦም ዘለዉ ልምምዳት ኣብ ግዜ ዘይኅነጻዊ ታዕሊማት፡ ዓውደ-መጽናዕትታ፡ ወይ ናይ ጕጅለ ርክባት ክገልግሉ ይኽእሉ። ልምምዳት ኣብ'ቲ ናይ ሓባር ነሕልፎ ግዜና ዝያዳ ተሳተፍቲ ብምግባር፡ ኣብ መስርሕ ትምህርትን ንተሳተፍቲ ናይ ዓቕሚ ምጉልባትን ይሕግዙ።

ኣብ'ዚ ጠርኒፍናዮም ዘሎና ልምምዳት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ናይ ሃብታም ታሪኽና ዝተረኽቡ እዮም። እስኻትኩም 'ውን ንድሌትኩም ብዘማልእ ክትቕይርዎም ንጽበ። ሽሕ'ኳ መብዛሕትኦም ካብዞም ልምምዳት ናይ'ዚ ምዕራፍ ኣብ ዝተፈላለየ ዕማማት ክትጥቀመሎም ዝከኣል እንተኾነ፡ ብዝበለጸ ኣበይን ብኸመይን ከም እትጥቀምሎምን ንኣሳለጥቲ/ዓለምቲ ሓጋዚ ዝኾኑ ገለ ለበዋታት ክንህብ ኢና።

እዞም ልምምዳት ኣብ መስርሕ ምህናጽ ዘይኅነጻዊ ኅስጓሳትኩም ሓገዝቲ ኰይኖም ክትረኽብዎምን ንምንቅስቓስ ዘይኅነጻዊ ጕጅለ ብቐጻሊ ምህብታምን ካልኦት ንኽትፍትሹን ዝያዳ ልምምዳት ከተማዕብሉ ክትታባብዑን ተስፋ ንገብር።

## ኣእምራዊ ንብረት

ውሑዳት ካብዞም ልምምዳት ጥራሕ እዮም ንፉሉያት ዓለምቲ ወይ ናይ ታዕሊም ጕጅለታት 'ኣፍልጦ' ዝሀቡ። ከም ደራሲ ናይ ፍሉይ ልምምዳት ኣፍልጦ ክዋሃበኒ ነይርዎ፡ ዝብል ዝኾነ ሰብ ኣቐዲምና ይቕሬታ ንሓትት። ኣብ መርበብን ኣብ መጻኢ ሕታማትን ነዚ ክንእርም መታን ክንክእል፡ ብኽብረትኩም ሓብሩና። ይኹንደኣምበር፡ መብዛሕትኦም ኣብ ዘይኅነጻዊ ታዕሊም ዝተሰርሓሎም ልምምዳት፡ ካብ ጕጅለ ናብ ጕጅለ ክሰጋገሩ ዝጸንሑን ከምኡ'ውን ከከም ኵነታቱ ምስ ሓደስቲ ኵነታት ወይ ቅድታት ዘሳነዩ ዝጸንሑን እዮም።

## ቀዳማይ ልምምድ
## ናይ ባእሲ መስመር

**ግዜ፡ ብውሕዱ 15 ደቒቕ**

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡***
*ዘይጎነጻዊ ተጠቒሞም ሰባት ንባእሲ ወይ ምስሕሓብ ክፈትሑ ዕድል ምሃብ። ኣብ ናይ ክሊቲኦም ተሰሓሓብቲ ኲንካ ተራ ምጽዋት፡ እንታይ ዓይነት ስምዒት ከም ዝፈጥረልካ ምልምማድ። እዚ ንብዙሓት ጒዳያት ጽቡቕ ናይ መላለዪ ልምምድ እዩ።*

***ብኸመይ ይስራሕ/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት***
*ክለተ ማዕረ ዝቐጽሮም ሰባት ገጽ ንገጽ ዝጠማመትሉ መስርዕ ንኽሰርሑ ሕተት። (ናይ ታዓዘብቲ ተራ ዝጻወቱ ካልእ መስርዕ’ውን ክትውስኽ ትኽእል።) ሰባት ምስ መን ከም ዝዘራረቡ ንምፍላጥ ኣብ ሰስግሮም ዘለዉ ሰባት ክቐርብዎም ምሕታት። ኣብ’ቲ ልምምድ ክልተ ተራታት ጥራሕ ከም ዘለዉ ግለጸሎም፡ ነብሲወከፍ ኣብ ሓደ መስመር ዘሎ ሓደ ዓይነት ተራ ከም ዘለዎ፡ እቶም ብኣንጻሩ ዘለዉ ድማ ካልእ ተራ ከም ዘለዎም፡ ነፍስወከፍ ሰብ ምስ ስግሩ ዘሎ ሰብ ጥራሕ ይዛመድ፡ ንተራታት ናይ ነፍስወከፍ ወገን ግለጽ፡ ምስሕሓብን መን ከም ዝጅምርን ኣነጽሮ። ንተሳተፍቲ ኣብ ተሮኦም ክኣትዉ ሒደት ናይ ስቕታ ካልኢታት ብምሃብ ብድሕሪኡ ንኽጅምሩ ምግባር። ከከም ኩነታቱ፡ ሓጺር ባእሲ ክኸውን ይኽእል፡ (ትሕቲ ሓደ ደቒቕ) ወይ ንዝነውሐ ክትገብሮ ትኽእል፡ ካብ ሰለስተ ወይ ኣርባዐተ ደቓይቕ ንላዕሊ ግን ኪሓልፍ የብሉን።*

*ድሕሪኡ ናይ ‘ደው በል’ ጻዊዒት ምግባር። ሕቶ ምሕታት፡ ሰባት እንታይ ገይሮም፡ ከመይ ተሰሚዕዎም፡ ነቲ ምስሕሓብ ንምፍታሕ ወይ ንምእላይ ኣየኖት መገድታት ረኺቦም፡ ብዛዕባ ኣካላዊ ቋንቋ እንታይ ተዓዚቦም፡ እንታይ ክገብሩ ከም ዝነበሮም እንታይ ይምነዩ…ወ.ዘ.ተ ዘጠቓለለ ክኸውን ኣለዎ። (እንተድኣ ሳልሳይ መስመር ከም ተዓዘብቲ ኣለውኻ፡ እሳቶም’ውን እንታይ ከም ዝራኣዩ ሕተቶም።)*

*ነቲ ልምምድ ናይ ተራታት ምልውዋጥ ብምግባር እንደገና ምጽዋት። በዚ ድማ ሰባት ምስ ሓደ ሰብ ጥራሕ ኣይዋስኡን፡ ሓደ መስመር ንላዕሊ ብምኻድ ነቲ ኣብ ቀዳማይ መወዳእታ ዘሎ ናብቲ ካልእ መወዳእታ መስመር ብምኻድ፡ ኵሎም ኣብታ መስመር ምስ ካልእ ይለዋወጡ።*

**ኣብነታት ናይ ተራታት**

- ሓደ ዘይጎነጻዊ ተግባር ንኽገብር ዝመደበ/ በቲ ሓደ ድማ ንተሳትፎኦም ዝቃወም ቀረባ ዝኾነ ሰብ፡
- ንናይ ዅናት መሳርሒ ወይ ናይ መንግስቲ መሳለጥያ ምዕጋት/ዝሓረቐ ሰራሕተኛ፡
- ተቓዋሚ/ጸረ-ተቓዋሚ ወይ ዝሓረቐ ሓላፊ-መገዲ፡
- ንናይ ዘይጎነጻዊ መምርሕታት ውፉይ ዝኾነ ተቓዋማይ/ንናይ ዘይጎነጻዊ መምርሕታት ዘፍርስ ተቓዋማይ።

## ካልኣይ ልምምድ
## ናይ ሓንጎል ማዕበል

**ግዜ፡ 15 ደቒቕ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡**
ኣብ ውሱን ግዜ ብዙሕ ሓሳባት ከመንጩ ዝኽእል ናይ ጕጅለ ተክኒክ ምንጻፍ፡

**ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት**
ንጕጅለ፡ 'ዘይጎነጻዊ እንታይ ማለት'ዩ'? ወይ 'ናይ ገንዘብ ምውጻእ እስትራተጂ ብኸመይ ነማዕብል'? ዝብሉ ሕቶታት ኣቕርብ። ብድሕሪኡ ነቲ ጕጅለ ብዝተኻእለ ምስ ብዙሕ ሓሳባትን መልስታትን ንኽመጽእ ሕተት።

ናይ ሓንጎል ማዕበል ክፍለ-ግዜ ንምክያድ፡ ሓሙሽተ ለበዋታት ቀሪቦም ኣለዉ።

1) ኣብ ቍጽሪ ምትኳር፡ ዝበዝሑ ሓሳባት ምስ ዝምንጭዉ፡ ክትወስዶም እትኽእል ሓሳባት ዝያዳ ይህልዉካ።
2) ብዘይ ነቐፌታ፡ ነቐፌታ፡ ዘይምቕባልን ምምይያጣትን ክሳብ ናይ ሓነጎል ማዕበል ዝውዳእ ንጎኒ ክጸንሑ ኣለዎም።
3) ዘይተለመዱ ሓሳባት ቁቡላት እዮም፡ ጽቡቑን ነዊሕ ዝርዝር ናይ ሓሳባት ንምርካብ፡ ዘይተለምዱ ሓሳባት ቁቡላት ይኹኑ።
4) ምጽንባርን ምምሕያሽ ሓሳባትን፡ ጹቡቓት ሓሳባት ብምጽንባር ዝጸበቑ ሓሳባት ምፍጣር ይከኣል'ዩ፡ ከም'ቲ ጭርሖ '1+1=3' ዝብል ሓሳብ ዝተዋህበሉ።
5) ናይ ሓንጎል ማዕበል ኩሉ ግዜ ቀስ ኢሉ ይጅምር፡ ሓሳባት ነቶም ካልኦት ሓሳባት ምስ ኣጋጨውዎም፡ እቲ ፍጥነት

ይውስኽ፡ ተመሊሱ'ውን ቀስ ይብል። በዚ ምኽንያት እዮም ድማ ንናይ ሓንጎል ማዕበል ከም ተቖልዩ 'ዝዕንብብ ዕፉን' ገይሮም ዝቖጽርዎ።

ኵሎም እቶም ሓሳባት ምስ ተዘርዘሩ (ኲላቶም ተሳተፍቲ መታን ክርእዩዎም ብዝተኻእለ መጠን ይጸሓፉ)። ብዛዕባኡ ዝኾነ ሕቶ እንተልዩዎም ወይ ምስ ሓሳባት ዘይሰማምዑ እንተ ኾይኖም ሕተትዎም። ንዝርርብ ኲፉት ግበርዎ፡ ብናይ ሓንጎል ማዕበል ዝመጸ ሓሳባት ናይ ሓባር ስምምዕ ክትገብር ኣይትግደድን። ወይ ነቶም መልስታት ብምስራዕ ንዝያዳ ዝርርብ ትደሊ ትኽውን።

ኣብ ግዜ ናይ ዘይጎነጻዊ ታዕሊም፡ ነቲ 'ዘይጎነጻዊ እንታይ ማልት'ዩ'? ዝብል ሕቶ ንምምላስ ሓደ ንጹር መግለጺ ንኽተቕርብ ኣይትፈትን። ብመገዲ ናይ ሓንጎል ማዕበል ግን ነቲ ሕቶ ንምምላስ ተሳተፍቲ ብዙሓት መልስታት ክካፈሉ ይኽእሉ። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ'ውን 'ጎነጽ እንታይ ማለት'ዩ'? ኢልካ ናይ ሓንጎል ማዕበል ክትገብር ዝያዳ ኣንቃሒ/ኣበራባሪ ክኸውን ይኽእል። ንኣገደስቲ ቃላት ትኽረት ሃበሎም። 'ስልጣንን' 'ሕርቃንን ዝኣመሰሉ ቃላት ኣብ'ቲ ናይ ጎነጽ ናይ ሓንጎል ማዕበል ጥራሕ ከይራኣዩ ምርግጋጽ የድሊ።

## ሳልሳይ ልምምድ
## ዓው ኢልካ ምዝራብ

**ግዜ፡ 3 ሳዓታት**

**ናይ ልምምድ ዕላማ ወይ ዕማም፡**

- ነቶም ዓብለልቲ ኣባላት ጕጅለ ብዛዕባ ዘይፍትሓዊ ሓበሬታ ንኽምስርሑ ምትብባዕ።
- ገለ ናይ ስልጣን ኣካይዳ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ብምግልባጥ፡ ዓብለልቲ ጕጅለ ዝባሃሉ ናይ ካልኦት ዘየቋርጽ ናይ 'ኣየር ግዜ (ናይ ዜና)' ዕድል ምዕብላሎም ክሪኡ ከለዎ፡ ከመይ ከም ዝመስል ክምኵሩ ይኽእሉ።
- ኣብ መንጎ እቶም ውሑድ ስልጣን ዘለዎም ዝያዳ ምሕዝነት ብምህናጽ፡ ኣብ ማሕበር ወይ ዓውደ-መጽናዕቲ ነንሕድሕዶም ብዝሓሸ ክደጋገፉ ይኽእሉ።

- ኣባላት ዓብለልቲ ጕጅለ ኣብ ትሑት ስልጣን ዘለዎም ኣብ ክንዲ ምምርኳስ 'ንዓኣቶም ምምሃር' ነንሕድሕዶም ብምድግጋፍ ንለውጢ ክጥቀምሉ ዘኽእሎም ሓደ ልሙድ ነገር ምፍጣር።

**ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት**

ዅሎም ፍልልያት ጾታ ኣብ መንጎ ደቂኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ከም ዘይኰነ፡ ናይ ስልጣን ሓይልታት'ውን ኣብ ጾታዊ ዝንባለ ዝተመስረቱ ከም ዝኾኑን ናቱ ወይ ናታ ብጾታ ትጽቢት ኣብ'ቲ ዓብላሊ ባህሊ ክሳብ ክንደይ ይሳነ ከም ዝኾነ፡ ነቲ ምሉኡ ጕጅለ ግለጸሉ። ዋል'ኳ እዚ ልምምድ ፍሉይ ዝርርባት ንተመኵሮን ኣራእያን ናይ ደቂ ተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን ዝገልጽሉ ዘጠቓልል እንተኾነ፡ ካልኦት ናይ ጾታ ሓይልታት ኣብ ምክፋል'ውን ሓንጎፉይ ይብል። ደቂኣንስትዮ ነቶም ዝተቐረቡ ሕቶታት ንምምላስ ካብ ናይ ሂወተን ተመኵሮ ከካፍላ ከም ዘለወን ምሕባር። ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ስራሕ ብዝተኻእለ ብምሉእ ኣድህቦ ተመሲጦምን ሕቶታት ከየቕረቡን ይሰምዕወን። ድሕሪ'ዚ፡ ግብረ-ሶዶማውያን ሰብኡትን ካልኦት ጾቶኦም ብምንጻሩ ኣብ ሕብረተ ሰቦም ሓይሊ ከም ዘይብሎም ንኽስሞዖም ዘምረሑም ተመኵሮ፡ ካብ  ናይ ሂወቶም ታሪኽ መሰረት ገይሮም ንኽዛረቡ ምሕታት። ብብቕዓት ንምስራሕ፡

ብብቕዓት ንምስራሕ እቲ መስርሕ  ናይ ሓባር   መሰረታውያን ሕግታት የድልዩዎ።

- ምስጥራውነት-- ዝኾነ ሰብ ኣብ ናይ ኣኼባ ርክባት ብኻልኦት ዝተዘርበ ኣብ ደገ ወጺኡ ክዛረበሉ ኣይግባእን።
- ኣብ ግዜ ናይ 'ዓው ኢልካ ምዝራብ" ዝተዘርበ፡ ተሳተፍቲ ኣብ ደገ ወጺኦም ነቲ ነጥቢ ክቕጽልዎ እንተድኣ ደልዮም፡ ነቲ ዝተዛረበ ሰብ ፍቓድ ይሓቱ።

ንደቂኣንስትዮ ናብ ካልእ ናይ ደቂኣንስትዮ ኣሳለጥቲ ዘለውኦ ክፍሊ ክኸዳን ንኽዛረባ ምድላው ክገብራን ሕተትወን። ኣብ መጀመርታ ኣብ ስሚዒታተን ይስርሓ፡ ኩላተን ንኽዛረባ ግድን ከም ዘይኰነን ናይ ቅድም ተመኵሮ ምስ'ዚ ልምምድ ሓድነት ከም ዘደልድል ዳግም ምርግጋጽ። ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምስዓብ፡ ንተሳተፍቲ ደቂኣንስትዮ ኣብ ተሞኩረአን ናይ ውልቃዊ ታሪኽን ክነግራ ሕተትወን።

- ብጾታ መንነትኪ ዝምልከት ኣይናይ እዩ ትሕጎሱሉ ወይ ትኾርዕሉ?

- ኣየናይ'ዩ'ኸ ከቢድን ኣሳቓዪን?
- ምሳኺ ካልኦት ብዝሓሸ ክሰርሑ ንኽኽእሉን ዝያዳ ደገፍቲ ክኾኑን፡ ክፈልጥዎም ትደልዮም ኣየኖት'ዮም?

**ቅንዕናን ነቲ ዝወጽእ ስሚዒታት ኣብ ምግላጽ ኣተባብዕ።**
ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ፡ ነቶም ሰብኡት ኣብ'ቲ ክፍሊ ክጸንሑን ምስ'ቲ ኣብ መጀመርታ ብዛዕባ ስሚዒቶም ዝሓቶም ኣሳላጢ ሰብኣይ ክሰርሑ ሕተቶም። ኣብ ሂወቶም ኣገዳሲ ጉዳይ ክሰምዕዎ ዘኽእሎም ሓጋዚ ኰይኑ ዝረኽብዎ ኣይናይ ከም ዝኾነ ምሕታት። ናይ ምስማዕ ጸገም ክህልዎም ሰለዝኽእል፡ ብዝተኻእለ መጠን ብዙሓት ዝዛረቡ ሰብኡት ምርካብ ምፍታን። ንግብረ-ሰዶማትን ንካልኦት ብምኽንያት ጾቶኦም ናይ ንኡሳን ደረጃ ዘለዎምን ምስማዕን ዓው ኢሎም ክዛረቡ ምትብባዕ።

እተን ደቂኣንስትዮ ምስ ተዳለዋ፡ ይምለሳ። ኣብ ቅድሚ እቶም ኰፍ ኢሎም ከም ውልቀሰባት (ከም ጕጅለ ዘይኰኑ) ዝዛረቡ ዘለዉ ሰብኡት ደው ይብላ። ከም'ቲ ኣሳላጢ ዘቕርቦ ኣብ ሰለስተ ሕቶታት ይዛረባ። ናይ ጾታ መንነቶም ኣብ ባህሎም ኑኡሳን ደረጃ ሂቡና ዝብል ስምዒት ዘለዎም ዝኾኑ ደቂተባዕትዮ'ውን ተሲኦም ንተመሳሰልቲ ሕቶታት ክምልሱ ይዕደሙ።

እተን ኣንስቲ ምስ ወዳኣ፡ ካብ'ቲ ክፍሊ ይወጻ። እታ ጓለንስተይቲ ኣሳላጢት ምስአን ትወጽእ፡ ብሓጺር ዝርርብ ድማ ተተባብዐን። እቲ ናይ ሰብኡት ኣሳላጢ ድማ ነቶም ሰብኡት ነቲ ዝሰምዕዎን ዝተማህርዎን ኣብ ምምስራሕን ምውህሃድን ይሕግዝ።

ኣብ ቀጻሊ ክይተፈላለዩ፡ እቶም ኣሳለጥቲ ናይ ሓባር ግዜ ብምውሳድ፡ ንኽሊቲኦም ጕጅለታት ብሓባር የምጽእዎም።

ናይ ዙርያ ሓጹር ምጥቃም እቲ ጽቡቕ መሳርሒ እዩ፡ ነብሰወከፍ ዘለዎ መረዳእታ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ገለ ዝተማህርዎ፡ ብሓደ ወይ ክልተ ምሉእ ሓሳባት የካፍሉ። እቶም ኣሳለጥቲ ነቲ ዘሎ ጋግ ምስ ካልኦት ናይ ጾታ ጕጅለ ተሳተፍቲ ብምምሕባር ከተኣሳስረዎ ይኽእሉ። ብድሕሪኡ ናብ ሳዕሲዒት ወይ ኩሉ ክሳተፎን ክዛናጋዓሉ ዝኽእል ገለ ናይ ቅርጺ ንጥፈት ብምግባር ናብ ጸወታ ይእቶ።

> እዚ ካብ ብታዕሊም ንለውጢ ዝማዕበለ ልምምድ ዝተወስደ እዩ፡ ናይ ጆርጅ ላከይ መዘከርታ ነጥብታት ኣብ http://trainingforchange.org/content/view/282/39/ ክርከብ ይኽእል።

## ራባዓይ ልምምድ
## ጾታዊ ዝርርብ ንሃነጽቲ ሰላም

**ግዜ፡ ካብ 30 ክሳብ 45 ደቒቕ**

**ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡**

- ኣብ ናይ ሰላም ማሕበራት ኣብ መንጎ ደቂኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ናይ ዝርርብ ዕድል ምፍጣር።
- ኣብ ናይ ሰላም ማሕበራት ኣብ መንጎ ደቂኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ናይ ውጥረት ነጥብታት ምልላይ።
- ናይ ጾታ ጉዳያት ኣብ ናይ ሰላም ማሕበራት ንኽለዓል ደረጃታት ዓቕምን ተወፋይነትን ምምዕባል፡

**ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት**

ናኣሽቱ ጉጅለ ኣብ ጾታ፡ ምስሕሓብ፡ ምህናጽ ሰላም ምምይይጥ፡

1) ደቂ-ተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን ተሓዋዊሶም ዘለዎም ናኣሽቱ ጉጅለታት፡ ሰብኡትን ኣንስትን ንናይ ምስሕሓብን ኅነጽን ብዝተፈላለዩ መገዲ ከም ዝምኰርዎም ዘርኢ ዝርዝር ግበር፡
2) ብተመሳሳሊ ክልቲኦም ጾታት ኣብ ናይ ሰላም ስራሕ ብዝተፈላለየ መገድታት ከም ዝሳተፉ ዝርዝር ግበር፡
3) ኣብ ዓበይቲ ጉጅለ፡ ንነፍስወከፍ ንእሽቶ ጉጀለ ንዝረኸብዎ ክሕብሩ ምሕታት።

II. ነቲ ዓቢ ጉጅለ ናብ ናይ ሰብኡትን ኣንስትን ጉጅለታት ጥራሕ ኢልካ ናብ ናኣሽቱ ጉጀለታት ምምቃል።

1. ኣብ ስራሕ ናይ ሰላም ጉዳያት ንነፍስወከፍ ጉጅለ ምስ ኣንጻራዊ ጾታ ንዓወታትን ብዶሆታትን ንኽካፍል ተወከሰ፡ ነቶም ጉጅለታት ብዝተኻእለ መጠን ክልቲኡ ኣሉታውን ኣወንታውን ዝኾኑ ብዙሓት ሓቀኛ ኣብነታት ክህቡ በዳሃዮም።

2. ንነፍስወከፍ ጉጅለ ኣብ ናይ ሰላም ጉዳያት ምስ ኣንጻራዊ ጾታ ንምስርሕ ኣብ እስትራተጂ ክመያየጡ ምሕታት።

- ንነፍስወከፍ ጉጅለ ኣብ ዝረኸብዎን እስትራተጅታትን ጸብጻብ ክህቡ ምግባር፡
- ኣብ ዝተሓዋወሰ ጽምድታት ዘለዎ፡ ተሳተፍቲ ነንሕድሕዶም ብዛዕባ ጸብጻቦም ክመያየጡ ምሕታት። ነብሲ.ወከፍ ሰብ ተራ

ወሲዳ/ዱ ብዛዕባ ስሚዒታ/ቱ ኣብ ዝርርብ ክገልጽ የድሊ፡ በቲ ሓደ ድማ እቲ ካልእ ኣብ መንጎ ከይኣተወ እናዳመጸ ንኽርዳእ ይፍትን።

> እዚ ልምምድ ካብ ደቂኣንስትዮ ኣብ ምህናጽ ሰላም ምንጭን ናይ ታዕሊም መምሪሒ ጽሑፍ ዝተወስደ'ዩ። ኢዲት- ሊሳ ስኪርች። እቲ ናይ መምሪሒ ጽሑፍ ብምሉኡ ኣብ http://www.iiav.nl/epublications/2004/womens_peacebuilding_manual.pdf or at http://www.ifor.org/WPP/resources.htm ክርከብ ይከኣል።

## ሓምሻይ ልምምድ
## ስለምንታይ መምህር ዝበሎ ትገብር?

**ግዜ፡ 20 ደቒቕ**

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ***

*ስልጣን ኣብ ትሕቲ ካልኦት ኲይንካ ምእዙዝ ብምኻን ይመጽእ፡ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ዓይነት ምንጪ ናይ ስልጣን ኣለዉ፡ ዝብሉ መሰረታውያን ሓሳባት ናይ ዘይጎነጻዊ ስልጣን ንምርዳእ እዩ። እዚ ልምምድ 'መን ኣብ ቤት ትምህርቲ ስልጣን ኣለዎ'? ምስ ዝብል ክሳነ ይኽእል።*

***ብኸመይ ይስራሕ/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት***

*እዞም ዝስዕቡ የድልይኺ ማለት ወረቐትን መጽሓፍ ፒሮን። ሰባት ብጽምዲ ክሰርሑ ሕተት። መምህር ንተማሃርኡ ኣብ ገጽ 3 ልምምድ 1፡ ስርሑ ክብሎም ከሎ ሰለምንታይ ምኻኑ ኵሎም ጽምድታት ምኽንያታት ከቕርቡ ይሕተቶም። ነዚ ከባቢ 5 ደቒቕ ዝኸውን የፍቅደሎም። ካብ ነብሲ ወከፍ ጽምዲ በብተራ ርእይቶ እናወሰድካ ነቶም ዘቕርብዎም ጻሓፎም። ኣብ መንጎ እቲ ጽሑፋት ነጻ ቦታ ግደፍ። ሓፈሻዊ ምንጪ ናይ ስልጣን ንምርኣይ ምይይጥ ብምግባር ነቶም ዝሃብኺ ዝርዝራት ተጠቐመሎም፡ በዚ ድማ ናይ ገለ ስልጣን ኣብ ናይ ካልኦት ምእዙዙነት ይምርኰስ ዝብል መሰረታዊ ዝኾነ ነጥቢ ግበር።*

*እቲ ዝርዝር ነዞም ዝስዕቡ ክሕውስ ይኽእል፡*

- ናይ መቕጻዕቲ ፍርሒ (እገዳታት)
- ኣብ መርመራታት ጽቡቕ ንምስራሕ ካብ ምድላይ (ኣተባባዒ)
- ወይዘሪት ስሚዝ ኣገራሚት ስለ ዝኾነት (ህቡብነት)
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ከምኡ ክትገብር ሰለ ዘለካ (ማሕበራዊ ባህሊ፡ ልምዲ)
- መምህራን ከምኡ ክሓቱ መሰል ስለ ዘለዎም (ሕጋውነት)
- ካልኦት ዅሎም ይሰርሕዎ ስለ ዘለዉ (ጸቕጢ ናይ ምውህሃድ)
- ካብ ወይዘሪት ስሚዝ ዝደልዮ ፍልጠት ስለ ዘሎ (ፍልጠት፡ ጥበብ)

ከም ምንጪ ስልጣን፡ ገንዘብ ወይ ጸጋታት ከምጽእ ኣይክእልን ግን ንዝያዳ ምኽንያት ኣገዳሲ ይኸውን፡ 'ምኽንያቱ ናዓይ ኣገዳሲ ስለዝኾነ' በዚ ድማ ናይ ስልጣን ምንቅስቓስ ይቕይር፡ መምሃራን ንተማሃሮ ዕላማኡ/ዕላማኣ ንምውቃዕ ሓገዝቲ ይኾኑ።

**ነጥብታት ንዓለምቲ**
ብፍላይ መምህራን ናይ ክፍሊ ንጥፈታት ናይ ምትሕግጋዝ መስርሕ እዩ ኢሎም ክቃወሙ ይኽእሉ፡ ናይ ብዙሓት ሰባት ተመኵሮታት ግን ነዚ ኣብ'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ትንታነ ይድግፉ።

> እዚ ልምምድ ካብ 'ንማዕበል ምእላይ' መርበብ ሓበሬታ ዝተወስደ እዩ፡ http://www.turning-the-tide.org/resources/manual/powerchange#full_list

## ሻዱሻይ ልምምድ
## ኣብ ቤት ትምህርቲ ስልጣን ዘለዎ መን'ዩ?

**ግዜ፡ 45 ደቒቕ**

**ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ**
ኩሉ ሰብ ገለ ስልጣን ከም ዘለዎን ነቲ መሰረታዊ ኣረዳድኣ ናይ ዘይጎነጻዊ ስልጣን ብምትሕልላፍ ህዝቢ ንኽርዶኦ ንምሕጋዝ-- ስልጣን ካብ ናይ ካልኦት ምእዙዙነት ዝመጽእን ዝተፈላለዩ ዓይነት ምንጭታት ናይ ስልጣን ኣለዉ።

**ብኸመይ ይስራሕ/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት**

ነቶም ሰባት ትርጉም ናይ ስልጣን ብምሕታት ነቲ ልምምድ ኣበግሶ። 'ንኻልኦት ምቁጽጻር'፡ 'ውጺኢት ዝፈጥር ክእለት ምህላው'፡ 'ንነገራት ክኸውን ምግባር' ዝብሉ ሓረጋት ክትረክብ ኢኻ። ገለ ሰባት ኣብ መንጎ 'ስልጣን ኣብ ልዕልን' 'power over' (ምዕብላል ወይ ስግኣት) ከምኡ'ውን 'ስልጣን ምስ' 'power with' (ምትሕግጋዝ ወይ ምትሕብባር) ፍልልያት ይገብሩ። እቲ ልምምድ ብዛዕባ ንመረዳእታ 'ስልጣን ኣብ ልዕሊ' ምኻኑ ግለጸ፡ በዚ ድማ ናይ ማሕበራዊ ለውጢ ጉጅለታት 'ንስልጣን ምስ' ብውጺኢታዊ ዝኸውን ኣጠቓቕማ ከለልይዎም መታን ክኽእሉ፡ ማለት ኣብ ዓለም ብኑጹር ክእለቶም ኣወንታዊ ጽልዋ መታን ክፈጥር።

ምንጻር ኣብ ቤት ትምህርቲ ስልጣን ዘለዎም ኹሎም ሰባት ወይ ጉጅለታት ሓሳብ ክህቡ ሕተቶም። ካብ ኵሎም ተሳተፍቲ ጽቡቓት ዝርዝራት ብቕጽበት ክትረክብ ኢኻ። እንተድኣ ኣገዳሲ ጉጅለ ወይ ሰብ (ናይ ግዝኣት ጻሓፊ/ኣላዪ/ይት) ዘይተረኽበ፡ ባዕልኻ ክትሕወሶ ትኽእል። እቲ ዝበለጸ ዝበሃል ብኽልተ ዝዝርጋሕ-ወረቐት ክህሉ ከሎ'ዩ፡ ነቶም ሰባት ኣብ ሓደ ወረቐት፡ ነቲ ምንጪ ናይ ስልጣን ድማ ኣብ'ቲ ካልእ ትጽሕፎ። እንተድኣ ኣብ ሓደ ወረቐት ጥራሕ ትሰርሕ ኣለኻ፡ ኣብ መንጎ ኣስማት እኹል ቦታ ብምግዳፍ ንምንጪ ናይ ስልጣን ትምላኣሉ።

ቀጺልካ ስለ ምንታይ 'እገለ' ስልጣን ኣለዎ? እቲ ስልጣንከ ካበይ መጺኡ? ምንጩ እንታይ እዩ? ስለ ምንታይ እዮም ሰባት 'እገለ' ዝበሎ ዝገብሩ? ኢልካ ሕተት። ብዙሕ ግዜ ንኩሉ ዝርዝራት ንኽትገብር ግዜ ኣየፍቅደልካን፡ ይኹንደኣምበር ንርእሰ መምህር፡ ተማሃሮ፡ ኣላዪ/ይት፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ጻሓፊ፡ ስድራ ቤትን ናይ ግዝኣት ጻሓፍን ከም ዘለዉን ኣረጋግጽ።

እቲ ሳልሳይ ደረጃ ብሓፈሻ ብዛዕባ ስልጣን ዝተሳለጠ ምይይጥ እዩ። ኣብ ሳልሳይ ሕብሪ ናይ ተሳተፍቲ ቀንዲ ነጥብታት ሕዞም። ናይ'ዚ ልምምድ ማእከላይ ነጥቢ ዝኸውን ማለት ናይ ገለ ስልጣን ካብ ናይ ካልኦት ምእዙዙነት ይምንጩ ዝብል ክትስእል ፈትን። ኣብ መሳርዕ መዝነትን ስልጣንን ዘለዉ ሰባት ዝረኸብዎ መሳርዕ ብፍላጥ ወይ ብዘይፍላጥ ካልኦት ስልጣኖም ዝሃብዎም እዮም።

**ነጥብታት ንዓለምቲ**

ከም ርዱኡ መምህራንን ካላኦትን ካብ ካልኦት ንላዕሊ ብዛዕባ ናይ ቤት ትምህርቲ ሂወት ብንጹር ብዝነውሐ ክዛረቡ ይደልዩ፡ እዚ ድማ ንነገራት ኣብ ምጥማር ሓጋዚ ይኸውን። ነቲ ልምምድ ብጽቡቕ ኣብ መስመሩ ክህሉ ኣዚኻ ከይተረርካ ጥንቁቕ ክትከውን ይግባእ። ስልጣን ገፊሕ

ኣርእስቲ እዩ፡ እቲ ምይይጥ'ውን ነቲ ዝድለ ውጺኢት ከየፍረየ ሳላቢ ብዝኾነ መገድታት ክቕጽል ይኽእል፡ ስለዚ ንተሳተፍቲ ናብቲ ቀንዲ ነጥብታት ንኽትመልሶም ድልው ኩን።

> እዚ ልምምድ ካብ 'ንማዕበል ምእላይ' መርበብ ሓበሬታ ዝተወስደ እዩ፡ http://www.turning-the-tide.org/resources/manual/powerchange#full_list

## ሻባዓይ ልምምድ
## 10/10 እስትራተጅታት

**ግዜ፡ 30 ደቒቕ ወይ ካብኡ ንላዕሊ**

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡***

ንህዝቢ ብዛዕባ ሃብታም ታሪኽ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ንኽመሃር ምሕጋዝን ዝሓሸ መረዳእታ ናይ ጎስጓሳት፡ ተክኒካትን ምንቅስቓሳትን ንምኽሳብ።

***ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡***

ንተሳተፍቲ ኣብ ናኣሽቱ ጕጅለታት ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሽዱሽተ ማዕረ ቍጽሪ ዘለዎም ክከፋፈሉ ሕተቶም። ካብ ነብሲ.ወከፍ ጕጅለ ካብ 1 ክሳብ 10 ቍጽሪ ኣብ ወረቐት ክጽሕፍ ንሓደ ሰብ ሕተት፡ ነቶም ጕጅለታት፡ መን ንስርሓት ብኣዝዩ ቐልጡፍ የሳልጥ ንምፍላጥ፡ ኣብ ነንሕድሕዶም 'ይወዳደሩ' ከም ዘለዉ ንገሮም፡ (እዚ ብኣንጻር እቲ ብዙሕ ግዜ እንገብሮ ናይ ምትሕብባር መልክዕ እዩ) ነብሲ.ወከፍ ጕጅለ 10 ውግኣት ብዝቐልጠፈ ክምዝግቡ ምስ ወድኡውን ኢዶም ከልዕሉ ምሕባር። ቀስ ኢልካ ነቲ ግዜ ምምዝጋብ። ብድሕሪኡ 10 ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ክምዝግቡ ምስ ወድኡ ድማ ኢዶም ከልዕሉ ሕተቶም። ንዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ኣብ ምምዝጋብ ዝወስዶ ግዜ ካብ ናይ ውግእ ክሳብ ክንደይ ዝነውሐ ምዃኑ ተዓዘብ፡ (ዋላ'ኳ ነዚ ነጥቢ ኣብ'ዚ ብገፊሕ ክንመያየጠሉ እንተዘይኰንና)።

በቲ 'ዝተዓወቱ ጕጅለታት' ጀምር፡ ኣብ ናይ መንደቕ ወረቐት ዝርዝር ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ጻሓፍ። ካልኦት ጕጅለታት ነቲ ዝርዝር ክውስኽሉ ሕተት። ምናልባት ሕውስዋስ ናይ ምንቅስቓሳት፡ ተክኒካት፡ ጎስጓሳት፡ ወ.ዘ.ተ ክኾኑ ይኽእሉ። ኵሎም መዝግቦም፡ ነቲ ዝርዝር ንፍልልያት ንምግላጽ ተጠቐመሉ፡ በዚ ድማ ተሳተፍቲ ብዛዕባ

እስትራተጃዊ መስርሕን ብኸመይ ውጺኢታውያን እስትራተጂ ይዓብዩን ክመሃሩ ይኽእሉ። ንኣብነት፡ እቲ ዝርዝር ናይ ‘ኣፓርታይድ’ (ምንቅስቓስ) ‘ናይ ጨው ምረሻ’ (ጎስጓስ) ከምኡ’ውን ‘ኰፍ ምባል’ (ታክቲክ) ዘጠቓለለ ይኸውን። ዝርዝር ብምጥቃም ንተሳተፍቲ ናይ ጎስጓስ ክፍለ-ኣካላት ንኽገልጹ፡ ታክቲክ ክፈልዩን ንሓደ ጉዳይ እንታይ’ዩ ምንቅስቓስ ዘብሎ ንኽገልጹ ሕቶቶም። ብዛዕባ ናይ ዘይጎነጻዊ ጎስጓሳት ኣማዓባብላ እስትራተጂ፡ ሓደ ኣዝዩ ፉሉጥ ዝበሃል ጎስጓስ ከም ናይ መጽናዕቲ ጉዳይ ንትምህርቲ ተጠቐመሉ። እዚ ዝርዝር’ውን ንጎስጓሳት ሌላ ዘይብሎም ሰባት ንምልላይ ክትጥቀመሉ ትኽእል። እዚ ዝርዝር ንነዊሕ ምይይጥ መሰረት ክኸውን ይኽእል። ነቲ ግዜ ከም ድሌትን ፍልጠትን ናይ ጕጅለ ኣስተኻኽሎ።


## ሻሙናይ ልምምድ

## ገረብ

**ግዜ፡ ብዉሑድ 30 ደቓቕ**

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡***

*ናይ ግድል ባህርን ክፍለ-ኣካላት ንምፍላይን ምትንታንን ከምኡ’ውን ኣወንታዊ ግብረ መልስታት ምርካብን።*



***ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡***

*ሓደ ገረብ (ኦም) ምስ ሰራዊሩ፡ ጉንዱ፡ ከምኡ’ውን ጨናፍሩ ምስ ፍሪኡ ሳኣል። እቲ ገረብ ነቲ ክትንትኖ እትደልዮ ግድል ይውክል። ንተሳተፍቲ ነቲ ሰራዊራት (ጠንቂ) ነቲ ፍረታት (ሳዕቤናት) ከምኡ’ውን ነቲ ጉንዲ (ነቲ ስርዓት ሒዝዎ ዘሎ ትካላት) ክፈላልዩ ሕተቶም። ኣብ ሓመድ ዝርከቡ ነቶም ሱር ጠንቅታት ዘዕብዩ መሰረታውያን መትከላት’ውን ክትውስኽ ትኽእል።*

**ጡዑይ ገረብ**

*እቲ ክነዕብዮ እንደሊ ጡዑይ ፍረ ኣየናይ እዩ? ንጡዑይ ፍረ ክነዐቢ ከምይ ዓይነት ሱር የድልየና? ኣየኖት ፍረታት ክንቅንጥብ ንደሊ? ጡዑይ*

ሕብረተሰብ ክህልወና፡ ኣየናይ ቅርጽታት ክነዐቢ የድልየና?  ኣየኖት ክንቃወሞም ይግበኣና? ንሱር ንምሕያል፡ ኣብ'ቲ ሓመድ ኣየኖት ወግዕታት ክህልዉ ይግባእ? ዕላማታት ምዕባይ ጡዑይ ገረብ፡ ወይ ዕላማታት ምቑራጽ ዘይጡዑይ ገረብ ፈላልዮም። ነዞም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ሕቶታት ብኣወንታዊ ክንምልሶም ንኽእልዶ?


**ነቲ ናይ ገረብ ግድል ምትንታን**

ነቲ ንጕጅለኹም ከተዳኽሞ እትደሊ ኣብ ጉንዲ ናይ'ቲ ገረብ ዘሎ ትካል ምረጹ። ካልእ ገረብ ሳኣሉ፡ ነቶም ሱር ጠንቅታትን ሳዕቤናትን ፈላልይዎም።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ሕቶታት ወይ ኣብ ገጽ … ዘለዉ ሕቶታት ብምጥቃም፡ ነቲ ግድል ንምትንታን ተጠቐመሎም።

## ታሻዓይ ልምምድ

## ናይ ስልጣን የዕኑድ



**ግዜ፡ ብውሕዱ 30 ደቒቕ**

**ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡**

- ነቶም ክንስዕሮም እንደሊ ናይ ስልጣን ቅርጽታት ዝሓዙ የዕኑድ ፈሊኻ ምፍላጥ።
- ነቶም የዕኑድ ንምድኻሞም ዕላማ ገይርካ ብምትንታን እስትራተጅታት ምምዕባል።
- ናይ ስልጣን ቅርጽታት ተኣፋፍነት ፈሊኻ ምርኣይ።

**ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፥**

**ነቶም የዕኑድ ምግላጽ**

1. ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝተገልበጠ በዕኑድ ንላዕሊ ዝተደገፈ ሱሉስ ኩርናዕ ሳኣል። ስም ናይ ሽግር ኣብ'ቲ ሱሉስ ኩርናዕ ጻሓፍ። ሓደ ትካል ወይ ዘይፍትሓዊ ክኸውን ይኽእል፥ (ኣብነት.. 'ዠናት)።
2. ንጒጅለ ንትካላትን ንሽግራትን ዝድግፉ ሮቃሒታት ዝውክሉ የዕኑድ ኣየኖት ምኻኖም ንኽፈልዩ ሕተት (ኣብነት.. ውትህድርና፥ ማሕበራት፥ ሓርበኛታት ዜጋታት)። ብዛዕባ ባእታታት ናይ ደገፍ ቅርጻታት ውሱን ኩን፥ (ኣብነት.. ውትህድርና ንናይ ዠናት ሰራዊት፥ ዝተጣየሱ፥ ናይ ወታሃደራት ስድራ ቤት)። እዚኦም ነቲ ቅርጻ ብኸመይ ከም ነዳኽሞ ክንትንትን ከለና ክጠቕሙና እዮም።
3. ነቶም ናይ የዕኑድ መሰረት ዝኾኑ መሰረታውያን መትከላት ምልላይ፥ (ኣብነት.. ጾታውነት፥ ስሰዐ፥ ሓሶታት)።

**ንዓንዲ ምትንታን**

ጒጅለኹም ክምሕዎ ዝደሊ ዓንዲ ይምረጽ። ውሳነ ክትገብሩ ከሎኹም፥ ናይ ጒጅለኹም ተልእኾ ኣብ ግምት የእትውዎ። ኣብ'ቲ ዝተመርጸ ሱሉስ ኩርናዕ ዘሎ ዓንዲ፥ ስም ናይ ትካል ብምጽሓፍ፥ ካልእ ዓይነት የዕኑድ ሳኣል። ነቲ ሽግር መን ጸይርዎ ከም ዘሎ መርምር። እዚ መሰረት ንእስትራተጂኹም መማዕበሊ ክኸውን ይኽእል።

ዋላ'ኳ ነቲ ሽግር ነቕነቕ ንምባል ከቢድ እንተመሰለ፥ እቲ ቁልቁል ኣፉ ተገልቢጡ ዘሎ ሱሉስ ኩርናዕ ንድኽመቱ ከም ዝሕብር ነቲ ጒጅለ ግለጸሉ።

## ዓስራይ ልምምድ

## ናይ ፍርሒ ሳዕቤናት

**ግዜ፥ ብውሑዱ 1 ሰዓት**

**ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፥**

ናይ ፍርሒ ጠንቅታትን ሳዕቤናትን ንምክፋልን ንምትንታንን።

**ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡**
ንኣባላት ጕጅለ ፍርሒ ክስሞዖም ከሎ፡ ተመኩሮ ዘለዎ ሰብ ከውከሱ ከም ዘለዎም ሕተቶም። ኩሉ ክሳተፈሉ ዘኽእል ናብ ናኣሽቱ ጕጅለታት ከፋፍሎም። ሓደ ሰብ ብዛዕባ ሳዕቤናት ናይ ፍርሒ ክምዝግብ የድሊ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ'ቲ ዓቢ ጕጅለ እቶም ቀንዲ ሓሳባት ኣብ መንደኞ ጻሓፎም። እቲ ካልእ ኣማራጺ ሰባት ፍርሒ ክስሞዖም ከሎ ነቲ ኩነታት ክስእሉ ምሕታት። ነቲ ዝተሳእለ ኣብ ባዕላውነት ተመኩሮ ቆላሕታ ብምግባር ምምይይጥ፡ (ተሳተፍቲ እንታይ ሓሲቦም፡ ተሰሚዕዎም፡ ኣብ ኣካላቶም እንታይ ተፈጢሩ፡ እንታይ ግብረ-መልስታት ነይሮም ወ.ዘ.ተ)። ትም ኢልካ ናይ ሓሳባት ምስናዕ ዘይኮነ።

እቲ ልምምድ ነቶም ኣንጻር ፍርሒ ክንጥቀመሎም እንኽእል ዝተፈላለየ ኣገዳስነት ዘለዎም ኣማራጽታት ብምምይያጥ ከውዳእ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ልምምድ ሰባት ተመኩሮኦም ንኸካፍሉ፡ ንግብረ መልሶም ከላልዩን ንሽግራት ኣብ ምፍታሕ ብዝሓሸ ንኽፈልጡ ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ።

## ልምምድ ዓሰርተ ሓደ
## ዝርገሐ ናይ ምሕዝነት


**ግዜ፡ ብውሕዱ 20 ደቒቕ**

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡***

- *ማሓዙትናን ጸላእትናን መን ምዃኖም ንምርዳእ።*
- *ቴክኒካት ክሳብ ክንደይ ቀንዲ ምሕዝነት የምጹኡልና ወይ ኣየምጹኡልናን ብዝብል ክትለሙ ከም ዘለዎምን ንህዝቢ ኑጡፍ መሓዛ ንኽኸውን ኣብ ምግባር ንኽነስትውዕል ይሕጉዙና።*
- *ንተቓወምትና ናብ'ቲ ናትና ኣራእያ ንኽምለሱ ግድን ከም ዘይኮነ ንኽነስተውዕልን ዝያዳ ትስፉው ናይ ምልዕዓል ጻዕርታት ንምትብባዕን።*
- *ንሰባት ናብ'ቲ ኣዝዩ ሳሓቢ ዝኾነ ሕልኽላኽ ናይ እስትራተጂ ምውጻእ ምዕዳም።*

**ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡**

እዚ ልምምድ ጋዜጣዊ ሕትመት ዲያግራም ብምጥቅም፡ ኣብ ምፍታሽ ሓሳባት ንመብዛሕትኦም ኲነታት ናይ ማሕበራዊ ለውጢ ኣብ መንጎ ደለይቲ ለውጥን ዘይደለይትን ዝግበር ቃልሲ ከም ዘለዎ ንምርኣይ እዩ። ነቶም ለውጢ ዝደልዩ ኣብ ሓደ ጎኒ (ኣብ ጸጋም) ነቶም ተቓወምቲ ድማ ናብ'ቲ ሓደ ወገን ብምሕባር ከም ዝውከሉ ግበር። ሕብረተሰባት (ወይ ከተማታት ወይ ሃገራት) ኣብ መብዛሕትኡ እዋናት ዝተፈላለዩ ጕጅለታት ዘለዎም ኰይኖም፡ ካብ ዝቐረበ ናይ ተጣበቕቲ ክሳብ ዝረሓቑ ኣራኢያ ከም ዘጠቓልል ግለጸሎም። ነዚ ዝርገሐ ዘርኢ ሓደ ጋድም ሕንጻጽ ሰኣል። ፍርቂ ወርሒ ወይ ፍርቂ ሳምቡሳ ምስ መስመራትን (ከም'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ዲያግራም)።




እቶም ንኽሊቲኦም መወዳእታ ዝቐረቡ ሕንጻጻት ንንጡፋት ማሓዙትን ተቓወምትን ይውክሉ። እቲ ዝቕጽል ንሉኡማት መሓዙትን ተቓወምትን ኣብ ማእከል ዘሎ ጕጅለ ናይ ሻራ ዘይብሎም ኣካላት ይውክል።

ኣብ'ቲ ትሰርሓሉ ዘለኻ ጉዳይ ተጠቒም፡ እንተድኣ ሓፈሻዊ ታዕሊም ኰይኑ፡ ኣብ'ቲ ጉዳይ ክሰርሑ ዝኽእሉ ወይ ጉዱሳት ዝኾኑ ሰባት ኣብነት ምሕታት። ምስ'ቲ ጉዳይ ዝዛመድ ጠለብ ኣቕርብ። ኣብ ሕብረተሰብ ኣየናይ ዝበለጸ፡ ዝዋሓደ ደጋፍን ኣብ ማእከል ክዝንብል ዝኽእል መን'ዩ ኢልካ ሕተት። 'ሕብረታት' (ማሕበራት)፡ 'ናይ ድኻታት ጕጅለታት'፡ ቤት-ምኽሪ ንግዲ ወ.ዘ.ተ.. ኣብነታት ሃብ። ተሳተፍቲ ጉጅላኦምን፡ ቦቶኦምን ምስ ፈለዩ፡ ኣብ'ቲ 'ሳምቡሳ' ጸሓፎም። እቶም ሰባት ስለምንታይ ዘይሻራውያን ከም ዝኾኑ ኣለልዮም፡ መሓዙት ዝኾኑሉ መገድታት እንተድኣ ሃልዩ ተዘራረበሎም። ከምኡ'ውን ሰባት ድሮ ካብ ሕንጻጽ ናብ ሕንጻጽ ከም ዝተንቀሳቐሱ ምዝካርን ስለምንታይ ከም ዝኾነ ምዝርራብን፡ (ኣብነት.. ወታሃደራትን ተጣየስትን ኣብ መጀመርያ ንሆናት ክድግፉ ይደልዩ፡ እቲ ሆናት ክቕጽል ከሎ ግን ተቓውሞ ይምዕብል።

ጽቡቕ ዜና ሃብ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ጎስጓሳት ንማሕበራዊ ለውጢ፡ ነቶም ተጻረርትኹም ናብ'ቲ ናታትኩም ኣራኢያ ክቕበሉ ግድን ኣይኰነን፡ እቶም ታሓዝቲ ስልጣን'ውን እንተኾኑ ተጻረርትኹም እዮም። እቲ እንኰ ኣገዳሲ ነገር ገለ ወይ ኲሎም ናይ'ቲ ሳምቡሳ ውሻል ሓደ ስጉምቲ ናብ

ናታትኩም ኣራእያ ምስጓሞም እዩ። እንተ ድኣ ነፍስወከፍ ውሻል ሓደ ደረጃ የሕሊፍናያ፡ ዝያዳ ክንዕወት ኢና፡ ዋላ'ኳ በቲ ሓደ ወገን ዘለዉ ተሪር መርገጽ ዘለዎም ካብ ዘለውዎ ኣይንቀሳቐሱ።

እቲ ጕጅለ እስትራተጅኡን ታክቲካቱን እናዕበይ ክኸይድ ከሎ፡ ኣየናይ መስመር ክበጽሖ ከም ዝደልን ብኸመይ ሰባት ከንቀሳቕሶም ከም ዝኽእል ክፈልጥ የድልዮ። ንመን ክንረክብ ዝብል ምርጫ ንምውሳን፡ ምስ ኣየኖት ጕጅለታት ገለ ክንራኸበሉ ዘኽእል ኣፍደገ ወይ ክንተኣማመነሉ ዘኽእለና ኣለናዶ? ኢልካ ምሕታት። ኣይኖት ጕጅለታት'ዮም ርክብ ተጌርሎም ዘለዉ? ናይ ጕጅለና ዕማም ሒዝና፡ ብዝበለጸ ከነእምኖም እንኽእል ጕጅለታት ኣየኖት እዮም?

እዚ ልምምድ ብ20 ደቒቕ ክስራሕ ይከኣል፡ ነቶም ሕንጻጻት እናመላእኩምን ንኹነታት እናተንተንኩምን ግን ዝያዳ ግዜ ክትወስዱ ትኽእሉ።

> ካብ http://www.trainingforchange.org/content/view/69/39 ዝተወስደ።

## ልምምድ ዓሰርተ ክልተ
## ገረብን ንፋስን ናይ ምትእምማን ጸወታ

**ግዜ፡** 30 ደቓይቕ

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡***
*ንኹነታት ናይ ስግኣት ወይ ፍርሒ ንምብራህን ኣብ ነብስኹምን ጕጅለን ምትእምማን ንምዕባይን።*

**ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡**
*ሓደ ሰብ ኣብ ማእከል ገይርካ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሸውዓተ ሰባት ዘለውዎ ጥቡቕ ክቢ ስራሕ። ነቲ ኣብ ማእከል ዘሎ እግሩ/እግራ ቀጥ ኣቢሉ/ላ ኣብ ባይታ ከቐምጥ ሕተት፡ ዓይኑ/ና ሸፍኖ፡ ናብ ሓደ ወገን ንኽወድቕ ግደፎ (ከም ገረብ ብንፋስ ዝተማሕወ)። ነቶም ዝተረፉ ጕጅለ ኢዶም ዘርጊሖም ነቲ/ታ ኣብ ማእከል ዘሎ ሰብ ካብ ሓደ ናብ ካልእ ከይሃወኹ ከንቀሳቕሱን ከየውደቑን ንኽቃባበሉ ሕተት። ኵሎም ኣብ'ቲ ክቢ ዘለዉ ነታ 'ገረብ' ካብ ሓደ ወገን ናብ'ቲ ካልእ ክትንቀሳቐስ ምእላይ ኣገዳሲ ነገር እዩ። ድሕሪ ሓደ ደቒቓ ካብ'ቶም ጕጅለ ካልእ ሰብ ኣብ ማእከል ክኣቱ*

ሕተት። ኩላቶም ክሳተፉ ኣገዳሲ እዩ፡ ብኡኡ ድማ ተመኵሮኦም የካፍሉ።

ነብሲወከፍ ኣብ ማእከል ክኸኑ ተራ ምስ ረኸቡ፡ ኣብ ዓቢ ወረቐት ገይርካ ናይ ነብሲወከፎም ኣብ እዋን ጸወታ ዝነበሮም ስሚዒታትን ተመኵሮታትን ጸሓፎ። እቶም ስሚዒታት ምስ ፍርሒ ኣዛምዶም። ገለ ሓቂ ዝኾኑ ኩነታት ምስ'ቲ ጉጅለ ዝብሎ ዝራኣዩ ፍርሒ ወይ ገለ ሳዕቤናቱን ኣወዳድሮም። ናይ ፍርሒ ሳዕቤናት ንምምካቶምከ እንታይ ክግበር ከም ዝከኣልን ጽሚቕ ግበር።

## ልምምድ ዓሰርተ ሰለስተ

## ምሕላፍ ውሳነ

**ግዜ፡ ብውሕዱ 30 ደቒቕ**

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡***

ንህዝቢ ወይ ንተሳተፍቲ፡ ንኩነታት ቅልውላው ክገጥሙን ኣብ ጸቕጢ ዘለዎ እዋን ብቕልጡፍ ክሓስብ ዝኽእል ኣእምሮ ንምምዕባል፡ ናብ ናይ ተግባር-ውሳነ ንምብጻሕ፡ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ንናኣሽቱ ነገራት ንጎኒ ገዲፍካ ኣብ ኣገደስቲ ጉዳያት ብምትኳር፡ ንምድላው።

***ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡***

ካብ ሸሞንተ ሰባት ዘይሓልፍ ጉጅለ (እዚ ንእሽቶ ጉጅለ ክኸውን ይኽእል፡ ካልኦት ተዓዘብቲ ገይርካ) ሓደ ናይ ፍጻመ ንድፊ ሃቦም። ንኣብነት፡ 'ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ ውሽጢ መስመር ምረሻ ኣእምሮኣ ተጥፍእ። ከም ሓላዊ ሰላም እንታይ ምገበርካ? ን15 ካልኢታት ዝኸውን ነቶም ዝሳተፉ ዘለዉ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ሰባት ነንሕድሕዶም ክዘራረብሉ ኣፍቅደሎም። ብድሕሪኡ ምስ ኵሎም ተሳተፍቲ ተመያየጥ። ብኸመይ ናብ ውሳነ ብጺሕኩም? ኢልካ ሕተት። ነቲ መስርሕ ኣየናይ ሓጋዝን ኣጸጋምን ነይሩ? እቲ ካልእ መገዲ ነቲ ልምምድ ምስ ሽማግለ ወሃቢ-ቃል ምልምማድ እዩ። ከም 'ናይ መቕርብ ጉጅለታት' ኰይኖም ክስርሑ ዝኽእሉ ሓያለ ናኣሽቱ ጉጅለታት ፍጠር፡ ሓድሽ ናይ ፍጻመ ንድፊ ሂብካ ነብሲወከፍ ጉጅለ ናይ ገዛእ ርእሱ ወሃቢ-ቃል ንኽመርጽ ሕተት። ነብሲወከፍ 'ናይ መቕርብ ጉጅለ' ናብ ምውሳን ምስ በጽሐ፡ ነቶም ዝተፈላለዩ ወሃብቲ-ቃል ተራ'ኺቦም ናብ ውሳነ  ክበጽሑ ምግባር።

ድሕሪ ኣብ ደረጃ ናይ ሓባር ስምምዕ ምብጸሖም፡ ነብሲ-ወከፍ ወሃቢ-ቃል ብዛዕባ ውሳነ ናይ ሽማግለ ወሃብቲ-ቃል ምስ ናቱ 'ናይ መቕርብ ጒጅለ' ክማኸር ምሕታት። እንተድኣ ኣገዳሲ ኰይኑ ነብሲ-ወከፍ ጒጅለ ለበዋታት ንለውጥታት ክገብሩ ይኽእሉ። ብድሕሪኡ ነቶም ሽማግለ ወሃብቲ-ቃል ናይ መወዳእታ ውሳነ ንምሕላፍ እንደገና ክራኸቡ ብምግባር፡ ኩላቶም ኣብ 'ናይ መቕርብ ጒጅለታት' ዘለዉ ክሰማምዕሉ ዝኽእል ናይ መወዳእታ ውሳነ ይበጽሑ።

ኣስተውዕሉ፡ እቲ ዝዓበየ ሕጽረት ዝበሃል ኣዝዮም ብዙሕ ቁልጡፍ ናይ ልምምድ ውሳነ ምግባር ኰይኑ፡ ብፍላይ ቅድሚ ተግባር ምፍጻሙ፡ ናይ ህጹጽ ሓደጋ ኣታሓሳስባ ክፈጥር ይኽእል፡ በዚ ድማ ጭንቀት ስለ ዘልዕል ሰባት ይርዕዱ። ነዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣራእያ ናይ ምንጽልላው ሓደጋ ንምዕጋት፡ ልምምዳት ቁልጡፍ ውሳነ ምስ ካልኦት ተመኵሮታት ታዕሊም ክማሓየሹ ኣለዎም።

## ልምምድ ዓሰርተ ኣርባዕተ
## ተራ ምጽዋት

**ግዜ፡ ብውሑዱ 20 ደቒቕ**

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡***

*ተራ ምጽዋት ማለት ናይ ኣምሰሉ ልምምድ ኰይኑ፡ ተሳተፍቲ ኣብ ውሁብ ኩነት ተራ ወሲዶም ንተመሳሳሊ ኩነት ኣብ ምግጣም ወይ ዝሓለፈ ጉዳይ ኣብ ምግምጋም ዝገብርዎ ምድላው እዩ። ተራ ምጽዋት ናይ ታክቲክ ስምዒት፡ ውልቃዊ ብቕዓትን ናይ ጒጅለ ውህደትን ንምምዕባል የገልግል። ምስ ካልኦት ብምንጽጻር፡ ቀንዲ ረብሓ ናይ ተራ ምጽዋት፡ ብባህሪኡ ናይ ሰባት ስሚዒታትን ብልሕን ኣብ ተመኵሮኦም ዝሓዘ ምዃኑ'ዩ። ተራ ምጽዋት ካብ ኣብ ኲነታት ምዝርራብ ንላዕሊ ተሳተፍቲ ዝያዳ ብዕምቆት ስለዝዋስኡ፡ ምናልባት'ውን ብዝያዳ ቅልጣፈ ይመሃሩ። ተራ ጸዋታት ኣብ ኩሉ ክኣትዉ ዝኽእሉ ምዃኖም፡ ንብዙሓት ዝተፈላለዩ ዕማማት ከገልግሉ ይኽእሉ፡ ንኣብነት.. ኣብ ምትንታን ኲነታት፡ ክለሰ-ሓሳባትን ታክቲካትን፡ ንህዝብን ተርኡን ንምርዳእ፡ ናይ ሰብ ነገርካ ሓሳባቶምን ስምዒታቶምን ንምርዳእ ምምዕባል፡ ንሓደስቲ ኲነታት ምትንባይ፡ ሰባት ብዛዕባ ተግባር ዘለዎም ፍርሒ፡ ሻቕሎትን ካልኦት ስምዒታት ንምግሃድ፡ ናይ ውልቅን ጒጅለን ብሉጽነትን ርእሰ-ታኣማመንነትን ንምምዕባልን ናይ ጒጅለ ሞራል ክብ ንምባል የገልግሉ።*

**ብኽመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡**

ሽሕኳ ተራ ምጽዋት ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ብዙሓት ተሳተፍቲ ዝሓዘ ክኸውን እንተኻኣለ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ንምለእ ተግባር ዘይኰነስ ንውሱን ኩነታት ከርኢ ዝዳሎ እዩ። እቲ ጕጅለ ንተግባር ንኽዳሎ እንታይ ክለማመድ ኣለዎ? ኢልካ ኣብ ግምት የእቱ።

(ዘድልዩ ተራታት ንምውሳን ‘ተራታት ኣብ ቅድሚ፡ ኣብ ግዜን ድሕሪ ሓደ ተግባርን’ ዝብል ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ተመልከት)።

መድረኽ ኣዳሉ፡ ብዙሕ ግዜ ብውሑድን ኣዝዮም ቀለልቲ ነገራት መድረኽ ብምድላው ንተራታት ባህርያት ምልባስ፡ ኵሎም ተሳተፍቲ ነቲ ተራ ምጽዋት ዝካየደሉ ቦታ ቅርጻዊ ኣሰራርዓ ይርድእዎ። ንተሳተፍቲ ኣብ መድረኽ ንኽራኣዩ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ምኽንያትን ኣድላይነት ናይ ተራ ዘጠቓልል መግለጺ ሃቦም። ነቶም ሰባት ኣብ ተረኦም ንኽኣትዉ፡ እንተድኣ ብጕጅለ ኰይኖም ድማ ምናልባት ታክቲካት ክሕንጽጹ ውሑዳት ደቓይቕ ሃቦም። እቲ ተራ ናይ ምጽዋት መዓስ ከም ዝጅምርን ከም ዝውድእን ኑጹር ይኹን። ኣብ’ቲ ዝተዋህቦም መድረኽ ጸወታኦም ክጅምሩ ንተራ ተጻወቲ ሕተቶም።

እቲ ዝበለጸ እኹላት ኣገደስቲ ጉዳያት ምስ ተቓልዑ፡ ነቲ ናይ ተራ ጸወታ ደው ምባል እዩ። ዓላሚ/ዓለምቲ ኣብ ተሳተፍቲ ኣካላዊ ወይ ስሚዒታዊ መጉዳእቲ ከይብጽሕ ብዝከኣል ክከላኸል ኣገዳሲ እዩ። እንተድኣ እቲ ኩነታት ንተሳተፍቲ ኣብ ሓደጋ ዘውድቖም ኰይኑ፡ ነቲ ናይ ተራ ጸወታ ብቕጽበት ድው ምባል ይግባእ።

ድሕሪ ናይ ተራ ምጽዋት ደው ምባል፡ ተሳተፍቲ ሓጺር ዕረፍቲ ሃቦም። ብድሕሪኡ ገምጋም ጀምር። እዚ ኣገዳሲ ኣካል ናይ ልምምድ ተራ ምጽዋት እዩ። ብዙሕ ግዜ ንተሳተፍቲ ኣብ ግዜ ናይ ተራ ምጽዋት ዘጋጠሞም ስሚዒታት ንኽካፍሉ ብምፍቃድ ምጅማር ኣገዳሲ እዩ። እንተዘይኰይኑ ግን ነብሲወከፍ ንብምሉኡ ነቲ ተራ ምጽዋት ክርእዮ ይኽእል፡ ናይ ንጥፈታት ኣዝዩ ሓጺር ጽሟቕ ንኽህልወካ ይሕግዝ። ተሳተፍቲ ኣብ ግዜ ልምምድ ዝተማህርዎ ከካፍሉ ይኽእሉ። ተዓዘብቲ ብዛዕባ እንታይ ኰይኑ፡ ኣየናይ ብጽቡቕ ነይሩ፡ ኣበየናይ ምምሕያሽ ይደሊ፡ ኣየናይ ንጭንቀት ኣቐላጢፍዎ ኣግዲድዎ ወይ ኣጉዲልዎ፡ ወ.ዘ.ተ  ሓሳባቶም ከካፍሉ ይኽእሉ።

ናይ ገምጋም ስምዒት ፍጠር፡ ንተሳተፍቲ ስሚዒታቶም ወይ ጭንቀታቶም፡ ብዛዕባ ታክቲካት፡ እስትራተጂ፡ ዕላማታት፡ ዘይጎነጻዊ ክልሰ-ሓሳባትን ኣጠቓቕምኡን እንታይ ተማሂሮም ወይ እንታይ ተዓዚቦም፡ ንኽካፍሉ ሓግዝ። ተሳተፍቲ ክሳብ ክንደይ ነቲ ተራ ‘ብጹቡቕ’ ተጻዊቶሞ\ ዝብል ገምጋም ኣይተታባባዓዮ። ንዝኾነ ዉሁብ ኩነታት ሓደ

'ቅኑዕ' መልሲ የብሉን፡ ሰለዚ እቲ ጉጅለ ንኹነታት ክፈትሕ ሓሳባቱን ኣማራጺ ፍታሓትን ንኽገልጽ ምሕጋዝ ኣገዳሲ እዩ። ንሓጺር ናይ ተራ ጸወታ፡ መብዛሕትኡ እዋን ዕስራ ደቒቕ እኹል እዩ። ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ካብ ዝርርብ ምቕጻል፡ ካልእ ተራ ጸወታ ብምጅማር ብጉጅለ ኣብ ገምጋም ዝመጹ ኣማራጽታት ንኽፍትኑ ስለ ዘኽእሎም ሓጋዚ እዩ። ነዚ ንምግባር ሓደ ሜላ ኣብ ሓደ መሰረታዊ ዛንታ ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ምድግጋም ወይ ሓደሽቲ ተራታት ብምምጻእ ነቲ ኩነታት ምቕያር፡ ከም'ኒ ፖሊስ ወይ እኩብ ግብረ-መልስታት።

ሓደሽቲ ጉዳይት ምስ ዝላዓሉን ተሳተፍቲ ንግድላትን ኣማራጽታትን ምስ ዝፍትሹን ጥራሕ እዩ ገምጋም ክቕጽል ዘለዎ።

## ልምምድ ዓሰርተ ሓሙሽተ
## ናይ መስቀል ዝርገሐ

**ግዜ፡ ብውሕዱ 20 ደቒቕ**

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡***

- *ንጉጅለ ውጺኢታዊ ዘይጎነጻዊ ተግባር እንታይ ምዃኑ ንኽውስኑ ንምሕጋዝ።*
- *ዝተፈላለዩ ግንዛበታት ናይ ዘይጎነጻዊ ንምርኣይ።*
- *ጉጅለ ዝሰማማዓሉ ፍሉይ እማመ ንውጺኢታዊ ዘይጎነጻዊ ተግባር ምፍታን ወይ ምዕባይ።*

**ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡**

*ኣባላት ጉጅለ ደው ክብልሉ ዘኽእሎም ነዊሕ መስመር ዘለዎ ኣብ ባይታ ብመጣበቒ ዓቢ መስቐል (+) ስራሕ። 'ዘይጎነጻዊ' ከምኡ'ውን 'ጎነጽ' ኣብ መወዳእታት ናይ ሓደ ኣንጻር መስመር፡ ከምኡ'ውን 'ውጺኢታዊ' 'ዘይውጺታዊ' ኣብ'ቲ ካልእ መወዳእታት ኣንጻር መስመር ጻሓፍ። (ኣብ ክንዲ መጣበቒ ትጥቀም፡ እቶም ቃላት ኣብ መወዳእታ ናይ ኣርባዕቲኡ ወገናት ኣብ ወረቐት ክትገብሮም ትኽእል።) ክኸውን ዝኽእል ናይ ተግባር ንድፊ ኣቕርብ፡ ነቶም ሰባት ኣብ'ቲ ንስሚዒቶም ክውክል ዝኽእል መስመር ዘለዎ ቦታ ደው ክብሉ ምሕታት፡ (ኣብነት.. ዘይጎነጻዊ ግን ውጺኢታዊ ዘይኰነ)። ንገለ ካብ'ቶም ሰባት ስለ ምንታይ ኣብ'ቲ ዘለውዎ ደው ከም ዝበሉ ንኽገልጹልካ ሕተት። እቶም ሰባት እንተድኣ 'ተንቀሳቒሶም' መርገጺኦም ከም ዝቐየሩ ክፈልጡ ምግባር።*

እንተድኣ ዕማም ናይ'ዚ ልምምድ ንገለ ኩነታት ውጺኢታዊ ዘይጎነጻዊ ተግባር ንምፍጣር ኮይኑ፡ ንሰባት ናብ ዘይጎነጻውን ውጺኢታውን ኩርናዕ ዘንቀሳቕሶም ርእይቶታት ናይ ተግባር ንድፊ ምጥቃም። ኣብ ዝርርብኩም ሰባት ንተግባራት ዝያዳ ውጺኢታውን ዘይጎነጻውን ንኽኸውን ኣድለይቲ ኢሎም ዝፈልይዎም ዝርዝር ምስራሕ፡ (ኣብነት.. ንኹሎም ተሳተፍቲ ምዕላም፡ ዋሓለ ናይ መራኽቢ-ብዙሓን ስራሕ ወ.ዘ.ተ)። እንተድኣ እቲ ዕማም ኣብ ዘይጎነጻዊ ዝተፈላለዩ ግንዛበታት ንምርኣይ ኮይኑ፡ (ካባኹምን ካብ ተሳተፍቲ ነገዛእ ርእሶም) ዝተፈላለይ ሰፊሕ ናይ ተግባር ንድፍታት ሓሳባት ምቕራብ።

ነቲ ጕጅለ ብዛዕባ ውጺኢታውን ዘይጎነጻውን ብዕምቀት መታን ክሓስብ ሕቶታት ኣቕርብ። ኣብ ዕማም ናይ ልምምድ ብምሙርኳስ፡ ሰባት ብዛዕባ ተግባራት ከመይ ይስሞዖም ንምርኣይ፡ እዚ ልምምድ ብውሑድ 20 ደቓይቕ ክካየድ ይኽእል፡ ክሳብ ኣዕጋቢ ንድፊ ዘይጎነጻዊ ተግባር ዝምዕብል፡ እቲ ግዜ ክናዋሕ ይከኣል፡ እንተድኣ እቲ ዕላማ ንሱ ኮይኑ። ፡ እዚ'ውን ምስ ናይ ሓንጎል-ማዕበል ኣታሓሒዝካ ምጥቃም ጽቡቕ ልምምድ እዩ።

## ልምምድ ዓሰርተ ሽዱሽተ
## ናይ መድርኽ ተዋስኦ

**ግዜ፡ ብውሑዱ 45 ደቒቕ**

***ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡***
*ኣማራጽታት ንምምዕባል፡ ዝተፈላለዩ ናይ ተግባር ንድፍታትን ኣማራጽታት ምድህሳስ።*

***ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡***
*ናይ መድረኽ ተዋስኦ ሓደ መልክዕ ናይ ተራ ምጽዋት ኮይኑ፡ ንናይ ህዝቢ ተግባር ከገልግል ይኽእል። (ናይ 'ቱርኪ፡ምህናጽ ዘይጎነጻዊ ባህሊ': ኣብ ምዕራፍ ሸውዓተ ተመልከት)። እቲ መሰረታዊ ሓሳብ ካብ ናይ ተግባር ንድፊ ወጺእኻ ምውሳእ እዩ፡ ምናልባት ናብ ዘይድሊ መደምደምታ ወይ ጎነጽ ብምምራሕ፡ ብድሕሪኡ ተመሊስካ ካብ ንድፊ ወጻኢ ክትዋሳእ ምጅማር። ኣብ'ዚ ግዜ ግን ካብ ተሳታፋይ ኣብ ተራ ምጽዋት ወይ ድማ ዝኾነ ተዓዛቢ 'ደው በል"! ክብል ይኽእል፡ ነቲ ኣብ ንድፊ ዘሎ ተራ ብምትካእ ገለ ዝተፈልየ ነገር ክፍትን ይኽእል።*

**ሓጺር ኣብነት ናይ መድረኽ ተዋስኦ**

**ዛንታ**፡ ኣንጻር ጕጅለኹም ዝተገብረ ጎነጽ ከሰምዑ ክልተ ኣባላት ናይ ጕጅለኹም ናብ ናይ መንግስቲ ባዓል ስልጣን ይኸዱ። ንተሓባበርቲ ጕጅለኹም ፖሊስ ድዩ ካልእ ኣጥቂዕዎ ንጹር ኣይኮነን። ቅድሚ ናብ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ባዓል ስልጣን ምኻድ፡ ነቶም ናይ ጕጅለ ኣባላት ብዛዕባ እቲ መጥቃዕቲ እንታይ ዓይነት ስነዳ ኣለዎም ከምኡ'ውን እንታይ እዮም ክዕወቱ ዝደልዩ ንኽውስኑ ሕተቶም። ነቲ ባዓል ስልጣን ኰይኑ ዝሰርሕ ሰብ ገለ ኣራኢያታት ክወስድ ሕተቶ፡ (ካብ ሓፈሻዊ ተደናጋጻይ ክሳብ ናይ ኣምስሉ፡ ንባእሲን ጸረ-መጥቃዕትን ንምዝሓል ንነገራት ብዕቱብነት ክትሕዞ/ክሕዞ ዝሓዘ) ከምኡ'ውን ዕላማ (ከም'ኒ ንጕጅለ ጸጥ ክብሉ ምድላይ ወይ ብዛዕቦኦም ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ምፍላጥ)። ነቲ ባዓል ስልጣን፡ ነቲ ርክብ ምስ ገለ ዘራጊ ዝኾነ ነገር ንኽጅምሮ ሕተቶ/ታ፡ ከም'ኒ ነቲ ተበግሶ ባዕሉ/ባዕላ ብምውሳድ (ብውሑድ ግዜ ከም ዘይብሉ/ላ ምንጋር፡ ምናልባት'ውን ናይ መንነት ካርዲ ክርእዩ ክሓትት/ክትሓትት)። ገለ ዕርክነታዊ ወይ ኣፍራሒ ነገር ክገብር/ክትገብር ኣብ ግምት ከእትዎ/ከተእትዎ የድሊ። (ዕርክነታዊ ክበሃል ከሎ ናይ ቀደም ታሓላቕነት ናይ መንእሰይ ዕድመ ትዝታ ወይ ምስ ገለ ስድራ ቤት ናይ ጕጅለ ኣባላት ዕርክነት ከም ዘለዎ/ዋ፡ ዘፍርሕ ዝበሃል ብዛዕባ ውልቃዊ ሂወት ናይ ጕጅለ ኣባላት ፍልጠት ከም ዘለካ/ኪ ምርኣይ እዩ)።

**ካስት 2-4 ኣባላት ናይ** ጕጅለ፥ 1 ብዓል ስልጣን፡ 1 ናይ ብዓል ስልጣን ተቐባሊ።

**ተራ ምጽዋት**፡ ነቲ ናይ ተግባር ንድፊ ብምሉኡ ኣጻውቶ። እቲ ጕጅለ እንደገና ከጻውቶ ከሎ፡ ነቲ ጉጀለ ሓደሽቲ ብዶሆታት ንኽላልዮም ነቲ/ታ ባዓል ስልጣን ሕተቶ/ታ። እንተድኣ ክፍትንዎ ዝደልዩ ሓዲሽ ሓሳብ ኣለዎም ኰይኑ፡ 'ደው በል' ብምባል ነቲ ቦታ ሓደ ካብቶም ጕጅለ ክትክእዎ ከም ዝኽእሉ ኣዘኻኽሮም።

**ናይ መዘራረቢ ነጥብታት**፡ እቶም ርትዓውያን ዕላማታት ናይ ጕጅለ ኣባላት ኣየኖት'ዮም ነይሮም? ኣብ'ቲ ኩነታት ነቲ ተበግሶ ብኸመይ ክወስድዎ ኪኢሎም? ብዛዕባ ጕጅለን ኣባላቱን ክሳብ ክንደይ ከቃልዑ ደልዮም? ንኻልኦት ናይ ጕጅለ ኣባላት ወይ ስድራ ቤቶም ኣብ ሓደጋ የውድቑዶ ነይሮም? እንተድኣ ነቲ ባዓል ስልጣን ኣእሚኖም ገለ ነገር ክገብር መብጻዓ ኣእትዮሞ፡ ብኸመይ ናብ ስምምዕ ከትርርዎን ክትግበር ምኽኑ የረጋግጹ? ብኸመይ ነዚ ምብጻሕ ብዝሓሸ መገዲ ክዳለውሉ ምኻኣሉ ነይሮም?

## ልምምድ ዓሰርተ ሸውዓተ
## ሜላታት ኣብ ምድልዳል፡ ምክልኻልን ምዕጋትን

**ግዜ፡ ንነፍስወከፍ 10 ደቒቕ**

**ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡**
ንገዛእ ርእስኻን ንካልኦት ኣብ ጒጅለኻ ዘለዉ ንምክልኻል፡ ንኹነታት ኣብ ምቅላልን ክሕግዙ ዝኽእሉ ሜላታትን ምምሃር።

**ብኸመይ ይግበር/ናይ ኣሳለጥቲ ነጥብታት፡**

- **ምምእካል፡** ምስ ትምእከል፡ ህዱእ፡ ርጉእ፡ ኣብ ህሉው ግዜ ምህላውን ብኣካላዊ ወይ ብስሚዒታዊ ሚዛንካ ክትሕሉ ከቢድ ይኾነካ። ኣብ ከባቢኻ ንዘለዉ'ውን ናይ ህድኣት ምኽንያት ክተከውን ትኽእል። ንገዛእ ርእስኻ ንምምካል፡ ኣብ ማእከል ስሕበትካ ኣተኩር:። እሱ ድማ ኣብ ውሽጢ ኣካላትካ ኣብ ትሕቲ ሕምብርቲኻ'ዩ ዘሎ። ሕርቃን ወይ ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ ክትኣቱ ኰለኻ፡ ነብስኻ ደው ንምባልን ምስ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሓይሊ እንደገና ርክብ ክትገብር፡ ኣብኡ ኣቶኩር።
- **ናብ ኣጥቃዒ ምምልካት፡** ነብሲወከፍ ኣብ'ቲ ከባቢ ዘሎ ሰብ ኰፍ ንኽብል ብምግባር፡ ዝረአ ጎነጽ ክትገብር ትኽእል፡ እቶም ኣጥቃዕቲ ክይሓሰብዎ ንኩሉን መራኸቢ ብዙሓትን ይራኣዩ።
- **ኣብ ርእሲ ርእሲ ምዃማር፡** ኣዚ ዝኾነሉ ኣብ መሬት ኰይኑ ንዝጥቓዐ ዘሎ ሰብ ንምክልኻል እዩ። ሓደ ሰብ ተምበርኪኹ ኣብ ልዕሊ እቲ ግዳይ ብኣካላቱ መከላኸሊ (ዕርዲ) ይገብር፡ ካልኦት ኣብ'ቲ መከላኸሊ ይኹመሩ። ኣብ'ዚ ነቲ ዝተሃርመ ሰብ ዘይምጭፍላቕ!
- **ኣብ መንጎ ገበን ዝፍጽሙን ሰላማዊ ሰልፊ ዝገብሩን ምእታው፡** ጻዕዳ ኢድካ ብምዝርጋሕ ከም ዝረአ ግበሮ፡ ነቶም ዘጥቅዑ ዘለዉ ዘይምትንካፍ፡ ወይ ብውሑዱ ኣይትሓዞም/ዘን። ኣብ መንጎ ብምእታውካ ጥራሕ መብዛሕቱ ግዜ ነቲ መጥቃዕቲ ደው ንምባል እኹል ክኸውን ይኽእል። ነቲ ዘጥቅዕ ዘሎ ብድፍረት ተዛረቦ።
- **ንገበን ዝሰርሕ ብ (U) ምኽባብን ምብራርን፡** ኣብ መንጎ ኣጥቃዕትን ሰላማዊ ሰልፊ ዝገብሩን ብብዝሒ ሰባት ብምኳን (U) ቅርጺ ኣብ ዙሪኡ ብምፍጣር ነቲ ገበን ክፍጽም ዝክእል ምኽባቡን

ምብራሩን። ነቲ ዘጥቅዕ ዘሎ ሙሉእ ብሙሉእ ዘይምኽባቡ፡ ናይ 'መውጺኢ' ቦታ ከም ዘለዎ/ዋ ኣረጋግጽ። ነዚ ክትገብር ኹለኻ፡ ምስ'ቲ ዘጥቅዕ ዘሎ ሰብ ብድፍረት ተዛረብ።

- **ብዙርያ ናይ (O) ምኽባብን ንሰላማዊ ሰልፊ ዝገብሩ ምስሓብን፡** ነቲ ዝህረም ዘሎ ሰልፈኛ ብዙርያ ምኽባብን ናብ'ቲ እኩብ ምምላስን።
- **ኣብ መንጎ ዝጻረሩ ጒጅለታት/ክፋላትን መስመር ምስራሕ፡** ብርክኻ ብምዝናይን ከይኣሰርካን፡ መንኰብካ ዘርጊሕካ ደው ምባል። እቲ ክትሰርሖ ዝግባኣካ መስመር ክሳብ ክንደይ ሓያል ምዃኑን ናይ ዝተፈላለዩ ኣብነታት ናይ መስመራት ዝተፈላለዩ ጽልዋታት ከም ዘለዎም ኣስተውዕል፡ ንኣብነት.. ተፈላሊኻ ደው ምባል፡ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝካ፡ ብናይ ኩርናዕ ኢድ ተተሓሒዝካ፡ ብጉንቦ ኢድካ ተታሓሒዝካ።
- **ኣብ ቦታኻ ኣትሪርካ ምሓዝ፡ ንኣብነት..** ኣብ ምዕጋት ንገዛእ ርእስኻ ኣብ ማእከል ብምግባር ሱርካ ኣብ ውሽጢ መሬት ስደዶ፡ ነገዛእ ርእስኻ ፍሱህን ዝግ ዝበልካን ምዃንካ ይሰማዕካ።

**ካልኦት ዓይነታት**

- ኣብ ሪጋ ኰፍ ምባል፡ ኣብ መወዳእታ ገዘፍቲ ሰባት ምቕማጥ
- ኣብ ክቢ ኰፍ ምባል፡ የእዳውካ ኣብ መንጎ ይእጋርካ ብምትሕልላፍ ኣትሪርካ ሕዞም። ኣብ'ዚ ነንሕድሕድኩም ብምርእኣይ ናይ ስሚዒታዊ ምድግጋፍ ክትዋሃሃቡ ትኽእሉ። ኣብ ድሕሬኹም እንታይ ይግበር ኣሎ ንምፍላጥ ነንሕድሕድኹም መጠንቀቕታት ከም ዘለኩም ምርግጋጽ።
- ብጒጅለታት ኰፍ ምባል፡ ምስ ኣብ ቅድሜኹም ዘሎ ሰብ የእጋርኩም ኣዙርዎ፡ ናብኡ ብምጽጋዕ የእዳውኩም ኣብ ኣፍ ልቢ ናይ'ቲ ሰብ ኣቐምጥኩም ርእስኹም ኣድንኑ።
- ናይ ርእሰ-ምክልኻል ኣቀማምጣ፡ ብየእዳውኩም ንነብስኹም ንምክልኻል፡ መጀመርያ የእዳውኩም ብሓባር ብልስሉስ ጨርቂ ኣብ ጉንዲ እዝንኹም ግበርዎ፡ ኣብ ባይታ ብደይ ንቡር ኵነታት በየማን ብምጥቕላል ንጸላም ከብድኹም ምሕላው። ዋላ'ኳ ኩሊትካ ተነቃፊ እንተኾነ፡ እቶም ቀንዲ ኣካላትን ርእስን ይሕለዉ።

## ልምምድ ዓሰርተ ሸሞንተ
## ዝርገሐ/ባሮሜትር (መዐቀኒ)

**ግዜ፡ ንነፍስወከፍ ሓሳባት 10 ደቒቕ፡ ኣገዳሲ እንተኾይኑ ድማ ዝያዳ፡ እንተድኣ ናይ ሓባር ስምምዕ ኣሎ ውሑድ ግዜ።**

**ዕላማ ወይ ዕማም ናይ ልምምድ፡**

ኣባላት ናይ ጕጅለ ብመስመር ክጸንሑሉ ዘኽእሎም ቦታ ምረጽ። ሓደ ጫፍ ናይ'ቲ ዝርገሐ 'ንስምምዕ' ይውክል፡ እቲ ካልእ መወዳእታ ድማ 'ዘይምስምማዕ'፡ (እዞም ቃላት ከም መዘከሪ ኣብ'ቲ መወዳእታ ክልጠፉ ይኽእሉ)። ብሓደ ወይ ክልተ ሙሉእ ሓሳባት ንጹር መልእኽቲ ኣቕርብ፡ ነቶም ሰባት ድማ ኣብ'ቲ ንስሚዒቶም ዝውክል ዝረጋሐ ደው ክብሉ ምሕታት። ዝተፈላለየ ኣራእያ እምበር 'ሓቂ' ወይ 'ጌጋ' መልሲ ዝበሃል ከም ዘየለ ንጹር ምግባር፡ ስለዚ ነንሕድሕድካ ምድምማጽን ናይ ነብሲወከፍ ኣማላኻኽታ ንምርድዳእ ምፍትን። ገለ ካብ'ቶም ሰባት ስለምንታይ ኣብኡ ደው ከም ዝበሉ ንኽገልጹ ምሕታት፡ ሰባት በቲ ዝሰምዑዎ 'ክንቀሳቐሱ' ከም ዝኽእሉ ምግላጽ። ናይ ምምይያጥ ግዜ ኣፍቅድ።

እንተድኣ ስምምዕ ዘድሊ ኰይኑ፡ እሞኻኣ ገፊሕ ዘይምስምማዕ ኣሎ (ኣብነት..መምርሕታት ንዘይጎነጻዊ)፡ ካብ ሓዲኦም መወዳእታ ናይ ዝርገሐ ዘለዉ ውሑዳት ሰባት ብሓደ ክኾኑ ብምሕታት፡ ናብ ስምምዕ ንምብጻሕ ተስፋ ብምግባር፡ ነቲ መግለጺ እንደገና ክጽሕፍዎ እንተዝኽእሉ ኰይኖም ምርኣይ።

**ናይ ጽሑፋት ኣብነታት**

- ውልቀ መትከላት ናይ ዘይጎነጻዊ ተግባርን
- ውልቀ መምሪሒታት ናይ ዘይጎነጻዊ (ኣብ ምዕራፍ ሓምሽተ ተመልከት)።

# 9
# ባዕልኻ ግበሮ!

## መወከሲ-መጽሓፍ ምድላው

እዚ ኣህጉራዊ መወከሲ-መጽሓፍ ሰለዝኾነ፡ ብዙሓት ጕጅለታት ናይ ገዛእ ርእሶም መወከሲ-መጽሓፍቲ ንምድላው ጽሑፋት ከም ዝትርጉሙ ንፈልጥ። እንተድኣ ናይ ገዛእ ርእስኹም መወከሲ-መጽሓፍ ክተፍርዩ ትሓስቡ ኣለኹም፡ ኣብ'ዚ ገለ ሓገዝቲ ሞኽሹሻት ኣለዉ።

መጀመርያ፡ ብዛዕባ ዕላማታትካን ነቲ መወከሲ-መጽሓፍ እተውጻኣሉ ብዝሒ ናይ ዓቕሚ ንጹር ምኽንን የድሊ። (ኣብ ታሕቲ ኣብ 'ዕላማታትን' 'ትሕዝቶን' ዝብል ሕቶታት ተመልከት)። እቲ ካልእ ኣገዳሲ መዳይ ድማ ነቲ ከተዳልዎ ዝደለኻ መወከሲ-መጽሓፍ ፍሉይ ክገብሮ ዝኽእል ነገር ምሕሳብ።

ቅድሚ ምጅማር ናይ መወከሲ-መጽሓፍ መደብኩም፡ ሓገዝቲ ዝኾኑ ዝርዝር ሕቶታት ኣብ'ዚ ቀሪቦም ኣለዉ።

### ዕላማታት

- እቲ ቀንዲ ምኽንያት ንመወከሲ-መጽሓፍ እንታይ እዩ?
- እቲ መወከሲ-መጽሓፍ ንመን እዩ?
- ነቲ መወከሲ-መጽሓፍ ብኸመይ ክትጥቀምሉ ትደልዩ?
- ኣብ'ቲ መወከሲ-መጽሓፍ እንታይ ከተጠቓልሉ የድልየኩም?
- ነቶም ዘለዉ መወከሲ-መጽሓፍቲ ሪኢኽሞም ዲኹም? ዘይፈተኽሞም ወይ ዘይጠኞሙ ኰይኖም ዝረኸብክሞም ኣየኖት'ዮም?

### ትሕዝቶ

- ኣየኖት ኣርእስትታን ቴማታትን ከተጠቓልሎም ትደሊ?
- ነቲ መወከሲ-መጽሓፍ ብኸመይ ክትሰርዖ ትደሊ?
- መወከሲ-መጽሓፍኩም ክሳብ ክንደይ ነዊሕ ክኸውን እዩ?
- ሓደሽቲ ጽሑፋት ጥራሕ ዲኹም ትጥቀሙ ወይስ ዝጸንሑውን?
- መንዩ ነቶም ዝጸንሑን ሓደሽቲ ዝጻሓፉ ዝመርጽ?
- ነቲ ስራሕ ዝኸውን ናይ ግዜ ሰሌዳ ክንደይ እዩ?

- እቲ መወከሲ-መጽሓፍ ብኸመይ ክትጥቀመሉ የድሊ? ሰባት ነቲ ዝምልከቶም ምዕራፍ ከንቡቡ ጥራሕ ዲዩ ዝኽእሉ ወይ ነቲ መወከሲ-መጽሓፍ ብሙሉኡ ከንብብዎ የድልዮም?

**መፍረ**

- ነቲ መወከሲ-መጽሓፍ ብኸመይ ናይ ገንዘብ ደገፍ ትገብርሉ?
- ክትሸጥዎ ዲኹም ወይስ ብነጻ ክትዕድልዎ ኢኹም ትደልዩ?
- ናይ ምዝርጋሕ ዓቕሚ ከመይ ክኸውን'ዩ?
- ኣይናይ ዓይነት ኣጻሓሕፋ ኢኹም ትደልዩ (ኣብነት..ናይ ወረቐት ርጉዲ፡ ናይ ገራፊክ ቅድታት)?
- ነቲ መወከሲ-መጽሓፍ ብኸመይ ትግምግምዎ?

## 10

# ትርጉም ናይ ዝኾነ ቃላት

- **ናይ መቕርብ ጉጅለ**

ካብ 5 ክሳብ 15 ሰባት ዘለውዎ ርእሱ ዝኻኣለ ጉጅለ፡ ናይ ጉጅለ ኣባላት ነንሕድሕዶም ናይ መቕርብ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብሓባር ኣብ ዘይጎነጻዊ ጎስጓስ ተሳትፎኦም (ወይ ንምስታፍ ኣብ ዝህቅንሉ) ናይ ነንሕድሕዶም ሓይልን ድኽመትን ዝፋለጡን ዝደጋገፉን ማለት ኮይኑ፡ እቲ ጉጅለ ብዛዕባ ተግባር ብሓባር ውሳነ ይገብር።

- **እብያ**

ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ወይ ፖለቲካዊ ዘይምትሕብባር።

- **ናይ ሓበሬታ ካርድ**

ኣብ ግዜ ተግባር እንተድኣ ፖሊስ ደው ኣቢሎምኻ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ለበዋታት ዝሓዘ ኣብ ጅባ ክታሓዝ ዝኽእል ናይ መምርሒ ወረቐት።

- **ጎስጓስ**

ንፍሉያት፡ ዝተነጸሩ ዕላማታት ንምዕዋት ኣብ ነዊሕ ግዜ ዝካየዱ ተኸታታሊ ንጥፈታትን ተግባራትን። ጎስጓስ ሓባራዊ መረዳእታን ራኢን ዘለዎም፡ ንዕላማታት ብምልላይ መስርሕ ናይ መጽናዕቲ፡ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንጥፈታትን ተግባራት ዝተጸምዱ ቀጽሪ ተሳተፍቲ ንምሕያልን ንምዕባይን ዝኽእል ታዕሊም ብምጅማር ይብገስ።

- **ሲቪላዊ ዘይምእዛዝ**

ናብ ኣካላዊ ጎነጽ ከይኣተኻ ንገለ ሕግታት፡ ጠለባት ወይ ትእዛዛት ናይ መንግስቲ ወይ ወራሪ ሓይሊ ብንጥፈት ምንጻግ። እዚ ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ታክቲካት ናይ ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ'ዩ።

- **ምፍታሕ ምስሕሓብ**

ንተጻረርቲ ኣራእያታት፡ ዛንታት፡ ወይ ተመኩሮታት ብምትዕራቕ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምዕባይን ምክልኻልን ናይ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ሰብኣዊ መሰላት ዝግበር ስርሓት ምውሳን።

- **ናይ ሓባር ምሕላፍ ውሳነ**

መስርሕ ናይ ውሳነ ምሕላፍ ናይ ነብሲወከፍ ዕላማታት ኣብ ግምት ዘእተወ ኮይኑ፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ መስርሕ ኣብ ዝተኣመሙ መፍትሒ ይማዕራረ። ኣብ ምድምማጽ፡ ምክብባርን ተሳትፎ ናይ ነፍስወከፍ ዝተመስረተ'ዩ። ናይ ሓባር ምሕላፍ ውሳነ ካብ ናይ ኣብዛሓ ምሕላፍ ውሳነ - ብዙሕ ግዜ ናብ ናይ ስልጣን ቃልሲ ኣብ መንጎ ክልተ

ዝተፈላለዩ መፍትሕታት ዘምርሕ ብዓቢ ይፈላለ።

- **ሃናጺ መደብ**

ኣብ ልዕሊ ዝኣረገ ስርዓት መስርሕ ህንጸት ሓድሽ ሕብረተሰበ። ከም'ቲ ሮበርት ቡሮውስ ዝገለጾ፡ 'ሃናጺ መደብ ንሓደ ውልቀ-ሰብ ኣብ ውሽጡ ሓይሊ ብምውሳኽ ዕቤት ናይ ውልቃዊ መንነት፡ ርእሰ-ምርኰሳን ዘይምፍራሕን ማለት ክኸውን ከሎ፡ ንማሕበረሰብ ግን ምፍጣር ሓድሽ ናይ ፖለቲካ፡ ማሕበራውን ቁጠባዊ ዝምድናታት ማለት'ዩ'። እንተድኣ ፖለቲካዊ ሰውራ ተኻይዱ፡ እቲ ህዝቢ ግን ንርእሰ-ውሳነ ከይተወደበ ጸኒሑ፡ ሓድሽ ሕብረተሰብ ንኽትፈጥር ኣዝዩ ከቢድ'ዩ፡ በዚ ድማ ብዙሕ ግዜ ሓድሽ ሓይሊ ምልኪ ከም ውጺኢት ክላዓል ጸኒሑ።

- **ምትሕትታት**

ድሕሪ ተግባር ወይ ናይ ታዕሊም ተመኩሮ፡ ኣባላት ጕጅለ ዝተሞኰርዎን፡ ዝተሰሞዖምን ዝተማህርዎን ዝካፈልሉን ከምኡ'ውን ብኸመይ ነቶም ዝተማህርዎም ኣብ መጻኢ ክሕግዝዎም ከም ዝኽእሉ ሓሳባት ዝላዋወጥሉ መስርሕ'ዩ።

- **ቀጥታዊ ተግባር**

ዝኾነ ተግባር ኰይኑ፡ ውልቀሰባት ወይ ጕጅለታት ብገዛእ ርእሶም ካልኦት ኣብ ክንድኦም ኰይኖም ንኽትግብሩ ከይሓተቱ ወይ ከይተጸበዩ ብቀጥታዊ ተግባር ለውጢ ከምጽኡ ምፍታን። ኣፍቃሪ ንኩለር ዝኾነ ስብከት ምቁራጽ ቀጥታዊ ተግባር'ዩ፡ ጥርዓን ብዛዕባ እቲ ስብከት ናብ ቀመስ ኣቡን ምጽሓፍ ግን ዘይቀጥታዊ ተግባር ይኸውን። ክልቲኡ ነቲ ጉዳይ ንምልዓል ውጺኢታዊ መገዲ ክኸውን ይኽእል።

- **ምሕያል**

ንሰባት ብዛዕባ ጋዛእ ሂወቶም ዝያዳ ምቁጽጻር ክህልዎም ምድጋፍ። ምሕያል ጥበባት ኣብ ምኽሳብ (ወይ ናይ ጋዛእ ርእስኻ ጥበብን ፍልጠትን ምህላው)፡ ርእሰ-ተኣማማንነት ኣብ ምጕልባት፡ ከምኡ'ውን ምምዕባል ርእሰ-ምርኰሳ ከጠቓልል ይኽእል።

- **ምስላጥ**

ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ጕጅለ ስሪዒታት ትጥቀመሉ፡ ነቲ ተግባር ናይ'ቲ ሰብ ንምግላጽ (ኣሳላጢ) ንብል። ተርኡ፡ ኣብ ናይ ጕጅለ መስርሓት ርክባት ብዉሕሉል ከም ዝተኻየዱን Dear

ደረጃ ናይ ሓባር ምርድዳእ ዕውታት ምህላዎም ምርግጋጽ፡ ንጕጅለታት ናይ ህዝቢ ናይ ሓባር ዕላማታቶም ንኽርድኡ ምሕጋዝ፡ ነቶም ዕላማታት ንምዕዋት ኣብ ምውጣን ምሕጋዞም፡ ምስራሕ እዩ። እዚ፡

ኣሳላጢ ኣብ'ቲ ምይይጥ ጸግዒ ከይሓዘ፡ ይሰራሕ።

- ***ጾታ***

ጾታ ሓሳባት ማሕበራዊ ህንጸት ኰይኑ ናይ ሰብኡትን ኣንስትን ንተራታት፡ ናይ እምነት ኣገባባትን ኣራእያታትን፡ ምስሊታት፡ ወግዕታትን ትጽቢታት ይገልጽ። ኣብ ናይ ስልጣን ዝምድናታት ኣብ መንጎ ኣንስትን ሰብኡትን ጥራሕ ዘይኰነ ኣብ ውሽጢ ነብሲወከፍ ጕጅለ'ውን ብዓቢኡ ተራ ይጻወት። እዚ ድማ ኣብ ብዙሓት ማሕበራዊ ጸገማት ይፈጠር።

- ***ሰብኣዊ መሰላት***

ኣብ ትሕቲ ኣህጉራዊ ውዕላትን ሕግን ተሞርኲሶም፡ ናይ ኩሉ ሰብ ናይ ህይወት፡ ሓርነትን ናይ ሰብ ድሕንነትን ሕጋውያን መሰላት'ዮም።

- ***ዘይጎነጻዊ***

ወይ (1) ኣብ ምስሕሓብ ካብ ጎነጻዊ ተግባራት ምቑጣብ ዝብል ናይ ሰባት ባህሪ፡ ወይ ድማ (2) ካብ'ቶም ሓያሎ ንጎነጽ ዘይሰርሕ ነገር'ዩ ኢሎም ዘይኰኑስ ብመትከል ዝነጽጉ ናይ እምነት ኣገባባት፡ (ኣካላዊ ኾነ ቅርጻዊ)። ከም'ዚ እንተዘይኰኑ፡ እቲ ቃል ብዙሕ ግዜ ዘይንጹርነትን ምድንጋርን ስለ ዝፈጥር፡ ዘይምጥቃሙ እቲ ዝበለጸ ይኸውን። ንተወሰኑ ተግባራት ወይ ምንቅስቓሳት ንምግላጽ፡ 'ዘይጎነጻዊ ተግባር'፡ 'ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ'፡ ወይ 'ዘይጎነጻዊ ቃልሲ' ዝብሉ ቃላት ምጥቃም ይምረጹ።

- ***ዘይጎነጻዊ ተግባር***

ንኣካላዊ ወይ ቅርጻዊ ጎነጽ፡ ናይ ምሕራም፡ ማሕበራዊ ተነጽሎን ጸቕጥን፡ ዝያዳ ጎነጽ ከይፈጠርካ ደው ንምባል ድሌት ዝተመስረተ እዩ። እዚ ንኸሊቲኦም ንሉኡም ተኣዛዝነትን ንጎነጽን ኣማራጺ እዩ። እቲ ኣብ ዘይጎነጻዊ ተግባር ዝጠቅም ቴክኒክ ናብ ሰለስተ ጕጅለ ክጣቓለሉ ዝኽእሉ ብዙሓት ንጹራት ሜላታት ኣለዉ፡ ዘይጎነጻዊ ተቓውሞን ምእማንን፡ ዘይምትሕብባር፡ ከምኡ'ውን ዘይጎነጻዊ ምትእትታው የጠቓልል።

- ***ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ***

ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ከም ግብረ-መልሲ ንዘይቕቡላት ተግባር፡ ፖሊሲ ወይ መንግስቲ ሰብን ወይ ጕጅለ ብዓቢኡ ብዘይምትሕብባር ይካየድ። 'ዘይጎነጻዊ ተግባር' ከምኡ'ውን ዘይጎነጻዊ ቃልሲ' ዝብሉ ስፊሕ ትርጉም ዘለዎም ቃላት፡ ንሓፈሻዊ ዘይጎነጻዊ ናይ ተግባር ቴክኒክን ዘይጎነጻዊ ጕጅለ ዝወስድዎ ተበግሶ ወይ ምትእትታው ከም ኰፍ ምባል ንኽትውከሶም ይምረጽ።

- ***ዘይጎነጻዊ ቃልሲ***

ተመሳሳሊ ቃል ምስ 'ዘይጎነጻዊ ተግባር'። እዚ ቃል'ዚ ዘይጎነጻዊ ተግባር ኣብ ምስሕሓብ ከሰርሕ ዝኽእል ወይ ኣጥቃዒ ምዃኑ ኣብ ምምልካት'ውን ከገልግል ይኽእል። 'ዘይጎነጻዊ ቃልሲ'

ንዘይጎነጻዊ ተግባር ብፍላይ ኣንጻር ዝወሰኑን ሓያላት ተጻባእቲ፡ ጸቓጢ ስጉምትታትን ጸረ-ስጉምትታትን ዝጥቀሙ፡ ንምግላጽ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል።

- **ሰላማዊነት**

ንኹናት ወይ ጎነጽ ከም መፍትሒ ናይ ምስሕሓብ ወይ ረብሓ ንምኽሳብ ዝግበር ተቓውሞ። ሰላማዊነት ሰፊሕ ኣራእያታት ዝሸፍን ኰይኑ፡ ካብ ኣህጉራውያን ምስሕሓባት ብሰላማዊ መገዲ ክፍትሑ ይኽእሉን ኣለዎምን፡ ንጻውዒታት ናይ ውትህድርናን ኲናትን ትካላት ምጥፋእ፡ ብመንግስታዊ ሓይሊ ዝቖመ ናይ ሕብረተሰብ ኣወዳድባ ምቅዋም (ኣናርኪ ወይ ሊበርታርያዊ ሰላማውነት)፡ ንሸቶታት ናይ ፖለቲካ፡ ቁጠባዊ፡ ወይ ማሕበራዊ ንምጭባጥ ኣካላዊ ጎነጽ ምጥቃም ምንጻግ፡ ብጀካ ኣብ ጉዳያት ንግስጋሰ ሰላም ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነሉ፡ ንሓይሊ ምኹናን (ሰላማውነት)፡ ከምኡ'ውን ክሳብ ንጎነጽ ንናይ ገዛእ ርእስኻን ካልኦትን ምክልኻል ሓዊስካ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ምቅዋም፡ ዝብል እምነት ይዝርጋሕ።

- **ናይ ህዝቢ ስልጣን**

ናይ ህዝቢ ምኽታትን ትካላቱ ዘይጎነጻዊ መልክዓት ናይ ቃልሲ ምጥቃማን ዘሎ ናይ ስልጣን ዓቕሚ። እዚ ቃል'ዚ ኣብ ግዜ ናይ ፊሊፒን ናይ 1986 ዘይጎነጻዊ መምርሒ ብፍላይ ተጠቂሞሙሉ ነይሮም።

- **ስልጣን**

ስልጣን ኣብ ዓለም ጽልዋ ንምግባር ዘለካ ክእለት ተባሂሉ ክግለጽ ይኽእል። ስልጣን ብዝተፈላለዩ መልክዓት ክረአ ይካእል፡

-ስልጣን ምስ፡ ስልጣን ካብ ብሓባር ዝሰርሕ ህዝቢ ይመጽእ። ብውልቂ ሓይሊ ዘይብሎም ክኾኑ ይኽእሉ፡ ብሓባር ግን ካብቶም ድምር ናይቶም ኣካላት ንላዕሊ እዮም።

-ስልጣን ናብ፡ ካብ ውሽጣዊ እምነት ዝለዓል ዘኽእል ስልጣን፡ ዝተቐስመ ፍልጠት፡ ወይ ጥበብ፡ ካብ ካልኦት ናይ እምነት ወይ ሓገዝ ወፍሪ፡ ወይ ናይ ደገ ጸጋታት ናይ ምጥቃም ክእለት (ኣብነት.. ገንዘብ፡ ኣቑሑት)።

-ስልጣን ኣብ ልዕሊ፡ ድሌት ናይ ሓደ ሰብ ወይ ጕጅለ ዝበዝሓሉ ናይ ዕብለላ ስልጣን።

- **ናይ ምምንጣል ጋንታ (ጭፍራ)**

ናይ ፖሊስ ናይ ሰልፊ ምቊጽጻር ቴክኒክ ኰይኑ፡ ሓያሎ ካብ'ቶም ብዙሕ ግዜ ብናይ ሰልፊ ሓጺን ዝከላኸሉ፡ ናብ ቅድሚት ብምምራሽ፡ ኣብ ገለ እዋናት ብቕድሚ እቲ ዝተኣከበ ህዝቢ ብመልክዕ በራሪ ነገር ብምእታው ንምስባርን ብድሕሪኡ ድማ ካብ'ቶም ሰላማዊ ሰልፊ ዝገብሩ ዘለዉ ሓደ ወይ ብዙሓት ውልቀሰባት ይምንጥሉ።

- **ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት**

ሓደ ዓይነት ናይ ጕጅለ ተግባር። ዓበይቲ፡ ናይ ውልቀ-ሰባት ዘይወግዓዊ ምጉጅጃላትን ወይ ኣብ ዝተወሰነ ፖለቲካዊ ወይ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ብካልእ ኣዘራርባ፡ ኣብ ምፍጻም ተቓውሞ፡ ወይ ማሕበራዊ ለውጢ ኣብ ዘይምግባር ዘተኮሩ ማሕበራት እዮም።

- **እስትራተጅን ታክቲክን**

እዚኦም ብዙሕ ግዜ ዘደናግሩ ቃላት እዮም። ታክቲካት ንሓደ ዕላማ ንምውቃዕ እንጠቀሞሎም ናይ ተግባር መገዲታት እዮም፡ እስትራተጂ ግን እቲ ሓፈሻዊ ውጥን ናይ ጎስጓስ ኰይኑ፡ ዝተሓላለኹ ናይ ዕማም ጠባያት፡ ንጥፈታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕላፍ-ወሳነ ናብ ታክቲካዊ ምፍጻም ብምምራሕ ከጠቓልል ዝኽእል'ዩ። እስትራተጂ ናይ ነዊሕ ግዜ ናይ ተግባር ውጥን ኰይኑ፡ ነንጹር ዕላማ ንምዕዋት ዝንደፍ እዩ። እስትራተጂ ካብ ታክቲክ ወይ ናይ ህጹጽ ተግባራት ምስ ኣብ ኢድ ጸጋታት ዘለዎ ዝፍለ'ዩ፡ ምኽንያቱ ብሰፊሑ ዝሕሰበሉን ብዙሕ ግዜ ድማ ተግባራዊ ልምምዳት እዩ። እስትራተጂታት ነቲ ግድል ወይ ግድላት ንምርዳኦምን ምፍትሖምን ቀሊል ይገብሮ።

- **ጎነጽ**

ኣብ ሰብ ምህራም ወይ ኣካላዊ ጉድኣት ንምህሳይ ምፍርራሕ ወይ ሞት። ኵሎም ጠባያት ብንጹር ኣየናይ 'ጎነጽ' ወይ 'ዘይጎነጻዊ' ኢልካ ክትምድቦም ኣይከኣልን፡ ብዙሓት ክፋላት፡ ንምዕናው ንብረት ሓዊስካ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዘለዉ ጫፋት ይርከቡ። ብመጀመርያ ወይ ብፍሉይ ዘይጎነጻዊ ዝኾኑ ናይ ሰላማዊ ሰልፊ ወይ ናይ ተቓውሞ ምንቅስቓስ ዝግበሩ ጸብጻብ፡ ኣብ ምፍላዮም ጥንቃቐ የድሊ። ንኣብነት.. ካብ ብውሑዳት ሰባት ዝግበር ጎነጽ (ዲሲፕሊን ዘይብሎም ወይ ንፖለቲካዊ ምኽንያታት ኹነ ኢሎም ሃወኽቲ ዝኾኑ ወይ ናይ ኣርሰንቲ ወኪላት ዝኾኑ) ብተመሳሳሊ፡ ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ዘይጎነጻዊ ዲሲፕሊን ሓልዩ ከሎ፡ ብፖሊስ ወይ ዓስከራት ብጎነጽ ክጥቃዕ ከሎ 'ጎነጽ' ተባሂሉ ክግለጽ የብሉን

# 11

# ምንጪታት

## ኣብ ዘይጎነጻዊ ዝቐረቡ ካልኦት ዓቕምታት ናይ ታዕሊም ጽሑፋትን መርበብን

Resource Manual for a Living Revolution,
Virginia Coover, Ellen Deacon, Charles Esser, and Christopher Moore (New Society Publishers; first edition 1977, latest 1985; 351 pages). Familiarly known as the ‘Monster Manual’, this was the comprehensive sourcebook for English-speaking nonviolence trainers in the 1970s and 1980s, produced collectively within the United States by Movement for a New Society.

**ዘይጎነጻዊ ተግባር መወከሲ-መጽሓፍ**

Sanderson, Goleta, (World Peace Communications; 2002; 95 pages). Introductory texts, downloadable or as print copies from World Peace Communications, 495 Whitman St. #A, Goleta, CA 93117, USA. http://san.beck.org/NAH1-Nonviolence.html

**ንዘይጎነጻዊ ናይ ዓለምቲ ናይ ጽሑፍ ዓቕሚ**

(Nonviolence Training Project; May 1995; 211 pages). Wide-ranging manual with sections on defining nonviolence, power and conflict, learning from other movements, strategic frameworks, non-violence and communication, working in groups, and preparing for non-violent action. PDF download at: http://www.nonviolence.org.au/downloads/trainers_resource_manual_may05.pdf

The Ruckus Society Website offers manuals on action planning and media among other topics, plus numerous links to other Websites: see http://www.ruckus.org/

### ኣብ ዘይጎነጻዊ ተግባር መወከሲ-መጽሓፍ

(War Resisters League, Donnelly/Colt Graphix; 1989; 36 pages). Designed as a tool for learning about different aspects of nonviolent civil disobedience actions. Most of it can be downloaded as part of ACT UP New York's Manual for Civil Disobedience: see http://www.actupny.org/documents/CDdocuments/CDindex.html

### ዘይጎነጻዊ ተግባር (ሓፈሻዊ)

The Albert Einstein Institute: nonviolent action, frequently asked questions about nonviolent action, 198 methods of nonviolent action, applications of non-violent action, case studies, publications on nonviolent action in many languages: see http://www.aeinstein.org

The Politics of Nonviolent Action, Gene Sharp (Porter Sargent; 1973; 3 volumes). Now classic analysis of the theory and dynamics of nonviolent action and an exhaustive list of methods with examples. Includes extensive bibliographical information.

People Power and Protest since 1945: a bibliography on nonviolent action, April Carter, Howard Clark, and Michael Randle (Housmans; 2006). See http://www.civilresistance.info/bibliography

### ናይ ጎስጓስ ምዕባለ

How to Win Campaigns: 100 Steps to Success, Chris Rose (Earthscan; 2005).

The Strategy of Nonviolent Defense, Robert J. Burrowes (State University of New York Press; 1996).

Justice Ignited: The Dynamics of Backfire, Brian Martin (Rowman & Littlefield; 2007).

Doing Democracy: The MAP Model for Organizing Social Movements, Bill Moyer (with JoAnn McAllister, Mary Lou Finley, and Steven Soifer), (New Society Publishers; 2001; 228 pages). Includes Movement Action Plan - a tool of strategic analysis for nonviolent movements. For resources on the Movement Action Plan, see http://www.turning-the-tide.org/files/Bill%20Moyer%208-stages%20Social%20Movements%20Hand-out.pdf

### ቀጥታዊ ተግባር

DIY or Die: Website with links to different resources for nonviolent direct action: see http://www.sprayism.com/dawiki/doku.php?id=guides

The activist tool box: Nonviolence direct action tool box: see http://www.uhc-collective.org.uk/webpages/toolbox/index.htm

Peace News tools section: Collection of different resources in nonviolence from practical tools to nonviolence analysis: see http://peacenews.info/tools/index.php

Starhawk's Resources for Activism Trainers: Resources for nonviolent direct action and anti-oppression trainers/preparers, magical activism workshop facilitators, and consensus decision making: see http://www.starhawk.org/activism/ trainer-resources/trainer-resources.htm

### ናይ ኣወዳድባ ቅርጽታት/ምስላጥ

The Tyranny of Structurelessness, Jo Freeman (1970). An analysis of why 'structurelessness' does not work if we want to be effective: http://flag.blackened.net/revolt/hist_texts/structurelessness.html

Meeting Facilitation – The No-Magic Method, Berit Lakey. How to develop good group structures, with resources on: agenda planning, facilitation, and roles in a group: see http://www.reclaiming.org/resources/consensus/blakey.htm

### ምሕላፍ ውሳነ (ናይ ሓባር ስምምዕ ዝሓወሰ)

Papers on Nonviolent Action and Cooperative Decision-Making, Randy Schutt. A nonviolence trainer's sample agendas and workshop notes dealing with preparing for nonviolent action, nonviolent action strategic planning, cooperative decision-making, and interpersonal behaviour: see http://www.vernalproject.org/RPapers/html

INNATE: Irish Network for Nonviolent Action Training & Education. Consensus for Small Groups: an introduction and worksheets. More resources on non-violence training available at http://www.innatenonviolence.org/workshops/consensussmallgroups.shtml

**ምስ ስሚዒታትን ስንባደን (ፍርሒ፡ ገዲፍካዮ ምኻድ፡ ሕርቃን) ምስራሕ፡**

Both of these websites have resources in many languages and links to other good resources.

Activist Trauma Support: This Website is primarily for political activists who may be injured during or by their political activities and/or who are struggling with other mental health issues related to activism. Resources are available in many different languages: see http://www.activist-trauma.net

T-team: a collective of activists in Tel Aviv, historical Palestine, who’ve come together to support activists going through intense emotional (and posttraumatic) experiences as a result of their work: see http://the-t-team.blogspot.com/

**ጸረ-ጭቆና**

Each of these resources is deeply connected to a particular country and cultural context, but as examples, they can provide ideas and inspiration for people everywhere.

Training for Change, USA. Resources on diversity and anti-oppression. See http://www.trainingforchange.org/content/category/4/28/56/index.html

Uprooting Racism: How White People Can Work for Racial Justice, Paul Kivel (New Society Publishers; 2002). A book written for white activists working against racism within the United States.Resources

Confronting Racism in Communities: Guidelines and Resources for Anti-Racism Training Resources, David Hollinsworth. A training manual produced for groups addressing racism in Australia. The document is available as a pdf on the Web from the Change Agency Education and Training Institute: see http://www.thechangeagency.org/_dbase_upl/Anti-Racism%20Training.pdf

Henry Martyn Institute, India: Henry Martyn Institute in Hyderabad, India, established itself as a an ecumenical Christian organisation, dedicated to the objective study and teaching of Islam and the promotion of interfaith dialogue. In recent years, however, its work has expanded to include a praxis program and training for

communities in addressing religious and various identity-based conflicts in Indian communities.

Contact: Henry Martyn Institute, 6-3-128/1, Beside National Police Academy, Shivarampally, Hyderabad – 500 0520 India
E-mail: hyd1_hmiis@sancharnet.in Web:
http://www.hmiindia.com/index.htm

Praxis Program: see http://www.hmiindia.com/praxis_crVision.htm

Soulforce: an organisation committed to using nonviolence to end violence against gays, lesbians, bi-sexuals and transgendered people (LGBT) in the United States. The mission of Soulforce is to cut off homophobia at its source: religious bigotry. It applies the creative direct action principles taught by Gandhi and Martin Luther King Jr. to peacefully resist injustice and demand full equality for LGBT citizens and same-gender families. Their Website includes videos, articles, handouts, and action campaign ideas: see http://www.soulforce.org/index.php

**ናይ ጾታ ምንቕቓሕ**

Women's International League for Peace and Freedom: see http://www.peacewomen.org. Includes women's peace and security resources, with materials from many cultures and contexts and a number of handbooks and training resources.

See also
ttp://www.peacewomen.org/resources/Organizing/organizingindex.htm
l The Inclusive Security Sustainable Peace: A Toolkit for Advocacy and Action. Developed by International Alert and Women Waging Peace,available in PDF format at:
http://www.womenbuildingpeace.org or
http://www.womenwagingpeace.net

Advocacy Guide for Feminists: see http://www.awid.org/eng/Issues-and-Analysis/Library/An-advocacy-guide-for-feminists

Claiming Justice, Claiming Rights: A Guide for Women Human Rights Defenders, see http://www.defendingwomen-defendingrights.org/pdf2007/ book3Neo.pdf

International Women's Partnership for Peace and Justice: see http://www.womenforpeaceandjustice.org/

Women Peacemakers Program: see
http://www.ifor.org/WPP/index.html
Women in Black: see http://www.womeninblack.org/
Resources

**ምስ መራኸቢ ብዙሓን ምስራሕ**

http://www.communitybuilders.nsw.gov.au/getting_organised/message/ media1.html
http://www.octobertech.com/october/handbook.nsf/pages/Media
http://www.unicef.org/righttoknow/index_mediacampaign.html
http://www.bbc.co.uk/dna/actionnetwork/A4288908
http://www.ruckus.org/article.php?list=type&type=18

**ናይ መርበብ መስመራት ማእከላት/ናይ ርክብ ኣብነታት**

http://www.jubileedebtcampaign.org.uk/media
http://www.greenpeace.org/international/press/